ሰማእታት ካታኮምብ

…. ገሊኣቶም ድማ ብልግጫን ብመግረፍትን፡
ኣብ ልዕሊ እዚውን ብመቕሕን ብማእሰርትን ተፈተኑ።
ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፡ ተመገዙ፡ ተፈተኑ፡ ተሰይፎም ሞቱ።
ኣጎዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፡
ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ።
ዓለም ንዓኣቶም ዘይትበቕዕ ኮይና፡
ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን፡
ኣብ በዓትታትን ኣብ ጎዳጕድ ምድርን ኮለል በሉ።

እብራውያን 11፡36-38

መእተዊ

ካብ 1ይ ክፍለ-ዘመን ጀሚሩ እምነት ክርስትና ኣብ ሮማን ኣብ ምሉእ ዓለምን ብቐልጡፍ ክሰፍሕ ጀሚሩ። እዚ ድማ እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፡ ካብ ሃዋርያት ጀሚርካ ንወንጌል ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ይሰብክዎ ስለዝነበሩ እዩ። ኣብ ልዕል'ዚውን እቶም ኣመንቲ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይኣፈላላይ ዘርእይዎ ዝነበሩ ፍቕርን ሕያውነትን'ውን ኣብ ቅድሚ ኩሎም ኣህዛብ ጽቡቕ ዝኾነ ምስክርነት ስለዝነበሮም እምነት ክርስትና ኣብ ኩሎም ህዝብታት ኣዝዩ ቅልጡፍ ተቐባልነት ረኸበ።

ኣብ መጀመርያ ሰበ ስልጣን ሮማ ነዚ ሓድሽ እምነት ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይሃብዎን። እንተኾነ ግና ነዊሕ ከይጸንሑ ብሰንኪ ካብ ህዝቢ ዝግበረሎም ዝነበረ ጸቕጥን ድፍኢትን፡ ኣብ ልዕልቲ እምነት ብጽልኢ ተለዓዓሉ። ኣብ ልዕልዚ'ውን እቶም ክርስትያናት ነቶም ጥንታውያን ኣማልኽቲ ጣኦታትን ንገለ ካብቶም ቄሳራትን ከም ኣምላኽ ንኽምልኽዎም ተኣዚዞም ምስ ኣበዩ እቲ ጽልኢ ኣዝዩ ተጓሃሃረ (ንኣብነት ካብ 81-96 ዓ/ም ቄሳር ናይ ሮማ ዝነበረ ዶሚሽያን ኩሎም ሰባት ንእኡ ከም "ጎይታን ኣምላኽን" ከምልኽዎ ኣዚዙ ነበረ)። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ እቶም ክርስትያናት ብዝተፋላለዩ ገበናትን ርኽሰታትን ክውንጀሉ ጀመሩ። ገለ ካብቶም ዝውንጀሉሎም ዝነበሩ ገበናትን ርኽሰታትን ከኣ፡ ንዓዲ ኣቡኦም (ሃገሮም) እሙናት ኣይኮኑን፣ ብኣምላኽ ኣይኣምኑን እዮም፣ ህጻናት ይቐትሉ፣ ስጋ ሰብ ይበልዑ ከምኡ'ውን ብሕቡእ ኣብ ንሓድሕዶም ዝተፈላለየ ነውርታትን ርኽሰታትን ይገብሩ እዮም ዝብሉን ካልኣን ዘጠቓለሉ ነበሩ። እቲ ዝርዝር ብዝሕ ዝበለ ኮይኑ ንሓድሕዱ'ውን ዝጋጮ ነበረ። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ ዝኾነ ፈራ፣ ዕልቕልቅ፣ ጥሜት ይኹን ካልእ ባህርያዊ ዕንወታትን ሓደጋታትን ምስ ዘጋጥም፡ "እዚ መዓት ብሰንኪ ክርስትያናት እዩ ዝወርደና ዘሎ" ብምባል ንክርስትያናት ይውንጅልዎም ነበሩ።

ካብዚ ዝተለዓለ ድማ እተን ቀዳሞት ሰለስተ ክፍለ-ዘመናት፡ "መዋእል-ሰማእታት" (martyrs age) ተባሂለን እየን ዝፍለጣ። እቲ ስደትን መከራን ኩሉ ግዜ ዝቐጽልን ኣብ ምሉእ ዓለም ዝተዘርግሐን ኣይነበረን። ድሕሪ ጽንኩር ስደትን መከራን፡ መብዛሕቱ ግዜ ሓደ ቄሳር ብኻልእ ክትካእ ከሎ ንግዚኡ እቲ መከራን ስደትን ህድእ ይብል እሞ ቅሩብ ናይ ሰላም ዓመታት ይስዕባ ነበራ። ጸኒሑ ድማ እቲ ስደት ከም ብሓድሽ ይለዓዓል ነበረ። ስለዚ ድማ እቶም ቀዳሞት ኣመንቲ፡ ኣብ 313 ዓ/ም እምነት ክርስትና ምሉእ ብምሉእ ነጻ ክሳዕ ዝኸውን ብኸምዚ ዓይነት ዝተፈላለዩ ስደትን መከራን ሓሊፎም።

ካታኮምብ ብዝብል ስም ዝፍለጣ በዓትታት ካብ 100-313 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ብሰንኪ ዝወረደ ስደትን መከራን ብብዙሓት ኣሽሓት ዝቐጸሩ ኣመንቲ ካብ ማዕበላዊ ቐጠዐ ናይ ቄሳራት ሃዲሞም ዝዕቐቡለን ብሰማእትነት ክሞቱ ከለው ድማ ዝቐበሩለን ስፍራ እየን ነይረን። በተን ክፉኣት ናይ መከረ ዓመታት እቶም ክርስትያናት ኣብዘን ኣብ ከርሲ ምድሪ ዝርከባ በዓትታት እንተዘይኮይኑ ካልእ መጸግዒ ኣይነበሮምን። ኣብ ሮማን ከባቢኣን ከምዚኣተን ዝኣመሰላ ብዙሓት በዓትታት ኣለዋ። ኩለን እዘን በዓትታት ብሓደ እንተዝላቐባ ንውሓተን ክሳዕ ሓደ ሽሕ ኪ/ሜ ይበጽሕ እዩ ይበሃል።

ኣብ 249 ዓ/ም፡ ክርስትና ኣብ ሮማ ኣዝዩ ስለዝዓብለለ ኣብያተ መቐደስ ጣኣታት ጥርሐን ክተርፉ ከለዋ ኣብያተ ክርስትያናት ግና ብሓደስቲ ኣመንቲ ከዕለቐልቓ ጀመራ። ስለዚ ድማ ቄሳር ዴክዮስ ነዚ ሃይማኖት'ዚ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፋእ ዝዓለመ ወፍሪ ኣወጀ። እቶም ክርስትያናት ድማ ከም ወትሩ ሃዲሞም ናብተን መዕቆቢኦም ዝኾና በዓትታት ካታኮምብ ተዓቐቡ። እዛ ጽሕፍቲ ከኣ ገለ ካብቲ ኣብ ዘመን ቄሳር ዴክዮስ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ዝወረደ ሓቀኛ መከራን ሰደትን ብልብወለዳዊ ኣገላልጻ እተዘንቱ ኮይና ጽንዓት ናይቶም ቀዳሞት ኣመንትን ኩነታት ናይቲ ዝነበርዎ ቦታን ንኽንርዳእ ክትሕግዘና እያ።

ኮሎሲዩም

ጽምኢ ደም ሮማውያን ንሽርውዩ ተጨፍጪፎም

ሮማ ዓቢ በዓል እተብዕለሉ ዕለት እዩ ነይሩ። ብዙሕ ህዝቢ ካበየ ማእዝኑ ክውሕዝ ይረአ። ነታ ካፒቶሊን እትበሃል ኩርባ ሓሊፍካ ቡቲ ናይ ህዝቢ ኣደባባይ ናብ ሸነኽ ቤተ-መንግስቲ ቄሳር ዝወስድ መንገዲ ሒዙ ዝጉዓዝ ዝነበረ ህዝቢ ማእለያ ኣይነበሮን። ኩሉ ህዝቢ ድማ ናብቲ ኮሎሲዩም ተባሂሉ ዝፍለጥ ሜዳ ስፖርት ገጹ እዩ ዝግስግስ ነይሩ። እዚ ዓቢ ህንጻ'ዚ በቶም ልዕሊ ሚእቲ ዝኾኑ ደጌታቱ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ተቖቢሉ ይኣኽለኒ ዘይብል ነበረ።



(ህንጻ ኮሎሲዩም ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝረ ይመስል)

እቲ ህንጻ ከቢብ ኮይኑ ዝተሰረሐ እዩ። ናብ ውሽጡ ክትኣቱ ከለኻ ከኣ ዘገርሙ ብዙሓት ነገራት ኣለውዎ። ብመጀመርታ እቲ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ምርኢት ሜዳ ማእከላይ ቦታ ሒዙ ይርከብ። ካብዚ ብምቕጻል ኮፍ መበሊ ሪጋታት ነቲ ቁመቱ ልዕሊ 100 ጫማ (ልዕሊ 30 ሜትሮ) ዝኾነ ናይቲ ህንጻ ከቢብ መንደቕ ብዙርያ ከቢቦሞ ክረኣዩ ከለው ንየሚንቲ የደንቕ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዙርያ እቲ ማእከላይ ናይ ምርኢት ሜዳ ብዙሕ ናይ ኣራዊት መዕጸዊ በዓትታትን ከምኡ'ውን ናይ እሱራትን ናይቶም ተቓለስትን (Gladiators) መንበሪ ክፍልታት ይረኣዩ።

ኣብዚ ዓቢ ህንጻ ተኣኪቡ ዘሎ ህዝቢ ክረአ ከሎ ብዕድመ ይኹን ብናይ መነባብሮ ደረጃ ዝተፈላለየ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ህዝቢ ምርኢት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ብዝሒ እቲ ህዝቢ ክረአ ከሎ ንተዓዛቢ ዘደንቕ ነበረ።

ኣብቲ ህንጻ ተኣኪቦም ዝነበሩ ልዕሊ ሚእቲ ሽሕ ህዝቢ ብምሉኦም ሓደ ዕላማን ድሌትን ነይርዎም። ነፍሲ-ወከፎም ናብዚ ቦታ ሃነፍነፍ እንዳበሉ ከምዝመጹ ዝገበሮም ድማ ጽምኣት ደም እዩ ነይሩ። ነቲ ግኑን ዝኾነ ናይ ጥንታዊት ሮማ ምዕባለን ዝናን ካብ ዘነውሩ ዝነበሩ ነገራት ሓደ ድማ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽምኢ ደም ኣብ ህዝባ ምንባሩ እዩ።

ኣብዚ ቦታ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ-ኩናት ቅያ ዝሰርሑን ዝረኣዩን ተዋጋእቲ ነይሮም። እንተኾነ ግና ነቲ ከም ናይ ፈራሃት ግብሪ ክቑጸር ዝኽእል ዝነበረ ናይ ጭካነን ናይ ኣረሜንነትን ምርኢት ኣብ ቅድሚኦም ክካየድ ከሎ ጓሂ ዝበሃል ኣይስምየምን ነበረ። ኣብቲ ቦታ፡ ደቂ ዓበይቲ ዝኾኑ ሰባት'ውን ነይሮም። ንሳቶም'ውን እንተኾነ፡ እዚ ናይ ጭካነ ግብሪ ናይ ሃገሮም ክብሪ ዝትንክፍ ኮይኑ ኣይረኸብዎን። ፍላስፋታት፣ ደረፍቲ፣ ካህናት፣ ኣመሓደርቲ፣ ኮታስ ካብ ዓበይቲ ክሳዕ ተራ ውልቀ-ሰባት ንመቐመጢ ናይቲ ዓቢ ህንጻ ኣጻቢቦሞ ነበሩ። ናይቶም መኳንንቲ ጣቕዒት፡ ፋጻን ኣውያትን ካብ ናይቶም ኣብ ዙርያኦም ዝነበሩ ተራ ህዝቢ ብዝኾነ ይኹን ኣይሰንፍን ነበረ። እዚ ናይ ጭካነ ሕማም ዘይሓለፎ ሰብ ኣብቲ ቦታ እንተዝርከብ ነይሩ "ልቢ ህዝባ ብኸምዚ ዓይነት ግፍዒ እንተተመሪዙ ደኣ ሮማ እንታይ ተሰፋ ኣለዋ" ኢሉ ምሕታቱ ዘይተርፍ እዩ።

ካብቲ ኩሉ መናብር ልዕል ኢላ ሓንቲ መንበር ትርኢ ነበረት። ኣብታ መንበር ድማ ቄሳር ዴክዮስ ኮፍ ኢሉ ይርኢ። ኣብ ዙርያኡ ድማ ናይ ሮማ ሓያላትን ዓበይቲ ሰባትን ቦቦትኦም ሒዞም ነበሩ። ካብዚኣቶም ናይ ቄሳር ናይ ክብሪ መኳንንቲ ይርከብዎም። ንሳቶም ድማ ኣበር ናይቲ ኣብቲ ሜዳ ዝፍጸም ዝነበረ ምርኢት ብምውጻእ ክስሓሓቑ ይስምዑ ነይሮም። ብሰንክ'ቲ ካብ ርሑቕ ዝስማዕ ሰሓቕምን ወ'ሻዕታኦምን፡ ብሰንኪ ጽባቕ ክዳውንቶምን ድማ እቲ ህዝቢ ኣትኩሩ ይጥምቶም ነበረ።

ብዙሓት ንመጻንሒ ዝኾኑ ምርኢታት ምስ ቀረቡ ድማ እቲ ቀንዲ ግጥም ተጀመረ። ብዙሓት ተቓለስቲ በቲ ዝነበሮም ሞያን ጥበብን እንዳተጠማጠሙ ኣብ ቅድሚ'ቲ ህዝቢ ብምውዳቕም ናይቲ ህዝቢ ስምዒት ኣዝዩ ረሰነ። ካብኡ ዝበለጸ ምርኢት ንምርኣይ ዝነበሮም ክቱር ህንጡይነት ድማ ካብ ኮፍ መበሊኦም እንዳተንስኡ ከምዝጭድሩ ይገብሮም ነበረ።

ብድሕርዚ፡ ካብቶም ተዓዘብቲ ብዙሕ ኣድናቆት ዘትረፈ ካብ ሞሪታንያ እትበሃል ሃገር ዝመጸ ተቓላሳይ ናብቲ ናይ ምርኢት ሜዳ ኣተወ። እዚ

ሰብ ብቑመቱ ይኹን ብጉልበቱ ምስ ጎልያድ ዝወዳደር ነበረ። ክልቲኡ፡ ማለት ቁመትን ጉልበትን ዘማለአ ምኻኑ ንምርዳእ ኣየጸግምን።

ምስቲ ወዲ ሞሪታንያ ንኽገጥም ከኣ ሓደ ተወላዲ ባታቪያ ዝኾነ ተቓላሲ'ውን ናብቲ ናይ ምርኢት ሜዳ ኣተወ። እዚ ሰብ ብጉልበት ይኹን ብግዝፊ ካብቲ ወዲ ሞሪታንያ ኣይሓምቕን ነበረ። እንተኾነ ግና፡ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ተቓለስቲ ነቶም ተዓዘብቲ ዘደነቕ ሓደ ፍልልይ ይርኢ ነይሩ። እቲ ወዲ ሞሪታንያ መልክዑ ከደራይ፡ ጸጉሩ ለምሸ ኣዒንቱ ድማ ዘብርሃ ነበራ። ብኣንጻሩ እቲ ወዲ ባታቪያ መልክዑ ጽዕድው ዝበለ፡ ጸጉሩ ወርቃዊ ኣዒንቱ ድማ ኣርሒቑን ዝጥምታ ነበራ። ብዝኾነ ይኹን መለክዒ እቶም ክልተ ተቓለስቲ ተመጣጠንቲ ብምንባሮም እዚ ክስዕር እዩ ኢልካ ንምውሳን ዘጸግም ነበረ። እንተኾነ ግና እቲ ወዲ ሞሪታንያ ኣቐዲሙ ኣብ ብዙሕ ናይ ቃልሲ ምርኢታት ተሳቲፉ ብምንባሩ "ከይደኽመ ኣይተርፍን እዩ" ኢሎም ዝሓስቡ ብዙሓት ነይሮም።

እቶም ክልተ ተቓለስቲ ቅልሶም ብልዑል ቅልጣፈ ጀመርዎ። እቲ ወዲ ሞሪታንያ ነቲ ካብ ወዲ ባታቪያ ዝፍነወሉ ዝነበረ መጥቃዕትታት ብዘገርም ቅልጣፈን ሜላን ክምክት ጀመረ። እቲ ወዲ ሞሪታንያ ዋላ እኳ ቅልጡፍ ኣጥቃዒ እንተኾነ ኣብ ልዕል'ቲ ዘይጸንድ መወዳድርቱ ግና ጸብለል ክብል ኣይከኣለን።

ብኡብኡ ድማ ምልክት ተወሃበ እሞ እቶም ተቓለስቲ ናብ መዕረፊ ቦትኦም ኣተው። እዚ ዝተገበረ ከኣ እቶም ተቓለስቲ ምእንቲ ከዕርፉ ካብ ድንጋጸ ዝተለዓለ ዘይኮነስ ናይቶም ብዓቢ ሃንቀውታ ዝጽበዩ ዝነበሩ ሮማውያን ናይ ደም ጽምኣት ዝረውየሉ ግዜ ክሳዕ ዝኣክል ንግዚኡ ከዕርፉ ተባሂሉ እዩ። ስለዚ ድማ እዞም ክልተ ተቓለስቲ ተመሊሶም ከምዝመጹ ዳርጋ ንኹሉ ሰብ ብሩህ እዩ ነይሩ።





ኣብዚ ሕጂ እዋን ሀንጻ ኮሎሲዩም ውሽጣውን ደጋውን መልክዑ ነዚ ይምስል

እቶም ክልተ ተቓለስቲ ምስ ወጹ ከኣ ብርክት ዝበሉ ሰባት ናብቲ ሜዳ ኣተው። ኩላቶም ኮናት ዝጨበጡ ኮይኖም እቲ ጥምጥም ድማ ብኡብኡ ተጀመረ። እቲ ቕልስ ወገን ፈሊኻ ዝግበር ቅልስ ዘይኮነስ ኩሉ ንሓድሕዱ እዩ ዝጨፋጨፍ ነይሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ምርኢት ነቲ ሜዳ ብደም ከጨቅዎ ከሎ እቶም ተዓዘብቲ ግና ውሽጦም ብሓጎስ ይርስርስ ነይሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ብዙሓት በቲ ቅልስ ሃለቐ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ሜዳ ድማ ህውከት ኮነ። ከባቢ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ኩናት ዝጨበጡ ተቓለስቲ ደሞም እንዳፈሰሱ ዕግርግር ይብሉ ነበሩ። ሓደሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ከባቢ እክብ ይብሉ እሞ ጸኒሖም ድማ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሜዳ ፋሕ ኢሎም ክንደይዩ ይረኣዩ። እቲ ሜዳ ብኩምራ ሬሳታት ተመሊኡ እዩ። እቶም ዝተረፉ ድማ ብዘይ ንሕስያ ይቃተሉ ነበሩ። እቶም ሰዓርቲ ናብዝን ናብትን እንዳዘለሉ ንዝረኽብዎ ኩሉ ይቕርድድዎ ነበሩ። እቶም ተረፍ ድማ እንደገና ኣብ ሓደ እክብ ኢሎም ይረጋረጉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ቃልሲ እንዳዘሓለ ከደ። ካብቶም ሓሙሽተ ሚእቲ ድማ መብዛሕትኦም ዝቕሰሉን ዝደኸሙን ዝርከብዎም ሚእቲ ዝኾኑ ሰባት ጥራይ ተረፉ። ብኡብኡ ድማ ሓደ ምልክት ተወሃበ እሞ ክልተ ሰባት ናብቲ ሜዳ ክኣትው ከለው ተረኣዩ። እንዳጎየዩ ከኣ ናብቶም እክብ ኢሎም ዝጨፋጨፉ ዝነበሩ ሰባት በጽሑ። እዞም ክልተ ሰባት ከኣ እቲ ወዲ ሞሪታንያን ወዲ ባታቪያን ነበሩ። ንሳቶም ድማ በቲ ዝዓረፈ ሓይሎም ነቶም ዝደኸሙ ሰባት ከም ሕሱም ተሳሃልዎም እሞ ኣብቲ ሜዳ ህልቂት ኮነ። እቶም ክልተ ሓያላት ንየማነ ጸጋም እንዳዘለሉ ነቶም ቃልሲ ዘድከሞም መሳኪን እንዳቕራደዱ ኣብ ባይታ ሰጥሕዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብቲ ሜዳ ክልቲኡም ጥራይ ደው ኢሎም ተረፉ እሞ ካብቲ ህዝቢ ነጎድጓድ ዝኾነ ጣቕዒትን ፋጻን ቀረበሎም።

እቶም ክልተ ኣጉባዝ እንደገና ተፋጠጡ። እቲ ናይ ሬሳ ኩምራ ካብቲ ሜዳ ክሳዕ ዝእለ እቶም ተዓዘብቲ ኩሎም ንዕኡም ጥራይ ይጥምቱ ነበሩ። እቲ ኣብ መንጎኡም ዝካየድ ቃልሲ ከኣ ከምቲ ናይ መጀመርያ እንዳተጓሃረ ከደ። እቲ ወዲ ሞሪታንያ ቅልጡፍ እቲ ወዲ ባታቪያ ግና ጥንቁቕ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ወዲ ሞሪታንያ ኮናቱ ብሓይሊ ሰደደ። እቲ ወዲ ባታቪያ ድማ ብሜላ ድሕሪ ምምካት ንሱ'ውን ብወገኑ ኮናቱ ሰደደ እሞ እቲ ወዲ ሞሪታንያ ንድሕሪት ገጹ ከዝልቕ ክብል ኮናቱ ካብ ኢዱ ወደቐት። እታ ናይ ጸላኢኡ ኮናት ድማ ንጸጋመይቲ ኢዱ ቀሪጻ ደርበየታ እሞ እቲ ወዲ

ሞሪታንያ ኣብ ባይታ ወደቐ። እቲ ኣብኡ ተኣኪቡ ዝነበረ ሚእቲ ሽሕ ዝኸውን ህዝቢ ከኣ ሓጎሱ ብልዑል ድምጺ ገለጸ። እንተኾነ ግና እዚ ናይቲ ምርኢት መደምደምታ ክኸውን ኣይከኣለን። ብኡብኡ ሰራሕተኛታት መጺኦም ነቶም ክልተ ተቓለስቲ ኣገላገልዎም። እንተኾነ ግና እዚ ነገር'ዚ ናይ ምሕረት ከምዘይኮነ እቶም ተዓዘብቲ ጥራይ ዘይኮኑስ ዋላ እቲ ውጉእ'ውን ከይተረደኦ ኣይተረፈን፡ ከመይሲ ኣብ ቅድሚኡ ዝተዳለወሉ ካልእ ሽርሒ ስለዝነበረ።

ካብቶም ኣብ ዙርያ ቁሳር ተኣኪቦም ዝነበሩ መኳንንቲ ሓደ ሉኩሉስ ዝስሙ "እዚ ወዲ ባታቪያ ዝከኣል ኣይኮነን" ክብል ንማርሴሉስ ዝተበሃለ ብጻዩ ተዛረቦ።

ማርሴሉስ ከኣ "እወ፡ ዘገርም እዩ፡ ከምዚ ዝበለ እኳ ቅድሚ ሕጂ ርእየ ኣይፈልጥን። ክልቲኦም ተቓለስቲ ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝረኣናዮም እቶም ዝበለጹ እዮም" ክብል መለሰሉ።

"ግና እንታይ ርኢኻ፡ ካብ ክልቲኦም ዝብርትዕ ሓያል ግና ብሕጂ ክመጽእ እዩ።"

"ኣይትበለኒ! መን ዝብልዎ?"

"ማከር ዝበሃል ናይ ኢድ ብኢድ ኵናት ተቓላሲ እዩ፡ ንእኡ ዝወዳደር ክሳዕ ሕጂ ኣይረኣኹን።"

"እወ ዝናኡ ሰሚዐ ኣለኹ፡ ግና ሎሚ ዝመጽእዶ ይመስለካ?"

"እወ፡ ከምዝመጽእ ጽንጽንታ ጸሚዐ ኣለኹ።"

ናይቶም መኳንንቲ ዘረባ ብድምጺ ናይቲ ካብ መሓለዊኡ ዝተፈነወ ኣራዊት ተቛረጸ። እቲ ዝተሰመዐ ድምጺ ከኣ ኣራዊት በረኻ ብጥምየት ክሳቐዩ ከለው ዘስምዕዎ ናይ ቁጠዐ ጭድርታ እዩ ነይሩ። ብኡብኡ ሓንቲ ናይ ሓጺን ማዕጾ በቶም ኣብ ልዕሊ ልዳት እታ ማዕጾ ደው ዝበሉ ሰባት ተኸፈተት። ሓደ ነብሪ ድማ ኣብ ማእከል እቲ ሜዳ ናብዝን ናብትን ክብል ተረኣየ። እቲ ነብሪ ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት ካብ ኣፍሪቃ ዝመጸ ኮይኑ፡ ንሰለስተ መዓልታት ምሉእ መግቢ ዝበሃል ከይለኸፈ ኣብ በዓቲ ንበይኑ ብምዕጻው እቲ ባህርያዊ ቁጥዕኡ ኣዝዩ ስለዝገንፈለ ንዝረኣዮ ኩሉ ኣዝዩ ዘፍርህ ነበረ። ጭራኡ ናብዝን ናብትን እንዳወናጨፈ ነቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ ሰባት በተን ደም ዝሰረባ ኣዒንቱ እንዳተዓዘበ ኣብቲ ሜዳ ክዘውር ጀመረ። እንተኾነ ግና የዒንቲ እቶም ተዓዘብቲ ካልእ ነገር ድማ ተዓዘባ። ብኻልእ ሽነኽ ናይቲ ሜዳ ሓደ ሰብ ናብቲ ሜዳ ኣተወ። እዚ ሰብ'ዚ ብዘይካ እታ ንሕፍረቱ መሸፈኒት ክትከውን ዝተዓጠቓ ንእሽቶይ ዓለባ እንተዘይኮይኑ ካልእ ጥራይ ነብሱ እዩ ነይሩ። ኣብ ኢዱ ድማ እታ ናይ ወትሩ ሓጻር ኵናት ሒዙ ናብቲ ማእከል ሜዳ ብትብዓት ይስጉም ነበረ።

ኣዒንቲ ኩሎም ናብኡ ተተኽላ። "ማከር! ማከር!" ዝብል ፍሉይ ጭድርታ ድማ ካብቲ ብዙሕ ህዝቢ ተሰምዐ።

እቲ ነብሪ ንማከር ረኣዮ እሞ እቲ ዘርዕድ ድምጹ ኣስምዐ። ማከር ግና ድምብርጽ ከይበሎ ኣብታ ዝነበራ ደው ኢሉ ኣተኵሩ ክጥምቶ ጀመረ። እቲ ነብሪ ድማ ካብቲ ናይ ቅድም ብዝገደደ ጭርኡ እንዳወናጨፈ ብቑጠዐ ናብ ማከር ገጹ ተጸገዐ። ኣብ ጥቕኡ በጺሑ ድማ ኣብ ባይታ ልሕግ ኢሉ ድሕሪ ምድባይ ንማከር ንምጉባጥ ከም ፍላጻ ተወርወረ። እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ማከር ተዳልዩ ብምጽናሕ እቲ ነብሪ ናብኡ ምስ ተወርወረ ንሱ ድማ ብዘደንቕ ቅልጣፈ ናብ ጸጋም ገጹ እልይ ብምባል እቲ ነብሪ ስሒትዎ ኣብ ባይታ ምስ ወደቐ በታ ሒዝዋ ዝነበረ ኵናት ኑቲ ኣራዊት ኣብ ልቡ ወገኣ። ምሉእ ኣካላት ናይቲ ኣራዊት ከኣ ኩምትርትር በለ። ቁሩብ ፈንጠርጠር ድሕሪ ምባል ድማ ዘሰቕቕ ናይ ቃንዛ ገዓር ኣስሚዑ ህጣሙ ኣጥፍኣ። በቲ ግዜ'ቲ ድማ ካብ ተዓዝብቲ ከም ነጎዳ ዝበለ ጣቕዒት ኣቃለሐ።

ማርሴሉስ ድማ "ዘደንቕ እዩ! ከምዚ ናይ ማከር ዝኣመሰለ ቅልጣፈ ርእየ እኳ ኣይፈልጥን" ክብል ጨደረ።

እቲ ብጻዩ ከኣ "እወ ቅልጣፈኡ መዳርግቲ የብሉን፡ ደሓር ከኣ ምሉእ ዕድሜኡ ብዘይካ ምቅላስ ካልእ እንታይ ስራሕ ኣለዎ ኢልካ ኢኻ" ክብል መለሰሉ።

እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ነብሪ ሬሳ ተሰኪሞም ምስ ወጹ ከኣ ብኡብኡ ሓንቲ ናይ ሓጺን ማዕጾ ተኸፈተት እሞ ካብኣ ሓደ ጎፍንፍ ኣንበሳ ደበኽ በለ። እቲ ኣንበሳ ኣብቲ ሜዳ ናብዝን ናብትን እናበለ ነቶም ተዓዘብቲ ብኣድናቕት ክጥምቶም ጀመረ። እቲ ኣንበሳ ቁመቱን ግርማኡን ዘፍርህ ኮይኑ ምስ ክልተ ነብርታት ገጢሙ እኳ ብቕጽበት ከጥፍኦም ዝኽእል ነበረ። ማከር ኣብ ቅድሚቲ

ኣንበሳ ክረአ ከሎ ከም ህጻን ቆልዓ ይመስል ነይሩ። እቲ ኣንበሳ ዝብላዕ ነገር ካብ ዝለክፍ ብዙሕ መዓልታት ሓሊፍዎ ነበረ። እንተኾነ ግና ከምቲ ነብሪ ናይ ቁጠዐ መንፈስ ኣይተረኣዮን። ካብቲ ሜዳ መምሎቒ ቀዳድ ደልዩ ሃነፍነፍ እናበለ ነቲ ከቢብ ሜዳ ድሕሪ ምዛሩ መውጽኢ ከምዘይብሉ ተረዲኡ ኣብ ማእከል እቲ ሜዳ ከይዱ ደው በለ። ጸኒሑ ድማ ኣፍንጭኡ ኣብ መሬት ብምትካል በቲ ዓቢ ድምጹ ምስ ጓዘመ እቲ ጽኑዕ ዝኾነ ህንጻ ካብ መሰረቱ ተነቓነቐ።

እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ እቲ ዘይጸዓድ ማከር ድምብርጽ ከይበሎ ደው ኢሉ ይረአ ነበረ። ነታ ኵናት ብጥንቃቐ ሒዙ ካብ ሕጂሕጂ ዘሊሉ ክጎብጠኒ እዩ ብምባል ነቒሑ ይጸባበ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ኣንበሳ ገጹ ናብ ማከር ኣዞረ። ክልቲኦም ከኣ ዓይኒ ንዓይኒ ተፋጠጦም ደው በሉ። እቲ ድምብርጽ ዘይብል ናይ ማከር ኣጠማምታ ድማ ነቲ ኣንበሳ ካብ መጠን ንላዕሊ ከምዝቐጣዕን እቲ ጎፍጓፍ ጸጉሩ ድማ ብቐጠዐ ከምዝኸየፍን ገበሮ። እቲ ኣንበሳ ጭራኡ ንድሕሪት ገቲሩ ንቕድሚት ገጹ ኸውርወር ክዳሎ ጀመረ። በዚ ግዜ'ዚ እታ ብሃንቀታ ዝጽበይዋ ዝነበሩ ህሞት ስለዝበጸሐት ልቢ ኩሎም ተዓዘብቲ ብተርባጽ ጠልጠል በለት።

እቲ ኣንበሳ ተወርወረ፡ ማከር'ውን ነታ ኩናቱ ሰዲዱ ናብ ጎኒ ገጹ እልይ በለ። እታ ኵናቱ ድማ ንየማነይቲ ዓጽሚ ናይቲ ኣንበሳ ስለዝረኸበት ካብ ኢዱ ሞሊቓ ወደቐት። እቲ ኣንበሳ'ውን ብመጠኑ እንተቐሰለ'ኳ እቲ ቁስሉስ መሊሱ ካብ መጠን ንላዕሊ ከምዝቐጣዕ ደኣ ገበሮ።

እዚ ክኸውን ከሎ ማከር ከይተሰናበደ ጥራሕ ኢዱ ኣብ ቅድሚ'ቲ ኣንበሳ ደው ኢሉ ይረአ ነበረ። እቲ ኣንበሳ'ውን ደጋጊሙ ክጎብጦ እንተተወርወረ'ኳ ማከር ግና ብሚላን ብቐልጣፈን ናብዝን ናብትን እናበለ ኣብታ ኵናቱ ወዲቓትላ ዝነበረት ቦታ ክበጽሕ ከኣለ። እታ ኵናት ኣብ ኢዱ ምስ ኣእተዋ ድማ እቲ ኣንበሳ ከም ልማዱ ተወርዊሩ መጸ እሞ ንሱ ድማ እታ ኩናቱ ዘርጊሑ ኣብ ልቡ ወገኣ። እቲ ዓቢ ኣራዊት ድማ ኣብ ባይታ ወዲቑ ብቓንዛ ክግዕር ጀመረ። ጸኒሑ ድማ ሰንከልከል እንዳበለ ተንሲኡ ቁሩብ ስጉምትታት ዝኸውን ምስ ከደ ናይ መወዳእታ ገዓሩ ኣስሚዑ ኣብቲ ባይታ ድፍእ በለ።

እቶም ሮማውያን ነቲ ምርኢቲ ክቕይርዎ ስለዝደለዩ ኣብ ክንዲ ማከር እቲ ወዲ ባታቪያ ኣብቲ ሜዳ ኣተወ እሞ ሓደ ንእሽቶ ነብሪ ተፈነወሉ። እቲ ወዲ ባታቪያ ነቲ ነብሪ ብዘይ ገለ ጸገም ኣብ ሓጺር እዋን ቀተሎ። ቀጺሉ ድማ ሓደ ኣንበሳ ደበኽ በለ። እቲ ኣንበሳ ቁመቱ ማእከላይ ኮይኑ ብቐጠዐን ምዕልባጥን ግና ካብቲ ቀዳማይ ዝበኣሰ ነበረ። እቲ ቅልስ ምስ ተጀመረ ድማ እቲ ኣንበሳ እንተቐሰለ'ኳ፡ እቲ ወዲ ባታቪያ ዘርእዮ ዝነበረ ቅልጣፈን ብቐዓትን ግና ካብቲ ናይ ማከር ዝተሓተ ምኽኑ ብግልጺ ይረአ ነበረ። ስለዚ ድማ እቲ ኣንበሳ ደሙ እንዳዘረወ ምስ ተወርወረ ነቲ ወዲ ባታቪያ ኣብ ትሕቲ ኣእዳው ከእትዎ ስለዝኸኣለ ኣብ ቅድሚ እቶም ኩሎም ተዓዘብቲ ንስግኡ ከም ኣረጊት ዓለባ ብጅልጅል ኣቢሉ ኣብቲ ባይታ ዘረዎ። ጸኒሑ ግና ማከር መጺኡ ነቲ ኣንበሳ ብቐሊሉ ቀተሎ።

እቲ ካብ ተዓዘብቲ ንማከር ዝቀርብ ዝነበረ ጣቕዒት እንዳንጎድጎደ ከሎ ከኣ ሓደ ሰብ ናብቲ ሜዳ ኣተወ። ንሱ ድማ እቲ ኣቕድም ኣቢሉ ቆሲሉ ዝነበረ ወዲ ሞሪታንያ ኮይኑ ሰንከልከል እናበለን ደሙ እንዳዘረወን ናብቲ ማከር ዝነበሮ ቦታ ቀረበ። ንኸመውት ከምእተፈረዶ ድማ ንኩላቶም ግልጺ ነበረ። ንሱ'ውን እዚ ስለዝተረደኦ ኣብ ጥቓ ማከር ምስ በጸሐ ኵናቱ ናብ ባይታ ብምድርባይ ተስፋ ብዝቐረጸ ድምጺ "ቀልጢፍካ ቅተለኒ እሞ ካብ ጭንቀት ገላግለኒ" ክብል ተዛረበ።

እቶም ተዓዘብቲ ብምሉኦም ካብ ሕጂሕጂ ወጊኡ ክቕትሎ እዩ ብምባል ኣጊንቶም ኣፍጢጦም ክጥምቱ ከለው ማከር ግና ብኣንጻሩ ንኵናቱ ኣብ ባይታ ቀስ ኣቢሉ ብምድርባይ ትም ኢሉ ደው በለ። እቶም ተዓዘብቲ ከኣ በቲ ዝረኣይዎ ኣጊንቶም ምእማን ሰኣኑ። ልዕሊ ኩሉ ዘገረሞም ግና ማከር ኢዱ ናብ ሰማይ ኣልዒሉ ናብ ቁሳር ገጹ ብምዛር ከምዚ ምስ በለ እዩ "ኣ ዓቢ ዝኾንካ ቁሳር! ኣነ ናይ ክርስትና እምነት ተቐቢለ እየ። ድሕሪ ሕጂ ከኣ ኣብ እንስሳታት እንተዘይኮይኑ ኣብ ልዕሊ ሰባት ኢደይ ንኽይዝርግሕ ጽኑዕ ውሳኔ ወሲነ ኣለኹ። ሰብ ካብ ዝቐትል ሙማት ይሕሸኒ።"

ናይቲ ህዝቢ ምዕዝምዛም ነቲ ህንጻ መለኦ። ማርሴሉስ ከኣ ተገሪሙ "እንታይ ማለቱ እዩ? ክርስትያን እየ? ካብ መዓስ ጀሚሩ?" ክብል ንብጻዩ ሉኩልስ ኣከታቲሉ ሓተቶ።

ሉኩልስ ድማ "እዞም ክርስትያን ዝበሃሉ ፍጡራት ክሳዕ መንበሪ ገዝኡ ይመጽዎ እዮም ክብሉ ሰሚዐ ነይረ። ስለዚ ኣብቲ ኣጸያፊ ዝኾነ ማሕበሮም

ከይኣተወ ኣይተርፍን እዩ። እዞም ክርስትያን ዝበሃሉ ኩሎም ሕሱማት እዮም። ማከር'ውን ሓደ ካብኣቶም ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ" ክብል መለሰሉ።

"እሞ ካብ ምቅላስ'ሲ ሞት ይመርጽ?"

"እወ፡ እዚ ክርስትና ዝበሃል ሕማም ዝሓዞም ኩሎም ከምኡ እዮም።"

እቶም ተዓዘብቲ በቲ ዝተፈጸመ ኩነታት ምግራም ዘይኮነስ ሕርቃን ስለዝመልኦም ብተርባጽ ከዕጠዮ ጀመሩ። ሓደ ተራ ተቓላሲ ከምዚ ገይሩ ስለዝደፈሮም ከኣ ቁጠዐኦም እንዳነደደ ከደ። ሰራሕተኛታት ካብዝን ካብትን ቅልቅል እንተበሉ'ኳ እቲ ምርኢት ግና ክቅጽል ስለዝተወሰነ ኩሎም ናብቲ ዝመጽዎ ተመለሱ። ስለዚ ድማ ማከር ምስ ሰብ ንምቅላስ እምቢ ኢሉ እንተኣቕቢጹ ናይቲ ዘርኣዮ ኣብያ እቲ ግቡእ መቕጻዕቲ ክቕበል ተወሰነ።

እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ማከር ንእሽቶ እኳ ትኹን ናይ ፍርሂ ስምዒት ኣይተረኣዮን። ናብቲ ብኢዱ ብሓንቲ ጉስጢ ጥራይ ምስ መሬት ከላትሞ ዝኽእል ዝነበረ ወዲ ሞሪታንያ ተጸገወ። እቲ ወዲ ሞሪታንያ ከኣ ኣዒንቱ ደም መለኣ። ብምግራምን ብሓጎስን ብናይ ዓወት ስምዒትን ኩለንትንኡ ተነቓቒሑ ከኣ ነታ ወዲቓ ዝነበረት ኩናቱ ኣልዒሉ ንማከር ኣብ ልቡ ወገኦ። ማከር ድማ ቅድሚ ሙማቱ "ኦ ጎይታ የሱስ ንነፍሰይ ተቐበላ" በለ። ነፍሱ ድማ ምስቶም ናይ ሰማእታት ሰራዊት ክትጽንበር ናብ ሰማይ ዓረገት።

ማርሴሉስ ድማ ነዚ ኩሉ ክዕዘብ ድሕሪ ምጽናሕ "ከምዚ ዝኣመሰሉ ምርኢታት ኣዘውቲሮምዶ ይፍጸሙ እዮም?" ክብል ንብጻዩ ሓተቶ።

እቲ ብጻዩ ከኣ "እወ ኩሉ ግዜ እቶም ክርስትያናት ናብዚ ሜዳ ከምዝኣትው ክግበር ከሎ ከምዚ ናይ ሎሚ ኩነታት የጋጥም እዩ። እቶም ክርስትያናት ምስ ብዙሓት ኣራዊት ተቓለሱ ክበሃሉ ከለው ብሓጎስ ይቃለሱ። እተን መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ እኳ ከይተረፋ ምስ ኣንበሳ ይኹን ነብሪ ንኽገጥማ ብፍጹም ኣይፈርሃን እየን። ሰብ እንተኾይኑ ግና ኣእዳዎም ብፍጹም ኣየልዕሉን እዮም። መቸም ከም ማከር ዝኣመሰለ ተቓላሳይ ፈጺሙ ኣይርከብን እዩ። ክርስትያን ክኸውን ብምውሳኑ ግና ናይ ዕሽነት ስራሕ ሰሪሑ" ክብል መለሰሉ።

ማርሴሉስ ከኣ "ንሓደ ተራ ተቓላሳይ ከምዚ ዓይነት ትብዓት ክህቦ ዝኽኣለ እንታይ ዓይነት ሃይማኖት ኮይኑ እዩ?" ክብል ብምግራም ሓተቶ።

"ኣጆኻ፡ ናይዚ ሃይማኖት ምስጢር ኣብ መጻኢ እንዳፈለጥካዮ ክትከይድ ኢኻ።"

"ብኽመይ?"

"ኣይሰማዕካን ዲኻ? ነዞም ክርስትያናት ካብቲ ዘለውዎ እንዳሃደንካ ክትሕዞም እኳ ንስኻ ኢኻ ተሸይምካ ዘለኻ። መብዛሕትኦም ድማ ኣብ በዓትታት ካታኮምብ እዮም ተሓቢኦም ዘለው። ኩላቶም ክተሓዙ ከኣ ተደልዩ ኣሎ"

"እዞም ሎሚ ዝተቓጸሉ ሓምሳ ውሒዶም ድዮም እቶም ካልኦት ከኣ ክተሓዙ ተደልዩ ዘሎ?"

"ገና እዚ ደኣ ኣየናይ ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሓደ ሚእቲ ዝኾኑ ከምዝተሰየፉዶ ኣይሰማዕካን ኢኻ? በቃ ነዛ ከተማ መሊኦማ ዘለው ንሳቶም ጥራይ እዮም። ቁሳር ከኣ እቲ ናይ ቀደም ሃይማኖት እቲ ዝግባእ ናይ ጥንቲ ቦትኡ ክሕዝ ወሲኑ ኣሎ፡ ከመይሲ እዚ ክርስትና ዝበሃል ሃይማኖት ካብ ዝለዓል እቲ መንግስቲ እንዳደኽመ ስለዝኽደ እዚ ሃይማኖት ካብ ገጽ ምድሪ ንኽጠፍእ ሰናይ ፍቓድ ናይ ቄሳር ኮይኑ ኣሎ። ንሳቶም ናይ ሃገርና ጸያቒቶ ስለዝኾኑ ኣሰሮም ከምዝጠፍእ ክግበር ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ መጻኢ ክትርድኦ ኢኻ" በሎ።

ማርሴሉስ ከኣ ዘረባ ብጻዩ ብትሕትና ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ "ከምዚ እትፈልጦ ኣብ ሮማ ብዙሕ ግዜ ኣይጸናሕኩን። እዞም ክርስትያን ዝበሃሉ ሰባት ድማ ብምንታይ ከምዝኣምኑ ኣጻርየ ኣይፈለጥኩን ዘለኹ። ክሳዕ ሕጂ ብዛዕብኦም ሰሚዐዮ ዘለኹ ከኣ ገበነኛታትን መጥፋእቲ ሃገርን ከም ዝኾኑ ጥራይ እዩ። ስለዚ ከምዚ ንስኽ እትብሎ ዘለኻ እንተኾይኑ ግና ከምቲ ዝግባእ ንኽፈልጦም ዕድል ክረክብ እየ ማለት እዩ ..." እንዳበሎ ከሎ ካልእ ሓድሽ ምርኢት ስለዝተጀመረ ዘረበኦም ተቐረጸ።

ሓደ ብዕድመ ዝደፈኡ፡ ኣካላቱ ብእርጋን ዝነበጠ ጸጉሩ ድማ ከም ጡጥ ዝሸየበ ሽማግለ ናብቲ ሜዳ ኣተወ። ናቱ ምምጻእ ኣብቶም ተዓዘብቲ ናይ ንዕቀትን ኣሽካዕላልን ድምጺ ፈጠረ። ዕብየትን ሽበትን ናይቲ ሽማግለ ገለ ቁሩብ ድንጋጸ

ስለዘይፈጠረሎም ከኣ ሰሓቕምን ምውጫጮምን ነቲ ህንጻ መልኡ።

ማርሴሉስ ከኣ "እዚኽ መን ዝበሃል እዩ?" ክብል ሓተተ።

ሉኩልስ ድማ "እዚ እስክንድር ዝበሃል ናይቶም ርኽሳት መምህር እዩ። እምነቱ ንኽገድፍ እንተኣፈራርህዎ'ኳ ንሱ ግና እምቢ ኢሉ ኣቕቢጹ ክሳዕ ሕጂ ጸኒሑ" ክብል መለሰ።

በዚ ግዜ'ዚ ድማ እቲ ሽማግለ ኣእዳው ኣልዒሉ ገለ ቃላት ክዛረብ ፈተነ። እቶም ህዝቢ ድማ ንሓድሕዶም "ትም በሉ በጃኹም፡ ክዛረብ እዩ" ተበሃሃሉ። እቲ ሽማግለ ድማ ከምዚ በለ "*ኦ ሮማውያን! ኣነ ክርስትያን እየ። ክርስቶስ ስለይ ክብል ሞይቱ እዩ። ኣነ ድማ ስለ ክርስቶስ ክብል ህይወተይ ብሓጎስ ኣሕሊፈ እህብ ኣለኹ ..*" ናይቲ ሽማግለ ዘረባ ብናይቲ ህዝቢ ኣውያትን ውጫጨን ተዋሒጡ ተረፈ። ብኡብኡ ድማ ሰለስተ ነብርታት እንዳዘለሉ ናብኡ ገጸም መጹ። ንሱ የእዳው ኣጣሚሩ ኣዒንቱ ድማ ብጸሎት ናብ ሰማይ ኣቕነዑ ከሎ እቶም ኣራዊት ቦጃጂሎም ሰጥሕዎ።

ናይቶም ኣራዊት ቁጽሪ እንዳበዘሐ ስለዝኸደ ከኣ ኣብቲ ሜዳ ናብዝን ናብትን እንዳተንየዩ ክዕንድሩ ጀመሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቶም ኣራዊት ንሓድሕዶም ክበላልዑ ስለዝጀመሩ እቲ ምርኢት ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኮነ።

ኣብ መንጎ እዚ ኩሉ ናይ ኣራዊት ሕንፍሽፍሽ ከኣ ብርክት ዝበሉ እሱራት ናብቲ ሜዳ ተፈነው። መብዛሕትን ድማ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ነበሩ። ንሳተን ከኣ ጽምኣት ደም ሮማውያን ከርውያ ዝተፈርደን ኮይነን እቲ ምርኢት'ውን ነቲ ኣዝዩ ጨካን ዝበሃል ሰብ እኳ ንኽርእዮ ዘስካሕክሕ ነበረ። ቡቲ ግዜ'ቲ ድንጋጸን ርሕራሔን ዝበሃሉ ኣምራት ኣብ ሮማ ቦታ ኣይነበሮምን። እዘን መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ ብኽምዚ ዘስካሕክሕ ኣገባብ ምስ ሞት ገጽ ንገጽ ንኽገጥማ ስለዝተፈረደን ምፍርሀን እኳ እንተዘይተረፈ ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ግና እቲ ፍርሃተን ኣብ ልዕሊ ሞት ደው ከም ዝብላ ደኣ ገበረን። ስለዚ ድማ እቶም ኣራዊት ክመናጭትወን ናብኣን ምስ ቀረቡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዘን ጽኑዕ ዝኾነ ናይ እምነት ስንሰለት ፈጠራ። ኣዒንተን ናብ ሰማይ ብምቕናዕ ድማ ክሳዕ ኣርያም ከቃልሕ ብዝኽእል ጥዑም ዝኾነ ዜማ ከምዚ እንዳበላ ዘመራ፡

ንእኡ ነቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና'ውን ብደሙ ዝሓጸበና
ነቡኡ ከኣ፡ መንግስትን ካህናትን ዝገበረና
ንእኡ፡ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም
ክብርን ሓይልን ይኹን።
ሃሌሉያ!! ኣሜን።

ሓደ ድሕሪ ሓደ ድማ እቲ ጥዑም ድምጸን ብደምን ብቓንዛን ተዋሒጡ ትም ክብል ጀመረ። ናይ ስቓየን ኣውያት ከኣ ምስቲ መዝሙር ምስጋና ተወሃሃደ እሞ ናይዘን ምጭዋት ሰማእታት ናይ ጀግንነት መዝሙር ምስቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ናይ መላእኽቲ ውዳሴ ተጸንበረ።

ሰፊር መኳንንቲ ቄሳር

ማርሴሉስ ተወላዲ ጋዴስ ኮይኑ ኣተዓባብያኡ ድማ ኣብ ሰራዊት ሮማ ብስነስርዓት ዝተሃንጸ እዩ ነይሩ። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ሶርያን ብርጣንያን እናተዘዋወረ ከገልግል ከሎ ኩሉ ግዜ ኣብ ልዕል'ቲ ኣብ ዓውደ ኲናት ዘርእዮ ዝነበረ ጀግንነት ምስ ናይ ስራሕ ብጾቱ ዝነበሮ ሕብረትን ምስምማዕን ብጣዕሚ ዝምስገን እዩ ነይሩ። ኣብ ስርሑ ዝነበሮ ብቕዓት ድማ ማዕርግ ኣብ ልዕሊ ማዕርግ ክብሪ ድማ ኣብ ልዕሊ ክብሪ ከምዝውስኽ ይገብሮ ነይሩ። ቅድሚ ቅሩብ ግዜ ከኣ ሓንቲ ዓባይ መልእኽቲ ከብጽሕ ኢሉ ናብ ሮም ምስ መጸ፡ ብዘርኣዮ ብቕዓት ቄሳር ስለዝተሓጎሰ ምስቶም ናይ ክብሪ መኳንንቱ ኣብ ሓደ ላዕለዋይ ጽፍሒ ሒዙ ንኽገልግል ሸይሙዎ።

ብኣንጻሩ ሉኩሉስ ካብ ዓዲ ጥላያንሲ ይትረፍ ካብ ሮማ እኳ ወጺኡ ኣይፈልጥን ነበረ። ካብቶም ናይ ጥንቲ ሮማውያን መኳንንቲ ስለዝተወለደ ግና ብኽብሪ ይኹን ብሃብቲ ዓቢ ነበረ። ሉኩሉስ ከኣ ብትብዓትን ግሉጽነትን ማርሴሉስ ስለዝተማረኸ ክልቲኣም መኳንንቲ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ ኮኑ። ብተወሳኺ'ውን ሉኩሉስ ናይ ሮማ መእተውን መውጽእን ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦ ስለዝነበረ ንማርሴሉስ ነታ ከተማ ንኽፈልጣ ብዙሕ ይሕግዞ ነበረ።

ማርሴሉስ ናብቲ ኮሎሴዩም ዝበሃል ናይ ምርኢት ሜዳ ከይዱ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ተዘርዚሩ ዘሎ ህልቂት ክዕዘብ ናይ መጀመርያ ግዚኡ እዩ ነይሩ። ሰፊር መኮንናት ቄሳር ዝተደኮነሉ ቦታ ኣብ ጥቓ ቀጽሪ ሮማ ኮይኑ እቲ ሰፊር ድማ ብሓደ ፍሉይ መካበብያ ዝተሓጸረ እዩ። ናይቶም ወተሃደራት

መንበሪ ኣብቲ መንደቕ ኣብ ዝተፈሓሩ ክፍልታት እዩ ነይሩ። እቶም መኮንናት ብዝሖም ብርክት ዝበሉ ኮይኖም ብሰንክ'ቲ ኣብታ ከተማ ዝነበሮም ዓቢ ክብሪ ከኣ ንብዙሕ ዘመናት ምምሕዳር ናይቲ መንግስቲ ናይ ምቁጽጻር ስልጣን ኣብ ኢዶም ጨቢጦም ዝነበሩ እዮም። ኣብ መንጎ መኮንናት ቁሳር ስልጣን ክትረክብ ማለት ከኣ ዓቢ ግምት ዝወሃቦ ክብሪ ስለዝኾነ ማርሴሉስ ናይ መጻኢ ዕድሉ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ከምዝተሰረተ ይቑጸር ነበረ።

ንጽባሒቱ ሉኩሉስ ኣንጊሁ ናብ መንበሪ ክፍሊ ማርሴሉስ ክበጽሖ ኢለ ከደ። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጦም ከኣ ብዛዕባ'ቲ ዝሓለፈ መዓልቲ ዝተዓዘብዎ ምርኢት ክዘራረቡ ጀመሩ።

ማርሴሉስ ኣቐዲሙ "ኣነ በቲ ትማሊ ዝተዓዘብናዮ ምርኢታት ፈጺመ ሕጉስ ኣይኮንኩን። እዚ ናይ ፈራሃት ስራሕ እዩ፡ ክልተ ጀጋኑ ብወግዒ ክቃለሱ ምርኣይ የሕጉሰኒ እኳ እንተኾነ እቲ ትማሊ ኣብ ኮሎሴዩም ዝተዓዘብናዮ ህልቂት ግና ኣዝዩ ኣነዋሪ እዩ ነይሩ። ካልእስ ይትረፍ ንምንታይ ህጻናትን ኣረገውትን ናብ ኣራዊት ከምዝድርበዩ ዝግበር?" ክብል ተዛረበ።

ሉኩሉስ ድማ "ንሳቶም ክርስትያናት ስለዝኾኑ ከምዚ ዓይነት ፍርዲ ኣብ ልዕሊኦም ንኽፍጸም ዝእዝዝ እቲ ሕጊ እዩ" ክብል መለሰ።

"ኣብ ኩለን ዝተዘዋወርኩለን ሃገራት ክርስትያናት ርእየ እየ። እንተኾነ ግና ዝኾነት ትኹን ናዕቢ ከለዓዕሉ ርእየዮም ኣይፈልጥን እየ።"

"በጃኻ ትም በል፡ ንሳቶም ኣዝዮም ሕሱማት እዮም።"

"ኩሉ ሰብ ብዛዕብኦም ከምዚ ዓይነት ወረ እዩ ዘናፍስ፡ እዚ ዘረባታት እዚ ግና ጭብጢ ኣለዎዶ?"

"ጭብጢ? ነዚኣቶምከ እንታይ ጭብጢ ኣድልይዎም፡ ንሳቶም ናይዚ መንግስቲ ሕግን ሃይማኖትን ንምቅዋም ሽርሒ ዘካይዱ ምኳኖም ፍሉጥ እዩ። ነቲ ናትና ምሕደራ ካብ ልቦም ከምዝቃወምዎ ቀንዲ መረጋገጺኡ ከኣ ንኣማልኽትና መስዋእቲ ካብ ዝስውኡ ሞት ምምራጾም እዩ። ንሳቶም ብዘይካ እቲ ዝተሰቐለ ኣይሁድ ካልእ ንጉስ ኣይፈልጡን እዮም። ንሱ ካብ ሞት ተንሲኡ እዩ እንዳበሉ ድማ የውርዩ። እቲ ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ጽልኢ ድማ በቲ "ድሕሪ ሙማትኩም ንዘለኣለም ኣብ ገሃነም ክትሳቐዩ ኢኹም" ዝብል ስብከቶም ይገልጾዎ ኣለው።"

"እዚ እትብሎ ዘለኻ ኩሉ ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣነ ግና ብወገነይ ዋላ ሓንቲ ዝፈልጦ የብለይን። ብዛዕባ ክርስትያናት ዘለኒ ኣፍልጦ ውሱን እዩ።"

"ነዛ ከተማ መሊኦማ ዘለው ንሳቶም ጥራይ እዮም። ንሳቶም ዘይብላ ሓንቲ ዞባ ናይ ግዝኣትና ኣይትረክብን ኢኻ። ሓደ ነገር ተጠንቂቕካ ኣስተውዕል፡ እዚ ንብዙሓት ዘጉሃየ ናይ መንግስትና ምድኻም፡ ናይ ግዝኣት ዶባትና እንዳጸበበ ምኻድ፡ ዘይምእዛዝን ክፍኣትን ምብዝሑ፡ እዚ ኩሉ ክርስትያናት እንዳበዝሑ ምስ መጹ ዝሳዕረረ ነገር እዩ። እዚ ኩሉ መዓት ዘምጽኡልና ዘለው ንሳቶም እንተዘይኮይኖም ካልእ መን ክኸውን ይኽእል።"

"እዚ እትብሎ ዘለኻ መከራ ከመይ ገይሮም ኣምጺኦምልና ክንብል ንኽእል?"

"እዚ ደኣ በቲ ኣጸያፊ ዝኾነ ትምህርቶምን ግብሮምን እዩ፡ "ኵናት ኣይንኣቱን" "ወተሃደራት ናይ ዕንወት መሳርሒታት እዮም" ይብሉ። ክሳዕ ክንድዚ ኣውዲቑና ዘሎ ከኣ መርገም ናይቲ ስሙይ ዝኾነ ሃይማኖትና እዩ። ንሳቶም ነቶም ህያው ዝኾኑ ኣማልኽትና "ዝተረገሙ ኣጋንንቲ" እዮም እንዳበሉ ይምህሩ። ብትምህርቶም'ውን ስነ-ምግባር ዝበሃል ከጥፍኡ ይጽዕሩ ኣለው። ብምስጢር ዝፍጽምዎም ነገራት ከኣ እሞ ብጣዕሚ ዘነውሩ እዮም። እንተኾነ ግና እቲ ምስጢር ብዘይካ እቶም ብጸቶም ዝኾኑ ካልእ ዝፈልጦ የለን። ሓደሓደ ግዜ ግና እቲ ከንቱ ዝኾነ ዘረባኦምን መዝሙራቶምን ንሰምዮ ኢና።"

"እዞም ሕጂ ክትዝርዝሮም ዝጸናሕካ ነገራት ብዋዛ ዝረኣዩ ኣይኮኑን። እዚ ዝበልካዮ ሓቂ እንተኾይኑ እቲ ዝግባእ መቕጻዕቲ ክቕበሉ ኣለዎም። እንተዘይተጋግየ ግና ንስኻ "እቶም ክርስትያናት ምስ ካልኦት ሰባት ከይተጸንበሩ ብምስጢር ስለዝነብሩ ብዛዕብኦም እንፈልጦ ነገር ዝተወሰነ እዩ" ክትብል ጸኒሕካ። ግን ሓንቲ ነገር እስከ ክሓተካ፡ እቶም ትማሊ በኽምቲ ዝረኣናዮ ዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝሃለቕ ሰባት እቲ ክርስትያናት ይገብርዎ እዮም ተባሂሎም ዝሕመይሉ ክፋእ ዝፍጽሙዶ ይመስለካ? እቲ ትማሊ ዝረኣናዮ ሽያብ ሽማግለ ዕድሚኡ ብሓጢኣት ዘሕለፎዶ ይመስለካ? እተን ምጭዋት ኣዋልድ ዝዘመረኦ መዝሙርከ ርኽሰት ዘለዎዶ ይመስለካ?

ንእኡ ነቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና'ውን ብደሙ ዝሓጸበና ..”

ማርሴሉስ ብትሑት ድምጺ ነቲ መዝሙር ደገሞ።

ሉኩሉስ ከኣ “ብዓይኒ ሓቂ ደኣ ንዓይ'ውን ብጣዕሚ ከብደይ በሊዐናኒ እየን” በለ።

ማርሴሉስ ድማ “ሮማዊ ወተሃደር እንተዘይከውን ነይረ ምበኸኹለን ነይረ። እቲ ጉዳይ እሞ ከምቲ ዝግባእ ጌርካ ኣስተውዕሎ፡ እቲ ብዛዕባ እዞም ክርስትያናት ዝነገርካኒ ኩሉ መበገሲኡ ካብቶም ኣጸቢቆም ዘይፈልጥዎም ሰባት እዩ። ክርስትያናት ነውራማትን ሕሱማትን እዮም ኢልካኒ። ንሳቶም ግና በብመዓልቱ ምስቲ መሰረት ናይ ህይወት ዘነቓንቕ ሞት ገጽ ንገጽ ብምፍጣጥ ናይ ሞትን ህይወትን ምርጫ ክውስኑ ከምዘለዎም ትማሊ ተረዲኡኒ እዩ። ትብዓቶምን ኣማውታኦምን ዘደንቕ እዩ ነይሩ። ሮማ እኳ ኣብ ናይ ነዊሕ ዘመን ታሪኻ ከምቲ ትማሊ ዝረኣናዮ ዓይነት ጅግንነት ክተርእየኒ ኣይከኣለትን። ንስኻ “ወተሃደራት ይጸልኡ እዮም” ኢልካኒ፡ እንተኾነ ግና ኣማውትኦም ናይ ጅግንነት እዩ ዝነበረ። “ንሃገሮም ዝኽሕዱ እዮም” ኢልካኒ፡ እንተኾነ ግና ካብ ሕጊ ናይ ሃገሮም ሓንቲ ነጥቢ'ኳ ኣይጠሓሱን። “ርኹሳት እዮም” ትብለኒ ኣለኻ፡ እንተኾነ ግና ንዓይ ከምተን ትማሊ ዝረኣናየን ጽቡቓት ኣዋልድ ዝነጽህ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይመስለንን።”

“እዋእ፡ ንስኻ ደኣ ቀንዲ ደጋፊኦምዶ ኮይንካ የለኻን።”

“ከምኡ ኣይኮነን ዓርከይ ሉኩሉስ። ኣነ ሃረር ዝብሎ ዘለኹ እቲ ሓቂ ንምፍላጥ እዩ። ክሳዕ ሎሚ ብዛዕብኦም ካብ ሰባት ዝሰምየ ዝነበርኩ ልክዕ ከምዚ ንስኻ ዝነገርካኒ ዘረባታት እዩ ነይሩ። እቲ ትማሊ ዝተዓዝበክዎ ምርኢት ግና እዚ ብዛዕብኦም ዝዝረብ ዘረባታት ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ዝብል ስምዒት ኣብ ውሽጠይ ፈጢሩለይ ኣሎ። ንስኻ'ውን እቲ ጉዳይ ከተብርሃለይ እንተሓተትኩኻ ካልኦት ዝበልዎ ዘረባ ካብ ምድጋም ኣይሓለፍካን። ሓቂ ክንዛረብ እንተደሊኻስ ኣብተን ዝበጻሕክወን ኩሉን ዓድታት ክርስትያናት ናይ ሰለማውነትን እሙንነትን ዝና ከም ዘለዎም ይዝከረኒ። መለዓዓልቲ ናዕብን ፈጠርቲ ህውከትን እናተበሃሉ ዝሕመይዎ ኩሉ ሓቅነት የብሉን። ዋላ ሓደ እኳ ነቲ ፈጺሞሞ ዝበሃል ክፍኣት መርትዖ ኣምጺኡ ከረጋግጽ ዝኽእል ዘሎ ኣይመስለንን። እሞ ንከምዚኣቶም ዓይነት ሰባት ሞት ይግብኦምዶ?”

“እሞ ቁሳር ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ከምዝጥቕዑ ዝገብርዶ ይመስለካ?”

“ናይቶም ብተንኮል ዝምርሑ ኣማኽርቱ ጌጋ ምኽሪ ሰሚዑ እንተኾነስ መን ይፈልጥ?”

“እቲ ሓሳብ ካብ ገዛእ ርእሱ ዝተበገሰ ምኳኑ ኣይትጠራጠር።”

“መቸስ ቁጽሪ ናይቶም ክሳዕ ሕጂ ዝሞቱ ብዙሕ እዩ።”

“እወ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ከይሃለቑ ኣይተርፉን እዮም። እንተኾነ ግና ዘይተተንከፉ'ውን ገና ብዙሓት ኣለው። ነዚኣቶም ሃዲንና ክነጥፍኦም ፈቲንና ምኽኣል ስኢንና ኢና” ድሕሪ ምባል ቀጺሉ “ዘምጸኣኒ ዓቢ ጉዳይ ረሲዐዮ ከይነገርኩኻ ጸኒሐ፡ ካብ ቁሳር ሓንቲ ኣገዳሲት መልእኽቲ ኣምጺኡልካ ኣለኹ” ብምባል ሓንቲ ጥቕልቲ ብራና ኣውጺኡ ንማርሴሉስ ሃቦ እሞ ንሱ ድማ ተቐቢሉ ብጥንቃቐ ከንብባ ጀመረ። እታ ደብዳቤ፡ ናይ ማዕርግ ዕብየት ከምዝረኽበን ነቶም ኣብ ካታኮምብ ተሓቢኦም ዘለው ክርስትያናት ከኣ ካብቲ ዘለውዎ በዓትታት እንዳሃደነ ክሕዞም ተኣዚዙ ከምዘሎን ትሕብር ነበረት።

ማርሴሉስ ድማ ነታ ደብዳቤ ገጹ ኣሲሩ ከንብባ ድሕሪ ምጽናሕ ጠቕሊሉ ኣቐመጣ።

ነዚ ክዕዘብ ዝጸነሐ ሉኩሉስ “እንታይ ደኣ ኣብ ገጽካ ናይ ሓጎስ ስምዒት ዘይረአ” ክብል ሓተቶ።

“ከም ግደ ሓቂ እንተኾይኑ እዚ ናይ ሕጂ ስርሐይ ብፍጹም ኣይፈተኹዎን ዘለኹ። ኣነ ወተሃደር እየ። ህጻናትን ኣረገውትን እንዳሓዝካ ንቀተልቲ ኣሕሊፍካ ምሃብ ሞያይ ኣይነበረን። እንተኾነ ግና ናይ ውትህድርና ግቡኣይ ስለዝኾነ ክገብሮ ዝኽእል ነገር የለን። ፍቓድካ እንተኾይኑ ግና ብዛዕባ'ዚ ካታኮምብ ዝበሃል ቦታ ንገረኒ።”

“ካታኮምብ ዝበሃል ቦታ፡ ዓቑኑን ንውሓቱን ክንድዚ እዩ ተባሂሉ ክፍለጥ ዘይከኣል ኣብ ትሕቲ'ዛ ከተማ ዝተፈሓረ ናይ ትሕቲ-ምድሪ ባዓቲ እዩ። እቶም ክርስትያናት ስደት ክለዓሎም ከለው ናብኡ ይሃድሙ። ነቶም ምውታቶም'ውን ኣብኡ እዮም

ዝቐብርዎም። ኣብቲ በዓትታት ሓንሳብ እንተ ኣትዮም መንግስቲ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ክቆጻጸርዎምን ክሕዞምን ኣይክእልን እዩ።

“ነዚ ካታኮምብ ዝበሃል በዓቲ መን እዩ ፍሒርዎ?”

“እገለ እዩ ፍሒርዎ ክብሃል ኣይከኣልን እዩ። እቲ በዓቲ ካብ ዝፈሓር ብዙሕ ዘመናት ኣቑጺሩ እዩ። ከምዝመስለኒ እተን በዓትታት ንመጀመርያ ግዜ ክፈሓራ ዝጀመራ ነዛ ከተማ መስርሒ ዝውዕል ስሚንቶ ንምርካብ ተባሂሉ እዩ። ሎሚ’ውን እንተኾነ እቶም ሸቃሎ ካብኡ እዮም ስሚንቶ ዘውጽኡ። እንዳጸንሐ ድማ ስሚንቶ ዝደሊ ሰብ እንዳበዝሐ ስለዝኸደ እቲ ምፍሓር’ውን ብኡ መጠን ወሲኹ። ስለዚ፡ ሎሚ ብሰንኪ ብዝሕን ንውሓትን ናይተን በዓትታት እዛ ከተማና ኣብ ቅጫ-መዓር ዝመስል መሰረት እያ ተሰሪታ ዘላ።”

“ንምኳኑኽ ፍሉጥ መእተዊ ኣለዎዶ?”

“እተን መእተዊታት’ኳ መቐጸሪ የብለንን። ንዓና ጸገም ኮይኑና ዘሎ’ውን እዚ እዩ፡ ከመይሲ፡ እተን መእተዊ ደጌታት ውሑዳት እንተዝኾና ነይረን ኣድቢና ክንሕዞም ምኽኣልና ኔርና። ስለዚ ድማ በየናይ ኣንፈት ሃድንና ክንጅምር ከምዘለና ንምፍላጥ ኣዝዩ የጸግመና።”

“ብጣዕሚ ዝጥርጠር ቦታኽ ኣሎዶ?”

“እወ፡ ቪያ ኣፒያ ኣንቲካ ዝተበሃለ ጎደና ሒዝካ ንሰለስተ ኪሎ ሜተር ዝኸውን ምስ ከድካ ሲሲልያ ሜተላ ዝበሃል መቓብር ኣሎ። ኣብኡ ድማ ሓደ ከቢብ ዝኾነ ነዊሕ ህንጻ ኣሎ። ኣብኡ ብዙሕ ግዜ ሬሳታት ተረኺቡ እዩ። እቶም ዝተረኽቡ ሬሳታት ከኣ እቶም ክርስትያናት ካብቲ ናይ ምርኢት ቦታ ብስርዓት ንኽቐብርዎም ኢሎም ናይ ዘምጽእዎም ኣዝማዶም ሬሳ እዩ ይበሃል። ዋርድያታት ተኽታቲሎም ከርክብዎም ከለው ከኣ ነቲ ሬሳ ገዲፎሞ ይሃድሙ። ምስ ናይዚ ኩሉ ግና ኣሰሮም ክትረክብ ብፍጹም ዘይክኣል እዩ። ካታኮምብ ዝተሓላለኸ ቦታ ስለዝኾነ ብዘይ ናይቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ሓገዝ ነቲ መእተውን መውጽእን ክረክብ ዝኽኣለ ሰብ የለን።”

“እዞም ‘ኣብኡ ዝነበሩ’ ትብሎም ዘለኻ ሰባት እንታዮት እዮም?”

“እዚኣቶም ነቶም ነዳቕ ስሚንቶ ዘቕርቡ ኮዓትቲ ጉድጓድ (ፈሓርቲ) ኮይኖም፡ ሕጂ ግና ንሶም’ውን ኩሎም ክርስትያናት ኮይኖም እዮም። ሕጂ ቀንዲ ስርሖም ኮይኑ ዘሎ’ውን ነቶም ዝሞቱ ክርስትያናት ዝኽውን መቓብር ኣብ ውሽጢ’ቲ በዓቲ ምፍሓር እዩ። እዞም ፈሓርቲ ዕድሚኦም ኩሉ ዘሕልፍዎ ኣብተን በዓትታት ውሽጢ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ’ተን በዓትታት ሰብ ናይ ምምራሕ ክእለት ዘለዎም’ውን ንሳቶም ጥራይ እዮም።”

“ኣብ ካታኮምብ ውሽጢ ኣቲኻዶ ትፈልጥ?”

“እወ፡ ቅድሚ ነዊሕ ግዜ ሓደ ኾዓቲ ጉድጓድ እንዳመረሐ ኣርእዩኒ ነይሩ። እንተኾነ ግና ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ክጸንሕ ኣይከኣልኩን። ኣብ ህይወተይ ምሉእ ከምኡ ዓይነት ዘስካሕክሕን ዘፍርህን ቦታ ርእየ ኣይፈልጥን እየ።”

“ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ካታኮምብ ብወረ ወረ እሰምዕ ነይረ እየ፡ ክሳዕ ሕጂ’ውን ብዛዕባቲ ቦታ ዝግባእ መጽናዕቲ ዘይምክያዱ ኣዝዩ ዘገርም እዩ። እዞም ኮዓትቲ ጉድጓድ ነቶም ወተሃደራት እንዳመርሑ ናብቲ ዝድለ ቦታ ከብጽሕዎምዶ ኣይክእሉን እዮም?”

“ብፍጹም! እዚ ደኣ እሞ ነቶም ክርስትያናት ኣሕሊፍካ ምሃብ ማለት እንድዩ።”

“ዝፈተነ ሰብኸ ኣሎዶ?”

“እወ፡ ካብቶም ኮዓትቲ ጉድጓድ ገሊኣቶም ነቶም መኮንናት ንኽመርሕዎም ፍቓደኛታት ምኽኖም ብምግላጽ ኣብ ውሽጢ ኣእትዮም ርእሶም ክሳዕ ዝዞሮም ዕንክሊል ከብልዎም ይውዕሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቶም መኮንናት ሒዞሞ ዝኣተው ሽግ (መብራህቲ) ምስ ጠፈአ ክሳዕ ኣብ ደረጃ ምስንባድ ይበጽሑ። ስለዚ ድማ መሪሖም ንኽውጽእዎም ጥራይ ክልምንዎም ይጅምሩ። ኣብ መወድእታ ድማ እቶም ኮዓትቲ ጉድጓድ ነቶም መኮንናት “ርኢኽም ኣብዚ ቦታ ክርስትያናት የለውን። እቶም ዝነበሩ ውሑዳት’ውን ካብዚ ሃዲሞም እዮም” ብምባል ክሳዕ ኣብቲ መውጽኢ ቦታ የፋንውዎም።

“ነቶም ክርስትያናት ክሳዕ ዝረክብ ቆሪጹ ምድላዩ ዝቐጸለኽ ኣይነበረን ድዩ?”

“እወ ነይሮም፡ እንተኾነ ግና ነዚኣቶም’ውን እንተኾነ ኣብ ሓንቲ ዝተወሰነት ከባቢ ጥራይ ኮለል ከብልዎም ስለዝኸርሙ ፍረ ኣይተረኽቦን።”

“እሞ እቶም ክርስትያናት ዘለውዎ ቦታ ዝሕብር ዋላ ሓደ ኮዓቲ ጉድጓድ ኣይተረኽበን?”

“ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ይርከቡ እዮም፡ እንተኾነ ግና እቶም ክርስትያናት ሓንቲ ንእሽቶይ ናይ ሓደጋ ምልክት ክርእዩ ከለው ኣብቲ ዝፈልጥዎ መሸጎርጎሪታት ኣትዮም ቀልጢፎም ይስወሩ።”

“ከምዚ እንተኾይኑ ደኣሞ ነዓይክ ከምይ ኢሉ ክቕንዓኒ ይኽእል?”

ሉኩሉስ ድማ “እንድዕልካ! ተዋሂቡካ ዘሎ ሓላፍነት ግና ዓቢ እዩ፡ እዚ ሓላፍነት ዝተወሃበካ ከኣ ድፍረትካን ብልሕኻን ተጣሚሮም ከዕውቱኻ ይኽእሉ እዮም ተባሂሉ እዩ። እዚኣ ትእዛዝ ኣብ መፈጸምትኣ ከተብጽሓ እንተኽኢልካ መቸስ እንጌራኻ በሲሉልካ ማለት እዩ። ደጊም ኣነ ብዛዕባቲ ቦታ ዝፈልጦ ዘበለ ኩሉ ገሊጸልካ እየ እቲ ዝተረፈ ድማ ንሓደ ካብቶም ኮዓትቲ ጉድጓድ ቅርብ ኢልካ እንተሓቲትካዮ ክገልጸልካ ይኽእል እዩ። በል የቃንዓልካ” ድሕሪ ምባል ናብ ቦትኡ ተመሊሱ ከደ። ብድሕር’ዚ ማርሴሉስ’ውን ብወገኑ ርእሱ ናብ መሬት ደፊኡ ኣብ ናይ ሓሳብ ባሕሪ ክሕንብስ ጀመረ። ኣብ መንጎ ሓሳቡ ድማ እቲ ሞት ዝተሰዓረሉ መንገዲ ዝእውጅ ጥዑም መዝሙር ትዝ ይብሎ ነበረ፡

“ንእኡ ኑቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና’ውን ብደሙ ዝሓጸበና .. “

<u>ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ</u>

<u>እቶም ዝሓዘኽ ሰልፈኛ መሲሎም ኣብ የማኑ-ጸጋም ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ተሰሊፎም ዘለው መቕብራት ናይ ሓያላን ኣዕጽምቲ መንበሪ እዮም።</u>

ማርሴሉስ ከኣ ከይተደናገየ ዝተኣዘዞ ንኽፍጽም ተበገሰ። ወተሃደር ከየኽተለ ንበይኑ መጽናዕቱ ጀመረ። ካብ ሰፈር መኳንንቲ ቁሳር ተበጊሱ ብጎደና ኣፒያ ኣንቲካ የማኑ-ጸጋም እንዳተዓዘበ እቲ ናይ ስለያ ዕላማ ዝነበሮ ጉዕዞኡ ጀመረ።

እዚ ስሙይ ጎዳና’ዚ የማነ ጸጋሙ ብዝማዕረጉ መቕብራት ዝተኸበበ እዩ ነይሩ። ካብቲ መገዲ ርሕቕ ኢሎም ጽቡቕት ገዛውቲ ዕምር ኢሎም ይረኣዩ። ካብቶም ገዛውቲ ሓሊፍካ ድማ ናይ ገጠር ዓድታት ብርሑቕ ይረኣያ።

ቕጽሪ ናይታ ከተማ ሒዙ 3 ኪ/ሜ ዝኸውን ምስ ተጓዓዘ ኣብ ሓደ ክቢ ህንጻ በጸሐ። እቲ ህንጻ ብዝተጸረቡ ዓበይቲ ኣእማን ብኣዝዩ ዝምስጥ ኣገባብ ዝተነደቐ እዩ። ብተወሳኺ’ውን እቲ ህንጻ ጽኑዕ ኮይኑ ስለዝተሰረሐ ንውሓት ዘመናት ክምህ ከየበሎ መልክዑን ግርማኡን ሓልዩ ይርኣ። ማርሴሉስ ከኣ ንቑሩብ ግዜ ደው ድሕሪ ምባል ንድሕሪት ገጹ ጠመተ። ከተማ ሮማ ብርሑቕ ኮይኑ ንዝዕዘባ ጋሻ እተበርክቶ ዝተፈላለዩ መልክዕ ዘለዎም ታሪኻዊ ቅርስታት ኣለውዋ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘደንቕ ግና እቶም ኣብ የማነ ጸጋም ተሸሪያም ዝነበሩ መቕብራት እዮም። እዞም መቕብራት ናይ ሮማ ዓበይቲ መኳንንትን ጀጋኑን ኣዕጽምቲ መዕረፊ ቦታ እዮም። ኣብቲ ንመዘኸርታ ተባሂሉ ዝተጸረበሎም ኣእማን ተወቒሮም ዝረኣዩ ቃላት ከኣ እቲ ብህይወቶም ከለው ዝነበሮም ምድራዊ ክብርን ዝናን ከምኡ’ውን ናብቲ ዘይተፈለጠ ዓለም ክሰጋገሩ ከለው ዝነበሮም ተስፋ ዝገልጹ ነበሩ። እዞም መቕብራት ብዙሓት ክኢላታት ዘጸባበቕዎምን እቲ ሓድሽ ወለዶ ድማ በሪሶም ምእንቲ ከይርስዑ ብምባል ክንክን ዝገብረሎም ዝነበሩ እዮም።

ማርሴሉስ ኣብኡ ደው ኢሉ ብዛዕባ እቶም ኣብ ትሕቲ መቕብር ዓሪፎም ዘለው ናይ ሮማ ሓያላንን ሰብ ታሪኽን ከስተንትን ከሎ ሓደ ሊቕ ከምዚ ክብል ዝተዛረቦ ትዝ በሎ “ንፖርታ ካፔና ሓሊፍካ ናይ በዓል ካልቲኑስ፣ የሲፒዮስ፣ ሰርቪልን ናይ በዓል ሜቱሊን መቕብራት ክትዕዘብ ከለኻ እቶም ኣብኡ ዓሪፎም ዘለው ሰባት ሕጉሳትዶ ኣይመስሉኻን?”

እዛ ዓባይ ከተማ በዝን በትን ዶባታ እናሰፈሐ ስለዝኸደ ካብቲ ናይ ቀደም ወሰናታ ወጻኢ ዝተሰርሑ ብዙሓት መንበሪ ኣባይቲ ነይሮም። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ እቲ ናይታ ከተማ ዶብ ኣበይ ክምዝውዳእን እቲ ናይ ገጠር ዶብ ድማ ካበይ ከምዝጅምርን ንምፍላጥ ኣጸጋሚ ነበረ።

ማርሴሉስ ካብ ርሑቕ ዝሃምም ድምጺ ናይታ ከተማ ተሰመየ። እተን ናብዝን ናብትን ዝብላ ዝነበራ ሰረገላታት’ውን ብርሑቕ ተረኣየኡ። እቶም ሓወልትታት፣ ቤተ መቕደስ፣ እቲ ዘንጸባርቕ ቤተ መንግስትን ታሪኻውያን ዝኾኑ ዓንድታትን ቦቦትኡም ሒዞም ረኣዮም። ካብዚ ኩሉ ብርኽ ኢሉ ድማ ኩርባ

ካፒቶሊን ንቤተ መቐደስ ጁፒተር ከም ዘውዲ ኣብ ርእሱ ደፊኡ ይረአ። እንተኾነ ግና፡ ካብታ ውቕብትን ናይ ህይወት ምልክት ዝረኣያን መንበሪ ህያዋንን ዝኾነት ከተማ ንላዕሊ እቲ ናይ ስቕታኡ ግርማ ዘሸብር ናይ ምውታት ሰፈር ክትርእዮ ከለኻ ዘደንቕ ነበረ።

ኣብ ዙርያ እታ ማርሴሉስ ደው ኢልዋ ዝነበረ ቦታ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝፈረዩ ናይ ሮማ መሃንዲሳት ውጽኢት ስራሕ ዝኾኑ ስርሓት ኣብ የማነ ጸጋም ተደርዲሮም ነይሮም። ሓወልቲ ናይቶም ናይ ሮማ ሓያላን ዝነበሩ ሰባት'ውን ንነዊሕ ዘመናት ግርማኦም ሓልዮም ደው ኢሎም ይረኣዩ።

ብዛዕባ ጀጋኑ ናይ ሮማ፣ ጠቢባንን ከምኡ'ውን ናይ ዝናኣን ምዕባሌኣን ሓበሬታ ኣብዘን ሓወልትታት ተወቒሩ ክረአ ከሎ ናይ ብዙሕ ዘመን ዝኽሪ የለዓዕል ነይሩ። ኣሰር ናይቲ ኣብቲ ዘመን ዝነበረ ኣረሜናዊ (Pagan) ሃይማኖት ከኣ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ናይታ ከተማ ብግህዶ ይርአ ነበረ። እዚ ሃይማኖት'ዚ ብደጋዊ ስርዓታቱ ክረአ ከሎ ብመልክዕን ክብርን ዝወቀበ'ኳ እንተነበረ ነቶም ኣመንቱ ግና ዝኾነ ይኹን መንፈሳዊ ፍረ ከጨብጦም ኣይከኣለን። ስለዚ ኣብ ኣእማን ናይቶም ዝሞቱ ሰባት ዝንበቡ ኩሎም ጽሑፋት እምነት ዝበሃል ነገር ኣይትንክፉን እዮም። እቶም ዝሞቱ'ውን ስጋዊ ናብራን ምድራዊ ሓጎስን ጥራይ ዝናፍቑ ከምዝነበሩ ክትርዳእ ኣብ ርእሲ ምኽኣልካ፡ ብዛዕባ ድሕሪ ሞት ዘሎ ህይወት'ውን ዝኾነ ተስፋ ከምዘይነበሮም ብንጹር ይረአ ነበረ።

ማርሴሉስ ኣብ ማእከል እቲ መቓብራት ደው ኢሉ ክሓስብ ከሎ እቲ ሊቕ ዝበላ ቃል ደጊማ ትዝ በለቶ "እዞም ኣብዚ ዓሪፎም ዘለው ሰባት ሕጉሳትዶ ኣይመስሉኻን?"

ንበይኑ ድማ ከምዚ እናበለ ክሓስብ ጀመረ "እዞም እናሃደንኩ ንኽሕዞም ተኣዚዘ ዘለኹ ክርስትያናት ብሓፈሻ ክረአ ከሎ እቲ ናይ ፍልስፍና ትምህርትና ክምልሶ ዘይክኣለ ምስጢር ዝረኽብዎ ይመስለኒ። ንሳቶም ናይ ሞት ፍርሂ ኣብ ልዕሊ ምስዓሮም ብሓጎስ ሙማት'ውን ይኽእልሉ እዮም። ነቶም ብዕድመ ንኣሽቱ ይኹን ነቶም ሓይሎም ዝደኸመ ከምዚ ዓይነት ብርታዐ ዝህቦም ዘሎ እንታይ እዩ? ትርጉም ናይቲ መዝሙሮምከ እንታይ እዩ? ናተይ ሃይማኖት ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ ሕጉስ ይገብረኒ፡ ናቶም ግና ንሞት ብጅግንነትን ብመዝሙርን ንኽገጥምዎ የኽእሎም።"

ማርሴሉስ ኣብቲ ደው ዝበሎ ኮይኑ ነዞም ሓሳባት ከስተንትን ጀመረ። ነዞም ክርስትያናት ብኽመይ ዝበለ ኣገባብ ደልዩ ክረኽቦም ይኽእል? ብዙሓት ሰባት ብጥቕኡ ይሓልፉ ነበሩ። እንተረኣዮም ግና ኢዶም ንሓገዝ ክዝርግሕሉ ዝኽእሉ ኣብ ማእከሎም ዘለው ኮይኑ ኣይተሰመያን። ኣብ ዙርያኡ ዓበይቲ ህንጻታት፣ መካበብያታትን ኣብያተ መቐደስን ከቢቦሞ ነበሩ። እንተኾነ ግና ናብቲ ዝደልዮ ዘሎ ካታኮምብ ተባሂሉ ዝፍለጥ በዓቲ ከብጽሖ ዝኽእል ዋላ ሓንቲ ኣንፈት ክረክብ ኣይከኣለን። ስለዚ ድማ ዝገብሮ ጠፊእዎ ኩሉ ነገር ሕርብት በሎ።

ነቲ ጎደና ሒዙ ነቶም ኣብ የማነ ጸጋሙ ዝነበሩ ገዛውቲ እንዳተዓዘበን ነቶም ብጥቕኡ ዝሓልፉ ዝነበሩ ሰባት እንዳመርመረን ጉዕዝኡ ብህድኣት ቀጸለ። እንተኾነ ግና እቶም ዝሓለፍም ቦታታት ይኹኑ እቶም ዝረኣዮም ሰባት ኩሎም ምስቲ ንሱ ክበጽሖ ደልዩ ዝነበረ ቦታ ዋላ ሓንቲ ምትእስሳር ዘለዎም ኮይኖም ኣይተረኣይዎን። ጸሓይ ናብ ምዕራብ ገጻ ከተንቆልቁል ጀመረት፡ እቲ እዋን'ውን እናመሰየ ከደ። ናይ ማርሴሉስ ዳህሳስ ድማ ገለ ፍረ ከየፍረየ ዝተርፍ መሰለ።

እቲ ካታኮምብ ተባሂሉ ዝፍለጥ በዓቲ ብዙሕ መእተዊ ደጌታት ከምዘለውዎ ብምዝካር ከኣ ተስፋ ከይቆረጸ ጸሓይ ምሉእ ብምሉእ ክሳዕ ትዓርብ ምድላዩ ክቕጽል ወሰነ። ስለዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ላዕልን ታሕትን በለ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኩሎም ኣንፈታት በጽሑም። ብሓንቲ መንገዲ'ውን ንብዙሕ ግዜ ተመላለሰ።

ጸሓይ ንምዕራብ ገጻ ሃተፈት። ዓይኒ'ውን ክሕዝ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ማርሴሉስ ድኻም እቲ ዝድለ ፍረ ኣበርከተ። ሓደ ቆልዓ ኣኽቲሉ ዝኽይድ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብ ሰብኣይ ሕልፍ ክብል ከሎ ረኣዮ። እቲ ሰብኣይ ዝተኽደኖ ክዳን ረሳሕን ዝበለየን ኣብ ርእሲ ምኳኑ ናይ ሓመድን ሑጻን ምልክት'ውን ነይርዎ። ገጹ ከኣ ልክዕ ከምዚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝቕነየ ሰብ ቀምሲሉ ነበረ። ኩሉ ኩነታቱ ድማ ናይዚ መንእሰይ ኣዛዚ ሰራዊት ጥርጣረ ኣለዓዓለ።

ስለዚ ከኣ ማርሴሉስ ናብቲ ሰብኣይ ቅርብ ኢሉ ኢዱ ኣብ መንኩቡ ብምንባር "ንስኻ ካብቶም ሑጻ ዝፍሕሩ ዲኻ? በል ሰዓበኒ!" በሎ። እቲ ሰብኣይ ቅንዕ ኢሉ እንተረኣየ እቲ ዝዛረቦ ዝነበረ ሰብ ብናይ ማዕርግ ኣልባሳት ዝማዕረገ ኣዛዚ ሰራዊት ምኳኑ

ክርዳእ ከኣለ። ስለዚ ድማ ካብ ኢዱ ፈልከት ኢሉ ብምህዳም ኣብዚኣ ኣትዩ ከይተባህለ ሽታ ማይ ኮይኑ ተሰወረ። ማርሴሉስ'ውን ክስዕቦ እኳ እንተፈተነ እቲ ሰብኣይ ግና ሃዲሙ ብቕልጡፍ ካብ ዓይኑ ተሰወሮ።

እንተኾነ ግና ማርሴሉስ ጥራሕ ኢዱ ኣይተረፈን። እቲ ምስቲ ሰብኣይ ዝነበረ ቀልዓ ኣብ ኢዱ ተሪፉ ስለዝነበረ ናብኡ ግልጽ ብምባል "በል ንስኻ ሰዓበኺ!" በሎ። እቲ ቀልዓ ድማ ከብዲ ማርሴሉስ ሕብጭቡጭ ክሳዕ ዝብል ኣብ እግሩ ተደፊኡ ክልምኖ ጀመረ፡ "በጃኻ ነደይ ክትብል መሓረኒ፡ ንዓይ ሒዝካኒ እንተኼድካ ጓሂ ክቕትላ እዩ" ክብሎ ጀመረ። ማርሴሉስ ከኣ "ኣጆኻ ዋላ ሓንቲ ኣይገብረካን እየ" ብምባል ካብቶም ዝመላለሱ ዝነበሩ ሰባት ንምኽዋል ነቲ ቀልዓ ብኢዱ ሒዙ ካብቲ መንገዲ ኣውጺኡ እልይ ኣበሎ። ብምቕጻል ድማ ሕቶታቱ ከምዚ እናበለ ጀመረ፡

"በል ሕጂ እታ ሓቂ ኣውጻኣያ፡ መን ትበሃል?"

"ስመይ ፖሊዮ ይበሃል።"

"ኣበይ ትነብር?"

"ኣብ ሮማ።"

"ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣለኻ?"

"ተላኢኽ እየ መጺአ።"

"እቲ ምሳኻ ዝነበረኽ መን ይበሃል?"

"ሑጻ ዝፍሕር እዩ።"

"ምስኡ እንታይ ትገብር ነይርካ?"

"ንብረት ተሰኪሙለይ ነይሩ።"

"ኣብ ውሽጥ'ቲ ንብረት እንታይ ነይሩ?"

"ዝብላዕ።"

"ናብ መን ትወስዶ ነይርካ?"

"ኣብዚ ሰፈር ናብ ዝነብር ሓደ ጽጉም።"

"ኣበይ እዩ ዝነብር?"

"ኣብዚ ቀረባ እዩ።"

"ስማዕ ኣታ ቀልዓ! እታ ሓቂ ክተውጽኣ እደሊ ኣለኽ፡ ብዛዕባ ካታኮምብ ዝበሃል ቦታ ትፈልጦ ነገር ኣለካዶ?"

"ሰባት ክዛረቡ ጥራይ እየ ሰሚዐ።"

"ኣብኡ ኣቲኻ ትፈልጥዶ?"

"እወ ኣብ ገሊኡ።"

"ካብቶም ኣብኡ ዘለው ትፈልጦም ኣለውዶ?"

"ሓደሓደ ሑጻ ዝፍሕሩ ኣብኡ ዝነብሩ ዝፈልጦም ኣለው።"

"ምስቲ ሰብኣይ ናብኡ ኢኹም ትኸዱ ኔርኩም።"

እቲ ቀልዓ ድማ ኣዒንቱ ስለምለም እናበለ "ኣነ ናብኡ ዘኽይድ እንታይ ስራሕ ኣለኒ?" በለ።

"ኣነ'ውን ነዚ እየ ክፈልጥ ደልየ ዘለኽ፡ ምስቲ ሰብኣይ ናብ ካታኮምብ ኢኹም ትኸዱ ኔርኩም።"

"ናብቲ ብሕጊ ክልኩል ዝኾነ ቦታ እንታይ ዘኽይድ ኣለኒ?"

"በል ሕጂ ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ እዚ መዓልቲ ስለዝመሰየ ናብቲ ስግር ማዕዶ ዘሎ ቤተ መቕደስ ከይደ ጸሎት ስለዝገብር ሰዓበኒ።"

እቲ ቀልዓ ድማ ቁሩብ ድሕሪ ምጥርጣር "ታሃዊኽ ኣለኽ" ክብል መልሲ ሃበ።

ማርሴሉስ ከኣ "ካብ ሕጂ ጀሚርካ እኳ ናተይ እሱር ኢኻ፡ ኣነ ከኣ ጸሎተይ ክተዓናቕፍ ስለዘይደሊ ሰዓበኒ እሞ ጸሎት ክገብር ከለኽ ክትሕግዘኒ ኢኻ" በሎ

እቲ ቀልዓ ድማ "ኣዝስ ኣይገብሮን እየ" በለ።

"ንምንታይ?"

"ክርስትያን እየ።"

"ክርስትያን ከምዝኾንካ ደኣ ገና ከይነገርካኒ ፈሊጠካ ኣለኽ። ኣብ ካታኮምብ ኣዝማድ ኣለውኻ። ተላኢኽካዮ ዝነበርካ'ውን ናብ ካታኮምብ እዩ። እቲ ጽጉም ዝበልካዮ ሰብ'ውን እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ክርስትያናት ኮይኖም እቲ ትወስዶ ዝነበርካ ስንቂ'ውን ንዓኣቶም እዩ ነይሩ።"

እቲ ቀልዓ ድማ ርእሱ ኣድኒኑ ሓንቲ ቃል ከየውጽኣ ትም በለ።

“ሕጂ ናይ ካታኮምብ መእተዊ ደገ ክተርእየኒ እደሊ ኣለኹ?”

“እ ጎይታይ በጃኻ ምሕረት ግበረለይ እምበር ናብኡ ክወስደካስ ኣይትሕተተኒ። ንብጾተይ ኣሕሊፈ ክህብ ኣይክእልን እየ።”

“ካብቶም ብዙሓት መእተዊ ደጌታት ሓንቲ ስለዘርኣኻኒ ንብጾትካ ኣሕሊፍካ ከምዝሃብካ ከቐጽረካ ኣይክእልን እዩ። እምበርከ እቶም ወተሃደራትና ኑቲ መእተውን መውጽእን ደጌታት ዘይፈልጥዎ መሲሉካ?”

እቲ ቀልዓ ድማ ቁሩብ ድሕሪ ምሕሳብ መሪሑ ንኽወስዶ ፍቓደኛ ከምዝኾነ ገለጸ። ማርሴሉስ ከኣ ብኢዱ ሒዝዎ ጉዕዞ ጀመሩ። እቲ ቀልዓ ድማ ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ወዲኡ ናብ የማን ብምዕጻፍ ናብ ሓንቲ ኣረጊት ገዛ ሒዝዎ ኣተወ። ናብቲ ምድራ-ቤት ድሕሪ ምውራዶም ከኣ ሓንቲ ማዕጸ ብምኽፋት ብኢዱ እንዳመልከተ “እነሆልካ” በሎ። ማርሴሉስ ግና ብናይ ትእዛዝ ዝመስል ቃና ናብ ውሽጢ ክኣቱ ከምዝደሊ ሓበሮ።

“ከመይ ጌርካ በይንኻ ክትኣቱ ትደፍር?”

“ክርስትያናት፡ ህይወት ናይ ሰብ ኣይነሕልፍን ኢና እዮም ዝብሉ። ስለዚ እንታይ ዘፍርህ ኣለኒ? ትም ኢልካ ደኣ ምርሓኒ።”

“ንመብራህቲ ዝኸውን ሽግ የብለይን”

“መብራህቲ ኣነ ኣለኒ፡ ትም ኢልካ ጥራይ ምራሕ።”

“ክመርሓካ ኣይክእልን እየ።”

“እምቢ ዲኻ ትብል ዘለኻ?”

“እወ እምቢ ማለተይ እዩ፡ ኣዝማደይን ብጾተይን ኣብዚ ውሽጢ እዮም ዘለው፡ ንዓኻ መሪሐ ናብኡ ካብ ዘብጽሓካስ እንተሞትኩ ይሕሸኒ”

“ንምኳኑ ተባዕ ዲኻ? ሞት ማለት እንታይ ምኳኑ ኣይትፈልጥን ትኸውን።”

“ኣነ ድየ ሞት እንታይ ምኳኑ ዘይፈልጥ? ንምኳኑ ክርስትያን ዘበለ ሞት ዝፈርህዶ ይመስለካ? ብዙሓት ብጾተይ ብጸበባ ክሞቱ ከለው ርእየ ኣለኹ። ክቐበሩ ከለው’ውን ኣብ ቀብሮም ተሳቲፈ ኣለኹ። ስለዚ ብፍጹም ናብቲ ቦታ ኣይወስደካን እየ፡ እንተደሊኻ ናብ ቤት ማእሰርቲ ውሰደኒ።”

“ናብ ቤት ማእሰርቲ እንተወሲደካ እቶም ብጾትካ እንታይ ክብሉ እዮም? ንምኳኑ ኣደ ኣላትካዶ?”

እቲ ቀልዓ ድማ ናይ ኣዲኡ ነገር ምስ ተለዓለ ፊቕ ኢሉ በኸየ።

“ካብ ብኽያትካ ኣዴኻ ከምዘላ ተረዲኡኒ ኣሎ። ምስ ኣዴኻ ክትራኸብ እንተደሊኻ መሪሕካ ውሰደኒ።”

“ብፍጹም ኣሕሊፈ ክህቦም ኣይክእልን እየ። ኣነ ኣቐዲመ እንተሞትኩ ይሕሸኒ እሞ ወሲድካ ድላይካ ግበረኒ።”

“ክፉእ ነገር እንተዝሓስብ ነይረ ናብዚ በይነይ ዝመጽእዶ ይመስለካ?”

“ናይ ቄሳር በዓል ስልጣን ደኣ ብዘይካ ነቶም ዝተጸልኡ ክርስትያናት ከጥፍእ ካልእ እንታይ ክገብር ክመጽእ ይኽእል?”

“ስማዕ ኣታ ቀልዓ! ኣነ ንኽፉእ ኣይኮንኩን መጺኡ ዘለኹ። ስለዚ ናብቲ ክርስትያናት ዘለውዎ ቦታ መሪሓካ እንተወሲድካኒ ዋላ ሓንቲ ክፉእ ነገር ከምዘይገብሮም እምሕለልካ ኣለኹ። ኣብኡ ምስ ኣተኹ’ውን ድላዮም ክገብሩኒ ስለዝኽእሉ ናቶም እሱር እየ ማለት እዩ።”

“ኣሕሊፈ ኣይህቦምን እየ ኢልካ ትምሕልዶ?”

ማርሴሉስ ድማ “እቶም ዘለኣለማውያን ዝኾኑ ናይ ቄሳር ኣማልኽቲ የጥፍኡኒ” ክብል መሓለ።

እቲ ቀልዓ ድማ “ሕራይ በል ትም ኢልካ ሰዓበኒ፡ መብራህቲ’ውን ኣየድልየናን እዩ” ብምባል ንማርሴሉስ መሪሕዎ ናብቲ በዓቲ ድቕድቕ በለ።

ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ

እቲ ጉዕዞኡም ከኣ ናብቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ኣብጽሖም። እቲ መተሓላለፊ መንገዲ’ውን ክሰፍሕ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ሓንቲ ቁልቁል ናብ ታሕቲ እተወርድ ኣስካላ በጽሑ።

ማርሴሉስ ከኣ ናይቲ ቆልዓ ክዳን ቀጥ ኣቢሉ ብምሓዝ ተኸተሎ። እቲ ቦታ ፍርሃትካ ዘለዓዕል ነበረ። ማርሴሉስ ድማ ብገዛእ ፍቓዱ ናብቶም ብጸቱ ዝኾኑ ሮማውያን ሰበስልጣን ካብ ገጽ ምድሪ ሰጉጎም ናብቲ ዘስካሕክሕ ከርሲ ምድሪ ከምዝኣትው ዝገበርዎም ክርስትያናት ይግስግስ ነበረ። እዞም ሰባት ንማርሴሉስ ከም መጥፍኢኦም ከምዝቖጽርዎ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ናይዞም ሰባት ደግነትን ትሕትናን ካብ ርሑቕ ተዓዚቡ ስለዝነበረ ክፉእ ነገር ክበጽሓኒ እዩ ዝብል ስግኣት ኣይነበሮን። ኣብቲ ዓይንኻ ኣንቀጕሮምኻ ዘይትርእየሉ ግብ ዝበለ ጸልማት እቲ ኣብቲ ርእስኻ ዘዝውር ጥውይዋይ መንገዲ ዝመርሖ ዝነበረ መንእሰይ ቆልዓ እኳ ዝደለዮ ክገብሮ ከምዝኽእል እንተፈለጠ'ኳ እዚ'ውን ኣየስግኣን። ንማርሴሉስ ክሳዕ ኣብዚ ንኽመጽእ ዝደረኾ ድማ ምስጢር ናይ ክርስትያናት ብዝበለጸ ንምፍላጥ ዝነበሮ ክቱር ህንጡይነት እዩ።

ኣቐዲሙ ብማሕልኡ ከምዘረጋገጸ'ውን ነዚ ጉዕዞኡ ክርስትያናት ንምጥፋእ ከም መሳርሒ ክጥቀመሉ ኢሉ ብፍጹም ኣይሓሰበን። ንቐሩብ ግዜ ዝኾውን ቁልቁል ምስ ወረዱ እቲ ዝረገጽዎ መንገዲ እንዳቐነዐ ክኸይድ ጀመረ። ብኡብኡ ድማ ናይ እቶን ሓዊ ጭል ጭል እናበለ ናብ ዝነደላ ሓንቲ ብናይ ሓጺን ማዕጾ ዝተዓጸወት ክፍሊ በጽሐ። እቲ ቆልዓ ነቲ ጥውይዋይ መንገዲ ከምኡ ገይሩ ምፍላጡ ኣዝዩ ዘገርም ነበረ። እቲ ቆልዓ ከኣ ናብታ ዝበጽሕዋ ክፍሊ ብምእታው ካብተን ኣብቲ ባይታ ዝነበራ ሽግ ሓንቲ ብምብራህ ጉዕዝኦም ቀጸሉ።

እቲ ናይ መቓብር ቦታ ካብ ኩሎም ካልኦት ቦታታት ዝተፈለየ ጸቕጢ ነይርዎ። እቲ መቓብር ቀረባ ምኳኑ ይኹን ዋላስ ሽታ ናይቲ ሓመድ ይኹን፡ ዝኾነ ኮይኑ ግና እቲ ቦታ ከምዚ ኢልካ ክግለጽ ዘይከኣል ዘፍርህ ግርማ ነይርዎ። "እዚ ምናልባት ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኣእምሮን ኣካላትን ሰባት ዝዓርፍ ናይቶም ምውታት ጽላሎትዶ ይኸውን?" ክብል ሓሰበ። ዝኾነ ኮይኑ ኣብ ካታኮምብ ክትኣቱ ከለኻ ዝስምዓካ ስምዒት ከምዚ ዝበለ እዩ። ናይቲ ቦታ ዛሕልን ቁርን ብቐጥታ ካብ ናይ ሞት ዓለም ዝመጸ ይመስል። ኣብዚ ቦታ ዝኣተወ ኩሉ እቲ ምስጢራዊ ዝኾነ ሓይሊ ሞት ክንዲ ምንታይ ግንብንብ ከም ዘብል ከይተሰመየ ኣይወጽእን እዩ። ፖሊዮ መንገዲ እንዳመረሐ ማርሴሉስ ከኣ እንዳተኸተሎ ጉዕዝኦም ቀጸሉ። እዚ ዘስካሕክሕ ቦታ፡ ጨራ ጸሃይ ይኹን ናይ መዓልቲ ብርሃን ኣትይዎ ኣይፈልጥን እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ እቲ ጸልማት ዝድፋእን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ክርምሰስ ዝኽእልን ይመስል። እቲ ናይ ሽግ መብራህቲ'ኳ ነቲ ጸልማት ካብ ቁሩብ ስጉምትታት ንላዕሊ ከባርሮ ኣይክእልን ነበረ።

ሒዞማ ዝነበሩ መንገዲ ብጣዕሚ ጥውይዋይን ብዙሕ ጓል-መንገዲ ዘለዋን ነበረት። ፖሊዮ ድማ ብድንገት ደው ብምባል ንማርሴሉስ ሓደ ዓሚቕ ጉድጓድ ኣርኣዮ። ንሱ ድማ ድንን ኢሉ እንተረኣየ መወዳእትኡ ዘይረአ ማዕሙቕ ኮይኑ ተረኣዮ።

"ናበይ ዘብጽሕ እዩ?"

"ናብ ታሕቲ።"

"ካብተን ዝሓለፍናየን ወጻኢ ካልእ ናብ ታሕቲ ዘውርዱ መንገድታት ኣለው ድዮም?"

"ብዙሓት ኣለው፡ ሓደ ግዜ ነዘን መንገድታት ሒዘ ክሳዕ ሰለስተ ደርቢ ንታሕቲ ወሪደ ነይረ። እቶም ሑጻ ዝፍሑሩ ግና ካብኡ ኣጸቢቕና ንታሕቲ ንወርድ ኢና ይብሉ።"

እቲ መንገዲ እዝዩ ጥውይዋይ እንዳኾነ ስለዝኽደ ማርሴሉስ ኩሉ ተሓዋወሶ። እቲ ነቲ ጉዕዞ ምርዳእ ዝሰኣነ ኣእምርኡ ድማ ብኻልኦት ነገራት ተጸመደ።



ገለ ካብ ውሽጣዊ ክፋላት ካታኮምብ ኣብዚ ሕጂ እዋን ነዚ ይመስል

ኣብቶም ዝሓልፍሎም ዝነበሩ ቦታታት የማነ ጸጋም እንዳተዓዘበ ምርመርኡ ቀጸለ። ኣብቶም በዓትታት የማነ ጸጋም ዝነበሩ መናድቕ ተፋሒሮም ከም መደብ ዝተሰርሑ ብዙሓት ቦታታት ይረኣዩ ነበሩ። ኣብ ጥቓ ነፍሲ-ወከፍ መደብ ሓንቲ ጽሑፋ ዘለዋ ንእሽቶይ ሰሌዳ ተሰቂላ ነበረት።

ኣብተን ሰሌዳታት ተወቒሮም ዝነበሩ ጽሑፋት እቲ ቦታ ናይ ክርስትያናት መቓብር ከምዝኾነ ይገልጹ ነበሩ። ማርሴሉስ ዋላኳ ደው ኢሉ ነቶም ጽሑፋት ንኽንብቦም ግዜ ይሓጽሮ እንተነበረ፡ ክሓልፍ ከሎ ግና ኣዒንቱ ከምዚ ኣብ ዝብላ ቃላት ይዓርፋ ነበራ፡

ሃኖርያ ብሰላም ዓሪፋ
ፋውስታ ብሰላም ...

ኣብተን ዝረኣየን ኩሉን ሰሌዳታት "ሰላም" ዝብል ቃል ተጻሒፍወን ረኣየ። "ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘስካሕክሕ ቦታ ኮይኖም ሞት ካብ ምንዓቕ ድሕር ዘይብሉ እዚኦም ክርስትያናት ከመይ ዘደንቕ ሰባት እዮም" ክብል ሓሰበ። ኣዒንቱ ነቲ መንገዲ እንዳተለማመድኦ ከዳ፡ እቲ መንገዲ'ውን ብየማነ ጸጋሙ ክጸብብ ጀመረ። ናይቲ በዓቲ ናሕሲ ድማ ርእሶም ተንከፎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ድንን ኢሎም ብህድኣት ክጉዓዙ ግዲ ኮኖም። ናይቲ በዓቲ መንደቕ ከምቲ እቶም ናይ መጀመርያ ሑጻ ዝፍሕሩ ዝነበሩ ሰባት ፍሒሮም ዝገደፍዎ እትው ወጽእ ዝበለ ነበረ። ኣብ ምድሪ ክቦቕሉ ዝኽእሉ ኣዝርእቲ ነቲ መሬት ሸፊኖሞ ስለዝነበሩ ነቲ ቦታ ፍሉይ ዝኾነ ዛሕልን ጠልን ፈጢሮምሉ ነበሩ። ካብቲ ሽግ ዝወጽእ ዝነበረ ትኪ'ውን ምስቲ ውሑድ ኣየር ክተሓዋወስ ከሎ ንሳንቡእካ ዝዕፍን ነበረ።

ልዕሊ ሚእቲ ዝኾና ጥውይዋይ መንገድታት ሓለፉ። ብዙሓት ጓል-መንገድታት'ውን ናብ ካልእ ኣንፈት ክዝርግሓ ይረኣያ ነበራ።

ማርሴሉስ ድማ ናይቲ መንገዲ ሕልኽላኽ ምኽን ምስ ረኣየ ከምልጠሉ ብዘይክእል ኣገባብ ካብቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ናይ ወጻኢ ዓለም ከምዝተፈለየ ተረደኦ። ህይወቱ ከኣ ኣብ ኢድ እቲ ቆልዓ ምኽና ኣስተውዓለ።

"ንምኽኑ ኣብዚ ምስ ኣተው መንገዶም ዝስሕቱ ሰባት ኣለውዶ?"

"እወ፡ ብዙሓት።"

"መወዳእትኦም ደኣ እንታይ ይኸውን?"

"ሓደሓደ ግዜ ዝፈልጥዎ ሰብ ክሳዕ ዝረኽቡ ትም ኢሎም ይዞሩ። ሓደሓደ ግዜ ከኣ መእተዊኦም ከይተፈለጠ ጠፊኦም ይተርፉ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግና መብዛሕትና ነቲ መንገድታት ጽቡቕ ጌርና ስለንፈልጦ ክንጋገ ኣይንኽእልን ኢና። መንገዲ እንተጠፈኣና'ኳ ዜርና ናብ ሓደ ምልክት ዘለዎ ቦታ ክንበጽሕ ንኽእል ኢና።"

ማርሴሉስ ንኣሽቱ መቓብራት ብብዝሒ ክርኢ ምስ ጀመረ ገሪምዎ። ናይ ህጻናት መቓብር ምኽኖም ካብ ፖሊዮ ሓቲቱ ምስ ተረደኦ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ስምዒት ፈጠረሉ።

"እቶም ንጹሃት ዝኾኑ ህጻናት፡ እቶም ገለ ክፉእ ነገር ክገብሩ ዘይክኣሎም ህጻናት'ከ ኣብዚ እንታይ ክገብሩ ኣትዮም? ኣብቲ ጨራ ጸሓይ ዝመለኣን ዕማባታት ዝቦቕሉሉን ቦታ እንተዝቕበሩ እንታይ ነይርዎ? እቲ ናይ ዕሸልነት ዕድሜኡም ኣብዚ ጸልማት መንገድታት ናብዝን ናብትን ክብሉ ኣሕሊፎሞ ማለት ድዩ? ናይቶም ካብ መከራን ስደትን ሃዲሞም ናብዚ ዝኣተው ሰባት ተኻፈልቲ መከራ ኮይኖምዶ ይኾኑ? ዕድሜኡም ብዕሸሉ ንኽቁጸን እቲ ነውሪ ዘይብሉ መንፈሶም ድማ ካብ ስጋኡም ከም ዝፍለ ዝገበረ እዚ መርዛም ኣየርዶ ይኸውን?" ብዙሓት ሓሳባት ኣብ ልቡ ተመላለሱ።

ማርሴሉስ ከኣ "ጉዕዞና ካብ ንጅምር ነዊሕ ግዜ ጌርና ኣለና። ገለ ቀሪብናዶ?" ክብል ንፖሊዮ ሓተቶ።

"እወ፡ ሕጅስ ዳርጋ በጺሕና ኢና።"

ማርሴሉስ ድማ ንክርስትያናት ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታ ሃዲንካ ክትሕዝ ምፍታን ብዘይካ ድኻም ካልእ ፍረ ዘይርከቦ ከንቱ ሃልኪ ምኽኑ ተረደኦ። ኣብዚ ቦታ ሓደ ክፍለ ሰራዊት እኳ እንተ ዝኣትው ጥቓ እቶም ክርስትያናት ክበጽሑ ኣይክእሉን እዮም። እቲ መንገዲ ነዊሕን ጥውይዋይን ካብ ምኽኑ ዝተላዕለ ኣብዚ ዝኣትው ዘበሉ ኩሎም ዕድሚኡም ብኾለል ክውድእዎ ከምዝኽእሉ ርዱእ እዩ።

ማርሴሉስ ከኣ ብሃንደበት ካብ ርሑቕ ድምጺ ሰመዐ። እቲ ድምጺ ድማ እዚ ክበሃል ዘይክኣል ዜማ ዘለዎ ነበረ። እቲ ድምጺ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ነዊሕ መንገዲ ሰጊሩ በቲ ሰመያዊ ዝኾነ ጣዕሙ ነተን ንቕሓት ኣእዛን ማርሴሉስ መለአን።




ገለ ካብ ውሽጣዊ ክፋላት ካታኮምብ ኣብዚ ሕጂ እዋን ነዚ ይመስል

ጉዕዝኡም ምስ ቀጸሉ ናይ ብርሃን ጨራታት ኣብቲ ጸልማት ጭልጭል ከብል ከሎ ይረኣዮም ነበረ። እቲ ድምጺ'ውን እንዳቐረበ መጸ። ሓደሓደ ግዜ ናይ መዘምራን ዝማሬ ሓደሓደ ግዜ ከኣ ናይ ጸሎተኛታት ልመና ይመስል ነበረ። ብሓንቲ መዕጸፊ ኩርናዕ ቅልቅል ምስ በሉ ድማ ሓደ ኣዝዩ ግሩም ዝኾነ ምርኢት ኣብ ቅድሚኡም ተጓነፎም። ፖሊዮ ድማ ንማርሴሉስ "ደው በል!" ኢሉ ኣዘዞ እሞ ነታ ዝሓዛ ሽግ ኣጥፈኣ። ማርሴሉስ ከኣ ከምዝተኣዘዞ ኣብቲ ዝነበሮ ደው ኢሉ ናብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ነገር ብምግራም ቀው ኢሉ ይጥምት ነበረ።

ንማርሴሉስ ዝተረኣየቶ ድማ ሓንቲ ብጣዕሚ ንእሽተይ ዝኾነት ክፍሊ ኮይና ኣብኣ ከኣ ህጻናትን ኣንስትን ዝርከብዎም ከባቢ ሓደ ሚእቲ ዝኾኑ ሰባት ተጨናኒቐም ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ኣብ ሓደ ኩርናዕ ናይታ ክፍሊ ሓንቲ ጠረቤዛ ትረኣ፡ ብድሕሪ እታ ጠረቤዛ ድማ ሓደ ብዕደመ ዝደፈአ ሽማግለ ሰብኣይ ደው ኢሉ ነበረ። ንሱ ናይቲ ኣኼባ መራሒ ይመስል። ኣብቲ ቦታ ድማ ጭልጭል ዝብል ናይ ጥዋፍ ብርሃን ነበረ። እዚ ንእሽተይ ብርሃን ከኣ ነቶም ኣብቲ ቦታ ተኣኪቦም ዝነበሩ ሰባት ሓደ ዘፍርህ መልክዕ ሂብዎም ነበረ። ኩሎም መልክየም ከምቲ ማርሴሉስ ረኺብዎ ዝነበረ ሑጻ ዝፍሕር ሰብኣይ ኮይኑ፡ ገጾም ድማ ብስግኣት ዝቀምሰለን ዝዓበረን ነበረ። እንተኾነ ግና ኣብዚ ተኣኪቦም ክረኣዩ ከለው ዝኾነ ናይ ጓሂ ይኹን ናይ ጭንቀት ወይ ተስፋ ምቑራጽ ምልክት ኣብ ገጾም ኣይረኣይን ነበረ። ናብ ላዕሊ ዝቐነዐ ኣጠማምትኣም፡ ተስፋ፣ ሓጎስን ዓወትን የበስር ነበረ። ማርሴሉስ ድማ ቡቲ ዝረኣዮ ኩሉ ልቡ ተተንከፈ። ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ብመጠኑ ርእይዎን ሰሚዕዎን ዝነበረ ካብኡ ግና ተሰዊርዎ ዝነበረ ናይ ክርስትያናት ጅግንነት፣ ተስፋን ሰላምን መረጋገጺ ረኸበ። ማርሴሉስ ኣብቲ ዝነበሮ ኮይኑ ክሰምዕ ከሎ እቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ብሕብረት ከምዚ እንዳበሉ ክዝምሩ ሰምዮም፡

ኦ ንኹሉ እትገዝእ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ሰራሕካ ዓብን መሰተንክርን እዩ።
ኦ ናይ ኣህዛብ ንጉስ
መንገድኻ ሓቅን ጽድቅን እዩ።
ኦ እግዚኣብሄር
ንዓኻ ዘይፈርህን ስምካ ዘየኽብርንከ መን እዩ?
ንስካ በይንኻ ቅዱስ ኢኻ፡
ግብሪ ጽድቕኻ'ውን ስለዝተገለጸ፡
ኩሎም ኣህዛብ ክመጹ እዮም
ኣብ ቅድሚኻ'ውን ክሰግዱ እዮም።

ብድሕሪ'ቲ መዝሙር ንቐሩብ ግዜ ጸጥታ ኮነ። ናይቲ ኣኼባ መራሒ ድማ ተንሲኡ ካብ ሓንቲ ጥቕላል ብራና ከንብብ ጀመረ። እተን ዘንብበን ዝነበራ ቃላት ንማርሴሉስ ብፍጹም ሓደስቲ ኮንኡ። እቲ ዝንበብ ዝነበረ ቃል ብዛዕባ ህያውነት ነፍስን ብዛዕባቲ ድሕሪ ሞት ዘሎ ዘለኣለማዊ ህይወትን ዝገልጽ ነበረ። እቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ድማ ብዓቢ ህድኣት ነቲ ቃል ይሰምዑ ነበሩ። ጸኒሑ እቲ ናይቲ ኣኼባ መራሒ በቲ ዘንበቦ ቃል ዝተሰመየ ሓጎስ ካብ ልቡ ገለጸ እሞ እቶም ተሳተፍቲ ድማ "ኣሜን" ብምባል ናይ ሓጎሱን ተስፋኡን ተኻፈልቲ ምኻኖም ገለጹ።

ዋላኳ ማርሴሉስ ምስጢር ናይቶም ዝተነበቡ ቃላት ክርድኣም እንተዘይከኣለ እቲ ዝነበረ ሃዋህው ግና ልቡ ተንከፎ። ***"ሞ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ፡ ኣታ ሲኦልከ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ፡ ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ ሓይሊ ሓጢኣት'ውን ሕጊ እዩ። ግናኸ ነቲ ብንይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።"*** ዝብላ ቃላት ሓደስቲ ዝኾኑ ሓሳባትን ሓንቲ ሓዳስ ዓለምን ከፈታሉ። እተን ሓጢኣት፣ ሞትን ክርስቶስን ዝብላ ቃላት ነታ ኣብ ቀረባ ዝነበረት ነብሱ ብሓሳብ ከምትህውትት ገበረኣ። ናይ ክርስትያናት ምስጢር ንምፍላጥ ዝነበሮ ሃንቀውታ'ውን እናዓበየ ከደ።

እቲ ናይቲ ኣኼባ መራሒ ገጹ ናብ ሰማይ ኣቅኒው ኢዱ ብምዝርጋሕ ካብ ልቢ ዝኾነ ጸሎት ኣዕረገ።

ኣብ ቅድሚ እቲ ኩሉ ዝኽእልን ዘይረአን ኣምላኽ ሓጢኣተኛ ምኻኑን ሓንቲ ዘይክእል ምኻኑን ተኣመነ። ስለቲ ብክርስቶስ ዝተረኽበ ሕድገት ሓጢኣት ድማ ምስጋናኡ ኣቕረበ። መንፈስ ቅዱስ ንኹሎም ተሳተፍቲ ንክቅድሶም ልመንኡ ኣዕረገ። ዝነበሮም ጸበባ ብምዝርዛር ካብ መከራኡም ዝወጽሉ ረድኤት ክለኣኽሎም ተማሕጸነ። ብህይወት ከለው

ብእምነት ክመላለሱን ግዜ ሞቶም ምስ ኣኽለ ድማ ክጸንዑ ከምኡ'ውን ብስም የሱስ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝውሰኻ ነፍሳት እንዳበዘሓ ክኽዳ ዘለዎ ዝለዓለ ሃረርታ ገለጸ። ብምቕጻል ድማ ከምዚ ዝብሉ ቃላት ተዘመሩ፡

እነሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ እዩ
ንሱ'ውን ምሳታቶም ክነብር እዩ፡
ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ክኾኑ እዮም
ኣምላኽ'ውን ባዕሉ
ምሳታቶምን ኣምላኾምን ክኸውን እዩ።
ኣምላኽ ከኣ
ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ክደርዝ እዩ።
እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ እዩ እሞ፡
ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይክኸውንን፡
ድሕሪ ደጊም'ውን ሓዘን ወይ ጫውጫው
ወይ ጻዕሪ ኣይክኸውንን እዩ፡
ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሓይልን
ክብርን ግርማን ውዳሴን
ካብ ዘለኣለም ክሳዕ ዘለኣለም
ንኣምላኽና ይኹን።። ኣሜን!!

ብድሕር'ዚ ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ሰባት ነናብ ቦትኦም ክበታተኑ ጀመሩ። ብኡብኡ ድማ ፖሊዮ ንማርሴሉስ ኣኽቲሉ ኣብታ መኣከቢት ክፍሊ ኣተወ። እቲ ዘንጸባርቕ ናይ በዓል ስልጣን ክዳን ምስ ረኣዩ እቶም ኣኼበኛታት ካብ መጠን ንላዕሊ ሰንበዱ። ናብ ፈቐዶ መሸጎራጉር ሃዲሞም ከምልጡ ክፍትኑ ከለው ከኣ ማርሴሉስ ዓው ብዝበለ ድምጺ ከምዚ በሎም "ኦ ክርስትያናት! ኣነ ከምዚ ትርእዩኒ ንበይነይ እየ መጺአ ዘለኹ እሞ ኣይትፍርሁ። ህይወተይ'ውን ኣብ ትሕቲ ስልጣንኩም እያ ዘላ።"

እዚ ዘረባ ምስ ሰምዑ ቅሩብ ህድእ ኢሎም ኣተኵሮም ክጥምትዎ ጀመሩ። ናይቲ ኣኼባ መራሒ ድማ ናብ ማርሴሉስ ቀሪቡ ኣጸቢቑ ጠመቶ።

"ስምካ መን ትበሃል? ኣብ ምድሪ መዕረፊ ክትኮነና እዚኣ ቦታ ጥራይ እንተተረፈትናሲ ካብዚኣ'ውን ክተጥፍኣናዶ መጺእካ?"

"ሕማቕ ነገር ክገብረና እዩ ኢልኩም ኣይትጠርጥሩኒ። ከምዚ ትርእዩኒ ዘለኹም ንበይነይ እየ መጺአ ዘለኹ። ኣብ ትሕቲ ኢድኩም ስለዝኾንኩ ከኣ ዝደለኹሞ ክትገብሩኒ ትኽእሉ ኢኹም።"

"ናይ ቄሳር በዓል ስልጣን ካባና ዝደልዮ እንታይ ነገር ኣለዎ? ካብ ሓደ ቦታ ሃዲምካ ዲኻ መጺእካ? ዝተኽታተለካ ሰብ ኣሎዶ? ህይወትካኽ ኣብ ሓደጋ ድያ ዘላ?"

"ኣይፋሉን! ኣነ ሓደ ዓቢ ስልጣን ዘለኒ ናይ ቄሳር ኣዛዚ ሰራዊት እየ። ዕድሚኣይ ምሉእ ንሓቂ ኣብ ምድላይ ይርከብ ኣለኹ። ብዛዕባኹም ክርስትያናት ብዙሕ ነገራት ሰሚዐ ኣለኹ። እዚ እዋን ድማ ናይ ስደት እዋን ስለዝኾነ ኣብ ሮማ ምስ ናትኩም ኣባላት ተራኺበ ክዘራረብ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ ኮይኑ ረኺበዮ።"

እቲ ሽማግለ ነቶም ተኣኻኺቦም ዝነበሩ ክርስትያናት ናብ ቦቦትኦም ክኽዱ ኣመልከቶም። ኩላቶም ድማ ብርጉእ መንፈስ ናብ ቦቦትኦም ከዱ። እቲ ሽማግለ ከኣ ምስቲ ሓድሽ ጋሻ እናተዘራረበ ከሎ ሓንቲ ገጻ ዝቀምሰለት ሰበይቲ ናብ ፖሊዮ ብምምጻእ ኢዱ ለቀብ ኣቢላ ሓዘቶ፡

"ኣታ ወደይ እንታይ ደኣ ኮይንካ ክሳዕ ሕጂ ደንጒኻ?"

"እዚ በዓል ስልጣን ሒዙ ኣደንጒዩኒ።"

"እንኳዕ ብሰላም መጻእካለይ ጥራይ፡ ንምኻኑ ንሱ መን እዩ?"

"ደሓን ዝኾነ ሰብ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ፡ ምስጢሩ ኩሉ ክነግረናዶ ኣይሰማዕክዮን ኢኺ?" እንዳበላ ከሎ እቲ ሽማግለ ነታ ሰበይቲ "ሴሲሊያ፡ እስከ ንቐሩብ ግዜ ኣብዚ ጽንሒ" በላ። እታ ሰበይቲ ድማ ምስ ውሑዳት ካልኦት ኮይና ኣብ ጥቓ መራሒኦም ደው በሉ። እቲ ሽማግለ ድማ ዘረብኡ ብምቕጻል ንማርሴሉስ ከምዚ በሎ፡

"ስመይ ሆኖሪዮስ ይበሃል። ኣብዛ ናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን ከም ሽማግለ ኮይነ የገልግል ኣለኹ። ክርእየካ ከለኹ ደሓን ሰብ ትመስል። ካባና ትደልዮ ነገር እንተለካ ንገረና።"

"ኣነ'ውን ማርሴሉስ እበሃል። ኣብ መንጎ መኳንንቲ ቄሳር ከም ካፕቴን ኮይን የገልግል ..." እቲ ሽማግለ እዚ ምስ ሰመዐ ኣእዳው እናጣቐዐ "በቃ ጠፊእና!" ዝብል ናይ ተስፋ ምቑራጽ ድምጽ ኣድመጸ። እቶም ኣብ ጥቕኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ'ውን ብፍርሃት ተመሊኦም ንማርሴሉስ ክጥምትዎ ጀመሩ። ሴሲልያ

ድማ እንዳበኽየት “ኣንታ ፖሊዮ እንታይ ጌርናካ ደኣ ኣሕሊፍካ ትህበና?” በለቶ።

ምስጢር ክርስትና

እቲ እግዚኣብሄር ናይ ምምሳል ምስጢር ብርግጽ ዓቢ እዩ፡ ኣምላኽ ብኸጋ ተገሊጹ ...

እቲ መንእሰይ በዓል ስልጣን ስሙ ኣብቶም ሰባት ዝፈጠሮ ስንባደ ምስ ረኣየ ኣዝዩ ተደነቐ። “ንምንታይ ብፍርሃት ተንቀጥቅጡ ኣለኹም? እዚ ኩሉ ስንባደ ብሰንከይ ድዩ?” ክብል ሓተቶም።

ሆኖሪዮስ ድማ ካብ ስንባዱ ከይሃደአ ከምዚ ክብል መለሰሉ “ዋላኳ ናብዚ ቦታ ክንስደድ እንተተገደድና ምስዛ ከተማ ግና መዓልታዊ ርክብ ኣለና። ንዓና ሃዲንካ ንምሓዝ ብርቱዕ ዝኾነ ወፍሪ ተጀሚሩ ከምዘሎ ሰሚዕና ኣለና። ነዚ መደብ’ዚ ንኽትግብር ተመዚዙ ዘሎ ድማ ማርሴሉስ ዝተበሃለ ናይ ቄሳር በዓል ስልጣን ምኻኑ ተረዲእና ኣለና። ንስኻ ናይ ጸላእትና ኣርሓ ዝኾንካ ከኣ እንሆ ሕጂ ኣብ ማእከልና ትርከብ ኣለኻ። እሞ ነዚ እናረአና ደኣ ፍርሃትን ስንባደን እኳ ክውሕደና፡ ንምኻኑኽ ንኽተጥፍኣናስ ክሳዕ ናብዚ ንምንታይ መጻእካ?” በሎ።

“እወ፡ ዋላኳ ኣነ ናይ ጸላእትኹም ኣርሓ እንተኾንኩ፡ ንዓይ ክትፈርሁኒ ዝገብረኩም ግና ዋላ ሓንቲ ምኽንያት የብልኩምን፡ ከመይሲ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም እየ ዘለኹ። ኣብዚ ክተትርፉኒ እንተደሊኹም ካብዚ ክወጸሉ ዝኽእለሉ መንገዲ የብለይን። ክትቀትሉኒ እንተደሊኹም’ውን ህይወተይ ከድሕነሉ ዝኽእል ዓቕሚ የብለይን። ከምዛ ትርእዩኒ ዘለኹም ኣብ ማእከልኩም መእተውን መውጽእን ዘይፈልጥ ኮይነ ኣለኹ። እዚ ሕጂ ዘለኽዎ ኩነታት ጥራይ እኳ ክትፈርሁኒ ዝገብረኩም ዋላ ሓንቲ ምኽንያት ከምዘይብልኩም ዘረጋግጽ እዩ” በሎም።

ሆኖሪዮስ ድማ ህድእ ብዝበለ ኣዘራርባ “ርግጽ’ዩ እዚ ሕጂ ክትብሎ ዝጸናሕካ ኩሉ ሓቂ እዩ። ንሕና እንተዘይረዲእናካ ናብቲ ዝመጸኻዮ ቦታ ክትምለስ ኣይትኽእልን ኢኻ” በሎ።

ማርሴሉስ ድማ “እሞ ሕጂ ኣነ ዝብለኩም ስምዑኒ” ድሕሪ ምባል ዘረብኡ ከምዚ ክብል ቀጸለ “ከምዚ ትርእዩኒ ዘለኹም ኣነ ናይ ሮማ ወተሃደር እየ። ትውልደይ ድማ ካብ ሃገር እስጳኛ እየ። ኣተዓባብያይ ብስርዓትን ስነምግባርን ዝተሃነጸ ብምንባሩ ካብ ቁልዕነተይ ጀሚረ ንኣማልኽቲ ክፈርህን ግቡኣይ ድማ ክፍጽምን ከምዘለኒ ተማሂረ እየ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት’ውን እናተዘዋወርኩ በጺሐ እየ። ክሳዕ ሕጂ ዝበዝሕ ግዜይ ዘሕለፍክዎ ኣብ ናይ ውትህድርና ኣገልግሎት ኮይኑ፡ ክሳዕ ሎሚ ግና ናይ ሃይማኖት ነገር ሸለል ኢለዮ ኣይፈልጥን እየ። ትርፊ ግዜይ’ውን ናይ ግሪኽን ናይ ሮማን ፍልስፍና ከጽንዕ እየ ዘሕልፎ። እዚ መጽናዕተይ ድማ ነቶም ዝተኣማመነሎም ዝነበርኩ ግን ከኣ ካባይ እኳ ዘይሕሹ ኣማልኽቲ ጠቕሊለ ክሳዕ ዝሓድጎም ገይሩኒ እዩ።

ካብ ፕላቶን ሲሴሮን ሓደ ልዑል ኣምላኽ ከምዘሎን ንእኡ ድማ ክእዘዞ ከምዘለንን ተረዲኡ እየ። ነዚ ኣምላኽኸ ከመይ ገይረ ብግቡእ ክፈልጦ እኽእል? ከመይ ገይረኽ ክእዘዞ እኽእል? ህያው ከምዝኾንኩን ምስ ሞትኩ ድማ ናብ መንፈስ ከምዝልወጥን’ውን ሰሚዐ ኣለኹ። እዚኽ ብኽመይ እዩ ዝፍጸም? ድሕሪ ሞተይ ዘጋጥመኒኽ ሓጎስ ድዩ ወይስ ጸበባ? ፍላስፋታት ነቲ ድሕሪ ሞት ዘሎ ህይወት ብዘደንቕ ቃላት ገይሮም ይገልጽዎ እዮም። ከምዚ ከማይ ዝኣመሰለ ተራ ሰብ ግና ነቲ ምስጢር ክበጽሖ ኣይክእልን እዩ። ናይዚ ኩሉ ምስጢር ክፈልጥ ከኣ ካብ ልበይ ዝነቐለ ድልየት ኣለኒ።

ነቶም ካህናትና በብእዋኑ እኳ እንተሓተትክዎም ንሳቶም ግና ዋላ ሓንቲ ከረድኡኒ ኣይከኣሉን። ንሳቶም’ውን ነቶም ባዕላቶም እኳ ዘይኣምኑሎም ዝኣረጉ ወግዕታትን ስርዓታትን ክሕልው ከለው እየ ዝርእዮም። እቲ ናይ ጥንቲ ሃይማኖት ኣዝዩ ደኺሙ እዩ፡ ሰባት’ውን ብዛዕብኡ ኣይግደሱን እዮም ዘለው።

ተዘዋዊረ ኣብ ዝበጻሕክዎም ኩሎም ቦታታት ብዛዕባ ክርስትያናት ብዙሕ ዘረባታት ሰሚዐ ኣለኹ። መንበሪየይ ግና ኣብ ናይ ወተሃደራት መዓስከር ስለዝኾነ ምስኣም ተራኺበ ንኽዘራረብ ክሳዕ ሕጂ ዕድል ኣይረኸብኩን። ኣነ’ውን ክሳዕ ቀረባ ግዜ ብዛዕብኡም ንምፍላጥ ብመደብ ኣይተበገስኩን ነይረ።

ብዛዕብኡም ዝሰማዕክዎ ዘይስነምግባራዊ ግብርታት፣ ነውርን ርኽሰትን፣ ከምኡ’ውን ናይ ስሕተት ትምህርቲ ወረታት ብዙሕ እዩ። ኣነ’ውን ክሳዕ ቀረባ ግዜ ዝሰማዕክዎ ኩሉ ወረ ሓቂ ይመስለኒ ነይሩ።

ኣብ ቀረባ መዓልታት ኮሎሲዩም ኣብ ዝተበሃለ ናይ ምርኢት ሜዳ ኣትየ ነይረ። ኣብኡ ከለኹ ከኣ

ንመጀመርያ ግዜ ብዛዕባ ክርስትያናት ቐሩብ ክመሃር ጀሚረ። ማክር ዝበሃል ፍርሃት እንታይ ምኳኑ ዘይፈልጥ ተቓላሳይ ነቲ ጌጋ ኮይኑ ዝተረኣዮ ነገር ካብ ምግባር ህይወቱ ኣሕሊፉ ክህብ ከምዝመረጸ ረኤኽ። ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ ከኣ ሓደ ብዕድመ ዝደፈአ ሽማግለ ንርባርባ ሞት ብሓጎስን ብፍሽኽታን ክሰግራ ከሎ ርእየዮ። መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ናይ ዓወት መዝሙር እንዳዘመራ ርእሰን ንኣራዊት ኣሕሊፈን ክህባ ከለዋ ናይ ዓይኒ ምስክር ነይረ።

ንእኡ ነቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና'ውን ብደሙ ዝሓጸበና ..”

ናይ ማርሴሉስ ዘረባ ኣብቶም ሰማዕቲ ዝተፈላለዩ ስምዒታት ፈጠረ። ኣዒንቶም ብናፍቕትን ሓጎስን በርሃ። ናይ ማክር ስም ምስ ተጠቕሰ ኩላቶም ምስጢራዊ ብዝኾነ ፍሽኽታ ተጠቓቕሱ። ብዛዕባ ሞት ናይቲ ሽማግለ ሰብኣይ ምስ ተዛረበ ሆኖሪዮስ ርእሱ ናብ ምድሪ ደፈአ። ብዛዕባ እተን መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ክዛረብ ከሎ ድማ ናይ ኩሎም ኣዒንቲ ብንብዓት ጠልቀያ።

ማርሴሉስ ከኣ ዘረብኡ ከምዚ እናበለ ቀጸለ “ኣብ ህይወተይ ንመጀመርያ ግዜ ሞት ክሰዓር ከሎ ርእየ። ኣብ ዓውደ-ኩናት፡ ካባይ ጀሚርካ ኩሉ ወተሃደር ብቆራጽነት ናይ ሙማት ግቡእ ኣለዎ። እንተኾነ ግና እቶም ዝረኣኽዎም ክርስትያናት ብሞቶም ይሕጎሱ ነይሮም። ካብ መንጎኦም ዋላ ሓደ ወተሃደር ኣይነበረን። ነቲ ዘደንቕ ቆራጽነት ካብ ዘርኣዩ'ውን መብዛሑኦም መንእሰያት እዮም ነይሮም። ብድሕሪ'ታ መዓልቲ ድማ ካልኣ ሓሳብ ክሓስብ ኣይከኣልኩን።

ንምኳኑ እቲ ዘፍቀረኩም መን እዩ? ካብ ሓጢኣትኩም ዝሓጸበኩምኪ መን እዩ? ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ትብዓትን ተስፋን ኣብ ውሽጥኹም ከም ዝመልእ ዝገበረኽ መን እዩ? ከምዚ ተደጋጊፍኩም ክትጸንዑ ዝገብረኩም እንታይ እዩ? ቅድሚ ቅሩብ ግዜ እትጽልይዎ ዝነበርኩም ጸሎትኪ ናብ መን እዩ? ከም ትፈልጥዎ ኣነ ነቶም ኣብ ትሕተይ ዘለው ልኢኽ ንኽጥፍኣኩም ተመዚዘ ኣለኹ። መጀመርያ ግና ብዛዕባኹም ኣጸቢቐ ክፈልጥ ድልየተይ እዩ። ነይቲ ዓቢ ኣምላኽ ስም እናጸዋዕኩ እዚ ናይ ሕጂ ምምጽኣይ ክፋእ ነገረ ከስዕበልኩም ከምዘይክእል እምሕለልኩም ኣለኹ። ስለዚ ድማ ምስጢር ክርስትና እንታይ ከምዝኾነ ኣረድኡኒ?” ክብል ዘረብኡ ደምደመ።

ሆኖሪዮስ ድማ ንማርሴሉስ ከምዚ እናበለ ከረድኦ ጀመረ “እዚ ሕጂ ዝተዛረብካዮ ኩሉ ካብ ቅኑዕ ልቢ ዝተበገሰ ሓቀኛ ዘረባ እዩ። ካብ ኣዘራርባኻ ድማ ናይ ስለያ ይኹን ናይ ጽልኢ ዕላማ ከምዘይብልካ፡ እኳ ደኣ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ልብኻ ሃረር ዝብሎ ዝነበረ ሓቂ ንኽትፈልጥ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ከምዝመረሓካ ክርዳእ ክኢለ ኣለኹ። እቲ ናብ ክርስቶስ ዝመጽእ ኩሉ ከኣ ካብ ኣፍ ደገ ከምዝምለስ ኣይግበርን እዩ። በዚ ክትሕጎስ ይግብኣካ እዩ።

እቶም ኣብዚ ዝረኣኻዮም ደቂ-ተባዕትዮ ይኹን ደቂ-ኣንስትዮ ዝነበሮም ኩሉ ንብረትን ፈተውቶምን ዝንበሮም ኩሉ ክብርን ሃብትን ገዲፎም ስለ ክርስቶስ ክብሉ ብጥሜት፣ ብፍርሃትን ጸበባን ንምንባር ዝመረጹ እዮም። ንህይወቶም'ውን ክሳዕ ሞት እኳ ኣየፍቀርዋን። ኩሉ ነገር ንእኡ ነቲ ዝፍቀረና መስዋእቲ ኣቕሪቦሞ እዮም።

ኦ ማርሴሉስ! “እዚ ኩሉ ንኽትገብር ዘኽእል ሓደ ልዑል ሓይሊ ከይሃለወ ኣይተርፍን” እዩ ዝበልካዮ ሓቂ እዩ። ነዚ ኩሉ ክንገብር ዝድርኽና ዘሎ ድማ ዕውር ዝኾነ እመነት ወይ ተታሊልና ወይ ከኣ ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ናብዝን ናብትን ናይ ምባል ድልየት ሃልዩና ኣይኮነን። ነዚ ኩሉ ንምግባር ዝድርኽና ዘሎስ ነታ ሓቂ ስለዝፈለጥናያን ነቲ ህያው ዝኾነ ኣምላኽና'ውን ካብ ልብና ስለእነፍቅሮን እዩ።

ንስኻ ዕድሚኻ ምሉእ ንሓደ ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ መዝገብ ኢኻ ትደሊ ነይርካ። እዚ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክነብር ዝኽእል ክቡር ዋጋ ዘለዎ መዝገብ ከኣ ዓለም ብምልኣታ እኳ ክትህበካ ኣይከኣላን እዩ። ህይወትና ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘስካሕክሕ ቦታ ንኽትነብር እንተተገደደት እኳ ሓጎስና ግና ኩሉ ግዜ ምሉእ እዩ። ናይ ሞትና ግዜ ምስ ኣኽለ ከኣ ብዓወት ናብቲ ናይ ዘለኣለም ቤትና ክንሰጋገር ኢና።

ብዛዕባ'ቲ ልዑል ኣምላኽ ብዝግባእ ክፈልጥ እደሊ እየ ኢልካ ኣለኻ። እዚ ልዑል ትብሎ ዘለኻ ኣምላኽ ብሃይማኖትና (ብክርስትና) ገይሩ ርእሱ ንደቂ-ሰባት ገሊጹ እዩ።

ንሱ ዕብየቱን ሓይሉን ጥራይ ዘይኮነስ ፍቕሩን ምሕረቱን'ውን መወዳእታ ዘይብሉ ኣምላኽ እዩ።

እምነትና ከኣ ናብኡ ከም እንጽጋዕ ስለዝገብረና፡ ንሱ ናይ ልቢ ፈታዊና፣ መራሒና፣ ሓይልና፣ ተስፋና፣ ፈጣሪና፣ ተበጃዊናን ከምኡ'ውን ካብ ሕጂ ክሳዕ ዘለኣለም መድሓኒና እዩ።

ብዛዕባ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክትፈልጥ ድልየት ከምዘለካ ገሊጽካልና ኣለኻ። ቅዱሳት ጽሑፋትና ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ኣስፈሐም ይገልጹ እዮም። ብየሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ብምእማን ምድራዊ ናብራና ንኣምላኽ እናኽበርና እንተ ኣሕሊፍናዮ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም ክብሪ ዘለዎ መንግስተ ሰማያት ምስኡ ሓቢርና ከም እንነብር ይሕብሩና። ኣብ ምድራዊ ህይወትና ድማ ንኣምላኽ ከመይ ጌርና ከም እነሐጉሶ የርእዩና። ቅዱሳት ጽሑፋትና፡ ሞት ማለት ካብዛ ዓለም ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘሰጋግረና ድንድል ምኻኑ ይገልጹልና። ስለዚ ድማ ኣመንቲ ዝኾኑ ኩሎም ንሞት ከም መቐዘፍቲ ኣይርእይዎን እዮም፡ ከመይሲ ኣብዛ ዓለም ብጸበባ ካብ ምንባር ናብቲ ዘፍቀረና ህይወቱ'ውን በጃና ዘሕለፈ የሱስ ዘለዎ ቦታ ምስግጋር ስለዝሕሸና።"

ማርሴሉስ ከኣ እናነበዐ ከምዚ በለ "እዚ ትብሎ ዘለኻ ኩሉ ልበይ ተንኪፉኒ ኣሎ'ሞ በጃኻ ወሲኽካ ጽቡቕ ጌርካ ኣረድኣኒ። ክሳዕ ሎሚ ዝናፍቕ ዝነበርኩ እቲ ልዑል ኣምላኽ'ውን ክገልጸለይ ዝልምኖ ዝነበርኩ ነገር እዚኣ እያ ነይራ። እቲ ልበይ ክፈልጦ ሃረር ዝብሎ ዝነበረ ምስጢር ኩሉ ኣብ ኢድካ ከምዘሎ ይስምዓኒ ኣሎ። እዚ ጉዳይ ንዓይ ናይ ሞትን ህይወትን ጉዳይ እዩ እሞ በጃኻ ሎሚ ጽባሕ ከይበልካ ኩሉ ነገር ብግልጺ ንገረኒ። እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ፡ ገዛእ ርእሱ ንኹሎም ደቂ-ሰባት ከምዝገለጸ እዚ ኩሉ ሓቂ ክሳዕ ሎሚ ከመይ ኢሉ ተሰዊሩኒ ጸኒሑ?" በለ።

ነዚ ኩሉ ደው ኢሎም ዝሰምዑ ዝነበሩ ክርስትያናት ድማ ኣዒንቶም ናይ ሓጎስ ንብዓኣት ሓዘላ። ሆኖሪዮስ'ውን ናይ ምስጋናን ናይ ሓጎስን ድምጺ ኣስመዐ። ሓንቲ ጥቕልልቲ ብራና ብጥንቃቐ ብምውጻእ ድማ ከምዚ በለ "ዝኽበርካ ማርሴሉስ! እቲ ንሰባት ሰላምን ሓጎስን ዝህብ ቃል ኣምላኽ ኣብዚ ተጻሒፉ ይርከብ። እቲ ንነፍስና ዘድልያ ዘበለ ኩሉ ኣብዚ ተጻሒፉ ኣሎ። እዘን ቅዱሳት ዝኾና ቃል ኣምላኽ ኣብ ካልእ ክርከብ ዘይከኣል ምስጢር ይምህራ። እዘን ጽሑፋት ኣዚኣን ተመርሚረን ይኹን ተበጺሐን ዘይውድኣ ቀላይ ሓቂ እየን።

ሆኖሪዮስ ድማ ነቲ መጽሓፍ ገንጺሉ ንማርሴሉስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ከረድኦ ጀመረ። ብመሰረት እቲ ኣብ ገነት ኤደን ዝተወሃበ ተስፋ፡ ብዛዕባቶም ርእሲ ሰይጣን ዝጭፍልቕ ሓደ መሲሕ ከምዝመጽእ ዝእውጁ ዝነበሩ ብዙሓት ነብያት፣ ብዛዕባቶም ቃል ኣምላኽ ብሕድሪ ንኽሕልው ዝተመረጹ እስራኤላውያን፣ ብዛዕባቶም ኣብ ዘመናት ኩሉ ዝተፈጸሙ ተኣምራት እግዚኣብሄርን ብዝርዝር ገለጸሉ። ብዛዕባ ምውላድ የሱስ ካብ ድንግል ብዛዕባ ቁልዕነቱ ብዛዕባ ብጋህዲ ምግላጹ ብዛዕባ ዝገበሮም ተኣምራትን ብዛዕባ ትምህርቱን ብመርትዖኡ እንዳሰነየ ኣንበበሉ።

ካብኡ ብምቕጻል ክርስቶስ ብኢድ ሰባት ውርደት ከምዝበጽሖ ከምኡ'ውን ኣሕሊፎም ከምዝሃብዎን ናብ ፍርዲ ከምዘቕረብዎን ነገሮ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብዛዕባቲ ኣብ መስቀል ዝተቐበሎ መሪር ሞት ኣንበበሉ። እዚ ኩሉ ክኽውን ከሎ ማርሴሉስ ብትሑት ልቢ ነቲ ታሪኽ ጽን ኢሉ ይሰምዖ ነበረ። በቲ ዝሰምዖ ኩሉ ድማ ልቡ ተተንከፈ። ኣእምሮኡ'ውን እንዳበረሃሉ ከደ። እቲ ምስ ሓጢኣት ሰብ ዋላ ሓንቲ ሕብረት ዘይብሉ ናይ እግዚኣብሄር ቅድስና፣ እቲ ንበዳሊ ከይቀጸዐ ትም ዘይብል ቅኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ፣ እቲ ንብዙሕ ነገር ክጻወር ዝኽእል ትዕግስቱ ከምኡ'ውን እግዚኣብሄር ኩሎም ሰባት ካብቲ ዝወደቕዎ ኣበሳ ዝወጽሉ መንገዲ ንምድላው ሓደ ወዱ በጃ ከምዝህብ ዝገበረቶ ዓባይ ፍቕሩ፡ ብሰንኪ እዚኣ ፍቕሪ'ውን የሱስ ስለ ድሕነት ሰባት ክብል ገዛእ ርእሱ መስዋእቲ ገይሩ ከምዘቕረበን ካልኦት ምስጢራትን እናበርህሉ ከዱ።

ሆኖሪዮስ ኣብ መወዳእታ ነቲ ክርስቶስ "ኣምላኽይ ኣምላኽይ ንምንታይ ሓደግካኒ" ዝበሎ ቃል ምስቲ "ተፈጸመ!" ዝብል ናይ ዓወት ቃል ምስ ኣንበበሉ ማርሴሉስ ፊቕ ኢሉ በኽየ። ሆኖሪዮስ ከኣ በተን ንብዓት ዝሓዘላ ኣዒንቱ ቅንዕ ኢሉ እንተጠመተ እቲ ጎበዝ በዓል ስልጣን ክነብዕ ከሎ ረኣዮ። ማርሴሉስ ድማ እንዳበኽየ "በቃ፡ ይኣኽለኒ፡ ሕጂ ብዛዕባ ክርስቶስ ዝሓስበሉ ቅሩብ ግዜ ሃበኒ" በሎ።

ንእኡ ነቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና'ውን ብደሙ ዝሓጸበና ..."

ማርሴሉስ ገጹ ኣብ የእዳው ቀበረ፡ ሆኖሪዮስ ድማ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ኣቕኒው ጸለየ። እቶም ምስኡም ዝነበሩ ሓደ ብሓደ ገዲፎሞም ነናብ ቦትኡም ከይዶም ስለዝነበሩ ኣብታ ክፍሊ ንበይኖም ነበሩ።

ካብታ ጥዋፍ ድኽም ብርሃን ይበርህ ነበረ። ክልቲኦም ሓንቲ ቃል ከየውጽኡ ድማ ንነዊሕ ግዜ ጸንሑ።

ድሕሪ ግዜ ማርሴሉስ ርእሱ ብምቕናዕ "ካብቶም ነቲ ቅዱስ ዝቐተሉ ሓደ ከምዝኾንኩ ኮይኑ ተሰሚዑኒ ኣሎ። ካብቲ ናይ ህይወት ቃል ወሲኽካ ኣንብበለይ። ዕጫ ናይ ህይወተይ ብእኡ እዩ ዝውሰን" በሎ።

ሆኖሪዮስ ድማ ብዛዕባ ስቕለቱ፣ ቀብሩ፣ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ሞት ምትንሳኡ፣ ናብ ሰማይ ምዕራጉ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ምውራዱ፣ መንፈስ ቅዱስ ንልቢ ኣመንቲ መቕደሱ ብምግባር ኩሉ ግዜ ምስኡም ከምዝነብርን ከምኡ'ውን መንፈስ ቅዱስ ስለ ክብሪ ክርስቶስ ነቶም ብንስሓ ዝምለሱ ኩሎም ኣብ ህይወቶም ክርስቶስ ከምዝግለጽ ብምግባር ኣብ ህይወት ኣመንቲ ብዛዕባ ዝሰርሓ ግሩም ዝኾነ ስራሕ ኣንበበሉ። ሆኖሪዮስ ብምቕጻል ነፍሲ ማርሴሉስ ዕረፍቲ እትረኽበሉ መንገዲ ድሕሪ ምሕባር ነቶም "ናባይ ንዑ" ዝብል ጻውዒት የሱስ ኣኽቢሮም ንየሱስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኦም ዝቕበሉ ሓጥኣን ኩሎም ናይ ዘለኣለም ህይወት ተስፋ ከምዝተወሃቦም ኣብርሃሉ። ብዛዕባ ዳግም ምውላድ፣ ብዛዕባ ሓድሽ ህይወት፣ ብዛዕባ ካልኣይ ምጽኣት ጎይታን ብዛዕባ ንኣመንቲ ዝተወሃበ ተስፋን ድማ ኣንበበሉ።

ማርሴሉስ ከኣ ነዚ ኩሉ ምስ ሰመዐ ከምዚ በለ "እዚ ብሓቂ ቃል ኣምላኽ እዩ፡ እዚ ብሓቂ ካብ ሰማይ ዝወረደ ድምጺ ኣምላኽ እዩ፡ እዚ ዝሰማዕክዎ ኩሉ ንልበይ ተንኪፍዎ ኣሎ። ስለዚ ድማ ዘለኣለማዊ ሓቂ ምኳኑ ተረዲኡኒ ኣሎ። ነዚ ሕጂ ዝተነበለይ ምድሓን ከመይ ገይረ ክውንኖ እኽእል? ኣዒንተይ ኩለን ስለዝተኸፈታ መንነተይ ክፈልጥ ክኢለ ኣለኹ። ቅድሚ ሕጂ ንገዛእ ርእሰይ ከም ጻድቕ ገይረ እቕጽራ ነይረ። በዚ ሕጂ ዝተገለጸለይ ብርሃን ንነብሰይ ክምርምራ ከለኹ ግና ኣብ ቅድሚ እቲ ቅዱስ ኣነ ሓደ ረሳሕን ሓጥእን ምኳነይ ተረዲኡ ኣለኹ። ብርግጽ'ውን ኣብ ሓመድን ሓሙኹስትን ኮይነ ካብ ምንሳሕ ወጻኢ ኣብ ቅድሚ እቲ ቅዱስ ደው ክብል ዘይግብኣኒ ሓጥእን ዓመጸኛን እየ። ንምኳኑ ከመይ ገይረ ክድሕን እኽእል?"

ሆኖሪዮስ ድማ "ክርስቶስ የሱስ ንዝጠፍኡ ክደልን ከድሕንን እዩ ዝመጸ" ክብል መለሰሉ።

"ብኽመይከ ክቕበሎ ኣኽእል?"

"እዚ ንሕና እንሰብኮ ዘለና ቃል እምነት ኣብ ኣፍካን ልብኻን ጥቓኻ እዩ። ብኣፍካ የሱስ ጎይታ ምኳኑ እንተነገርካ ብልብኻ'ውን ኣምላኽ ካብ ምውታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ። ከመይሲ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ ብኣፉ ተኣሚኑ'ውን ይድሕን እዩ"

"ኣነ ክገብሮ ዝግብኣኒ ዋላ ሓንቲ ነገረ የለን ማለት ድዩ?"

"ሓደ እኳ ከይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ከኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ"

"ከቕርቦ ዝግብኣኒ መስዋእቲኽ ኣሎዶ?"

"የሱስ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ርእሱ ስለ ሓጢኣት ንመስዋእቲ ምስ ወፈየ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቕመጠ። ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዝመጹ ኩሉ ግዜ ምእንትኦም ክልምን ዝነብር ስለዝኾነ ፈጺሙ ከድሕኖም ይኽእል እዩ"

ማርሴሉስ ከኣ "ዝርድኣኒ እንተኾይኑስ ነዚ ቃል ምሃረኒ፡ ናብኡ'ውን ቀልጢፍካ ምርሓኒ" በሎ።

ኣብታ ንእሽቶይ ብርሃን ዝነበራን ፍጹም ዝኾነ ጸጥታ ዝነገሳን ክፍሊ ድማ ሆኖሪዮስ ንጸሎት ተንበርከኸ። ማርሴሉስ'ውን ኣብ ጥቕኡ ፍግም በለ።

ሆኖሪዮስ ጸሎቱ ከዕርግ ከሎ ድማ ማርሴሉስ ነፍሱ ናብ መንግስተ ሰማያት ብጺሓ ምስ ጎይታ ትራኽብ ዘላ ኮይኑ ተሰመየ። እተን ካብ ኣፍ ሆኖሪዮስ ዝወጻ ዝነበራ ቃላት ልክዕ ከም ናቱ ገይሩ ቆጸረን። እቲ ጭንቀቱ ከምቲ ዝድለ ብቃላት ሆኖሪዮስ ናብ ጎይታ ከምዝበጽሐ ተሰመየ። ኣብ መወዳእታ ድማ ጽምኣቱ እንዳሓየለ ከደ።

ሓቀኛ እምነት ኣብ ውሽጢ ልቡ ሱር ክትሰድድ ጀመረት። ልሳኑ'ውን ተፈትሐ። ናይ ልቡ እህህታ ከኣ "ኦ ጎይታ እኣምን ኣለኹ፡ ንዘይምእማነይ ከኣ ደግፍ" ብዝብላ ቃላት ገለጸ። ኣብ መንጎ ሰብን ኣምላኽን ዘሎ ማእከላይ'ውን እቲ ሰብ ክርስቶስ የሱስ ሓደ በይኑ ምኳኑ ተረደኣ። ነቲን የሱስ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ዝተዛረበን ቃላት ድማ ናይ እምነቱ

መልህቅ ገበረን፡ “እቲ ንቃለይ ዝሰምየን ቡቲ ዝለኣኸኒ ዝኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ካብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር ናብ ፍርዲ ከም ዘይበጽሕ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኸ። ኣነ ንኣባጊዐይ ናይ ዘለኣለም ህይወት እህበን፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፡ ካብ ኢደይ’ውን ዝምንዝዐን የልቦን።”

ኣብታ ዝተንበርከኸላ ቦታ ከለው ሓያለ ሰዓታት ሓለፋ። እወ፡ ኣብታ ካብ ሞት ናብ ህይወት እትሰጋገር ነፍሲ ዝፍጸም ተኣምር መን ኮን ክገልጾ ይኽእል?

ጸሓይ ኣብ ልዕሊ’ቲ በዓትታት ኣብ ዘሎ ምድሪ ብርሃና ክትፍኑ ከላ ናይ ማርሴሉስ ነፍሲ ድማ ኣብቲ ሰመያዊ ብርሃን ኣትያ ትሕጎስ ነበረት። ኑቲ ዝናፍቕ ዝነበረ ኩሉ ረኸቦ። ናይ ሓጢኣት ጸር’ውን ፈኽሰሉ። ልቡ’ውን ቡቲ ብምኽንያት የሱስ ዝወሃብ ሰላም ኣምላኽ ተመልኣ። ምስጢር ክርስትና ናይ ብሕቲ ዋኒኑ ክገብሮ ከኣለ። ብፍቓዱ ድማ ባርያ ክርስቶስ ክኸውን መረጸ። ምስቶም ብክርስቶስ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ዝኾኑ ከኣ ብሕብረት ከምዚ እናበለ ክዝምር ከኣለ፡

ንእኡ ኑቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና’ውን ብደሙ ዝሓጸበና
ካብ ዘለኣለም ክሳዕ ዘለኣለም
ክብርን ሓይልን ይኹን።

ብዝሒ መሰኻኽር

እዚኣቶም ኩሎም ብእምነት ዝሓለፉ እዮም

ማርሴሉስ ኣጸቢቑ ብዛዕባ ክርስትያናት ክፈልጥ ጀመረ። ንቑሩብ ግዜ ምስ የዕረፈ ብመሪሕነት ሆኖሪዮስ ኩነታት ናይተን ክርስትያናት ዝነብሩለን ቦታታት እናተዘዋወረ ተዓዘበ። ማርሴሉስ ድማ እቶም ኣብታ መኣከቢት ክፍሊ ዝረኣዮም ክርስትያናት ምስቶም ኣብ ካታኮምብ ዘለው ክርስትያናት ከነጻጽሮም ከሎ ቁጽሮም ውሑድ ምኻኑ ንመጀመርያ ግዜ ተረደኣ።

ጉዕዝኣም ብዝቐጸሉ መጠን እቶም ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝነበሩ ክርስትያናት ብብዙሕ ኣሽሓት ዝቑጸሩ ምኻኖም ፈለጠ። እቶም ክርስትስያናት ብማሕበራት ተጠርኒፎም ከምዝነብሩ’ውን ረኣየ። ነፍሲ ወከፈ ማሕበር ድማ ምስታ ከተማ እትራኸበሉ ናታ ፍሉይ መንገዲ ነይርዋ።

ማርሴሉስ ምስ ሆኖሪዮስ ኮይኑ ዘካየዶ ጉዕዞ ነዊሕ ነበረ። ብብዝሒ ናይቶም ኣበየ ቦትኡ ዝርእዮም ዝነበሩ ክርስትያናት ድማ ተደነቐ። ዋላኳ ብዙሓት ምኻኖም ቅድሚ ሕጂ ይርድኦ እንተነበረ፡ ክንድዚ ዝኸውን ጭፍራ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ናይ ምንባር ዕጫ ይመርጽ እዩ ዝብል ሓሳብ ግና ኣይነበሮን። በቶም ብህይወት ዘለው ጥራይ ዘይኮነስ ብታሪኽ ናይቶም ዝሞቱ’ውን ከይተረፈ ልቡ ተማረኸ። ኣብ ዝሓለፍዎ ቦታታት ኩሉ ኣብ ዝነበሩ መቓብራት ዝተወቐሩ ጽሑፋት ኣንበበ። እቶም ኣብኡ ዝዓረፉ ኩሎም ጽኑዕ እምነትን ልዑል ዝኾነ ዓላማ ዘለዎ ተስፋን ከምዝነበሮም ካብቶም ጽሑፋት ክርዳእ ከኣለ። ማርሴሉስ’ውን ነቶም ኣብቲ መቓብራት ዝተወቐሩ ጽሑፋት ምንባብ ከሕጉሶ ጀመረ። ሆኖሪዮስ ከኣ ታሪኽ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰማእት እናተንተነ ይገልጸሉ ነበረ።

ሆኖሪዮስ ደው ብምባል “ሓደ ናይ ሓቂ ምስክር ኣብቲ ዓሪፉ ኣሎ” ክብል ኣመልከተሉ። ማርሴሉስ ድማ ናብቲ ሆኖሪዮስ ዘመልከተሉ ኣንፈት ብምዛር እዚ ዝስዕብ ቃል ኣንበበ *“ፕሪሚቲዮስ ብሰላም፡ ብዙሕ ሲቓይ ተቐቢሉ ዝሞተ ጽኑዕ ሰማእት። ዕድሚኡ ሰላሳ ዓመት ነበረ። ሰበይቱ ድማ እዚ ንእኡ ዝግበእ መዘከርታ ኣቀሙትሉ።’* ሆኖሪዮስ ብምቕጻል “እዞም ሰባት፡ ክርስትያን ዝኾነ ኩሉ ብኽመይ ዝበለ ኣገባብ ክመውት ከምዝግብኡ ይምህሩና። እነሆልካ፡ እቲ ሕልፍ ኢሉ ዝረኣየና’ውን ናይ ሓደ ከም ናይ ፕሪሚቲዮስ ዓይነት ስቓይ ተቐቢሉ ዝሓለፈ ሰማእት መቓብር እዩ”

‘ጳውሎስ፡ ንዘለኣለም ብኽብሪ ንምንባር ካብዛ ዓለም ብስቓይ ሓሊፉ’

“እዚ ድማ ናይ ሓንቲ ወይዘሮ መቓብር እዩ። ናታ ኣማውታ ድማ ክርስቶስ ነቶም ድኹማት ዝኾኑ ሰዓብቱ’ኳ ኣብ ግዜ ጸበባ ክንዲ ምንታይ ብርታዐ ከምዝህቦም ህያው ምስክር እዩ።”

‘ክሌሜንትያ፡ ብስቓይ ሞይታ፡ ማን ክትትንሰእ ኢያ’

“ሓደ ኣማኒ ምስ ሞተ ብኡብኡ ነፍሱ ካብ ስጋኡ ተፈልያ ምስ ጎይታ ትኸውን። ኩሎም ኣመንቲ ዝጸባበይዎ ሓደ ዓቢ ተስፋ እንተልዩ ንሱ ከኣ እቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ክፍጸም ዝኽእል ካልኣይ ምጽኣት

ናይ ጎይታ እዩ። ጎይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጹ ሊቀ መላእኽትን ብመለኽት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ክወርድ እዩ። እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ክትንስኡ እዮም። ብድሕር'ዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘለና ንምቕባል ጎይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሓቢርና ብደበና ክንለዓል ኢና። ከምኡ'ውን ንሓዋሩ ምስ ጎይታ ክንነብር ኢና"

"እዚ ትርእዮ ዘለኻ ድማ ናይ ሓደ ኮንስታንስ ዝበሃል ሓውና መዕረፊ እዩ። ክልተ ግዜ ናይ ሞት ፍርዲ እንተተፈረዶ'ኳ ንሱ ግና ክልቲኡ ግዜ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ተረኽበ። ኣብ መጀመርያ ብመርዚ ንኽመውት ተፈሪድዎ። እቲ መርዚ ገለ ከይጎደኡ ምስተረፈ ድማ ተሰይፉ። እታ ብሰይፊ ክዓትራ ዝተመደበትሉ ኣኽሊል እታ መርዚ ከተዕትሮ ኣይከለትን።"

ብኽምዚ ድማ ነቶም ኣብ የማነ ጸጋሞም ተጻሒፎም ዝነበሩ ናይ መዘኸርታ ጽሑፋት እናንበቡ ጉዕዝኡም ቀጸሉ። ማርሴሉስ ከኣ ብርክት ዝበሉ ኣስማት ናይ ቅዱሳን ብምንባቡ ፍሉይ ዝኾነ ስምዒት ፈጠረሉ።

ልክዕ ከምዚ ታሪኽ ቤተክርስትያን ክርስቶስ ብቐረባ ዝመርመረ ኮይኑ ተሰመየ። እቶም ሰማእታት ዝፈጸምዎም ቅያታት ብዝተኾልዑ ቃላት ኣብ ቅድሚኡ ተመዝጊቦም ተረኣይዎ። ኣብ መብዛሕትኦም መቓብራት ተሳኢሎም ዝነበሩ ስእልታት ናይ ሓዘን ስምዒትካ ዝትንክፉ ነበሩ። ነተን ናይ ደርሆ ጭሕጋር ዝመስላ ፊደላትን፡ ኣብ ብዙሓት መቓብራት ተወቒረን ዝነበራ ጽሑፋትን ከተንብብ ከለኻ ወንጌል ነቶም ድኻታትን ናይዛ ዓለም ንዑቓትን ዝኾኑ ሰባት ክንዲ ምንታይ ክቡር መዝገብ ከምዝነበረ ክትርዳእ ይከኣል። *'ካብ ማእከልኩም ብዙሓት ሰልጡናት ብዙሓት ጭዋታት ኣይተጸውውን፡ እንተኾነ ግና ንድኻታት ወንጌል ይሰበኽ ኣሎ'* ኣብ መብዛሕትኦም መቓብራት ክልተ ዝተጣመራ ናይ ግሪኽ ፊደላት ይረኣያ ነበራ። እዘን ክልተ ፊደላት ክትርጎማ ከለዋ ትርጉመን "ክርስቶስ ጎይታ" ዝብል ነበረ።

ገሊኦም ምልክታት ብቐጽሊ ስዒ ወቂቦም ይረኣዩ ነበሩ። እዚ ቆጽሊ ስዒ እቶም ኣብ ዙርያ ዙፋን እቲ ቅዱስ ደው ንኽብሉ ዕድል ዝወሃቦም ቅዱሳን ኣብ ኣእዳዎም ዝሕዝዎ ናይ ዓወትን ዘለኣለማዊነትን ምልክት እዩ። ኣብ ካልኦት መቓብራት ድማ ዝተፈላለዩ ምልክታት ይረኣዩ ነበሩ።

ማርሴሉስ ናብ ሓንቲ ናይ መርከብ ስእሊ እናመልከተ "እዚኽ እንታይ እዩ?" ክብል ሓተተ።

"እዚኣ ናይ መርከብ ስእሊ፡ ነፍሲ ቅዱሳን ካብዛ ምድሪ ናብ ሰመያዊ ዕረፍቲ ከምዝተጓዓዘት እተመልክት እያ።"

"ናይ ዓሳ ስእሊ ብቐጻሊ የጋጥመኒ ኣሎ፡ ትርጉሙ እንታይ ኮን ይኽውን?"

"እዚ ትርእዮ ዘለኻ ናይ ዓሳ ስእሊ ዓሚቕ ዝኾነ ምስጢር ኣለዎ። እተን "ዓሳ" ዝብል ቃል ዝጸሓፈለን ሓሙሽቲኣን ናይ ግሪኽ ፊደላት፡ ናይ ኣመንቲ ክብርን ተስፋን ዘመልክታ እየን። እዘን ሓሙሽተ ናይ ግሪኽ ቃላት ናብ ናይ ትግርኛ ፊደላት ክቕየራ ከለዋ *"የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ መድሓኒ ዓለም"* ዝብል ትርጉም ይህባና።"

"ሓንቲ መርከብን ሓደ ናይ ባሕሪ ኣራዊትን ብሓባር ተሳኢሎም ይረኣዩኒ ኣለው፡ ናይዚ ትርጉምከ እንታይ እዩ?"

"እዚ ስእሊ ናይ ሓደ ቅድሚ ነዊሕ ዘመን ዝነበረ ዮናስ ዝበሃል ናይ እግዚኣብሄር ነብዩ ተምሳል እዩ። ከምዝመስለኒ ብዛዕባ ናቱ ታሪኽ ገና ኣይሰማዕካን ዘለኻ" ድሕሪ ምባል ሆኖሪዮስ ብዛዕባ ታሪኽ ዮናስ ንማርሴሉስ ክገልጸሉ ጀመረ። ናይ ዮናስ ካብ ከብዲ ዓሳ ክወጽእ ምኽኣል ናይ ክርስቶስ ካብ ከርሲ መቓብር ብዓወት ናይ ምውጻእ ትንቢት ከምዝነበረ ገለጸሉ። "እቲ ናይ ተስፋታት ኩሉ መሰረት ዝኾነ ናይ ትንሳኤ ተስፋ ዓቢ ምጽንናዕ ዝህብ ተስፋ እዩ። ነዚ ተስፋ'ዚ ከይንዝንግዕ ዘዘኻኽሩና ድማ ሓያለይ ምልክታት ኣለውና። ናይታ ልሙዕ ቆጽሊ ኣውሊዕ ሒዛ ናብ ኖህ ዝመጸት ርግቢት ስእሊ'ውን ብዛዕባ ትንሳኤ እዩ ዘዘኻኽረና" ድሕሪ ምባል ናይቲ ስእሊ ምስጢር ኣጸቢቑ ምእንቲ ክርድኦ ብዛዕባ ማይ ኣይሂ ጽቡቕ ገይሩ ተረኽሉ።

"ካብ ኩሎም ምልክታት፡ ናይ ትንሳኤ ተስፋና ኣዝዩ ዘበርትዖ ናይ ኣልኣዛር ትንሳኤ ስእሊ እዩ።"

"እዚ ትርእዮ ዘለኻ ናይ መልህቕ ስእሊ'ውን ናይ ተስፋ ምልክት እዩ። ኣማኒ ዘበለ ኩሉ ብናይዛ ዓለም ማዕበል ናብትን ናብዝን እንተተገፍዐ'ኳ ናብታ ሰማያዊት ቤቱ ንምብጻሕ ካብ ምግዳል ግና ዓዲ ክውዕል የብሉን።"

“ኣብቲ ድማ ናይ ሓደ ተባዕታይ ደርሆ ስእሊ ይረአ ኣሎ፡ ንሱ ናይ ምንቃሕ ምልክት እዩ። ጎይታና ንቐሑን ጸልዩን ዝበለና ቃል የዘኻኽረና። ናይ ሓደ ገንሸል ስእሊ ድማ እነሆልካ። ንሱ ከኣ ናይ ንጽህናን ናይ ርሕራሔን ምልክት ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፡ ነቲ ሓጢኣትና ዝጸረ ብመስዋእቱ’ውን ህይወት ዝሃበና ገንሸል ኣምላኽ ድማ የዘኻኽረና። ኣብዚ ከኣ ናይ ርግቢት ስእሊ ኣሎ። ርግቢት’ውን ከም ገንሸል ናይ ንጽህና ምልክት ኮይና፡ እቲ ኣብ ኣፋ ዝሓዘቶ ልሙዕ ቆጽሊ ኣውሊዕ ድማ ሰላም የበስር።”

“ኣብቲ ድማ ክልተ ፊደላት ይረኣያ ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ኣልፋ፡ ኦሜጋ ዝበሃላ ናይ መጀመርያን ናይ መወዳእታን ናይ ግሪኽ ፊደላት እየን። ነቲ ጎይታና “ኣነ ኣልፋን ኦሜጋን እየ” ዝበለና ድማ የዘኻኽራና።”

“እዚ ዝረኣየካ ዘሎ ኣኽሊል ድማ ተምሳል ናይቲ ጻድቕ ዝኾነ ጎይታና ኣዳልዩልና ዘሎ ዘይበርስ ኣኽሊል እዩ። ብሓፈሻ እዞም ኣበየ ቦትኡ ትርእዮም ዘለኻ ምልክታት ኩሎም ነቲ ኣብ ሰማይ ዝጽበየና ዘሎ ክብሪ ዘዘኻኽሩና ኣብ ልዕሊ ምኳኖም ነዚ ናይዛ ዓለም ጸበባ ረሲዕና፡ ብእምነት፡ ብርሃን ናይቲ ዘለኣለማዊ ክብሪ ከም እንርኢ ይገብሩና።”

ማርሴሉስ ከኣ “እዝስ ምናልባት ምስ ናተይ መጻኢ ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ቃል፡ ናይ ትንቢት ቃል ይመስል። ንሱ ጽንዓት ይሃበኒ እምበር ኣነውን ኣብ መጻኢ ናይ ክርስቶስ ምስክር ዝኾነሉ እዋን ይመጽእ ይኸውን” በለ።

‘ማርሴ፡ መንእሰይ ሓለቓ ሰራዊት፡ ብዘመነ ንግስነት ኣንድርያን ደሙ ሰለ ክርስቶስ ኣፍሲሱ ብሰላም ሓሊፉ። ፈተውቱ ድማ ብሓዘንን ብፍርሃትን እዚኣ መዘከርታ ኣቕሙምሉ’

ሆኖሪዮስ ቀጺሉ “ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም። ግናኸ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ዝብል መጸናንዒ ክርስቶስ ባዕሉ ሂቡና ኣሎ። ብሓደ ወገን ካብ ክፉእ ክንጥንቀቕ ክመኽረና ከሎ በቲ ሓደ ወገን ድማ ንሱ ባዕሉ ረዲኡትና ከምዝኸውን የረጋግጸልና። ካብኡ’ውን ንድኻምና ዝኸውን እኽል ጸጋ ንቐበል ኢና” በሎ።

ማርሴሉስ ከኣ “ናይዚ መንእሰይ ሓለቓ ሰራዊት ኣብነት ክኽተል ናይ ልበይ ሃረርታ እዩ። ከም ናቱ ደመይ ስለ ክርስቶስ ዝፈሰላ ዕለት ብተስፋ ክጽበ እየ፡ ሓንትስ ከም ናቱ እሙን ንምኳን ጥራይ የብቅዓኒ። ኣብ ማእከል ኣቶም ዓበይትን ሓያላንን ዝበሃሉ ብኽብሪ ካብ ዝቐበር ኣብ ማእከል ኣሕዋተይ ብኽምዚ ዝበለ ኣገባብ ክዓርፍ እመርጾ” በለ። ክልቲኦም ተተሓዞም ድማ ጉዕዝኦም ቀጸሉ።

ማርሴሉስ ከኣ ከምዚ እናበለ ይሓስብ ነበረ “ብርግጽ’ውን ሞት ናይ ክርስትያን፡ ሞት ኣይበሃልን እዩ። ንክርስትያን ሞት ማለት ጭንቀት ዘይብሉ ዝተቐደሰ ድቃስ ማለት እዩ። ኣብ ግዜ ሞት ናይ ኣመንቲ ነፍሲ ምስ ጎይታ ክትከውን ናይ መወዳእታ ትንሳኤ ትጸባበ። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ ናይ ኣማኒ ሞት ዓወትን ዘለኣለማዊ ዕረፍትን ዘዘኻኽር እዩ”

‘ናይ ኣልፒስ መዕረፊ ቦታ።’
‘ዙቲኩስ፡ ኣብዚ ዓሪፉ ኣሎ።’
‘ኣሴሉስ፡ ብክርስቶስ ደቂሱ።’
‘ማሪቲሪያ፡ ብሰላም፡’
‘ቪዳሊያ፡ ብክርስቶስ ብሰላም።’
‘እቲ ሕያዋይ ኢሴፎሩስ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ቦታ፡’

እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ናይ መዘከርታ ቃላት እናንበቡ ክንዓዙ ከለው ሆኖሪዮስ ንማርሴሉስ ከምዚ በሎ “ኣብ ገለገለ መቓብራት ተወቒሮም ዘለው ጽሑፋት ናይቲ መዋቲ ጠባይ ዝገልጹ እዮም። እስከ ነዚ ተዓዘብ።”

‘ማክሴሙስ፡ 23 ዓመታት ኣብ ምድሪ ነይሩ፡ ፈታው ኩሉ።’

‘ቦርንኒዮስ፡ ዕለት ሓሙሽተ ጥቅምቲ ብክርስቶስ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ፡ ኩሉ ፈታዊኡ።’

“እዚኣተን ድማ ናይቲ መዋቲ ናይ ምድራዊ ህይወቱ ኩነታት ዝገልጻ ናይ መዘከርታ ቃላት እየን፡

‘ካሲልዮስ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ካሲልያ ፕላሲንዳ ንሰናይ መዘከርታ ዘቐሞ። ብዘይ ዝኾነ ይኹን ባእሲ ንዓሰርተ ዓመታት ብሓባር ኔርና፡ ብመድሓኒና ብየሱስ ክርስቶስ።’

‘በቲ ናይ ኣማልኽቲ ጎይታ ዝኾነ ክርስቶስ ሰም፡ ቪታሊስ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ቀዳም መዓልቲ ኣብ መበል ዕስራን ሓሙሽተን ዓመትን ሸሞንተ ወርሕን ዕድሚኡ ሞይታ ኣብዚ ተቐቢራ። ምስ ሰብኣያ ዓሰርተ ዓመትን ሰላሳ መዓልትን ብሓባር ነይራ። ብክርስቶስ ናይ መጀመርያኣን ናይ መወዳእታኣን።’

“እዚ ድማ ሓደ ኣቦ ንውላዱ ዘለዎ ፍቕሪ ዝገልጽ እዩ፡

‘ሎሬንስ፡ ንፍቕር ወደይ ንሰሺሩስ። ዕለት ሸውዓተ ጥሪ ብመላእኽቲ ተዓጂቡ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ’

ሆኖሪዮስ ንማርሴሉስ ከምዚ እናበለ ከረድኦ ጀመረ፡ “ሓደ ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣመነ ካብ መንፈስ ቅዱስ ሓድሽ ዝኾነ ባህርይ ይቕበል። እዚ ሓድሽ ባህርይ ድማ ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለን ካብ ፍቕሩን ተኻፋሊ ይገብሮ። ከምዚ ሕጂ ዝረኣኻዮ ከኣ ኣማኒ ዝኾነ ኩሉ ንፈተውቱን ንኣዝማዱን ዓቢ ዝኾነ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ዘርእይ’ውን ካብዚ ዝተለዓለ እዩ። ሓደ ኣማኒ ካብ ጽልዋ ናይቲ ኣረጊት ኣዳማዊ መንነቱ ነጻ ክኸውን እኳ እንተዘይከኣለ ርእሱ ዝገትኣሉ ውሽጣዊ ሓይሊ ግና ኩዱ ኣይሓጽሮን እዩ።”

ኣብ ጉዕዝኣም ዘመድ ንዘመዱ፡ ፈታዊ ንፈታዊኡ ዘለዎ ምውቕ ፍቕሪ ዝገልጹ መግለጺታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መቓብር ተጻሒፎም ረኣዩ።

ብዙሓት ኣመንቲ ብሓባር ኣብ ዝተቕበሩላ ቦታ ምስ በጽሑ ሆኖሪዮስ ንማርሴሉስ ከምዚ በሎ “ሓደሓደ ግዜ ክልተ ሰለስተ ሰባት ኣብ ውሽጢ ሓደ መቓብር ይቕበሩ። ስደት ኣብ ዝበዝሓሉ እዋን ድማ ብዙሓት ኣመንቲ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ጉድጓድ ከምዝባረፉ ይግበር። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ እቲ ዝግባእ ናይ ቀብሪ ስነስርዓት ንምፍጻም ኣጸጋሚ ይኸውን። ሕልፍ ኢሉ ዝረኣየካ ዘሎ ድማ ኣስማቶም ናይ ዘይተፈልጡ ብዙሓት ሰማእታት መቓብር እዩ። ዋላ’ኳ ኣስማቶም እንተዘይተፈልጠ እቲ መዘከርታኦም ግና ክቡር ኮይኑ ክነብር እዩ።” እዞም ዝስዕቡ ቃላት ከኣ ኣብቲ መቓብር ነበሩ።

‘ማርሴላ፡ ምስ ሓሙሽተ ሚእቲ ሰማእታት ዝዓረፍኩ መቓብር።’

“ከምዚ ዝረኣኻዮ፡ እዚ ኩሉ ናይቶም ፍቑራት ዝኾኑ ክርስትያናት ኣሕዋትና መዕረፊ እዩ። ኣስማቶም ድማ ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስትያናት ክዝከር ክነብር እዩ። ኣብ መዓልቲ ልደት ከኣ ኣብ ዙርያ እቲ መቓብራት ተኣኻኺብና ናይ ፍቕሪ በዓል ነብዕል። ኣብዚ በዓል’ዚ እከለ ዓቢ እዩ እከለ ከኣ ንእሽተይ እዩ ዝበሃል ነገር የለን። ናይ ዓሌትን ናይ ቋንቋን ፍልልይ እኳ ንሕብረትና መሰናኽል ክኾኑና ኣይክእሉን እዮም፡ ከመይሲ ኩላትና ኣሕዋት ኢና። ከምቲ ክርስቶስ ንዓና ዘፍቀረና ንሕና’ውን ንሓድሕድና ክንፋቐር ኣለና።”

ማርሴሉስ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ኣብ ዝገበሮ ዙረት ክርስትያናት ንሓድሕዶም ዘለዎም ፍቕሪ ብቓል ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ክገልጹ ከለው ብቐረባ ክዕዘብ ከኣለ። ኣብ ዝበጽሑ ቦታ ዝረኸቦም ኩሎም ሰባት ሃብታም ድኻ፡ ንእሽቶ ዓቢ ከይተበሃላሉ ብሓድነትን ብፍቕርን ሓቢሮም ክነብሩ ከለው ተዓዘበ።

ቅድሚ ሕጂ ጸረ ክርስትያናት ዝነበሩ ሰጎግቲ ሕጂ ንባዕሎም ክርስትያን ኮይኖም ምስቶም ክርስትያናት ብሓባር ክነብሩ ይረኣዩ። ኣርዑት ናይ ሕጊ ሙሴ ዝተሰብረሉ ኣይሁዳዊ ካህን፡ ምስቶም ቀደም ዝጽየፎም ዝነበሩ ኣህዛብ ሓቢሩ ክነብር ይረኣ። ንወንጌል ከም ስንፍና ዝቖጽሮ ዝነበረ ግሪኻዊ፡ እቲ ዓሚቕ ምስጢሩ ስለዝተረደኦ ነቶም ዘስተናዕቖም ዝነበረ ክርስትያናት ሎሚ ናይ እምነት ኣሕዋቱ ገይርዎም ይረኣ። ኣብዚ ቦታ፡ ኣነነት፣ ንዓይ ይጥዓመኒ ምባል፣ ኩርዓት፣ ቅንኣት ከምኡውን ሕሱር ዝኾኑ ናይ ስጋ ሓሳባት ንክርስትያናዊ ፍቕሪ ቦትኣም ገዲፎም ይረኣዩ። እምነት ክርስቶስ፡ ንልቢ ኣመንቲ ብምልኣት ኣብ ልዕሊ ምቁጽጻሩ፡ ኣብቶም ኣብ ካትኮምብ ዝነበሩ ክርስትያናት ዝነበረ ናይ መንፈስ ሓዊ’ውን እንተኾነ ኣብ ዝኾነ ይኹን ስፍራ መዳርግቲ ዘይርከቦ ነበረ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቲ ብዘይ ኣፈላለይ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ዝወርድ ዝነበረ ስደት ካብ ምድራዊ ጣዕሚ፣ ካብ ናይ ዓለም ፈተናን ካልእ ፍትወታትን ገላጊሉ ብፍቕሪ ክርስቶስ ከምዝተኣሳሰሩን ነቲ ዝወርዶም ዝነበረ መከራ ድማ ብሕብረት ከምዝቕበልዎ ይገብሮም ስለዝነበረን እዩ።

ሆኖሪዮስ ድማ ነቲ መንእሰይ በዓል ስልጣን ብዛዕባ ምስጢር ሓቀኛ ኣምልኾ ከምዚ እናበለ ገለጸሉ “ናብቲ ሓቐኛ ኣምላኽ ዝቕርብ ኣምልኾ ካብቲ ናይ ስሕተት ኣምልኾ ዝተፈለየ እዩ። ኣህዛብ ናብቶም ንጣኦታት ተባሂሎም ዝተሰርሑ ኣብያተ መቕደስ ብምኻድ ብመንገዲ እቲ ቅድስና ዘይብሉ ካህን ገይሮም ሕድገት ሓጢኣት ከምጽኡ ዘይክእሉ መስዋእትታት በብመዓልቱ ናብ ባዕዳውያን ኣማልኽቲ የቕርቡ። ንዓና ግና እቲ ገለ መንቅብ ዘይተረኽቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ገዛእ ርእሱ ንዘለኣለም ብቐዕ ዝኾነ መስዋእቲ ገይሩ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ኣቕሪቡልና እዩ።”

ብክርስቶስ ዝኣምኑ ኣመንቲ ኩሎም በቲ ቅዱስን ዓብዪን ዝኾነ ሊቀ ካህናት ኣቢሎም ናብ ዝፋን ጸጋ ኣምላኽ ክቕርቡ ይኽእሉ እዮም፡ ከመይሲ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብክርስቶስ ናይ መንግስትን ካህናትን ዓሌት ኮይኑ እዩ። ስለዚ እቶም ዘሳድዱና ካብ ኣብያተ ክርስትያናትና ከም እንስደድ እንተገበሩና'ኳ፡ ኣምልኾና ግና ፍሉይ ቦታን ግዜን ክድርቶ ኣይከእልን እዩ። ከመይሲ ሰማይ ዙፋን እግዚኣብሄር እዩ፡ ምድሪ ከኣ መርግጽ እግሩ እያ። ስለዚ ውሉዱ ዘበሉ ኩሎም ኣብ ዘዘለውዎ ቦታን ኣብ ዝጥዕሞም ግዜን ስሙ ክጽውዑ ይኽእሉ፡ ንሱ'ውን ክሰምየም ይኽእል እዩ።"

ማርሴሉስ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝገበሮ ጉዕዞ ነዊሕ ስለዝነበረ ብኡ መጠን እቲ ዝወሰዶ ግዜ'ውን ነዊሕ ነበረ። ዋላኳ ናይ ክርስትያናት ምስጢር ንኽርዳእ ዓቢ ሃረርታ እንተነበሮ በቲ ዝረኣዮ ዘበለ ኩሉ ግና ካብ መጠን ንላዕሊ ተደነቐ። እንተኾነ ግና ካብ ታሪኽ ናይቶም ኣብ ካታኮምብ ዝነበሩ ክርስትያናት ገና ፍርቂ እኳ ኣይተነግሮን ነበረ። እቲ ዝገበሮ ጉዕዞ'ውን ምስ ጠቕላላ ንውሓት ናይ ካታኮምብ ክነጻጸር ከሎ ሓጺር ዝበሃል ነበረ።

ናይቶም በዓትታት ብራኽ ኣብ ገሊኡ ቦታ ክሳዕ ሸሞንተ ጫማ (2.4 ሜትሮ) ክበጽሕ ከሎ ኣብ ገሊኡ ድማ ካብ ዓሰርተ ክሳዕ ዓሰርተ ሓሙሽተ ጫማ ይበጽሕ ነበረ። ናይቶም በዓትታት ብራኽ ምቹእ ኣብ ዝኾነሉ ቦታታት፡ መኣከቢ ክፍልታት፣ ከም ድላይካ ዘንቀሳቕሱ ቦታታትን መንበሪታትን ተሰሪሑም ነበሩ። ኣብ ናሕሲ ናይ ገለገለ መኣከቢ ክፍልታት ድማ ናይ ብርሃን ጨራ ዘእትው ቀዳዳት ይረኣዩ። እዚኣን ቦታታት ክርስትያናት ንኽናፈሱ ዘዘውትርወን ቦታታት እየን። በቲ ቀዳድ ዝኣቱ ዝነበረ ናይ ብርሃን ጨራ ነቲ ጽንኩር ህይወቶም ብመጠኑ ሩፍታ ብምሃብ ንጹሕ ኣየር ከምዘስተማቕሩ ይገብሮም ነበረ።

ማርሴሉስ ኣብ ገለገለ ቦታታት ብስርዓት ብስሚንቶ ተኖኪ ተወቒዑ ዝቕመ ዓንዲ ብምርኣዩ እቲ ምስጢር ንምፍላጥ ንሆኖሪዮስ ሓተቶ። ሆኖሪዮስ ድማ ከምዚ ክብል ገለጸሉ "እዚ ንበይኑ ተፈልዩ ትርእዮ ዘለኻ ዓንዲ፡ ናይ ሓደ ሮማዊ መቓብር እዩ። እቶም በዓትታት ኽኳዓቱ ከለው እቶም ኮዓትቲ ሓደሓደ ግዜ ናይ ሮማውያን ዓጽሚ ዝዓረፈሉ መቓብር የጋጥሞም። ከምዚ ከጋጥሞም ከሎ ነቲ መቓብር ከምዘለዎ ሓዲጎም ብዙርያኡ ምስ ኮዓትዎን ብተኖኪ ምስ ወቕዕዎን ስርሖም ይቕጽሉ። ከምዚ ዝገብርሉ ምኽንያት ድማ መቓብር ሮማውያን ከየፍርሱ ፈሪሆም ዘይኮኑስ ክርስትያን ዘበለ ኩሉ ብህይወት ከሎ ይኹን ምስ ሞተ ነቲ "ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን" ዝብል ኣምላኻዊ ትእዛዝ ከኽብሩ ከምዘለዎም ስለዝተረድኡም እዩ።"

ማርሴሉስ ከኣ ከምዚ ክብል ደጊሙ ሓተተ "መከራን ስደትን መእተውን መውጽእን ኣስኢኖምና ኣለው። ህዝቢ ኣምላኽ ከምዚ ተበታቲኖም ዝነብርሉ ክሳዕ መዓስ እዩ? እቲ ጸላኢናኽ ክሳዕ መዓስ እዩ ንኽሳቐየና ዝፍቀደሉ?"

ሆኖሪዮስ ድማ ከምዚ ክብል መለሰሉ "ዝኾበርካ ማርሴሉስ፡ እዚ ናይ ሕጂ ሕቶኻ ንልቢ ኩላትና ዘጨነቐ ሕቶ እዩ። እንተኾነ ግና እምነትና በዚ ወሪዱና ዘሎ ክነጉረምርም ኣየፍቅደልናን እዩ። ኣብ ልዕል'ዚውን ናይ ጎይታ ረዲኣት ክሳዕ ሕጂ ተፈልዩና ኣይፈልጥን እዩ።

ክርስትያናት ብዘይመከራ ብሰላም ዝነበሩሉ እዋን ከምዝነበረ ይዝከረኒ እዩ። እንተኾነ ግና ሓሓሊፉ ከምዚ ናይ ሕጂ ዓይነት ስደት ይለዓል እሞ ብዙሓት ኣመንቲ ብግፍኒ ይሃልቁ። ዝኾነ ኮይኑ፡ ንማሕበር ክርስቶስ ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፋእ ተዓጢቕም ዝተለዓሉ ሓያላን ኩሎም ምኽሮም ኣብ ግብሪ ከየውዓልዎ ሓሊፎም እዮም።

ክሳዕ ሕጂ ዝበጸሓና ስደትን መከራን ንልብና ልዕሊ ምጽራዩ ንእምነትና'ውን ኣጽኒዕዎ እዩ። ጎይታና እቲ ንዓና ዝጠቕመና ካባና ንላዕሊ ይፈልጥ እዩ። ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ስለዘለና ከኣ ልዕሊ ዓቕምና ሓንቲ ነገር ክወርደና ኣይፈቅድን እዩ። ዝኾበርካ ማርሴሉስ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ክንጽልን ክንነቕሕን ይግባኣና እዩ። እዚ ኩሉ መከራን ስደትን'ውን እታ ዓባይ መዓልቲ ጎይታ ከምዝቀረበት እዩ ዘዘኻኽረና" ክብል መለሰሉ።

ማርሴሉስን ሆኖሪዮስን ብኽምዚ መልክዕ እናተመያየጡ ጉዕዝኦም ቀጸሉ። ማርሴሉስ ድማ ብዛዕባ ምስጢር ኣምላኽን ኣብ ህይወት ኣመንቲ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ነገራትን ክሳዕ ዝኣኽሎ ክፈልጥ ከኣለ። እቲ ሓቑኛ ፍቕሮም፣ ንጽህናኦም፣ ጽንዓቶምን እምነቶምን ከኣ ኣብ ውሽጢ ልቡ ሱር ሰደደ።

ኣብ ውሽጥ'ዛ ሓጻር ግዜ ብዝተረደኦ ነገር ድማ ዕጫ ናይ ክርስትያናት ናይ ምምራጽ ድሌቱ እናሓየለ

ከምዝኸይድ ገበሮ። ብገዛእ ፍቓዱ ድማ ብስም ኣቦን፡ ወድን፡ መንፈስ ቅዱስን ተጠምቀ።

ንጽባሒቱ ከኣ መዓልቲ ጎይታ (ሰንበት) ስለዝነበረ ኣብ መኣዲ ጎይታ ምስቶም ኣመንቲ ተቐረበ። ነቲ ቅዱስን ሞት ጎይታ ዝዝክሩሉን ስርዓት ብሓደ ልቢ ኮይኖም ክካፈልዎ ከለው ከኣ ብዛዕባ ካልኣይ ምጽኣቱ ተስፋ ይገብሩ ነበሩ። ሆኖሪዮስ'ውን ነቲ ቅዱስ መዘኸርታ ዝኸውን ጸሎት ኣዕረገ።

ማርሴሉስ ድማ ንመጀመርያ ግዜ ነቲ እንጌራን ወይንን ብምውሳድ፡ ጎይታ ስለድሕነቱ ክብል ስግኡ ከምዝተቐረሰን ደሙ ከኣ ከምዝፈሰሰን ክርዳእ ከኣለ።

መዝሙር ምስ ዘመሩ ድማ ነናብ ቦትኦም ተበታተኑ።

ናይ እምነት ጽንዓት

<u>ብርግጽ'ውን እቶም ብክርስቶስ የሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ክነብሩ ዝደልዩ ኩሎም ክስነጉ እዮም።</u>

እቲ መንእሰይ ሓለቓ ሰራዊት ካብ ሰፈሩ ካብ ዝፍለ ኣርባዕተ መዓልታት ሓለፋ። ኣብዚኣን መዓልታት ከኣ ብዙሕ ጠቓሚ ፍልጠታት ክቐስም ከኣለ። እቶም ዝተዓዘቦም ክርስትያናት ሞቶምን ህላዌኦምን ከይፈለጡ ብጸበባ ከርተት ዝብሉ ነበሩ። እንተኾነ ግና እቲ ድኻሙ ሓደ ሰናይ ፍረ ኣፍረየሉ፡ እዉ፡ ምስጢር ናይቲ ዕድሚኡ ምሉእ ክፈልጦ ሃረር ዝብሎ ዝነበረ ሓቂ ክርዳእ ከኣለ። ብመንፈስ ቅዱስ ድማ ዳግም ተወለደ።

እዚ ኣብ ህይወቱ ዝተፈጸመ ለውጢ ድማ ሓደ ቆራጽ ውሳኔ ንኽውስን ኣኽኣሎ። ብሓደ ሽነኽ ዝና፣ ክብረትን ሃብትን ደጊኡን ከፊተን ናቱ ምምላስ ይጸባበያ ነበራ። ብኻልእ ሽነኽ ድማ ድኽነት፣ መከራን ስደትን ኣለናልካ ይብልኡ ነበራ። እንተኾነ ግና እቲ መንእሰይ ሓለቓ ሰራዊት በቶም ዝቐረቡሉ ምርጫታት ኣይተማተኣን። ንግዚኡ ብሓጢኣት ባህ ካብ ዝብሎስ ***"ምስ ሀዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ክጸግብ ሓረየ።"***

ናብ ሰፈሩ ብምምጻእ ድማ ንሓለቓኡ ካብቲ ተላኢኽዎ ዝነበረ ቦታ ከምዝተመለሰ ሓበረ። ምስቶም ክርስትያናት ከምዝቐነየን እቲ ተዋሂብዎ ዘሎ ዕማም ድማ ክፍጽሞ ከምዘይክእል ብምሕባር በዚ ምኽንያት ንዝመጸ መቐጻዕቲ ክቐበል ድሉው ምኻኑ ንሓለቓኡ ሓበረ። እቲ ጀነራል ሓለቓኡ ከኣ ብቐጥታ ናብ ክፍሉ ክኸይድ ጽኑዕ ዝኾነ ትእዛዝ ሃቦ።

ኣብ ክፍሉ ኣትዩ ብዛዕባ ክበጽሖ ዝኽእል ነገራት እንዳሓሰበ ከሎ ከኣ ብጸዩ ሉኩሉስ ብሃንደበት ደበኽ በለ። ሉኩሉስ ንብጸዩ ማርሴሉስ ናይ ፍቕሪ ሰላምታ ክቐርበሉ ከሎ ኣብ ገጹ ናይ ስግኣት ምልክት ይንበብ ነበረ። ከምዚ ክብል ድማ ዘረብኡ ጀመረ።

"እቲ ጀነራል ጸዊዑ ንዓኻ ሓደ መልእኽቲ ክነግረካ ኣዚዙኒ ኣሎ። ኣቐዲመ ግና እቲ ዝገበርካዮ ነገር እንታይ ምኽኑ ክፈልጥ እደሊ ኣለኹ"

ማርሴሉስ ድማ ሓንቲ ነገር ከይሓበአ ካብታ ዝኸደላ መዓልቲ ጀሚሩ ዘጋጠሞ ኩሉ ንሉኩሉስ ገለጸሉ። ኩሉ ኩነታቱ ክረአ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቡ ጽንዓት ከምዝሃቦ ብግልጺ ይርአ ነበረ። ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ድማ ብዛዕባቲ ምስ ሓለቓኡ ጀነራል ዝገበሮ ዝርርብ ክገልጸሉ ጀመረ።

"ናብቲ ጀነራል ክኣቱ ከለኹ ዝወሰድክዎ ስጉምቲ እንታይ መዘዝ ከምዘምጽኣለይ ይርድኣኒ እዩ። ዝገበርክዎ ኩሉ ከም ከዳዕ ከምዝቐጽረኒ እፈልጥ እየ። ንኽምዚ ዓይነት ገበን ድማ መቐጻዕቱ ሞት ጥራይ ምኽኑ ኣይሰሓትክዎን። ዝኾነ ኮይኑ ግና ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዘይካቲ ዝገበርክዎ ካልእ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይኮነለይን።

እቲ ጀነራል ዝገበረለይ ኣቐባብላ ካብ ልቢ ዝነቐለ እዩ ነይሩ። ከምዚ መግበሪኡ ድማ ካብቲ ዝተለኣኽክዎ ቦታ ቀኒዑኒ ዝተመለስኩ መሲልዎ እዩ። ኣነ ድማ ምስቶም ክርስትያናት ከምዝቐነኽን፡ ምስኦም ዘሕለፍክዎ ግዜ ከኣ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ዝነበረኒ ኣረኣእያ ምሉእ ብምሉእ ከምዝቐየሮን ሓበርክዎ። ቅድሚ ሕጂ፡ ክርስትያናት ሞት ዝግብኦም ናይ ሃገርና ጸላእቲ ይመስሉኒ ከምዝነበሩን ድሕርዚ ዝገበርክዎ ምብጻሕ ግና ክርስትያናት ብስርዓት ዝነበሩ፡ ንሃገሮምን መንግስቶምን ድማ ብቕንዕና ዘገልግሉ ምኻኖም ከምዝተረዳእኩ ኣይሓባእኩሉን። ሰይፈይ ኣብ ልዕሊ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ንጹሃት ሰባት ካብ ዘልዕል ካብ ስልጣነይ ምውራድን ነቲ ዝወሃበኒ መቐጻዕቲ ድማ ምቕባልን ከምዝበልጸኒ ኣረዲኣዮ ኣለኹ።"

ሉኩሉስ ድማ “ንሓደ ወተሃደር ናይ ውልቂ ስምዒቱ ግቡኡ ካብ ምፍጻም ክዓግቶ ኣይክእልን እዩ” በሎ።

“እወ፡ ግና እቲ ንፈጣሪየይ ክፍጽሞ ዘለኒ ግቡእ ካብቲ ንሰባት ክፍጽሞ ዘለኒ ግቡእ ዝበለጸ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ።”

“ናይ ክርስትያናት ፍቕሪ ኣዒንትኻ ከየዕወሮ ኣይተረፈን። እዚ ፈጺምካዮ ዘለኻ ተግባር ዝለዓለ ናይ ክድዓት ገበን ከም ዝኾነ ኣይረኣየካንዶ እዩ ዘሎ?”

“እወ፡ ነዚ ስለዝተረዳእኩ ድማ እቲ ፈጺመዮ ዘለኹ ገበን ዘስዕቦ መቕጻዕቲ ንክቕበል ድሉው ምኳነይ ኣይሓባእኩን። እቲ ጀነራል’ውን ብቑጠዐ “ብቕጥታ ናብ ክፍልኻ ኪድ! ኣነ ዝህቦ ውሳኔ ድማ ከፍልጠካ እየ” ኢሉ ኣዚዙኒ ኣሎ። ብድሕር’ዚ ድማ እንሆ ዝወርደኒ ኩሉ ንምቕባል ይጸባበ ኣለኹ።”

ሉኩሉስ ድማ ነቲ ማርሴሉስ ዝብሎ ዝነበረ ብጸጥታ ሰመየ። ኩሉ ኩነታቱ፡ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ናይ ብጻዩ ዓሚቕ ዝኾነ ስግኣት ከምዝሓደሮ ብግልጺ ይረአ ነበረ።

ጓሂ ብዝመለኦ ኩነታት ድማ ከምዚ በለ፡ “መቸም እዚ ተግባርካ ዘኽትሎ መቕጻዕቲ ጽቡቕ ጌርካ ትፈልጦ ኢኻ። ከም እትፈልጦ ናይ ሮማ ስነ-ስርዓት ብቕሊሉ ዝስገር ኣይኮነን። መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ተሪር ዝኾነ ስጉምቲ ክወስድ ብምውሳኑ ነቲ ጉዳይ ኣዝዩ ኣኽሪርዎ ኣሎ። ብኽምዚ ዘለኻዮ ኩነታት እንተቕጺልካ ውድቀትካ ቀረባ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።”

“ናብ ከምዚ ዓይነት ውሳኔ ንኽበጽሕ ዝገበሩኒ ኩሎም ምኽንያታት ገሊጸልካ እየ።”

“ዝኽበርካ ማርሴሉስ፡ እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ዝምባሌኻ እፈልጦ እየ። ኣእምሮኻ ቡቲ ቅኑዕ ዝኾነ መስመር ክምራሕ እዩ ዝደሊ። ብዛዕባ ዝለዓለ ትምህርቲ ናይ ፍልስፍና ዘለካ ካብ ልቢ ዝነቐለ ዓቢ ግምት’ውን እፈልጦ እየ። ስለዚ እቲ ናይ ቀደምካ እንተኣኽለካ እንታይ ኣለዎ? ልብኻ ብናይ ሓደ ዝተሰቐለ ኣይሁዳዊ ትምህርቲ ክሳዕ ክንድዚ ምትንካፉ ክርደኣኒ ኣይክኣለን።”

“እዚ ዝጠቕስካዮ ናይ ፍልስፍና ትምህርቲ ክሳዕ ክንድዚ ኣኻሊ ኮይኑ ኣይረኽብክዎን። ነታ ናብዝን ናብትን እትጽዕር ነፍስና ከዕርፍ ዝኽእል ዋላ ሓንቲ ፍረ ከምዘይብሉ’ውን ንስኻ ባዕልኻ ትፈልጦ ኢኻ። ክርስትና ግና ብእግዚኣብሄር ብባዕሉ ዝተገልጸ፡ ብሞቱን ብትንሳኤኡን ድማ ዝተረጋገጸ ሓቀኛ ሃይማኖት እዩ።”

“ብዛዕባ ትምህርቲ ሃይማኖት ክርስትና ሓንቲ ከየትረፍካ ኣረዲእካኒ ኢኻ። ብዛዕባዚ ሃይማኖት ካብ ዘለካ ኣረኣእያ ዝተለዓለ’ውን እዚ እምነት ጽቡቕ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ ዝብል ሓሳብ ከስርጸለይ ቁሩብ ተሪፍዎ ኣሎ። ናይዚ ሃይማኖት ሰዓብቲ ኩሎም ከማኻ እንተኾይኖም ንዕላማና ዓቢ በረኸት ከምዝኾኑ ኣየጠራጥርን እዩ። እንተኾነ ግና ኣነ መምጽኢየይ ብዛዕባ ሃይማኖት ንምክርኻር ዘይኮነስ ብዛዕባ ናትካ ጉዳይ ንምዝርራብ እዩ።

ክቡር ዓርከይ፡ ክብርኻ፣ ስልጣንካ፣ ዝናኻን ኩሉ ህይወትካን ኣብ ሓደጋ ተንጠልጢሉ ኣሎ። ዝገበርካዮ ነገረ እሰከ ኣስተውዒልካ ኣመዛዝኖ፡ ሓደ ዓቢ ጉዳይ ክትፍጽም ተላኢኽካ። እቲ ዝለኣኸካ በዓል ስልጣን ካባኻ ዝጽበዮ ዝነበረ ድማ ትእዛዙ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ መንገዲ ዘኣንፍቱ ሓበሬታታት ሒዝካ ክትመጽእ እዩ ዝነበረ። ንስኻ ግና ነዚ ኣብ ክንዲ ምግባር ናብ ሰፈር እቶም ክትስልዮም ዝተለኣኽካ ጸላእቲ ምኽዳዕካን ብፍጹም ልቢ ድማ ከም ሓደ ካብኣቶም ከም ዝኾንካ ነቲ ጀነራል ገሊጽካሉ። ሕሉፍ ሓሊፍካ’ውን ወተሃደር ምኳንካ ብምዝንጋዕ ኣብ ልዕሊኦም ሰይፈይ ኣይመዝዝን እየ ኢልካ። ወተሃደር ዘበለ ኩሉ ዝዋግኡ ጸላኢ ናይ ምምራጽ መሰል እንተዝህልዎ ስነ-ስርዓት ዝበሃል ኣይመድለየን ነይሩ። ወተሃደር ክገብሮ ዘልዎ እቲ ዝተወሃቦ ግቡእ ምፍጻም ጥራይ እዩ። እዚ ሓቂዶ ኣይኮነን?”

“ሓቂ እዩ፡ ሉኩሉስ።”

“እቲ ቕንዲ ሕቶ ኣብ መንጎ ፍልስፍናን ኣብ መንጎ ሃይማኖት ክርስትናን ምርጫ ክትገብር ኣይኮነን። እቲ ቕሪቡልካ ዘሎ ምርጫ “ክርስትያንዶ ትኸውን ዋላስ ወተሃደር?” ዝብል እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ሃይማኖት ክርስትናን ውትህድርናን ብሓንሳብ ኣጣሚርካ ምሓዝ ኣይክኣልን እዩ። ስለዚ ካብ ክልቲኦም ሓዲኦም ክትመርጽ ይግብኣካ። እቲ ጉዳይ ግና በዚ ጥራይ እንተዘብቅዕ ጽቡቕ ነይሩ፡ እንተኾነ ግና “ሃይማኖት ክርስትና እየ ዝመርጽ” እንተበልካ ናይ ዕጫኡም ተኻፋሊ ድማ ክትከውን ኣለካ፡ ከመይሲ ስሌኻ ተባሂሉ ፍልልይ ከምዘይግበር

ክትፈልጥ ኣለካ። ወተሃደር ክትከውን እንተመሪጽካ ድማ ነቶም ክርስትያናት ክተሳድዶም ኣለካ።"

"እቲ ጉዳይ ከምዚ እትብሎ ዘለኻ ምኽኑ ኣይሰሓትክዎን።"

"ዝኸበርካ ማርሴሉስ፡ ነዚ ውዒልካዮ ዘለኻ ዓቢ ገበን ክርስዐ ዝተዳለው ናይ ልቢ ፈተውቲ ከምዘለውኻ ኣይትዘንግዕ። እቲ ብተፈጥሮኻ ዝተዓደልካዮ ግሉጽነትካ ስለዝፈልጥ ብዛዕባ ጉዳይካ ምስቲ ጀነራል ተኸራኺረ እየ። እቲ ጀነራል'ውን ኩነታትካ ምስ መርመረ ወተሃደራዊ ብቕዓትካ ኣብ ዓቢ ግምት ከምዘእተዎ ኣይሓበኣለይን። ስለዚ ድማ ብቕሩብ ነገራት እንተተሰማማዕካ ኩሉ ነገር ንምርሳዕ ድሉው ከምዘሎ ገሊጹለይ ኣሎ።"

"እዘን ዝሰማማዓለን ነገራት እንታይ እየን?"

"እዘን ዝሓለፉ ኣርባዕተ መዓልታት ከምዘይነበራ ጌርካ ቁጸረን። ተዋሂቡካ ዘሎ ሓደራ ብምስትውዓል ወተሃደራትካ ሒዝካ ነቶም ክርስትያናት ንምእሳር ተለዓል።"

ማርሴሉስ ድማ ካብ ኮፍ መበሊኡ ሓፍ ብምባል ከምዚ ክብል መለሰ "ዝኸበርካ ሉኩሉስ፡ ከምእትፈልጡ፡ ኣነ ካብ ልቢ እየ ዝፈትወካ። ዕርክነትና'ውን ብጽኑዕ ዝኾነ ናይ ፍቕሪ ሰንሰለት ስለዝተጣመረ ክሳዕ ሕጂ ብዘይ ሓንቲ ኣበር ጸኒዑ ኣሎ። ንዓይ ንብጻይካ ዘርኣኻኒ ፍቕሪ ክሳዕ መወዳእታ ክርስየ ኣይክእልን እየ። ዝኾነ ኮይኑ ኣብ ውሽጠይ ሓደ ሓድሽ ነገር ተፈጢሩ ኣሎ። እዚ ነገር'ዚ ድማ ንዓኻ ጋሻ ከይኮነካ ኣይተረፈን። ንዓይ ግና ካብ ናይዛ ዓለም ክብረትን ሃብትን ይበልጸኒ እዩ። እዚ ከም ሓደ ዓቢ መዝገብ ገይረ ቆጺረዮ ዘለኹ ድማ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ስሌኡ ድማ ክብረተይን ስልጣነይን ጥራይ ዘይኮነስ ህይወተይ እኳ ንምሃብ ዝተዳለኹ ኮይነ ኣለኹ። ካብዚ ውሳኔይ ከኣ ሓንቲ ስድሪ እኳ ኣይነቓነቕን እየ እሞ ድሕሪ ደቂም'ሲ ከም ሓደ ካብቶም ክርስትያናት ጌርካ ቁጸረኒ" በሎ።

ሉኩሉስ ድማ ሓንቲ ቃል ከየውጽኣ ንብጻዩ ብንሂ ንቕሩብ ግዜ ጠመቶ። ናይ ብጻዩ ናይ ልቢ ጽንዓት ምስ ኣስተውዓለ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ሓሳቡ ከቕይሮ ከምዘይክእል ተረደኣ። ብዝተፈላለዩ ናይ ክርክር ሜላታት እንተፈተነ፡ እቲ ተዳልይሉ ዘሎ ሽርሕታት ክንዲ ምንታይ ዘስካሕክሕ ከምዝኾነ'ውን ብሰፊሑ እንተገለጸሉ'ኳ ንሱ ግና ምንቕ ምባል ኣበየ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ ብሓዘን ተመሊኡ ድሕሪ ምትንሳእ ከምዚ ዝስዕብ ተዛረቦ።

"ዝኸበርካ ማርሴሉስ፡ እዚ እትገብሮ ዘለኻ ዋላ ሓንቲ ዘሐጉስ ኣይኮነን፡ ናብ ጥፋኣት ክትግስግስ ትረኣየኒ ኣለኻ። እቲ ጽቡቕ ዕድልካ ዝሃበካ ክብረትን ስልጣንን እምቢ ብምባል ናይቶም ንዑቓት ዕጫ ምምራጽካ ዘሕዝን እዩ።

እዚ ናይ ጥፍኣት ምርጫኻ ንኽትቕይር ከም መጠን ዓርኽኻ ምዒደካ እየ። ካብ ሕጂ ንደሓር ምኽሪይ እንተኣቃሊልካ ግና ናትካ ጉዳይ እዩ።

ሕጂ'ውን ክረድኣካ ዝደልዮ ሓደ ነገር ኣሎ። እቲ ጀነራል ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኣሎ። ካብ ሎሚ ጀሚርካ ማዕርግካ ተቐንጢጥካ ኣለኻ። እሱር'ውን ኢኻ። ጽባሕ ድማ ፍርድኻ ንኽትቅበል ኣብ ቅድሚ እቶም ዝምልከቶም ሰበስልጣን ክትቀርብ ኢኻ። ክሳዕ ሽዑ ግና ብዙሕ ሰዓታት ከምዘለካ ኣይትዘንግዕ። ከተምልጥ ትደሊ እንተኾንካ ግዜ ምጥፋእ ኣየድልን እዩ እሞ ኣይትዓሹ። ብዝተኽኣለ መጠን ካብዚ ጥፋእ። ካብ ሕነ ምፍዳይ ናይ ቁሳር ክትስወረላ እትኽእል፡ ኣብቲ ትሕቲ ሰማይ ሓንቲ ቦታ ጥራይ እያ ዘላትካ።"

ማርሴሉስ ነዘን ናይ መዋዳእታ ቃላት ናይ ብጻዩ ብህድኣት ድሕሪ ምስማዕ ማዕርጉን ናይ ክብሪ ኣልባሳቱን ሓደ ብሓደ ኣውጺኡ ኣቕመጠም። እቶም ግርማ መሳስ ኣልቢሰሞ ዝነበሩ ናይ ማዕርግ ኣልባሳቱ ኣወጻጺኡ ከም ሓደ ተራ ሰብ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ብጻዩ ደው በለ።

"ክቡር ዓርከይ ሉኩሉስ፡ ፍቕርኻን ብጻይነትካን ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ ፈጺመ ኣይክርስየን እየ። ከም ድላየይ እንተዝኸውንሲ ሓቢርና ብምኽብላል ነቲ ኣነ ዝመረጽክዎ ጎይታ ሓቢርና እንተንግዛእ ከንደይ ጽቡቕ ነይሩ። ግና ከም ናይ ልበይ ክኾነለይ ኣይከኣለን፡ በል ደሓን ቀኒ!"

"ደሓን ቀኒ ማርሴሉስ! ምናልባት ኣብ ምድሪ ከለና ደጊምና ንራኸብ ንኸውን። ገለ እንተጸጊሙካ ግና ኣነ ዝርከቦ ቦታ ትፈልጥ ኢኻ። እምነቱ ዘይጠልም ብጻይካ ምኽነይ ኣይትዘንግዕ።"

እቶም ክልተ የዕሩኽ ብምውቕ ናይ ፍቕሪ ስምዒት ተሓቓቒፎም ናይ መወዳእታ ተሰናበቱ። ማርሴሉስ ድማ ካብኡ ንምምላጥ ጉዕዞኡ ቀጸለ።

ካብቲ ሰፈር ብምውጻእ ድማ ናብቲ ናይ ህዝቢ ኣደባባይ ተባሂሉ ዝፍለጥ ቦታ በጽሐ። ብየማነ ጸጋም ናይቶም ዝሓለፍም መንገድታት ብርክት ዝበሉ ኣብያተ መቕደሳት፣ ታሪኻዊ የዕጉዳትን ሓወልትታትን ይረኣዩ።

እቲ ብዑንቕኑን ብእምነ በረድን ዝወቀበ ናይ ቄሳር ቤተ መንግስቲ ግርማ ሞኅስ ተጎናጺፉ ቆይሙ ነበረ። ብሓደ ወገን ከኣ እቲ ዓቢ ዝኾነ ህንጻ ኮሎሲዩም ካብኡ ሕልፍ ኢልካ'ውን ቤት መቕደስ ሰላም፡ ብመልክዕን ግርማን ደሚቕም መን ከማና ይብሉ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ ኩርባ ካፒቶሊን፡ ውቁባት ዝኾኑ ኣብያተ መቕደስ ኣብ ልዕሊኡ ተሰኪሙ ኣንጻር ናይቲ ከም ኩሕሊ ጸርዩ ዝነበረ ሰማይ ቦትኡ ሒዙ ይረኣ።

ማርሴሉስ ጉዕዞኡ ናብ ጫፍ ኩርባ ካፒቶሊን ኣምረሐ። ኣብቲ ጫፍ ምስ በጸሐ ድማ ኣብ ዙርያኡ ዝነበረ ጽባቐ ተዓዘበ። ኩርባ ካፒቶሊን ኣብ ላዕሊ ጫፉ ብእምነ በረድ ዝተነጸፈ ኣርባዕተ ማእዝን ሜዳ ኣለዎ። ኣብ የማነ ጸጋሙ ድማ ድንቂ ዝኾኑ ኣብያተ መቕደሳት ይረኣዩ።

ብሓደ ሸነኽ፡ ካምፑስ ማርቲዮስ ዝበሃል ቦታ በቲ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ክጽንበር ዝውሕዝ ዝነበረ ፈለግ ቲበር ተኸቢቡ ይረኣ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ እታ ከተማ ካብቲ ናይ ቀደም ዶባታ ሓሊፋ ኣዝያ ኣስፋሕፊሓ ትረኣ።

ኣብታ ከተማ ኣብያተ መቕደስ፣ ዓንድታትን ሓወልትታትን ኣብየ ቦትኡ ቆይሞም ይረኣዩ። ኣዝዮም ብዙሓት ታሪኻውያን ቅርጽታት ነታ ከተማ ኣጻቢቦም ነበሩ። መንጫዕጫዕታታትው'ን ኣበየ ቦትኡ ይፈሱ ነበሩ።

ሰረገላታትን መንኮርኮራትን ነቲ መንገዲ መሊኡሞ ነበሩ። ሰራዊት ሮማ ምስ ዕጥቁ ናብዝን ናብትን ይብል። ብሓፈሻ፡ ኣብታ ናይ ቄሳራት ርእሰ-ከተማ ዝኾነት ሮማ ዝረአ ዝነበረ ናይ ህይወትን ናይ ስራሕን ሕንፍሽፍሽ መዳርግቲ ኣልቦ ነበረ። ኣብ ከባቢ ናይታ ከተማ ኣብ ዝርከብ ሜዳ ብርክት ዝበላ ሰፈራትን ብምኾትን ሃብትን ዝተመልኡ ዓበይቲ ኣዳራሻትን ይረኣዩ።

ብሓደ ወገን ናይ በረድ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፈአ ከረን ኣፔኒኒ ርእሱ ናብ ሰማይ ኣቕኒዑ ይረአ። ብካልእ ወገን ድማ እቲ ንፋስ ናብዝን ናብትን ዝገላብጦ ዝነበረ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ምስቲ ገምግም ባሕሪ ኣብ ዓቢ ቅልስ ተጸሚዱ ይረአ።

ማርሴሉስ ከኣ ብሃንደበት ሓደ ድምጺ ሰመዐ። ግልጽ ኢሉ እንተረኣየ ከኣ ሓደ ረሳሕን ዝተቕዳደደን ክዳን ዝተኸድነ ዕባራ ሰብኣይ ዘፍርህ ናይ ፍርዲ ቃላት ክዛረብ ከሎ ሰመየ። ኩሉ ኩነታቱን ኣጠማምትኡን ኣእምሮኡ ዝተናወጸ ምኳኑ ንምፍላጥ ኣየጸግምን ነበረ።

እታ ዓባይ ባቢሎን ወዲቓ ወዲቓ፡
ማሕደር ሓጋንንቲ ኮይና።
ሰፈር ኩሎም ርኽሳት መናፍስትን፡
ሰፈር ርኽሰን ዘፈንፍን ዘበለ ውፍን ኮይና።
ኣምላኽ ድማ ዓመጻኣ ዘኪሩ እዩ እሞ፡
ከምቲ ንሳ ዝፈደየቶ ፈድይዎ፡
ከምቲ ግብራ ዕጽፊ ዓጺፉላ።
ክንድኒ ንርእሳ ዘኸበረትን ዘሓንቀቕትን፡
እቲ ፈሪድዋ ዘሎ እግዚኣብሄር ብርቱዕ እዩ እሞ፡
እቲ መዓታ፡ ሞትን፡ ሓዘንን ጥሜትን
ብሓንቲ መዓልቲ ክመጻ እዩ።
ብሓዊ'ውን ክትነድድ እያ።

ብርክት ዝበሉ ሰባት መጺኦም ነቲ ሰብኣይ ከቢቦም ዘረብኡ ብኣድናቕት እናሰምዑ ከለው ወተሃደራት መጺኦም እንዳዳፍኡ ወሰድዎ።

ማርሴሉስ ከኣ ብሓሳቡ "ኣእምሮኡ በዚ ስደትን መከራን ዝተናወጸ ምስኪን ክርስትያን ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ" ክብል ሓሰበ። እቲ ሰብኣይ ነቲ ናይ ፍርዲ ቃል እናደጋገመ ክዛረብ ከሎ ብዙሓት ሰባት ደድሕሪኡ እናሰዓቡ የባጭውሉ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ድምጹ እንዳረሓቐ ከደ። ማርሴሉስ ከኣ ግዜ ከየጥፋእኩ ክግስግስ ኣለኒ ብምባል ተንሲኡ መንገዱ ቀጸለ።

ህይወት ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ

ናይ ብርሃን ጩራ ዘይደፍሮ፡ ድቕድቕ ጸልማት ዝዓሰሎ

ናይ ማርሴሉስ ህድማ ናብ ካታኮምብ ኣብጸሐ። እቶም ክርስትያናት'ውን ብሓጎስ ተቐበልዎ። ብዛዕባቲ ምስ ሓለፍቱ ተራኺቡ ዝወሰዶ ስጉምቲ ክነግሮም ከሎ ድማ ብዓቢ ኣድናቕት ሰምዕዎ። ምስኦም መከራ ንኽቕበል ብምውሳኑ እንተተሓጎሱ'ኳ በቲ ዝወረዶ ሽግር ዝተሰመየም ናይ ርሕራሔ ስምዒቶም ግና ክሓብኡ ኣይከኣሉን።

ዳግማይ ምስቶም ናይ እምነት ኣሕዋቱ ብምጽንባሩ ድማ ብዛዕባ እምነት ክርስትና ዝነበሮ ፍልጠት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዓበየ ከደ። ህይወት ናይ ካታኮምብ'ውን ብብዙሕ ዓይነት መልክዑ ተገለጸሉ።

መብዛሕቱ ነቶም ኣብ ካታኮምብ ዝነበሩ ክርስትያናት ዝኸውን መግቢ ምስታ ከተማ መዓልታዊ ርክብ ብምግባር እዩ ዝመጽእ ነይሩ። እቲ መግቢ ናይ ምቕባል ስራሕ ጸልማት ጉልባብ ብምግባር ለይቲ ዝካየድ ኮይኑ፡ ነዚ ስራሕ ዘካይድዎ ድማ ብትብዓቶም ዝተፈለጡ ሰባት ነበሩ። ሓደሓደ ግዜ ኣወዳት ጥራይ ዘይኮኑስ ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰይ ህጻናትን ከይተረፉ ነዚ ዕዮ'ዚ ይለኣኹ ነበሩ።

ካብቶም ንኣሽቱ መንእሰያት ከም ፖሊዮ ዝኣመሰለ ፈጣን ልኡኽ ኣይነበረን። ብርግጽ ኣብ መንጎ እቲ ብዙሕ ዝኾነ ህዝቢ ሮማ ከይተፈለጥካ ናብዝን ናብትን ምባል ብዙሕ ዘጸግም ኣይነበረን። ካብዚ ዝተለዓለ'ውን እቶም ክርስትያናት ብዙሕ ዝጋነን ናይ መግቢ ጸገም ኣይነበሮምን።

ሓደሓደ ግዜ ግና እቶም ልኡኻት ኣብ ኢድ ጸላእቶም ስለዝወድቁ ብኡ ገይሮም ከይተመልሱ ይተርፉ ነበሩ። ብዛዕባ ማይ ዝምልከት ግና ኣብተን ዓሞቕቲ ዝኾና በዓትታት ብርክት ዝበላ ዓይኒ ማያት ስለዝነበራ፡ እቶም ኣብ ካታኮምብ ዝነበሩ ክርስትያናት ዋላ ሓንቲ ናይ ማይ ጸገም ኣየጋጠሞምን።

ነቲ ብኣራዊት ዝተበጣጠሰን ብሓዊ ዝሓረረን ዓስከሬን ናይቶም ክርስትያናት ንምእካብ ብጸልማት ዝካየድ ምድላይ ልዕሊ ኩሉ ሓደገኛ ነበረ። ክርስትያናት፡ ናይ ኣዝማዶምን ኣሕዋቶምን ዝተቐደሱ ኣዕጽምትን ተረፍ ሬሳን ብምእካብ እቲ ዝግብኦም ናይ ክብሪ ዕረፍቲ ከምዝረኽቡ ንምግባር ዘርእይዎ ዝነበሩ ትብዓትን ቆራጽነትን መዳርግቲ ዘይርከቦ ነበረ። ናይ ሰማእታት ኣዕጽምቲ ምስ ተኣኻቡ እቲ ዘድሊ መንፈሳዊ ስነ-ስርዓታት ይፍጽሙሎም ነበሩ። ብድሕር'ዚ ድማ እቶም ዓስከሬናት ኣብቶም ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝተፈሓሩ ጎዳጉዲ ከምዝዓርፉ ይግበር ነበረ። እቲ መቓብር ተኖኪ ምስ ተወቐዐ ስም ናይቲ መዋትን ኩነታት ኣማውትኡን ኣብ ሓደ ሰሌዳ ይውቀር ነበረ።

እቶም ናይ ቀደም ክርስትያናት ብዛዕባ ትንሳኤ ምውታት ተስፋ ይገብሩ ስለዝነበሩ፡ እቲ ሓላፊ ዘይሓልፍ ዝለብሰሉ፡ እቲ ሓላፊ ህይወት ከኣ ብዘለኣለማዊ ህይወት ዝትክኣሉ ግዜ ብተስፋ ይጸባበዩ ነበሩ። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ ነቲ ኣብ ሰማያት ዓቢ ክብሪ ዝጽበዮ ዝነበረ ናይ ምውታት ዓስከሬን ኣብ ማንም ቦታ ተደርብዩ ከይተርፍ ብምባል ካብ ዘለዎ እንዳኣኻኸቡ ክሳዕ'ታ ናይ መወዳእታ መለኸት ትንፍሓላ መዓልቲ ዕረፍትን ሰላምን ክረክብ ብኽብሪ የንብርዎ ነበሩ።

እምነት ክርስትና ኣብ ዝተሰብከሎም ዝሓለፉ ወለዶታት፡ ብርክት ዝበላ ኣብያተ ክርስትያናት ኣብ ሮማን ከባቢኣን ተመስሪተን ቁጽሪ ኣመንቲ'ውን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እኳ እቶም ህይወቶም ስለ እምነቶም ዝሰውኡ ኩሎም ኣመንቲ ኣብ ካታኮምብ እዮም ዝቕበሩ ነይሮም። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ እዚ ካታኮምብ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኸርሲ ምድሪ ጸጥታ ዝነገሶ ናይ ምውታት ከተማ ይመስል ነበረ። ኣብኡ ዝዓረፉ ኩሎም ድማ ብቕጽበት ዓይኒ ተለዊጦም ንጎይታ ኣብ ኣየር ዝቕበልሉ ግዜ ብዓቢ ጸጥታ ይጸባበዩ ነበሩ።

ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ሓሓሊፉ ናሕሰን በሪኽ ዝኾነ፡ ብዙሕ ሰብ ድማ ክሕዛ ዝኽእላ ክፍልታት ነይረን። መብዛሕተን ምቕት ኣይነበረንን። ክርስትያናት ኣብዘን ክፍልታት ብብዝሒ ብምትእኽኻብ ንጹህ ኣየር የተንፍሱን ሓድነቶም ዘትርሩ ኣኼባታት ብምክያድ ድማ ነቲ ዘይሓልፍ ዝመስል ናይ መከራ ግዜ ሓቢሮም የሕልፍዎ ነበሩ።

እቲ ክርስትያናት ዝነብርሉ ዝነበሩ እዋን ብብዙሕ መለክዒታት ዝኸፈአ እዩ ዝነበረ። እቲ ዝወርዶም ዝነበረ ስደትን መከራን ድማ ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። ሮማ ፍትሕን ቅንዕናን ዝሰፈኖ ስርዓት መግዛእቲ ከምዝነበራ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

እናሓደረ ግና ናይ ሮማ ስርዓተ ሕጊ እንዳተለወጠ ከደ። ኣብ ክንዲ ፍትሕን ቅንዕናን፡ ጭቆናን ስርዓት ኣልቦነትን ተተክኡ። ውዲት፣ ኣድማን ክሕደትን ነቲ ዝነበረ ናይ ሮማ ጽቡቕ ምሕደራ ዝጻረሩ ተጻረርቲ ኮኑ። ብዙሓት ሰናይ ልቦና ዝነበሮም ሮማውያን ድማ ናይቲ ግዜ ኩነታት ብምስትውዓል ነቲ ኩሉ ዝፍጸም ዝነበረ ነገራት ኣብ ጸግዒ ደው ኢሎም ካብ ምዕዛብ ወጻኢ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገር ኣይነበረን።

እምበኣር ብርሃን ወንጌል ክርስቶስ ንሰባት ዝተገልጸ ኣብ ከምዚ ዝበለ ጽልግልግ ዝበለ ወርሓት እዩ ነይሩ። ወንጌል ክርስቶስ ኣብ ልቢ ሰባት ቦታ ንኽረክብ ክሳዕ ክንድዚ ምስ ብዙሓት ሓያላን ተጻባእቲ ምግዳል ኣድለየ። እቶም ኣመንቲ ናብርኦም ምኾት ኣይነበሮን። ካብ ዘመድ፣ ሃብቲ፣ ዝናን ህይወትን ዝፈለ ብርቱዕ ተጋድሎ'ውን ክገብሩ ነይርዎም። ሰዓብቲ ክርስቶስ እንዳበርከቱ ብዝኽዱ መጠን ክፍኣት'ውን ብኡ መጠን ሓይሉ እንዳበርትዐ ክኸይድ ጀመረ።

ናብራ ሮማውያን ስርዓት ዘይብሉ ኮነ። እቲ መንግስቲ'ውን ናብ ናይ ጥፍኣት ዓዝቕቲ ይግስግስ ነበረ። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ እምነት ክርስትና ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፋእ ዝዓለመ ስደት ተጀመረ።

እቲ ካብቶም ቁሳራት ዝወጽእ ዝነበረ ኣዋጃት ነቶም ክርስትያናት ኣብ ዓቢ መከራ ዘውድቕ ኮነ። ክርስትያናት በብመዓልቱ ወይ ሞት ወይ ከኣ ክርስቶስ ምኽሓድ፡ ሓዲኡ ክመርጹ ይግደዱ ስለዝነበሩ ድማ ዝሃለቕ ሃሊቕም እቶም ዝተረፉ ድማ ካብ ቤቶም፡ ኣዝማዶምን ካብ ናይ መዓልቲ ብርሃንን ተፈልዮም ኣብ ካታኮምብ ንኽነብሩ ተገደዱ።

ልቢ ሮማውያን ተረረ። የሚንቶም'ውን ዓወራ። ናይ ህጻናት ንጽህና፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድኽመት፡ ናይ ኣረጋውያን ሽበት፡ ናይ እምነት ጽንዓት፡ ናይ ፍቕሪ ሰዓርነት እዚ ኩሉ ንልቦም ከይተንከፎ ተረፈ። እቲ ኣብ ልዕሊ መንግስቶም ዝዝንቢ ዝነበረ ናይ ውድቀት ደመና'ውን ክኸብዶም ኣይከኣለን።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸበባን ስደትን ዝነገሶ ዘመን ከኣ እቶም ኣብ ዝሓለፉ ወለዶታት ህይወቶም ስለእምነቶም ዝሰውኡ ሰማእታት ኣብተን ካታኮምብ ብዝብል ስም ዝፍለጣ በዓትታት ዓሪፎም መዓልቲ ትንሳኤ ብተስፋ ይጸባበዩ ነበሩ። ኣብ ካታኮምብ፡ ዘመድ ንዘመዱ፡ ውሉድ ንወለዶም፡ ወለዲ ድማ ንደቆም ቀቢሮም እዮም። ካብ ኣፍ ኣራዊት ዝተረፉ፡ ብነበልባል ሓዊ ዝሓረሩን ኣብ መስቀል ዝተሰቕሉን ናይ ሰማእታት ኣዕጽምቲ ኣብዚ ቦታ ቦቦትኦም ሒዞም ይርከቡ። ክርስትያን ዘበለ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝዓረፈ ዘመድ ዘይነበሮ ኣይነበረን። እዚ ቦታ፡ ንክርስትያናት ዝተባረኸን ኣየሩ ድማ ዝተቐደሰን ስለዝነበረ ኣብ ግዜ ጸበብኦም ኩሉ ግዜ ናብዚ ቦታ ይዕቆቡ ነበሩ።

ብዘይካ'ዚውን ኣብ እዋን ጸበብኦም ብዘይካ እዘን ኣብ ከርሲ ምድሪ ዝርከባ በዓትታት ካልእ መጸግዒ ኣይነበሮምን። ምድሪ ኣቋሪጸም፡ ባሕሪ ሰጊሮም ናብ ካልእ ሃገር ናይ ምኻድ ተስፍኦም ዝማህመነ ነበረ። ናይ ሮማ መግዛእቲ ዘይብጽሓ ሃገር'ውን ስለዘይነበረት ካብቲ ጽኑዕ ዝኾነ ሓይሊ ሰራዊት ሮማ ኣምሊጥካ ካብ ቁጥዐኡ ርሒቕካ ብሰላም ንምንባር ኣጸጋሚ ነበረ። ካብ ላዕለዎት መኳንንቲ ክሳዕ ተራ ሰባት ንመግዛእቲ ሮማ ኣሜን ኢሎም ክግዝኡ ነይርዎም። ካብ ስልጣን ዝወረደ ንጉስ እኳ ካብ ሕንሕነ ናይ ሮማ ዘምልጠሉ መህደሚ ኣይነበሮን። ስለዚ ድማ ***ቄሳር ኔሮ**** እኳ ካብ ስልጣኑ ምስ ወረደ ካብታ ከተማ ወጽእ ኢሉ ነብሰ-ቅትለት ካብ ምፍጻም ወጻኢ ካልእ ክገብሮ ዝኽእለ ነገር ኣይነበረን። ኣብተን ዝተሓላለኻን ዝተወሳሰባን ናይ ካታኮምብ በዓትታት ግና ናይ ሮማ ሓይሊ ኣዝዩ ድኹም ነበረ። ንክርስትያናት ካብዚ ቦታ እናሃደንካ ንምሓዝ ዝተገበሩ ኩሎም ፈተነታት'ውን ብዘይ ፍረ ተሪፎም እዮም።

****ቄሳር ኔሮ፡** ካብ 37-68 ዓ/ም ዝነበረ ብኽፍኣቱን ፋሉልነቱን ዝልለ መበል 5ይ ቄሳር ናይ ሮማ ኮይኑ፡ ቁጠዐኡ ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ኣዝዩ ርሱን ዝነበረ ቄሳር እዩ። እዚ ገና ኣብ ዕድመ ንእስነቱ (ኣብ መበል 17 ዓመቱ፡ ኣብ 54 ዓ/ም) ቄሳር ናይ ሮማ ናይ ምኽን ክብሪ ዝረኸበ ቄሳር ኔሮ፡ ካብ ጭካኹን ካብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ጽያፍን ርኽሱትን ዝተለዓለ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበሩ ክርስትያናት፡ እቲ ጸረ ክርስቶስ ይመስሎም ነበረ። ቡቲ ኔሮ ኣብ ዘመን ስልጣኡ ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ዘለዓዓሎ መከራን ስደትን ከኣ ሃውርያ ጴጥሮስ ቁልቁል ኣፉ ተሰቒሉ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ድማ ተሰይፉ፡ ክልቲኦም ብሰማእትነት ክምዝሓለፉ ይእመን። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ ሹማምንቱ ተቓውሞ ምስ በዝሐን ደገፍቱ'ውን ብብዝሒ ክጠልምዎ ምስ ጀመሩን ብ9 ሰነ 68 ዓ/ም ነብሰ ቅትለት ፈጺሙ ካብዛ ዓለም ሓሊፉ።*

ብስደትን መከራን ተሰጕጎም ናብ በዓትታት ካታኮምብ ናይ ዝኣትው ክርስትያናት ብዝሒ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ከደ። ኣብ እዋን ቀትሪ ተኣኻኺቦም ንሓድሕዶም ብምጽንናዕን ናይ እምነት ኣሕዋቶም ክሞቱ ከለው ብምቕባርን ብለይቲ ድማ ነቶም ተባዓት ዝኾኑ ልኡኻቶም ሓበሬታ ከምጽኡሎም ወይ ከኣ ናይ ዝሞቱ ሰማእታት ዓጽሚ ከምጽኡሎም ብምልኣኽ ናይ ጸበባ ህይወቶም ብመጠኑ ስርዓትን መልክዕን ከትሕዝዎ ይጽዕሩ ነበሩ። ብሰንክ'ቲ ኣብ ግዝኣታት ሮማ በብእዋኑ ዝተለዓሉ ስደታት ዝሞቱ ቁጽሪ ኣመንቲ ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሕ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ኣብ ከተማ ሮማ ዝተሰረት መሰረት ክርስትና ግና ብዙሕ ሃስያ ኣይወረዶን።

ናይቶም ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣመንቲ ህይወት ካብቲ ናይ ደገ ጉድኣት ዝተሓለወት ነበረት። እንተኾነ ግና መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ጸላም፡ ጣዕሚ ናይ ህይወት ብኽመይ ክፍለጥ ይከኣል? ኣብቲ ምስ ነፍሲ ዝዋጋእ ቦታ ናይ ስጋ ድሕነት እንተተሓለወ እንታይ ፋይዳ ኣለዎ? ዝኾን ሰብ ብሰንኪ ስእነት ብርሃን ክበጽሖ ዝኽእል ጸገማትን ሽግራትን ተዘርዚሩ ዝውዳእ ኣይኮነን። ናይ ኣካላት ድኻም ድማ ንኣእምሮ ምንዋጹ ዘይተርፎ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ቦታ ንኽነብሩ ዝተገደዱ ሰባት፡ ሓዘን፣ ስግኣት፣ ምጥርጣርን ተስፋ ምቑራጽን ከምዝነግሶም ፍሉጥ እዩ። ካብቶም ኣብ ፈቐዶ ኣደባባያት ብዓቢ ቆራጽነት ዝሞቱን ብሓዊ ዝተቓጸሉን ሰማእታት ንላዕሊ፡ ኣብ ውሽጢ'ተን ዘሰቅቕ በዓትታት ብእምነት ክሳዕ መወዳእታ ምጽናዕ ዝለዓለ ብርታዐ ዝሓትት ነበረ። ናይቶም ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ንኽነብሩ ዝተገደዱ ክርስትያናት ህይወት ብናይ መዓልቲ ጸላም ዝተዋሕጠ ነበረ። ብርግጽ'ውን ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እናነበርካ መከራን ስደትን ምዕጋስ ዓቢ ጅግንነት ነበረ።

ናይቲ ቦታ ዛሕሊ ዓጽምኻ ዝትንክፍ ነበረ። እቲ ናሕሲ፣ ምድሪ-ቤትን መናድቕን ኩሉ ንጥዕና ጎዳኢ ብዝኾነ ጠለ ዝተበከለ እዩ። ካብቶም ለይትን መዓልትን ዝበርሁ ጥዋፋት ዝወጽእ ዝነበረ ትኪ ነቲ ናይ ከባቢ ኣየር ንኣካላትካ ዝዕፍን መርዚ ገይርዎ ነበረ። ኣብ ማእከል እዚ ኩሉ ጸበባ ግና ናይ ክርስትያናት እምነት ብፍጹም ኣይተናወጸን። እቶም ክርስትያናት ዝተዓገስዎን ዝተጻወርዎን ናይ መከራ ማዕበል ክረአ ከሎ ንጅግንነቶም ኣብ ታሪኽ ሮማ መዳርግቲ ኣይርከቦን እዩ። እቶም ብስጋ ወይ ብሓይሊ ብርቱዓት ዝኾኑ ጥራይ ዘይኮነስ ዋላ ህጻናት ይኹኑ ደቂ-ኣንስትዮ በቲ መከራ ኣይተጸዓዱን። ሞት ከም ቀሊል ነገር ብምቕጻር ናይ ጸበባ ህይወቶም ብሓጎስን ተስፋን የሕልፍዎ ነበሩ።

ኣብታ እትመጽእ ዓለም ዝጽበዮም ዘሎ ክብሪ ብምርዳእ፡ በቲ ዓሚቕ ዝኾነ ፍቕሪ ክርስቶስ ብምጽንናዕን ስለ ድሕነት ነፍሶም ጥራይ ብምሕሳብን ኣብ ውሽጥ'ቲ ዘሰቅቕ ቦታ ንኽነብሩ መሪጸም።

ክርስትያናት ነቲ ዝነበርዎ ቦታ ምቕት ዘለዎ ንኽገብርዎ ብዙሕ ደኺሞም እዮም። ንመናድቕ ናይቲ በዓትታት ኖራ ብምልካይ ስእልታት ይስእሉሎም ነይሮም። እዞም ስእልታት ከኣ ንኣምልኾ ዝተሰኣሉ ዘይኮነስ ነቶም ብእምነት ***"ንመንግስታት ዝሰዓሩ፡ ጽድቂ ዝገበሩ፡ ነቲ ተስፋ ዝተገብሮ ዝረኸቡ፡ ኣፍ ኣናብስ ዝዓጸዉ፡ ሓይሊ ዘጥፍኡ፡ ካብ ሰሕለት ኣሲያፍ ዝደሓኑ፡ ካብ ድኻም ዝበርትዑ፡ ኣብ ውግእ ዝሓየሉን ንሰራዊት ኣህዛብ ዘህደሙን"*** ናይ እምነት ኣቦታት ዘዘኻኽሩ ነበሩ። ናቶም መዘኸርታታት ከኣ ንጸበባኦም እንዳቃለሉ ነቲ ዘሕዝን ናብርኦም ትርጉም ይህብዎም ነበሩ።

ኣብተን ዝእከቡለን ክፍልታት ብዙሕ ዝረአ ንብረት ቅዱሳን ኣይነበረን። ስጋን ደምን ጎይታ ዝዳለወላ ሓንቲ ተራ ጠረቤዛ ጥራይ ኣብ ማእከል እቲ ክፍሊ ትረአ ነበረት።

እምነት ክርስትና ምስ ክፍኣትን ክሕደትን ከቢድ ዝኾነ ኩናት ኣካይዱ እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ'ውን ሓደሓደ ቅኑዕ ዘይኮኑ ባህልታት ኣብታ ቤተክርስትያን ምቕልቓሎም ኣይተረፈን። ዋላኳ ናይታ ቤተክርስትያን ምሕደራ ካብቲ ናይ ሃዋርያት ዘመን ብመጠኑ ዝተፈለየ እንተነበረ፡ ነቶም ኣመንቲ ካብ ሓቀኛ እምነቶምን መስመሮምን ከውጽእ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዘስግእ ግና ኣይነበረን። ብዘይካዚ'ውን እቶም መሰረታውያን ዝኾኑ ናይ ክርስትና ትምህርትታት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣይተቐየሩን ነበሩ። ናይ ወዲ ሰብ ሓጥእነት፡ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ምሕረት፡ ናይ እግዚኣብሄር ወዲ ስለ ሰባት ክብል መከራ ምቕባል፡ ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቢ ኣመንቲ ምሕዳር፡ ብክርስቶስ የሱስ ንሰባት ዝተወሃበ ድሕነት፡ እቲ ቅዱስ ዝኾነ ደም የሱስ ክርስቶስ ዝህቦ ዓቢ ዝኾነ መንፈሳዊ ጥቕሚ፡ ትንሳኤ ክርስቶስን ካልኣይ ምጽኣቱን፡ ኮታስ እዚኦምን ከምዚኦም ዝኣመሰሉን ትምህርትታት እታ ቤተክርስትያን ዝቕመትሎም መሰረታት ነበሩ።

እቲ ናይ ነፍሶም መልህቕ ዝገበርዎ ሰመያዊ ተስፋ፡ ናይቲ ግኑን ዝኾነ መንግስቲ ቁሳር ማዕበላዊ ቁጠዐ እኳ ከናውጸ ኣይከኣለን። ነቲ ተማዕቑቦምሉ ዝነበሩ ጽኑዕ ግምቢ ከፍርስ ዝኽእለ ሓይሊ'ውን ኣይነበረን።

ኣብ ግዜ መከራ ዘበርትዕ ጽኑዕ እምነት ነይርዎም። እምነቶም ድማ ኣብቲ ኣብ የማን ኣቦ ዝተቐመጠ ከውሒ ዝተሰረተ ነበረ። ካብ እምነቶም ዝበልጽ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይነበሮምን። እምነቶም ከኣ እቲ ዘሰቅቐ መስዋእቲ ንኽቕርቡ ኣብ ዝግደድሉ ግዜ ዘተንፍስዎ ትንፋሶም ነበረ። ክርስትያናት ካብ ገጽ ምድሪ ዝጠፍኡ ኣብ ዝመስልሉ ግዜ ኣዒንቶም ብተስፋ ናብ ኣርያም ከም ዘልዕሉ ዝገብሮም ዝነበረ እቲ እምነቶም ነበረ።

ህይወቶም ከኣ በቲ ጎይታ ኣብ ምድሪ ከሎ፡ ፍጻመ ናይ ኩሉ ኦሪትን ነብያትን እያ፡ ዝበላ ፍቕሪ ትምራሕ ነበረት። ናይ ሕብረት ፍቕሮም ዓሌትን ማዕርግን ከይፈላለየ ንኹሉ ብሓባር ዝጠምር ነበረ። ካብዚ ዝተለዓለ'ውን ብጻይ ንብጻዩ ህይወቱ ከሕልፍ'ኳ ኣይማታእን ነበረ። ህይወቶም ክሳዕ ዝሰውኡ ክሳዕ ክንድኡ ዘበርተያም ከኣ እታ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቦም ዝፈሰሰት ፍቕሪ ኣምላኽ ነበረት።

ዝበጽሐም ስደትን መከራን ኣብቲ ጸልማት ዘመን ዘንጸባርቕ ናይ እምነትን ፍቕርን ጽንዓት ሃቦም። ኩሎም ካብ እምነቶም ዘይናወጹ ቆራጻት ነበሩ። ግብዝና ኣብ ማእከሎም ባይታ ኣይነበሮን። እቶም ብርቱዓት እንዳሓየሉ እቶም ድኹማት ድማ እንዳበርትዑ ይኸዱ ነበሩ። ዝነብርሉ ዝነበሩ ዘመን ኣብ ህይወት ክርስትያናት ሓደጋ ዘስዕብ ዘመን እኳ እንተነበረ፡ ንሳቶም ግና እምነቶም ብግህዶ እንዳገለጹ ንዝወርዶም መከራ ብሓጎስ ካብ ምቕባል ወጻኢ ናብ ድሕሪት ጎጸም ናይ ምድሕርሓር ኣንፈት ኣየርኣዩን። ኣብ መንጎ ዓለምን ክርስትያናትን ሓደ ዘይስገር ዶብ ነይሩ። ክርስትያናት ከኣ ነዚ ዶብ ሰጊሮም ምስ ዓለማውያን ናይ ምጽንባር ድሌት ኣየርኣዩን።

ውሑዳት ቃላት ብምዝራብን ሓደሓደ ነገራት ብምግባርን ካብ ሞት ክድሕኑ ይኽእሉ ነይሮም። እንተኾነ ግና ልሳኖም ንጣኣታት ንምምስጋን፡ ኣእዳዎም ድማ ንጣኣታት ንምግልጋል እምቢ ብምባለን ስቓይን ሞትን መረጹ። መሰረታዊ ትምህርቲ ናይ እምነት ክርስትና ዝተቐበልዎ ብኣእምሮኦም ጥራይ ዘይኮነስ ብምሉእ ልቦም ነበረ። ንዕኦም ክርስቶስ ማለት ኣብ ሕሉፍ ዝነበረ ናይ ታሪኽ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ንሱ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ዘይልወጥ ምኽኑ ካብ ልቦም ይኣምኑ ከምዝነበሩ ዘየማትእ ነበረ። ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ከሎ ዘሕለፎ ህይወት ናይ ህይወቶም ህያው ኣብነት ነበረ። ኣሰር ናይ ርሕራሔኡ፣ ትሕትናኡ፣ ትዕግስቱን ሕያውነቱን ኮነ ኢሎም ይስዕቡ ነበሩ።

ናይ ሓደ ሰብ እምነት ከም መስትያት ኣብ ግብሩ እዩ ዝረአ። ብዛዕባ ሞት ክርስቶስ ዝነበሮም ግምት ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ ነበረ። ንደቂ ሰባት ክብል በጃ ኮይኑ ከም ዝሞተ ብዘይ ገለ ምጥርጣር ይኣምኑ ነበሩ። ካብ ሞት ተንሲኡ ኣብ የማን ኣቦ ብኽብሪ ምቕማጡን ኣብ ሰማይን ምድርን ኩሉ ስልጣን ከምዝተወሃቦን፡ ብመለኮታዊ ስልጣን ከም ዝተገለጸ ሓቂ ገይሮም ይቕበልዎ ነበሩ።

ስለእምነቶም ክብሉ መስቀሎም ተሰኪሞም ብሓዊ ዝተቓጸሉ፡ ብዳርባ እምኒ ዝተጨፍጨፉን ናብ ኣፍ ኣናብስ ዝተደርበዩን ብዙሓት እዮም። በዚ ድማ ሰዓብቲ ክርስቶስ ምኽኖም ንዓለም ብግህዶ ኣዊጆም እዮም። ነዚ ንምርዳእ ድማ ኩነታት ናይተን ንብዙሕ ዘመናት ዝነብሩለን ዝነበሩ በዓትታት ካታኮምብ ምምርማር እኹል እዩ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ምውታት ንኽትቀብረሉ'ኳ ዘስካሕክሕ ናይ ጸልማት ዓለም፡ ኩሉ ዝነበሮም ክብረት፣ ሃብትን ዘመድ ኣዝማድን "ደሓን ኩኑ" ብምባል ብዓቢ ቆራጽነት ብስቓይ ንኽነብሩ መሪጾም። እዞም ናይ ሓቂ መሰኻኽር፡ ኣብ ዓለም ድኻታት፣ ንዑቓትን ጽሉኣትን ነበሩ።

ምሕረት ንኽረኽቡ ዘቕረብዎ ጥርዓን ሰማዒት እዚ ኣይረኽበን። ኣብ ክንዲ ምሕረት ከኣ ጭካነን ስቓይን ዕለታዊ መቕሰፍታ ኮነ።

ምድሪ ድማ ናብቶም ኣብ ከርሳ ዝርከባ ዓሞቕቲ በዓትታት የዕቁባ ካብ ጸበባኦምን ስደቶምን ገለ ሩፍታ ከምዝረኽቡ ብምግባር ካብቶም ዓሌቶም ዝኾኑ ደቂ ሰባት ንላዕሊ ድንጋጼኣ ኣርእያቶም እያ።

ናይ ማርሴሉስ ናብ እምነት ክርስትና ምምጻእ ሃንደበት ዝኾነ ነገር ነበረ። ብኽምዚ ዓይነት ኣገባብ ካብ መንገዲ ስሕተት ናብ መንገዲ ሓቂ ምስግጋር ብእኡ ዝተጀመረ ኣይነበረን። ንሱ ናይ ኣህዛብ ስርዓታትን ናይ ፍልስፍና ትምህርትታትን ዝፈተነ ሰብ እኳ እንተነበረ፡ ዋላ ሓንቲ ፋይዳ ከይረኽበሎም

ተሪፉ እዩ። ምስ እምነት ክርስትና ዝገበሮ ርክብ ግና ኩሉ ናይ ልቡ ድሌታት መሊኡ ሃቦ። እታ ባዶ ዝነበረት ነፍሱ'ውን ብሰላም ተመልአት።

ኣዒንቱ'ውን ተኸፊተን ናይ ጽድቂ ብርሃን ረኣያ። በዚ ግሩም ዝኾነ ብርሃን ከኣ ብዙሕ ምስጢራት ክርዳእ ከለለ። ኣብ ጎኒ እቶም መከራ ዝቕበሉ ዝነበሩ ሰራዊት ጽድቂ ኮይኑ ዝመጸ ኩሉ ብሓጎስ ንኽቕበል ድማ ጽኑዕ ውሳኔ ወሰነ።

ብኽምዚ ኣገባብ ናብ ክርስቶስ ብንስሓ ዝምለሱ ብዙሓት ነበሩ። ከምዚ ናይ ማርሴሉስ፡ እቲ ዕውር ዝኾነ ናይ ኣህዛብ ሃይማኖት ላሕ ዘበሎም ብዙሓት ነበሩ። ስለዚ ከኣ ወንጌል ክርስቶስ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክስበኽሎም ከሎ እቲ ሓቂ ንኽርድኦም ግዜ ኣይወስደሎምን ነበረ። እምነት ክርስትና ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክሳዕ ክንድቲ ኣብ ምሉእ ዓለም ክበጽሕ ዝኽኣለ'ውን ካብዚ ምኽንያት ዝተለዓለ ነበረ።

ማርሴሉስ ሓሳቡ ቆሪጹ ምስቶም ክርስትያናት ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ንኽነብር ምስ ወሰነ ናይ ተስፋኦም፣ ፍርሃቶምን ሓጎሶምን ተኻፋሊ ክኸውን ጀመረ።

እምነቶም፡ ትውክልቶምን ዘለኣለማዊ ተስፋኦምን ንልቡ መጸናንዒ ኮንዎ። ቃል ኣምላኽ'ውን ለይትን መዓልትን ብምምርማሩ መንፈሳዊ ህይወቱ እንዳበሰለ ከደ።

ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝነብሩ ዝነበሩ ክርስትያናት ንጸሎትን መንፈሳዊ ኣኼባታትን ዝኸውን እኹል ግዜ ነይርዎም። ካብ ናይ ዓለም ላዕልን ታሕትን ዝተፈለዩ ብምንባሮም ከኣ ብዛዕባ ጉዳይ ነፍሶም ጥራይ ይሓስቡ ነበሩ።

ፍቕሪ ዓለምን ተድላን ቶባ ኢሎም ዝሓደጉ ስለዝነበሩ ከኣ እተን ካብ ልሳኖም ዝወጻ ዝነበራ ቃላት እኳ ንእግዚኣብሄር ዘኽብራን ንመንግስቱ ድማ ዘጽንዓን ነበራ። ብዛዕባ ብእምነት ጸኒዕካ ምንባርን ኣብ ግዜ መከራ ብቕራጽነት ንሩባ ሩብ ድኒ ሞት ምስጋር ዘውህቦ ክብርን ምዕላል ከኣ ኣይስልችዎምን ነበረ።

ናይ ቀዳሞት ሰማእታት ታሪኽ ብምዝንታው ናይ እምነቶም መደምደምታ ብናፍቕት ይጸባበዩ ነበሩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ነታ ናይ መወዳእታ ጻውዒት ዝስመዓላ፣ ምውታት ዝትንስኡላን ህያው ዝኾኑላን፣ እቶም ብደሙ ዝተዓደጉ ዓሌታት ምድሪ ከኣ ምስ ጎይታ ኣብ ኣየር ዝራኸቡላን ኣብ ቅድሚ ዝፋን ፍርዲ ክርስቶስ ቀሪቦም ናይ እሙንነቶም ዓስቢ ዝቕበሉላን መዓልቲ ብተስፋ ይጽበዩ ነበሩ።

ማርሴሉስ ከኣ ብኽምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ነቲ ናይ ምውታት ጥራይ ዘይኮነስ ብብዙሕ ኣሽሓት ዝቕጸሩ ህያዋን'ውን መንበሪ ዝኾነ፡ ናይ ካታኮምብ ናብራ ብቕረባ ክዕዘብ ከኣለ። ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት፡ ገልታዕታዕ ዘቕምሰሎምን መከራ ዘዳኸሞምን እኳ እንተነበሩ፡ ኣብቲ ውሽጥ'ቲ ዝነብርሉ ዝነበሩ ጸልማት ዘርእይዎ ዝነበሩ ሕጉስን ፍሕሹውን ገጽ ግና ኣብ ኣደባባያት ሮማ ካብ ዝረኣዩ ገጻት እኳ ይበርህ ነበረ። ንሓድሕዶም ሃልሃል ብእትብል ፍቕሪ ይፋቕሩ ነበሩ። ዝምድንኣምን ሓልዮቶምን ብጽኑዕ ኣተኣሳሲርዎም ይረኣ። ናይ ሓዘኖም ንብዓት ምስ ደም ናይቶም ዝሞቱ ሰማእት ብምትሕውዋሱ ነቶም ህያዋን ምስቶም ምውታት ኣጣሚርዎም እዩ። ኣብ ውሽጢ እዘን ኣሰቀቕቲ በዓትታት ንኽነብሩ ዝተገደዱ ኩሎም ንስደት፣ መከራ፣ ሓዘንን ጸበባን ስዒሮም እዮም። ኣብ ውሽጠን ኮይኖም ተስፋን እምነትን፡ ብናይ ፍሽኽታኣም ብርሃን ከኣ ኮኾብ ጽባሕ ርእዮም እዮም። ካብ ልሳን እቶም ዝጉህዩን ዝበኽዩን'ውን ናይ ሓጎስ ቃላት ወጺኦም እየን።

ስደትን መከራን

ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርኩም፡ ነታ ተሰፋ ምእንቲ ክትረኽብዋ፡ ትዕግስቲ የድልየኩም እዩ።

እቲ ስደትን መከራን እንዳተጓሃረ ከደ።

ኣብተን ማርሴሉስ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝጸነሓለን ውሑዳት ሳምንታት ሓያለይ ሰባት መዕቆቢ ንኽረኽቡ ሃዲሞም ናብተን በዓትታት ክኣትው ጀመሩ። ቅድሚ ሕጂ ክንድዚ ዝኣክል ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ተኣኻኺቦም ኣይፈልጡን ነበሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሰበስልጣን ሮማ ካብቶም ክርስትያናት ነቶም ቀንዲ ዝበሃሉ እንዳመረጹ እዮም ዘሳድዱ ነይሮም።

እዚ ናይ ሕጂ ስደት ግና ክርስትያን ብዝብል ስም ንዝጽውዑ ኩሎም ንምጥፋእ ዝዓለመ ነበረ። ስለዚ ድማ ህጻናት ይኹኑ ኣረጋውያን፡ ደቂ-ተባዕትዮ

ይኹኑ ደቂ-አንስትዮ፡ ድኻ ይኹን ሃብታም ከይፈለዩ ንኹሎም ከሳድድዎም ጀመሩ።

ክሳዕ እዛ ናይ ሕጂ ስደት ዘተለዓለትላ እዋን ምስታ ከተማ ዝነበሮም ርክብ ብመጠኑ ዕውት ነበረ። እቶም ኣብ ልዕሊ እተን በዓትታት ኣብታ ከተማ ናይ ምንባር ዕድል ዘጋጠሞም ክርስትያናት ነቶም ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ዝነብሩ ዝነበሩ ናይ እምነት ኣሕዋቶም ዝተፈላለዩ ሓገዛት ብምግባር ይረድእዎም ነበሩ። ሕጂ ግና ብሰንክ'ዚ ዝተለዓለ ስደት እቶም ቅድም ዝረድእዎም ዝነበሩ ክርስትያናት ቤቶምን ሃብቶምን እንዳሓደጉ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ክዕቆቡ ተገደዱ። እቶም ንኻልኦት ዝረድኡ ዝነበሩ ኩሎም ድማ ተመሊሶም ንባዕሎም ኢድ ሰብ ዝጸባበዩ ኮኑ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ እቲ ዝነበርዎ ኩነታት ፈጺሙ ተስፋ ዘቕርጽ ኣይነበረን። እቶም ክርስትያናት፡ ኣብ ሮማ ዝነብሩ ብዙሓት ክርስትያን ዘይኮኑ ፈተውትን ናይ ሲጋ ኣዝማድን ነይረሞም። ንሳቶም ከኣ ብዝተኸኣሎም መጠን ነቶም ክርስትያናት ንምሕጋዝ ይጽዕሩ ነበሩ። ዝኾነ ይኹን ሓድሽ ተርእዮ ከጋጥም ከሎ፡ ነቲ ኩነታት ብዘይ ሻራ ክዕዘቡ ዝደልዩ ብዙሓት ሰባት'ውን ኣብ ሮማ ነይሮም። እዚኣቶም ከኣ ብዙሓት ክርስትያናት ኣዝማድን ፈተውትን ነይረሞም። በቲ ዝወርዶም ዝነበረ መከራ ከኣ ነቶም ክርስትያናት ይድንግጹሎም ነይሮም። ዋላ'ኳ ክርስትያን ንምኳን እንተዘይወሰኑ፡ ነቶም ክርስትያናት ብጸቶም ንምሕጋዝ ግና ድሉዋት ነበሩ። ብኻልእ ሽነኽ ክረአ ከሎ ግና ነቶም ጣኦታት እቲ ዝግባእ መስዋእቲ ብምቕራብን ኣብ ፈቐዶ ኣብያተ መቕደስ ብምስላምን ነቲ ናይ ቀደም እምነት ዝነበሮም እሙንነት የርእዩ ነበሩ። ክርስትያናት ከኣ ንዕለታዊ መግቦም፡ ኢድ ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባት ምርኣይ ግዲ ኮኖም።

ጸልማት ለይቲ ጉልባብ ብምግባር ናብታ ከተማ ዝገብርዎ ዝነበሩ ስንቂ ናይ ምድላይ ጉዕዞ ዓቢ ሓደጋ ዘሰዕብ ከምዝኾነ ቅድም ኢሉ ተገሊጹ እዩ። እንተኾነ ግና ነዚ ዕዮ'ዚ ዝፍጽሙ ተባዓት ዝኾኑ ሰባት ካብ መንጎ እቶም ክርስትያናት ከቶ ተሳኢኖም ኣይፈልጡን ነበሩ።

ማርሴሉስ'ውን ኣብዚ ሓደገኛ ዕዮ ብምስታፍ ናይ እምነት ኣሕዋቱ ጸገም ንኽቕልል ዝነበሮ ድሉውነት ካብ ምግላጽ ዓዲ ኣይወዓለን። ኣብ ናይ ውትህድርና ዘመኑ፡ ናብ ዓቢ ናይ ክብሪ ደረጃ ዘብጸሐ ቆራጽነትን ጅግንነትን ኣብ ግዜ መከራ'ውን ቀንዲ ኣጽዋር ኮኖ። ቁጽሪ ናይቶም በብመዓልቱ ዝቕተሉ ክርስትያናት ኣዝዩ ብዙሕ ነበረ። ነዚኣቶም ካበየ ቦትኡ ደሊኻ ብምምጻእ ኣብ ውሽጢ ካትኮምብ ብኽብሪ ከምዝቕበሩ ምግባር ከኣ ናይ ክርስትያናት ዕዮ ነበረ። እዚ ዕዮዚ ንምፍጻም ግና ብዙሕ ኣጸጋሚ ኣይነበረን፡ ከመይሲ እቶም ሬሳ ሰማእታት ንኽቕብሩ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት፡ ስርሖም ምእንቲ ክቃለለሎም እቶም ክርስትያናት መጺኦም ናይ ኣዝማዶም ሬሳ ክወስዱ ከለው ርእዮም ከም ዘይረኣዩ ትም ይብልዎም ስለዝነበሩ እዩ።

ካብ ዕለታት ሓንቲ መዓልቲ ካብቶም ኣብ ጥቓ ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ዝነብሩ ዝነበሩ ክርስትያናት ክልተ ተታሒዞም ከምዝተቕትሉ ተሰምዐ። ማርሴሉስ ከኣ ሓደ ካልእ ሰብ ኣኽቲሉ ሬሳኦም ንኽምጽኡ ቆረጸ። መንእሰይ ፖሊዮ'ውን ገለገለ ነገራት ክሕግዞም ተባሂሉ ምስኦም ከደ። ናብ ቀጽሪ እታ ከተማ መስ በጽሑ ከኣ ጸሓይ ዓረበቶም እሞ ብኡብኡ ከባቢኦም ጸላም ወረሶ። ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ግና ወርሒ ስለዝወጸት ንመንገዶም ዝኸውን ብርሃና ለገሰት።

በቲ ጸልማት፡ መንገዲ እንዳቕረጹ ናብ ኮሎሲዩም በጽሑ። እዚ ዓቢ ሜዳ ስፖርት፡ ማእለያ ዘይብሎም ክርስትያናት ዝሃለቕሉ ምኳኑ ኣቕዲሙ ተገሊጹ እዩ። ናይቲ ህንጻ ግርማን ዕቤትን ከኣ ምስ ስልጣን ናይቶም ዘስርሕዎ ቄሳራት ዝዳረግ ነበረ። ብዙሓት ሓለውቲ ደገ ብድሕር'ቲ ብሓጺን ዝተሰርሐ ማዕጾታት ደው ኢሎም ብትግሃት ይሕልው። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መእተዊ ደገ ከኣ ናይ ጥዋፍ መብራህቲ ይበርህ ነበረ።

እቶም ዘብዓኛታት፡ ማርሴሉስን ብጾቱን ዝመጹሉ ጉዳይ ምስ ፈለጡ ናብ ውሽጢ ብምእታው ናብቲ ሜዳ ንኽስዕብዎም ኣዘዝዎም። ኣብ ማእከል እቲ ሜዳ ከኣ ንሮማውያን ከሐጉሱ ናይ ዝተጨፍጨፉ ክርስትያናት ሬሳ ተኾሚሩ ነበረ። ናይ መብዛሕትኡ ሬሳ ኩነታት ዘስካሕክሕ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ ናይ መን ምኻኑ ንኽትፈልዮ'ውን ዘጸግም ነበረ። ድሕሪ ብዙሕ ድኻም ከኣ ናይቶም ዝደልይዎም ዝነበሩ ሰባት ሬሳ ስለዝረኽቡ ነቶም ሬሳታት ኣብ ክሻ ብምእታው ንኽወስድዎም ክዳለው ጀመሩ።

ማርሴሉስ የማነ ጸጋም እናተዘዋወረ ኩነታት ናይቲ ሜዳ ስፖርት ተዓዘበ። ናይቲ ህንጻ ግርማ ዘፍርህ ኮይኑ ብዝሒ ናይቶም ኮፍ መበሊታት ከኣ መቕጸሪ ዘይብሉ ነበረ። ነቲ ከም ከውታ ለይቲ ዝጸልመተ

ህንጻ ክዕዘብ ከሎ ድማ ኣብኡ ተዋሒጡ ዝተርፍ መሰሎ።

ኣብ ልቡ ድማ ከምዚ ዝብል ሓሳብ መጸ "ኣነኸ ኣብዚኣ ቦታ ስለ መድሓኒየይ ህይወተይ ዝስውኣላ መዓልቲ መዓስ ኮን ትኸውን? እቲኣ መዓልቲ ክትመጽእ ከላ ኣብ እምነተይ ጸኒዐ ይርከብዶ ይኸውን? ኦ ጎይታ የሱስ ቦታ መዓልቲ እቲኣ ክጸንዕ ርድኣኒ።"

ወርሒ ካብ ትወጽእ ብዙሕ ስለዘይገበረት እቲ ሜዳ ገና ብርሃን ኣይረኸበን ነበረ። እቲ ሬሳ ናይ ምድላይ መስርሕ'ውን ካብቶም ዘብዐኛታት ብዝተለኞሕዎ ናይ ጥዋፍ መብራህቲ እዩ ተኻይዱ።

ማርሴሉስ ብሃንደበት ካብተን ዝተዓጸዋ በዓትታት ናይቲ ህንጻ፡ ናይ ሓደ ሰብኣይ ድምጺ ከቃልሕ ከሎ ሰመዐ። ጸጥታ ናይቲ ለይቲ፡ ንናይቲ ሰብኣይ ድምጺ ካብ መጠን ንላዕሊ ንጹር ገይርዎ ነበረ። ካብ ልሳን እቲ ሰብኣይ ዝወጻ ዝነበራ ቃላት ከኣ እዘን ዝስዕባ እየን፡

እቲ ለይትን መዓልትን
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ዝኸሶም ዝነበረ፡
እቲ ክሳሰ ኣሕዋትና ተደርብዩ እዩ እሞ፡
ሕጂ ምድሓን፡ ሰልጣንን መንግስትን፡
ናይ ኣምላኽና ከይኑ፡ ምልኪ ከኣ ናይቲ ቅቡኡ እዩ።
ንሳቶምውን ሳላ ደም እቲ ገንሸልን፡
ሳላ እቲ ቃል ምስክሮምን ሰዓርዎ፡
ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዎን።

ማርሴሉስ ከኣ ንብጻዩ "እዚ ሰብኣይ መን ይበሃል?" ክብል ሓተቶ።

ብጻዩ ከኣ "ብዛዕብኡ ብዙሕ ኣይትጨነቕ። ንሱ ሓውና ሲና እዩ። ብሰንኪ ዝወረዶ ጓሂ ኣእምሮኡ ዝተናወጸ እዩ። እዚ ስደትን መከራን ክጅምር ከሎ ንሓደ ወዱ ሒዞም ብሓዊ ኣቃጺሎም ቀቲሎሞ። ብድሕር'ዚ ከኣ ኣብ ኩሉ ቦታታት እንዳኸደ ኣብ ልዕሊ ሮማውያን ናይ ፍርዲ ቃላት ካብ ምውጻእ ኣዕሪፉ ኣይፈልጥን እዩ። ንሶም'ውን ቀደም ሸለል ይብልዎ ነይሮም። ሎሚ ግና ከምዚ ትርእዮ ዘለኻ ሒዞሞ ኣለው" ክብል መለሰሉ።

"እሱር እዩ ማለት ድዩ?"

"እወ!"

እቲ ዘፍርህ ድምጺ ናይ ሲና ደጊሙ ኣቃለሐ፡

ም ቅዱሰን ሓቀኛን ጎይታ፡
ክሳዕ መዓስ ኢኻ ዘይትፈርድ፡
ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለውኽ
ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ሕነ ደምና ዘይትፈድየም።

"እዚ እቲ ኣብ ኩርባ ካፒቶሊን ርእየዮ ዝነበርኩ ሰብኣይዶ ይኸውን?"

"እወ፡ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ኣብዛ ከተማ ንሱ ዘይበጽሓ ቦታ የላን። ክሳዕ ቤተ መንግስቲ እንዳኸደ እዩ ናይ ፍርዲ ቃላት ዝዛረብ።"

"ካብዚ ቦታ ቀልጢፍና ንውጻእ"

ክሻኣም ኣብ መንኩቦም ተሰኪሞም ናብቲ መውጽኢ ደገ ገጹም ብቕልጡፍ ከዱ። እቶም ሓለውቲ ደገ ቑሩብ ኣዘራሪቦም ንኽወጹ ኣፍቀዱሎም። ናብ ደገ ምስ ወጹ ከምዚ ዝብል ድምጺ ናይ ሲና ተሰምዐ፡

እታ ዓባይ ባቢሎን ወዲቓ፡ ወዲቓ፡
ማሕደር ኣጋንንትን
ሰፈር ኩሎም ርኽሉት መናፍስትን
ሰፈር ርኽሰን ዘፈንፍን ዝበለ ኽሉ ውፍን ኮይና።
ህዝበይ ካብኣ ተፈለዩ።

ካብ ኮሎሲዩም ክሳዕ ዝርሕቁ ሓንቲ ቃል ከየተንፈሱ ጉዕዞኦም ቀጸሉ። ብድሕር'ዚ ማርሴሉስ ከምዚ ብምባል ዘረባ ጀመረ፡

"ኣብቲ ውሽጢ ሒዞም ዘትርፉና መሲሉኒ ብጣዕሚ ፈሪሀ ነይረ።"

እቲ ብጻዩ ከኣ "ፍርሃትካ ምኽኑይ እዩ። ከመይሲ፡ ሓደ ካብቶም ሓለውቲ ደገ ዊን እንተዝብሎ ኣብኡ ሒዙ ከትርፈና ይኽእል ነይሩ። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ዕማም ክንፍጽም ከለና ዝኾነ ዓይነት ሓደጋ ከጋጥመና ከምዝኽእል ክንፈልጥ ኣለና። ኣብ ዝኾነ ሰዓት ንሙማት ዝተዳለና ክንከውን ይግብኣና። ጎይታ ንቕሑ ኢሉ ዝኣዘዘና ቃል'ውን ክንርስየ የብልናን። ካብዛ ዓለም እንፍለየላ ሰዓት ክትመጽእ ከላ "ድሉው ኣለኽ" ክንብል ይግብኣና" በሎ።

"እወ፡ ጎይታ'ውን ኣብ ዓለም ከለና ብዙሕ መከራ ከምዘጋጥመና ገሊጹልና እዩ።"

“ብርግጽ! እንተኾነ ግና ጎይታ ከምኡ ኢሉ ጥራይ ኣይገደፈናን፡ “ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ኣብቲ ኣነ ዘለኽዎ ንስኻትኩም’ውን ኣብኡ ክትመጹ ኢኹም” ዝበለና ቃል ክንሓስብ ከለና ልብና ብሓጎስ ይምላእ። ብረድኤቱ ከኣ ንሞት ክንስዕር ንኽእል ኢና። ስቓይ እዚ ዘመን’ዚ ነቲ ኣባና ክግለጽ ዝመጽእ ዘሎ ክብሪ ከምዘይመዓራረዮ ይስምዓኒ ኣሎ።”

ብኽምዚ መልክዕ በቲ ህያው ዝኾነ ቃል ኣምላኽ እንዳተጸናንዑ ጉዕዞኦም ዛዚሞም ብሰላም ናብቲ ዝሓሰብዎ ቦታ በጽሑ። ኣብኡ ምስ በጽሑ ድማ ስለቲ ዝተገበረሎም ሓለዋ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።

ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት፡ ማርሴሉስ ስንቂ ክደሊ ንበይኑ ናብ ገዛ ናይ ሓደ ናይ ክርስትያናት ፈታዊ ዝኾነ ሰብኣይ ከደ። ናይቲ ሰብኣይ መንበሪ ካብ ቀጽሪ ናይታ ከተማ ውጽእ ኢሉ ኣብ ጥቓ ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ዝርከብ ኮይኑ እቲ ሰብኣይ’ውን ንክርስትያናት ብዙሕ ሓገዝ ዝገበረ ነበረ። ማርሴሉስ ከኣ ንስንቂ ዝኽውን መግቢ ምስ ረኸበ ሓበሬታ ክሓታትት ጀመረ።

እቲ ሰብኣይ ከኣ ከምዚ በሎ “ሕማቕ ወረ ይናፈስ ኣሎ። ሓደ ካብ መኳንንቲ ቄሳር ናብ ሃይማኖት ክርስትና ብምቕያሩ ቄሳር ኣዝዩ ተቓጢዑ ኣሎ። ካብዚ ዝተለዓለ ድማ ኣብ ቦታ ናይቲ ክርስትያን ዝኾነ ሓለቓ ሰራዊት ካልእ ሰብ ብምሻም ንክርስትያናት ሃዲኑ ንኽሕዞም ጽኑዕ ዝኾነ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ ይበሃል። በብመዓልቱ ከኣ ንክርስትያናት እንዳሓዙ ናብ ቤት ማእሰርቲ ይድርብይዎም ኣለው። ዋላ ሓደ ሰብ ካብ ቕጠዐኦም ከምልጥ ኣይከኣለን።”

“ንክርስትያናት እንዳሃደነ ንኽሕዝ ተሸይሙ ዘሎ ሓለቓ ሰራዊት መን ምኻኑ ትፈልጥዶ?”

“እወ! ሉኩሉስ ዝበሃል እዩ።”

“ሉኩሉስ? ዘገርም እዩ! ቅድሚ ሕጂ፡ ሉኩሉስ በሊሕን ሓያልን ሰብ ምኻኑ ሰሚዐ ነይረ።”

“እወ፡ ከምኡ እዩ ዝበሃል። ዝኾነ ኮይኑ፡ እቲ ዝናፈስ ዘሎ ወረ ንክርስትያናት ባህ ዘብል ኣይኮነን። ናይዚ ኩሉ ጠንቂ ድማ ናይቲ ሓለቓ ሰራዊት ክርስትያን ምኻን እዩ። ቄሳር ኣዝዩ ተቓጢዑ ኣሎ። ንእኡ ሒዙ ንዝመጸ ከኣ ዓቢ ሽልማት ተዳልዩ ኣሎ ዝብል ወረ ኣሎ። ኣጋጣሚ እንተረኺብካዮ ኣጠንቅቆ ኢኻ። ኣብ ካታኮምብ ተሓቢኡ ከምዘሎ ሰሚዐ ኣለኽ።”

“እወ፡ ኣብኡ ከይተሓብአ ኣይተርፍን እዩ። ንክርስትያናት ካልእ እንታይ መሕብኢ ኣልዎም ኢልካ ኢኻ።”

“እቲ ወረ ኣዝዩ ዘፍርህ እዩ ዘሎ። ብጣዕሚ ክትጥንቀቕ ኣለኩም።”

“ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ክቕትሉና ኣይክእሉን እዮም።”

“ናትኩም ክርስትያናት ድፍረትን ቆራጽነትን ወትሩ ይደንቀኒ እዩ። ምስጢርኩም ኣብ ልብኽኩም ጌርኩም ንማለቱ ጥራይ ናይ ቄሳር ኣዋጅ እንተኣኽበርኩም እንታይ ኣለዎ? ባዕልኽኩም ንምንታይ ሞት ትጽውዑ?”

“መድሓኒና ስሌና ክብል ሞይቱ እዩ፡ ንሕና’ውን ስሌኡ ክንመውት ድሉዋት ኢና። ከምቲ ንሱ ስለቶም ናቱ ክብል ዝሞተ፡ ንሕና’ውን ናቱ ኣሰር ብምስዓብ ስለ ኣሕዋትና ንኽንመውት ቆሪጽና ኣለና።”

“ንስኽኩም ክርስትያናት እተገርሙ ፍጡራት ኢኽኩም።”

ማርሴሉስ ከኣ ካብቲ ሰብኣይ ተሰናቢቱ ምስ ወጸ እቲ ዝሰምዖ ወረ ኣእምሮኡ ከጨንቕ ጀመረ። ኣብ ጉዕዞኡ ድማ ከምዚ እናበለ ክሓስብ ጀመረ “ለካስ ኣብ ክንዳይ ተተኪኡ ዘሎ ሉኩሉስ እዩ! ሕጂኽ ብዛዕባይ እንታይ ዓይነት ኣረኣእያ ይህልዎ ይኽውን? ከም ክርስትያን ጥራይዶ ይርእየኒ ይኽውን ዋላስ እንኮላይ ከም ዓርኩ? ነዚ ንምርግጋጽ ብዙሕ ግዜ ኣይክወስደለይን እዩ። መቸስ ኣብ ኢዱ ዝወድቀላ መዓልቲ ከመይ ኢለ እድነቕ እኽውን? ብዘይክኡ መቸስ ዝሕዘኒ የለን። ከም ድላዩ እንተገበረ ክሓርቕ የብለይን፡ ከመይሲ ንሱ ወተሃደር ስለዝኾነ ግድን ዝተኣዘዞ ክፍጽም ኣለዎ። ናይ ውትህድርና ግቡኡ ንዓይ ከም ናይ መንግስቲ ጸላኢ ንኽርእየኒ የገድዶ እዩ። ብልቡ ይፈትወኒ ካብኡ ሓሊፉ’ውን ይድንግጸለይ ይኽውን፡ እንተኾነ ግና እዚ ኩሉ ናይ ውትህድርና ጉቡኡ ካብ ምፍጻም ክዓግቶ ኣይክእልን እዩ። ንዓይ ሒዙ ንዘምጽአ ሽልማት ክወሃቦ እዩ ተባሂሉ እንተተኣዊጁ ኮይኑ ንዓይ

ንምሓዝ ዝገብሮ ጻዕሪ ልዑል ክኸውን ኣለዎ። እቲ ግዜ ቀሪቡ እዩ እሞ ተዳልየ ክጸባበ ኣለኒ።"

ከምዚ ኢሉ ብልቡ እንዳሓሰበ ብጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ገይሩ ጉዕዝኡ ቀጸለ። ብሓሳብ ተዋሒጡ ናብዝን ናብትን እናበለ ክግስግስ ከሎ፡ ከይሓሰቦ ሰባት እክብ ኢሎም ደው ኣብ ዝበሉሉ ኩርናዕ ስለዝበጽሐ እቶም ሰባት ኣኽቢቦም ደው ኣበልዎ።

ካብ ማእከሎም ሓደ "ክሳዕ ክንድዚ ምቕልጣፍ ኣየድልን እዩ። ንምኳኑ መን ትበሃል? ናበይከ ትኸይድ ኣለኻ?" በሎ።

ማርሴሉስ ከኣ ብቑጠዐ "ካብ ቅድመይ ተኣለ" ብምባል ነቲ ሰብ ደፍኡ። ኩሉ ኩነታቱ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ሰባት ስልጣን ከምዝነበሮ ብግልጺ ይረአ ነበረ።

እቶም ሰባት ከኣ በቲ ዝሰምዕዎ ናይ ስልጣን ቃል ኣዝዮም ተሰናበዱ። ናብ ድሕሪት ገጸም'ውን ከድሓርሕሩ ጀመሩ። እቲ ከም መራሒኦም ኮይኑ ንማርሴሉስ ዝተዛረቦ ሰብ ግና ደጊሙ "መን ምኳንካ እንተዘይነጊርካና በዚ ክትሓልፍ ኣይትኽእልን ኢኻ" በሎ።

ማርሴሉስ ከኣ "ካብ ቅድመይ ተኣለ እብለካ ኣለኹ። ንዓይ ኣይተፈልጠንን ማለት ድዩ? ኣነ ካብ ናይ ቄሳር ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓደ እየ" በሎ

ሽዑ ኩሎም ተሰናቢዶም መንገዲ ከፈትሉ እሞ ማርሴሉስ ከኣ ጉዕዝኡ ቀጸለ። ቅሩብ ስጉምትታት ምስ ከደ ግና ካብ መንጎኦም ከምዚ ዝብል ድምጺ ሰመዐ፡

"ማርሴሉስ እቲ ክርስትያን እዩ! ከየምልጥ ሓዝዎ!" ኩሎም ኣብ ዘዘለውዎ ኮይኖም ኣውያቶም ደርጉሕዎ።

ማርሴሉስ ከኣ ግዜ ከየጥፈኡ ነቲ ተሰኪምዎ ዝነበረ ስንቂ ናብቲ ደርብዩ ናብ ሓንቲ መዕጸፊት ኣንጎሎ ገጹ ጎየየ። ኩሎም ከኣ ሰዓብዎ።

ማርሴሉስ እግረይ ኣውጽእኒ ብምባል የማነ ጸጋም እናቕረጸ ናብቲ ቲበር ዝበሃል ፈለግ ገጹ ኣምረሐ። ብጉያኡ ድማ ነቶም ኣሳደድቱ ብርሑቕ ርሕቀት ፈልይዎም ተመርቀፈ። ናብቲ ፈለግ ምስ በጸሐ ከኣ ተወርዊሩ ብምእታው ናብ ስግር ማዕዶ ክሕንብስ ጀመረ። እቶም ኣሳደድቱ'ውን ናብ ገምገም እቲ ሩባ እኳ እንተበጽሑ ካብኡ ንላዕሊ ክሰግሩ ግና ኣይደፈሩን።

ምትሓዝ

ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ የጥርየልኩም እዩ።

ሆኖሪዮስ ምስ ክልተ ሰለስተ ዝኾኑ ሰባት ኣብታ ንጸሎት ዝእከቡላ ክፍሊ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባት ሓንቲ ከኣ ሴሲልያ ነበረት።

ኣብታ ክፍሊ ሓንቲ ናይ ጥዋፍ መብራህቲ ጭልጭል ትብል ነበረት። ናይቶም ሰባት ኣቀማምጣ ብጣዕሚ ጸጥ ዝበለ ኮይኑ ሓዘንን ስግኣትን ዘነሳቐሎም ምኳኖም ብግልጺ ይረአ ነበረ።

ናብዝን ናብትን ናይ ዝመላለሱ ሰባት ስጉምትን ናይ ምጉርምራም ድምጽን ይስማዕ። ሃንደበት ከኣ ናይ ሓደ ቅልጡፍ ኣካይዳ ዘለዎ ሰብ ስጉምቲ ናብታ ዝነበርዋ ክፍሊ ገጹ ቀረበ።

ማርሴሉስ ከኣ ናብ ውሽጢ'ታ ክፍሊ ኣትዩ ኣብ ቅድሚኡም ደው በለ። ኩሎም ድማ ብስንባደ ካብ መቐመጢኦም ብድድ በሉ።

ሴሲልያ ከኣ "ፖሊዮ ኣበይ ኣሎ?" ክትብል ሓተተት።

ማርሴሉስ ከኣ "ኣይረኣኽዎን" ክብል መለሰላ።

ሴሲሊያ ከኣ መልሲ ናይ ማርሴሉስ ምስ ሰምዐት ብስንባደ "ኣይረኣኽዎን?" ብምባል ኣብቲ ኮፍ መበሊኣ ረፋዕ በለት።

"ኢሂ ... ካብ ዝወጽእ ነዊሕ ገይሩ ድዩ?"

"ቅድሚ ሰዓት ሽዱሽተ ክምለስ ነይርዎ፡ ሕጂሞ ሻቕሎቱ ክቕትለኒ እዩ።"

"ዋላ ሓንቲ ኣይከውንን እዩ፡ ንሱ እንተኾነ ከመይ ገይሩ ንነብሱ ካብ ሓደጋ ከም ዝሕልዋ ይፈልጥ እዩ።"

ማርሴሉስ ከምዚ ዓይነት ናይ መጸናንዒ ቃላት ብምዝራብ ነቲ ዝተሸበረ ልባ ክህድኦ ፈተነ።

ሴሲልያ ግና ካብ ኮፍ መበሊኣ ብድድ ብምባል “ከመይ ጌርካ ዋላ ሓንቲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ ትበለኒ ኣለኻ? ኣብ ዙርያና ዝኸበበና ሓደጋ ጽቡቕ ጌርና ንፈልጦ ኢና። ከምዚ ናይ ሕጂ እዋን ገይሩ’ኳ መእተዊናን መውጽኢናን ጨኒቑና ኣይፈልጥን እዩ” በለቶ።

ሆኖሪዮስ ከኣ “ዝኾነ ኮይኑ፡ ማርሴሉስ፡ ንዓኻኽ ክሳዕ ሕጂ ዘደንጎየካ ምኽንያት እንታይ እዩ? ተመሊስካ ክትመጽእ ኢኻ ኢልና ፈጺምና ተስፋ ኣይገበርናን ኔርና” በሎ።

“ኣብቲ ቪያ ኣልባ ዝበሃል መንገዲ ምስ በጻሕኩ ገለ ሰባት ክሕዙኒ ፈቲኖም። ኣነ ከኣ ነቲ ተሰኪመዮ ዝነበርኩ ስንቂ ብምድርባይ ሃዲመ ናብቲ ፈለግ ገጸይ ኣምራሕኩ። እቶም ሰባት ድማ እንዳሳደዱኒ ክሳዕ እቲ ሩባ መጹ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩ ከኣ ናብቲ ሩባ ዘሊለ ብምእታው ሓምቢሰ ናብቲ ማዕዶ ክሰግር ክኢለ። ካብኡ ድማ መንገዲ እንዳቋረጽኩ ከምዚ ትርእዩኒ ዘለኹም ብሰላም ናብዚ ክበጽሕ ከኣልኩ።”

“ንስክላ ኢኻ ኣምሊጥካ፡ ብጣዕሚ እዮም ዝደልዩኻ ዘለው። ንዓኻ ሒዙ ዘምጽኣ ክሸለም እዩ እንዳተበሃለ ይውረ ኣሎ።”

“ንስኻትኩም’ውን ሰሚዕኩም ኢኹም ማለት እዩ?”

“እወ፡ ካብዚ ዝገድድ’ውን ካልእ ብዙሕ ነገራት ሰሚዕና ኣለና። ንኹላትና ንምጥፋእ ከቢድ ጻዕሪ እዩ ዝግበር ዘሎ። በብግዚኡ ዝበጽሓና ዘሎ ወረ ዘፍርህን ተስፋ ዘቑርጽን እዩ። ስለዚ፡ ናብቲ ካብዚ ተመዚዙ ዘሎ ሰይፊ ከድሕነና ዝኽእል ኣምላኽና ኣጸቢቕና ክንውከል ይግባእ።”

ማርሴሉስ ከኣ ተስፋ ብዝመለኦ መንፈስ “መእተዊናን መውጽኢናን ከምዘይረኽብዎ ክንገብር ኢና” በለ።

ሆኖሪዮስ ግና “እተን መእተዊናን መውጽኢናን ዝኾና ዓበይቲ ደጌታት ተቐጻጺሮመን ኣለው ይበሃል።” ክብል መለሰሉ።

“ሓደስቲ ደጌታት ንገብር። እምበርከ ክንደይ ደጌታት ኢሎም ክሕልው እዮም።”

“ናይ ምእመናን መራሕትን ሽማግሌታትን ሒዙ ንዘምጽኣልና ሽልማት ክንህብ ኢና ኢሎም ኣለው።”

“ኣብኣቶም ሓደጋ ከይወርድ ጽቡቕ ጌርና ክንሕልዎም ኣለና ማለት እዩ።”

“ስንቅና ክውዳእ ጀሚሩ ኣሎ። ካብ ደገ ንረኽቦ ዝነበርና ረዲኦት’ውን ብጣዕሚ ጎዲሉ እዩ።”

“እዚ ኩሉ ከርዕደና ኣይግባእን እዩ። ከምቲ ናይ ቀደም ሕጂ’ውን ክሕግዙና ፍቓደኛታት ዝኾኑ ብዙሓት ሰባት ኣለው። ንሕና’ውን ከምቲ ናይ ቀደም ብትብዓት ስንቂ ምምልላስ ከነቋርጽ የብልናን። ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ክሳዕ ዘለና ብዛዕባ መግቢ ዝኾነ ይኹን ሽግር ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትና ክወርዶም ኣይክእልን እዩ። እዚ ዕዮ’ዚ ብቕራጽነት እንዳፈጸምና ከለና ተታሒዝና እንተተቐተልና ከኣ ኣኽሊል ህይወት እዩ ተዳልዩ ዝጽበየና።”

“እወ ማርሴሉስ፡ እዚ ሕጂ ዝተዛረብካዮ ኩሉ ሓቂ እዩ። ኣብዚ ውሽጢ ክሳዕ ዘለና ሞት ክንፈርህ የብልናን። ናይ እምነትካ ጽንዓት ኣብ ሕፍረት ኣውዲቑኒ ኣሎ። ንምኽኑ ሞት እንታይ እዩ? ንቑሩብ ግዜ ኣሳቕዩ ንዘለኣለም ዝሓልፍዶ ኣይኮነን? ሎሚ መዓልቲ ዝሰማዕናዮ ወረ ንልብና ብጣዕሚ ኣጨኒቕዎ እዩ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣመንቲ ተበታቲኖም ኣለው። ብዙሓት ማሕበራት ምእመናን ኣብዛ ከተማ ተመስሪተን ምስጋናኣንን ጸሎትንን ናብ ኣርያም የቃልሓ ነይረን። ሕጂ ግና ኩለን ፈሪሰን እየን። ኣመንቲ’ውን ካብ ምድሪ ገጽ ከምዝጠፍኡ ይግበር ኣሎ።” ድሕሪ ምባል፡ ሆኖሪዮስ ገጹ ናብ ምድሪ ደፊኡ ትም በለ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ከኣ ብናይ ቅኔ ድምጺ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ ሰማንያ ክደግም ጀመረ።

ም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፡
ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ብጸሎት ህዝብኻ እትኹራ፡
እንጌራ ንብዓት ኣብላዕካዮም፡
ብመስፈር ከኣ ንብዓት ኣሰቲኻዮም።
ንሳረባብትና መካትዒኦም ትገብረና ኣለኻ፡
ጸላእትና’ውን የላግጹልና ኣለው።
ም ኣምላኽ ሰራዊት ምለሰና፡
ክንድሕን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና።

ማርሴሉስ እዚ ምስ ሰመዐ ንሆኖሪዮስ ከምዚ በሎ። “ኦ ሆኖሪዮስ! ኣይትጉህ፡ መከራና ካብ ዕለት ናብ ዕለት እንዳወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ። እንተኾነ ግና ብእኡ በቲ ዘፍቀረና ካብ ሰዓርቲ ንላዕሊ ክንከውን ንኽእል ኢና። ንሱ ባዕሉ ብቓሉ ከምዚ ይብለና “***ነቲ ዝሰዕር ካብታ ኣብ ገኑት ኣምላኽ***

ዘላ ኣም ህይወት ክበልዕ ክህቦ እየ። ክሳዕ ሞት እሙን ኩን፡ ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ። እቲ ዝስዕር ቡቲ ካልኣይ ሞት ኣይክጉዳእን እዩ። ኑቲ ዝስዕር ካብቲ ስውር ማና ክህቦ እየ፡ ጸዕዳ እምኒ ድማ ብዘይ እቲ እተቐበሎስ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ኣብታ እምኒ እቲኣ እተጻሕፈ ስም ክህቦ እየ። ኑቲ ዝስዕርን ክሳዕ መወዳእታውን ግብረይ ዝሕሉንሲ ከምቲ ኣነ ካብ ኣቦይ ዝተቐበልክም ኣብ ልዕሊ እቶም ኣህዛብ ክሰልጥኖ እየ። ኮኾብ ጽባሕውን ክህቦ እየ። እቲ ዝስዕር ከምኡ ጸዕዳ ክዳውንቲ ክኸደን እዩ፡ ኣነውን ንስሙ ካብ መጻሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቆን እየ፡ ኣብ ቅድሚ ኣቦይን ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ድማ ንስሙ ክእመኖ እየ። ኑቲ ዝስዕር ኣብታ መቐደስ ኣምላኽይ ዓንዲ ክገብሮ እየ፡ ካብኣ ኩቶ ኣይክወጽእን እዩ። ሰም ኣምላኽይን ሰም እታ ኩተማ ኣምላኽይን፡ ናይታ ካብ ኣምላኽይ ካብ ሰማይ እትወርድ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ኑቲ ሓድሽ ስመይን ክጽሕፈሉ እየ፡ ከምቲ ኣነውን ዝሰዓርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋን እተቐመጥኩ፡ ኑቲ ዝስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ክቕመጥ ክህቦ እየ።"

ማርሴሉስ እዚአን ቃላት ክዛረብ ከሎ ንባዕሉ ገጹ ብናይ ተስፋ ብርሃን ከንጸባርቕ ስምዒቱን ትብዓቱን ድማ ክጓሃሃር ጀመረ። እቶም ዝሰምዕዎ ኩሎም'ውን እቲ ንልቦም ከቢድዎን ኣጨኒቕዎን ዝነበረ መከራ ብምርሳዕ ልቦም ብሓጎስን ብዘለኣለማዊ ተስፋን ተመልኢ። እቲ ብስግኣት ተዓትዒቱ ዝነበረ ሓሳቦም ከኣ ብሓሳብ እታ ኣደባባያታ ከም ጽሩይ ወርቂ ዝኾነት ሓዳስ የሩሳሌምን እቲ ውቁብ ናይ ስዩ ኣግራባን፡ ብመዝሙር ናይቲ ገንሸልን ብሩህ ገጽ ናይቲ ኣብ ዝፋን ዝተቐመጠ ንጉስን ተመልኢ።

ሆኖሪዮስ ከኣ ንማርሴሉስ ከምዚ በሎ "እዘን ዝተዛረብካየን ቃላት ካብ ጭንቀተይ ኣናጊፈናኒ እየን። ድሕሪ ደጊም ብምድራዊ መከራ ክንሸበር የብልናን። ናይዚ ትግል ትግል ናይ እምነት ሓውና ዝኾነ ማርሴሉስ ጽንዓት ንኹላትና ኣብ ሕፍረት ከም ዝሸመመና ዘየጠራጥር እዩ። ድሕሪ ደጊም ኩሉ ሓሳብና ኣብቲ ኣብ ቅድሚና ዝጽበየና ዘሎ ሓጎስ ክዓርፍ ይግባእ። ከመይሲ፡ እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተፈረሰት እኳ፡ ብኢድ ዘይተገብረት ናይ ዘለኣለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና ንፈልጥ ኢና። ጸላእትና እንዳቐረቡ ይመጹ ኣለው። ህይወትና እንስውኣላ ግዜ ቀሪባ እያ እሞ ሙማትና ካብ ዘይተረፈ ከም ክርስትያን ንሙማት ንዳሎ።"

ማርሴሉስ ድማ "እዚ ኩሉ ጭንቀት ካብ ምንታይ ዝተለዓለ እዩ? ካብቲ ናይ ቀደም ብዝበለጸ ንሞት እንፈርሃሉ እንታይ ምኽንያት ኣለና? ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ክሳዕ ዘለና እንታይ ክበጽሓና ይኽእል?" ክብል ሓተተ።

"ኣየ ማርሴሉስ፡ እሞ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠመ ነገር ኣይሰማዕካን ኣለኻ ማለት እዩ?'

"እንታይዶ ኣጋጢሙ እዩ?"

"ክሪሲፑስ ከም ዝሞተዶ ኣይሰማዕካን ኢኻ?"

"ክሪሲፑስ! ሞይቱ? ዘይሕሰብ እዩ! መዓስ? ብኸመይ?"

"ወተሃደራት ቄሳር ብሓደ ፈላጥ መንገዲ እንዳተመርሑ ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ብምእታው ናብታ ጸሎት ዝካየደላ በዓቲ ኣምሪሑም። ምምጽኣም ምስ ተሰምዐ ከኣ ብኡብኡ እቶም ምእመናን ናብ ፈቐዱኡ ፋሕ ኢሎም። ክሪሲፑስ ግና ብሰንኪ እርጋን ይኹን ዋላስ ሰማእትነት ስለዝደለየ "ካብዛ ዘለኽዋ ኣይንቀሳቐስን እየ" ብምባል ኣቐቢጹ። እቶም ወተሃደራት ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ ከኣ ክሪሲፑስ ምስቶም ክልተ ሓለውቱ ንጸሎት ተንበርኪኹ ጸኒሕዎም። ብኡብኡ ድማ ርእሱ ፈጽፈጸም ቀቲሎሞ። እቶም ክልተ ሓለውቱ'ውን ምስኡ ሓሊፎም።"

ማርሴሉስ ድማ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ "ምስቶም ናይ ሰማእታት ሰራዊት ንኽጽንበሩ ክሳዕ ሞት እሙናት ኮይኖም እዮም እሞ ኣኽሊል ህይወት ክቐበሉ እዮም" በለ።

ብሃንደበት ከኣ ብደገ ናይ ሰባት ወኻዕታ ተሰምዐ። ኩላቶም ካብቲ ዝነበርዎ ብስንባደ ተንስኡ። ከይሓሰብዎ'ውን ኩላቶም "ወተሃደራት መጺኦም" ክብሉ ጨርሑ።

እንተኾነ ግና እቲ ብደገ ዝተሰምዐ ድምጺ ናይ ወተሃደራት ኣይነበረን። ካብቲ ላዕለዋይ ዓለም፡ ማለት ካብታ ከተማ መልእኽቲ ሒዙ ሓደ ክርስትያን መጺኡ ነበረ። እቲ መልእኽተኛ ከኣ ራዕራዕ እናበለን እንቅዓ እንቅዓ እናተንፈሰን ኣብቲ ምድሪ ቤት ረፋዕ ኢሉ ኮፍ ድሕሪ ምባል፡ ኢዱ እናጠፍጠፈ "ጠፋእና! ጠፋእና!" በለ።

ናይዚ ወዲ ኩነታት ንሴሲልያ ብጣዕሚ ኣሰንበዳ። ራዕራዕ እናበለት ከኣ ናብቲ መንደቕ ተጸገዐት። ኣእዳዋ ጭብጥ ኣቢላ፡ ኣዒንታ ኣፍጢጣ ንኽትዛረብ ከናፍራ ፈጥፈጥ ክብላ ጀመራ። እንተኾነ ግና ሓንቲ ቃል እኳ ከተውጽእ ኣይከኣለትን።

ሆኖሪዮስ ከኣ "ተዛረብ! ተዛረብ! እንታይ እዩ እቲ ነገር? እስከ ንገረና!" በሎ።

እቲ ወዲ ከኣ "ፖሊዮ!" በለ።

ማርሴሉስ ከኣ ብቑጠዐ "ፖሊዮ እንታይ ኮይኑ?" ክብል ሓተቶ።

"ተታሒዙ! ተኣሲሩ!"

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ኣእዛንካ ዘጽምም ኣውያት ተሰምዐ። እታ ዘእወየት ድማ ሴሲልያ ነበረት። ብኡብኡ ድማ ኣብቲ ምድራቤት ድፍእ በለት። ኣብኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ ከኣ ኣልዒሎም ናብ ክፍላ ብምውሳድ መድሃኒት ገበሩላ እሞ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ህይወት ዘረኣት። እንተኾነ ግና ካብ ስንባድን ካብቲ መውደቕትን ዝተለዓለ ኣእምሮኣ ስለዝተናወጸ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሃለፍታ ጸነሐት።

እቲ መልእኽተኛ ከኣ ኣእምሮኡ ዘህድኣሉ ቅሩብ ግዜ ብምርካቡ ህድእ ኢሉ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ከምቲ ዝግብእ ገይሩ ሓበረ።

ማርሴሉስ ከኣ "ፖሊዮ ምሳኻ ድዩ ነይሩ?" ክብል ሓተቶ።

"ኣይፋሉን፡ ንበይኑ እዩ ነይሩ።"

"እንታይ ክገብር ከይዱ?"

"ሓበፈታ ክኣኻኽብ እዩ ከይዱ። ንሱ ካባይ ርሕቐ ኢሉ ቀቅድመይ ይኸይድ ነይሩ። ኣመጻጽኣና ድማ ካብታ ከተማ ናብዚ ገጽና እዩ ነይሩ። ኣብ መንገድና ሰባት ኣብ ዝተኣኻኽብሉ ቦታ ምስ በጻሕና ብሃንደበት እቶም ሰባት ንፖሊዮ ደው ኣቢሎም ክምርምርዎ ጀሚሮም። እንታይ ኢሎም ይሓትዎ ከምዝነበሩ ክሰምየም ኣይከኣልኩን። እንተኾነ ግና ኣእዳዎም እንዳወጣወጡ የፈራርህዎ ነይሮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ሒዞም ክወስድዎ ከለው ርእየዮም። ኣነ ከኣ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣልኩን። ብርሑቕ ኮይነ ኩነታቱ ክዕዘብ ጥራይ ፍርቂ ሰዓት ሓሊፉ። ብኡብኡ ድማ ናይ ቄሳር መኳንንቲ ስለዝመጹ ንዕኦም ተዋሂቡ። ንሳቶም ድማ ሒዞሞ ከይዶም።"

"ናይቶም መኳንንቲ መራሒ መን ከምዝነበረ ርኢኻዮዶ?"

"እወ ርእየዮ፡ ሉኩሉስ እዩ።"

ማርሴሉስ ከኣ "እምበኣር ሉኩሉስ እዩ ነይሩ!" ድሕሪ ምባል ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ኮይኑ ምስ ሓሳቡ ክቃለስ ጀመረ።

መስዋእትነት

ሰብ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ በጃ ከሕልፍ ካብዚ ዝዓቢ ፍቕሪ የልቦን።

እቲ ቦታ ኣብ ሰፈር መኳንንቲ ቄሳር ኮይኑ እቲ ግዜ'ውን መስዩ ነበረ። ሉኩሉስ ኣብ ውሽጢ ክፍሉ ባዕ ዝበለ ብርሃን ኣብሪሁ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ሃንደበት እቲ ማዕጾ ተኳሕኩሐ። ሉኩሉስ ድማ ካብቲ ዝነበሮ ብድድ ብምባል ኑቲ ማዕጾ ከፊቶ እሞ ሓደ ሰብ ናብቲ ክፍሊ ብምእታው ኣብ ቅድሚ ሉኩሉስ ደው በለ።

ሉኩሉስ ድማ ዓው ብዝበለ ድምጺ "ማርሴሉስ!" ኢሉ ድሕሪ ምጭራሕ ኑቲ ዘፍቅሮ ዓርኩ ብምርኣዩ ተሓጉሱ ሓቖፎ።

"ፍቱው ዓርከይ፡ ዳግማይ ክንራኸብ ብምኽኣልና ሓጎሰይ ወሰን የብሉን። ኣብዚ ኮፍ ኢለ ብዛዕባኻ እየ ክሓስብ ጸኒሐ። ዳግማይ ብህይወት እንራኸበሉ ዕድል የጋጥመናዶ ይኸውን እናበልኩ ክሓስብ ከለኹ ደበኽ ኢልካ።"

ማርሴሉስ ከኣ ንብጻዩ ከምዚ ክብል መለሰሉ "ክቡር ዓርከይ፡ ኣብ መጻኢ ብዙሕ ግዜ ንራኸብ ኣይመስለንን። ሎሚ'ውን ህይወተይ ኣብ ሓደጋ ትወድቐዶ ትኸውን እናበልኩ እናተጠራጠርኩ እየ መጺኡ።"

"ብርግጽ ማርሴሉስ፡ ብጽኑዕ ከምእትድለ ተገይሩ ኣሎ። ንዓኻ ሒዙ ናብ ቄሳር ንዘቕረበ'ውን ዓቢ ሽልማት ከምዝወሃበ ተኣዊጁ ኣሎ። ብኣይ ወገን ግና ዋላ ሓንቲ ጸገም ክመጸካ ከም ዘይክእል ከምእትፈልጥ ኣይጠራጠርን እየ። ዕርከነትና ከምቲ

ናይ ቀደም ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። እዚ ሒዙካ ዘሎ ጽላለ እንተዝገድፈካ ድማ ከም ናይ ቀደምና ሓቢርና ብሓጎስ ክንነብር ምኽኣልና ኔርና። በጃኻ ማርሴሉስ ...."

"በጃኻ ሉኩሉስ፡ ኣይተሸግረኒ። ኣነ እንተኾንኩ ብፍጹም ሓሳበይ ኣይልውጥን እየ። ንዓኻ ኩነታትይ ዘሕዝን መሲሉ ይረኣየካ ይኸውን፡ እቲ ሓቂ ክነግረካ እንተኾይነ ግና ኣብ ህይወተይ ከምዚ ናይ ሕጂ ተሓጉሰ ኣይፈልጥን እየ።"

"ቁሩብዶ ኣይትሓፍርን ኢኻ! ተሓጉሰ ኣለኹ ድማ ትብል ኣለኻ?"

"እወ ሉኩሉስ፡ እዚ ናይ ሕጂ ሓጎሰይ ብቓላት ክግለጽ ኣይክእልን እዩ። ርግጽ እዩ ብዙሕ መከራ ክበጽሓኒ እዩ ግን ከኣ ኣይጭነቐን እየ፡ ክስደድ እየ ግን ከኣ ተስፋ ኣይቆርጽን እየ።"

"ቄሳር ኣብ ልዕሊ ክርስትያናት ዝእውጆ ዘሎ ስደትን መከራን ቀሊል ከይመስለካ።"

"ብዛዕብኡ ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ እየ። በብመዓልቱ ብዙሓት ናይ እምነት ኣሕዋተይ ክቕተሉ እርኢ ኣለኹ። እቲ ከቢቡና ዘሎ ናይ ሓደጋ ዓንኬል'ውን በብመዓልቱ እንዳጸበበ ይኸይድ ከምዘሎ ንፈልጥ ኢና። ብዙሓት ብጾተይ'ውን ካብቲ ዝኸድዎ ቦታ ሬስኡም ክምለስ ከሎ ብዙሕ ግዜ ርእየ ኣለኹ።"

"እሞ ነዚ ኩሉ እንዳረኣኻ ዲኻ ሕጉስ እየ ትብለኒ ዘለኻ?"

"እወ ሉኩሉስ፡ ልበይ ዓለም ክትርድኦ ብዘይከኣላ ሰላም ተመሊኡ ኣሎ። እዚ ሰላም ከኣ ሰማያውን ልዕሊ ኩሉ ምስትውዓልን እዩ።"

"ዝኸበርካ ማርሴሉስ፡ ንሞት ዘይትጸዓድ ምኽንካ ዝፈልጥ እኳ እንተኾንኩ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዝኣክል መከራ ትዕገስ ኢኻ ኢለ ግና ኣይገመትኩን ነይረ። ቆራጽነትካ ካብ ዓቕሚ ሰባት ንላዕሊ ኮይኑ ይረኣየኒ ኣሎ። ምናልባት'ውን ካብ ጽላለ ዝመጽእ ትብዓትን ቆራጽነትን ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ።"

"ተጋጊኻ ሉኩሉስ ዓርከይ፡ እዚ ኣባይ ትርእዮ ዘለኻ ጽንዓት ካብ ላዕሊ ዝተወሃበኒ እዩ። ንዓይ፡ ጎይታይ የሱስ ካብ ናይ ዓለም ኩሉ ሃብቲ ይበልጸኒ እዩ። ቅድሚ ሕጂ እዚ ምስጢር ክርደኦ ኣይከኣልኩን ነይረ። ሕጂ ግና እቲ ኣረጊት ሓሊፉ እንሆ ኩሉ ተሓዲሱ እዩ። በዚ ዝተዋሃበኒ ሓድሽ ሓይሊ ከኣ ዝኾነ ይኹን መከራ ክጸወር እኽእል እየ። ኣብ ዙርያይ ኣፉ ከፊቱ ዝጽበየኒ ዘሎ መክራ ዘሰቅቕ እኳ እንተኾነ ንመሰረት ናይ እምነትይ ግና ከናውጸ ኣይክእልን እዩ።"

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሉኩሉስ ጓሂ ብዝመልኦ ድምጺ ከምዚ በለ፡ "ናይ ሓሳብካ ጽንዓት ብጣዕሚ እዩ ዘሕዝነኒ። ሓንቲ ናይ ምውልዋል ምልክት እኳ እንተዝርእየልካ ነይረ፡ ደሓን ግዜ ክመልሶ እዩ ዝብል ተስፋ ምሓደረኒ ነይሩ። ኩሉ ኩነታትካ ግና "ናይ ዓሻ ሃይማኖት ካብ ጅማት ይተርር" ዝብል ምስላ ይዘኻኽረኒ ኣሎ።

ማርሴሉስ ከኣ "ክሳዕ መወዳእታ ኣብ እምነተይ ጸኒዐ ምእንቲ ክርከብሲ ኣምላኽ ጥራይ ይሓግዘኒ" ብምባል ናይ ልቡ ጽንዓት ንብጻዩ ገለጸ። ብምኾጻል ድማ ከምዚ እናበለ ብዛዕባ ዝመጻሉ ጉዳይ ንሉኩልስ ክገልጸሉ ጀመረ፡

"ሎሚ ክሳዕ ኣብዚ ከምዝመጽእ ዝገበረኒ ናተይ ጉዳይ ኣይኮነን። ናብዚ ዝመጻእክሉ ምኽንያት ናትካ ሓገዝ ደልየ እየ። ቅድሚ ሕጂ "ዝኾነ ዓይነት ጸገም እንተኣጋጢሙካ ሓገዘይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ" ኢልካኒ ነይርካ። ሕጂ መጺአ ዘለኹ'ውን ነቲ ዝሃብካኒ ተስፋ መሰረት ብምግባር እየ።"

"ኣብ ትሕቲ ስልጣነይ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ነገር ክገብረልካ ድሉው እየ። እትደልዮ ዘለኻ ሓብረኒ።"

"ሓደ እሱር ምሳኻ ኣሎ።"

"እወ፡ ከምኡ እንተኢልካስ ብዙሓት ሒዝና ኣለና።"

"ኣነ ብፍላይ ደልየ ዘለኹ ብዛዕባ ሓደ ቆልዓ እዩ።"

"ቅድሚ ቅሩብ ግዜ ሓደ ቆልዓ ከምእተተሓዘ ሰሚዐ ኣለኹ።"

"ዋላኳ ቄሳር ክርስትያናት ንኽህደኑ እንተኣዘዘ፡ ከምዚ ዓይነት ቆልዓ ግና ክተሓዝ ኣይነበሮን። ሕጂ'ውን ኣብ ኢድካ ስለዘሎ ክትፈትሖ እልምነካ ኣለኹ።"

"ከመይ ገይረ ማርሴሉስ! ናይ ሮማ ሕግን ማሕላን ረሲዕካዮ ኢኻ መስለኒ። እዚ ትሓተኒ ዘለኻ እንተገይረ ከም ከሓዲ ከምዘቕጽረኒ ኣይትፍለጥንዶ

ኢኻ? እዚ ግበር ካብ ትብለንስ ብገዛእ ሰይፍኻ ርእስኻ ኣጥፍእ እንተበልካኒ ይሓይሸ።”

“ናይ ውትህድርና ማሕላን ሕግን ኣይረሳዕክዎን። እንተኾነ ግና እዚ ቆልዓ ገና ህጻን ብምኳኑ ከም እሱር ክቁጸር ኣይግብኦን እዩ። ናይ ቄሳር ትእዛዝ ዋላ ንህጻናትዶ ይምልከት እዩ?”

“እቲ ትእዛዝ ዋላ ሓንቲ ናይ ዕድመ ፍልልይ ኣይገብርን እዩ። ካብኡ ዝንእሱ ህጻናት'ኳ ኣብ ኮሎሲዩም ክቕተሉ ከለው ብዓይንኻ ዝረኣኻዮ እንድዩ።”

ማርሴሉስ ከኣ “እወ ርእየ ኣለኹ” ድሕሪ ምባል ብሓሳቡ ናብተን ናይ ሓጎስ መዝሙር እናዘመራ ህይወትን ዝሰውኣ ኣዋልድ ተወንጨፈ።

ቀጺሉ ድማ “እሞ እዚ ቆልዓ ናይ መከራ ጽዋእ ክጭልጥ እዩ ማለት'ዩ?” ክብል ሓተተ።

“እምነቱ እንተዘይገዲፉ ኣይተርፎን እዩ።”

“ካብ እምነቱስ ፈልከት ከምዘይብል እፈልጦ እየ።”

“እሞ ንነብሱ እዩ ዝጎድእ። ማርሴሉስ፡ እዚ ኹሉ ዝገብር ዘሎ እቲ ሕጊ እዩ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን እሞ በጃኻ ኣይትውቀሰኒ።”

“ዋላ ሓንቲ ኣይወቕሰካን እየ። ምእዙዝን ቅኑዕን ኣገልጋሊ ምኳንካ እፈልጥ እየ። ኣብዚ ክሳዕ ዘለኻ ከኣ ግቡእካ ክትፍጽም ኣለካ። ግን ሐደ ነገር ክሓተካ። እሱር ምፍታሕ ካብ ሕጊ ወጻኢ እዩ ኢልካኒ ኣለኻ፡ ሓደ እሱር ፈቲሕካ ኣብ ክንድኡ ካልእ ምእሳርከ ይከኣሎዶ?”

“እወ”

“ካብዚ ቆልዓ ንላዕሊ ተደላዪ ዝኾነ ሰብ እንተምጺኡልካ ንእኡ ትፈትሖዶ?”

“እዋእ፡ ካብ ናትና ሰባት ዝኣስርኩሞምዶ ኣለው እዮም?”

“የለውን። ካባና ግና ብጽኑዕ ዝድለዩ ከምዘለው ትፈልጥ ኢኻ። ናይ መብዛሕትና ህይወት'ውን ብዓቢ ሽልማት ተተሚኑ ኣሎ። ስለዚ ናይዞም ሰባት ምትሓዝ ብኣማኢት ዝቐጸሩ ህጻናት ከፍትሕ ይኽእል እዩ።”

ሉኩሉስ ከኣ ብምድናቕ “ኣብ መንጎ ክርስትያናትከ ሓደ ነቲ ሓደ ኣሕሊፍካ ምውህሃብ ኣሎ ድዩ?” ክብል ሓተተ።

“ኣይፋሉን! ካብ ማእከልና ንብጻዩ ኣሕሊፉ ዝህብ የለን። ሓደሓደ ግዜ ግና ሓደ ክርስትያን፡ ህይወት ናይ ብጻዩ ከድሕን ክብል ገዛእ ርእሱ ኣሕሊፉ ይህብ እዩ።”

“ብፍጹም ዘይመስል ነገር እዩ!”

“ዝተወደአ ሓሳብ እዩ!”

“ንምኳኑ በጃ እዚ ቆልዓ ክሓልፍ ተመዲቡ ዘሎ መን እዩ?”

“ኣነ ማርሴሉስ!”

በዚ ግዜ'ዚ ሉኩሉስ ቐሩብ ስጉምትታት ንድሕሪት ገጹ ድሕሪ ምኻድ “ንስኻ?” ክብል ጨረሐ።

“እወ ኣነ ባዕለይ!”

“ትላገጽ ኣለኻ መስለኒ። ዘይከውን ነገር ንምንታይ ትዛረብ ኣለኻ።”

“እዚ ዝብለካ ዘለኹ ኩሉ ካብ ልበይ እዩ። ከምኡ እንተዘይከውን ነይሩ ህይወተይ ንሓደጋ ኣቓሊዐ ናባኻ ንምምጻእ ኣይምፈተንኩን ነይረ። ነዚ ቆልዓ ንኽፍትሕ ዝክኣለኒ ኩሉ ክገብር ቆሪጸ ተላዕሊ ከምዘለኹ ፍሉጥ እዩ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ግና ሓደ ክትፈልጦ ዝደለኽዎ ነገረ ኣለኒ። ፖሊዮ፡ ዘርኢ ናይቶም ጥንታውያን ናይ ሮማ ምኳንንቲ እዩ። ኣዲኡ'ውን ብዘይካኡ ካልእ ውላድ የብላን። ኣቡኡ ኣብ ኩናት እዩ ሞይቱ። ዘርኡ ከኣ ሰርቪላውያን እዮም።”

“ሰርቪላውያን? እሞ ወዲ ሴሲሊያ እዩ ማለት'ዩ!”

“እወ! ንሳ'ውን ንግዚኡ ኣብ ካታኮምብ እያ ዘላ። ነዚ ቆልዓ ዘለዋ ፍቕሪ ከኣ መግለጺ የበሉን። በብመዓልቱ ናብ ከተማ ይለኣኽ እዩ። እንተኾነ ግና ክሳዕ ዝምለስ ኣዝያ እያ ትሻቐልን ትጭነቕን። ንኽለኣኽ እተፍቕደሉ'ውን እቲ ኣብ ውሽጢ

ካታኮምብ ዘሎ ዝተበከለ ኣየር ኣብ ዕሸል ዕድሚኡ ከይቀዝፎ ስለእትፈርህ ጥራይ እዩ። ኣብ ውሽጢ ካታኮምብ ተዓጺኻ ምንባር፡ ኣብ ጥዕና ዘስዕቦ ጉድኣት ዓቢ ምኽኑ ስለእትርዳእ በብእዋኑ ምስታ ከተማ ርክብ ንኽገብር ተፍቕደሉ ነይሩ። እዚ ቆልዓ'ዚ ድማ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ስልጣንካ ተኣሲሩ ይርከብ ኣሎ። ኣዲኡ ድማ ናይ ወዳ ምትሓዝን ምእሳርን ምስ ሰምዐት ካብ ምስንባዳ ዝተለዓለ ኣብ መንጎ ሞትን ህይወትን ጠልጠል ኢላ ትርከብ ኣላ። ናይዚ ቆልዓ ህይወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቹ ከኣ ናይ ኣዲኡ ሙማት'ውን ዘይተርፍ እዩ። ናይ ክልቲኦም ሞት ማለት ድማ ተረፍ ዘርኢ ናይቶም ናይ ጥንቲ ሮማውያን መኳንንቲ ካብ ማእከልና ንሓዋሩ ምጽናት ማለት እዩ። ርእሰይ በጃ እዚ ቆልዓ ኣሕሊፉ ንምሃብ ቆሪጸ ዝመጻእኩ'ውን ካብዚ ዝተለዓለ እዩ። ናተይ ህይወት ዋላ ሓንቲ ኣይኮነትን። ኣብ ዓለም ክሳዕ ሕጂ ንበይነይ እየ ነይረ እሞ ሞተይ'ውን ንዋላ ሓደ ኣይክጎድእን እዩ። ልቢ ናይ ዋላ ሓደ'ውን ኣይክሰብርን እዩ። ዝኣልዮ ይኹን ዝድግፎ ሰብ የብለይን እሞ ነቲ ዘይተርፍ ሞት ክፈርሆ የብለይን። ሓደ መዓልቲ ሙማተይ ዘይተርፍ እዩ፡ ስለዚ፡ ህይወተይ በጃ ብጸየይ ከሕልፍ ወሲነ ኣለኹ። ዝኽበርካ ሉኩሉስ! ናባኻ ዘምጽኣኒ ምኽንያት ዘርዚረልካ ኣለኹ። ሕጂ'ውን ስለ ዕርክነትናን ስለቲ ዝኣተኻለይ ተስፋን ክትብል ነዚ ቆልዓ ፈቲሕካ ኣብ ክንድኡ ንዓይ ክትኣስረኒ እልምነካ ኣለኹ።"

ሉኩሉስ ከኣ ካብ መቐመጢኡ ተንሲኡ ኣብቲ ክፍሊ ናብዝን ናብትን ክብል ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ "በጀኻ ማርሴሉስ! ንምንታይ ከምዚ ጌርካ ትፍትነኒ ኣለኻ" ክብል ተዛረበ።

"ሓሳበይ ንኽትቅበል ኣዝዩ ቀሊል ነገር እዩ።"

"ናትካ ህይወት ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ከም ዝበልጸኒዶ ዘንጊዕካዮ ኢኻ?"

"እወ፡ ግና ናይዚ ቆልዓ ኩነታት ርኢ።"

"ኩነታት ናይዚ ቆልዓ ዘሕዝን ምኽኑ ኣይክሕዶን እየ። እንተኾነ ግና ህይወትካ በጃ እዚ ቆልዓ ንኽተሓልፋ ከመይ ገይረ ዘፍቅድ ይመስለካ።"

"ህይወተይ ሓንቲ ግዜ ተወሲኑላ እዩ። ሙማተይ ዘይተርፍ እዩ። ስለዚ ህይወተይ ብፍቓደይ ንኣገልግሎት እዚ ቆልዓ ከውዕላ ፍቕደለይ።"

"ኣነ ብህይወት ክሳዕ ዘለኽ፡ የኒንተይ እንዳረኣያ ኣይትሞውትን ኢኻ። ህይወተይ ተወሲኑላ እዩ ትብሎ ዘለኻ ዘረባ ኣይቅበሎን እየ። ከምቶም ካልኦት ክርስትያናት ናይ ህይወትካ ፍጻመ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ፡ ኣብ ኣደባባይ ክኸውን እዩ ኢለ ኣይኣምንን እየ።"

"ሓንቲ ግዜ እንተታሒዘ ከድሕነኒ ዝኽእል የለን። ክተድሕነኒ ዝከኣለካ ኩሉ ከም እትፍትን ኣይጠራጠርን እየ፡ እንተኾነ ግና ዝቕንዓካ ኣይመስለንን። ካብ ናይ ቄሳር ቁጠዐኽ መን ከድሕነኒ ይኽእል?"

"ብዝተኽኣለ መጠን ካብ ሓደጋ ንኽትርሕቕ ክጽዕር እየ። እንታይ ከም ዘጋጥምከ እንታይ ትፈልጥ። ዝኾነ ኮይኑ ግን እዚ ናይ ሕጂ ልመናኻ ፈጺመ ክሰምየ ኣይደልን እየ።"

"ብቕጥታ ኣብ ቅድሚ ቄሳር ቀሪበ እዚ ንዓኻ ዝነገርኩኻ ንኽገብረለይ ክልምኖ እየ።"

"ንዓኻ'ውን ብምእሳር፡ ንክልቴኹም ከም ዘቕትለኩም ኣይትጠራጠር።"

"ሓሳበይ ብልኡኽ ገይረ ከም ዝበጽሖ ክገብር እየ።"

"ንሱ'ውን ኣየዋጽኣካን እዩ። ከመይሲ፡ እቲ ልኡኽ ኣብ ቅድሚ ቄሳር ንኽቕርብ መን ከፍቅደሉ ይኽእል?"

ማርሴሉስ ከኣ ተስፋ ቆሪጹ "እሞ ዋላ ሓንቲ ተስፋ የለን ማለት እዩ?" በለ።

"ዋላ ሓንቲ ክግበር ዝከኣል ዘሎ ኣይመስለንን እዩ።"

"እሞ ንኹሉ ልመናይ እምቢ ኢልካ ማለት'ዩ?"

"ዝኽበርካ ማርሴሉስ! ከመይ ገይረ ዓይነይ እንዳረኣየ ንብጸየይ ናብ ሞት ኣሕሊፉ ክህብ እኽእል? ነዚ ዘይከውን ልመናኻ ክቕበል ብዘይምኽኣለይ ይቕሬታ ኽትገብረለይ ካብ ልቢ እልምነካ ኣለኹ።"

ማርሴሉስ ከኣ መደቡ ከምዘይቀነዓሉ ምስ ረኣየ "ፍቓድ ጎይታ ይፈጸም። ፍረ ናይ ድኻመይ እዚ ካብ ኮነ ቀልጢፉ ናብቲ ዝመጻእኩሉ ምምላስ ይሕሸኒ። እዚ ተስፋ ዘቕርጽ መልእኽቲ ሒዘ ከመይ ገይረ ከምዝምለስ ኣይፈልጥን እየ" በለ።

ክልቲኦም የዕሩኽ ንቑሩብ ግዜ ገለ ቃል ከየተንፈሱ ተሓቑቑፎም ደው ድሕሪ ምባሎም፡ ማርሴሉስ ናብቲ ዝመጸሉ ንኽምለስ ቀልጢፉ ወጺኡ ከደ። ሉኩሉስ'ውን ብጻዩ ምስ ከደ፡ በቲ ዝሰመየ ነገር ተደኒቑ ኣብ ናይ ሓሳብ ትካዘ ኣተወ።

ማርሴሉስ ከኣ ብሰላም ናብ ካታኮምብ ተመልሰ። ንሱ ሒዝዎ ዝመጽእ ሓበሬታ ብሻቕሎት ዝጸባበዩ ዝነበሩ ኩሎም ድማ ብምምጽኡ ተሓጎሱ።

ሕጂ'ውን ሴሲልያ ብዝግባእ ህይወት ኣይዘረኣትን ነበረት። ኣብ ከባቢኣ ንዝፍጸም ኩሉ ብኽፊል እያ ተስተውዕሎ ነይራ። ኣብ ሃለፍታ ኮይና ከኣ ብዛዕባ ናይ ጥዑም ዘመን ግዜኣ ትዛረብ ነበረት። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ እቶም ኣብ ካታኮምብ ዝተፈራረቕዋ ናይ ተስፋን ፍርሃትን፡ ናይ ሓጎስን ሓዘንን ስምዒታት ከምኡ'ውን እቲ ወትሩ ዘይተፈለያ ሻቕሎትን እቲ ንጥዕና ጎዳኢ ዝኾነ ናይቲ ቦታ ኣየርን፡ እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ንኣካላታን ኣእምሮኣን ከም ዝጎደኦ ብግልጺ ይረአ ነበረ። እቲ ሕንቃቕ ዝለመደ ናይ እመቤት ኣካላታን ሞራላን ድማ ብሰንኪ ናይ ወዳ ማእሰርቲ እንዳማህመነ ከደ።

በታ መዓልቲ ምሸት ከኣ ኩሎም ፈተውታ ኣብ ዙርያ ዓራታ ኮይኖም ኩነታታ ክሕልው ጀመሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት እንዳደኽመት ስለዝኽደት ድማ ግዜ ሙማታ ከምዝኣኽለ ኣብ ኩሎም ተፈልጠ። እቲ ናይ ሽዑ ኩነታታ ድማ ዋላ ናይ ወዳ ምምላስ እኳ ከመሓይሾ ኣይክእልን ነበረ። ናይ ህይወታ ፍጻመ ስለዝቐረበት ከኣ ንነዊሕ እዋን ጸጥ በለት፡ ምዝራብ'ውን ሰኣነት።

የዒንታ ፈጠጠጥ ክብላ ጀመራ። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ዝቐምሰለን ዝዓበረን ገጻ በርሀ። ተበራቲዓ ድማ "ማራን ኣታ! (ጎይታ የሱስ ንዓ)" ዝብላ ቃላት ክተውጽእ ከኣለት። ከምዚ ምስ በለት ከኣ ነፍሳ ካብ ስጋኣ ተፈለየት። ነፍሳ'ውን ናብቲ ዋንኣ ዝኾነ እግዚኣብሄር ተመልሰት።

ናይ ፖሊዮ ኣብ ፍርዲ ምቕራብ

ኣብ ኣፍ ቆልዑን ዝጠብሙን ምሲጋና ኣዳሎኻ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ጥቓ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝርከብ ዓቢ ህንጻ፡ ሓደ ሰፊሕ ኣዳራሽ ነበረ። ናይቲ ኣዳራሽ ምድራ-ቤት ብእምነ-በረድ ዝተለበጠ ኮይኑ፡ እቲ ናሕሲ ድማ ንዓይኒ ብዝማርኹ ቅርጽታትን ምልኩዓት ዓንድታትን ዝተደገፈ ነበረ። ብሓደ ሸነኽ ናይቲ ኣዳራሽ ሓደ ጣኦት ዝቕመሉ መሰውኢ ይረአ። ብመንጽር ናቱ ድማ ናይ ክብሪ ኣልባሳቶም ዝለበሱ ደያኑ ተሰይሞም ይረኣዩ። ኣብ ቅድሚ እቶም ደያኑ ከኣ ወተሃደራት ንሓደ እሱር ሒዞም ደው ኢሎም ነበሩ። እቲ እሱር ከኣ ፖሊዮ ነበረ።

ብሰንኪ ዝወረዶ ገልታዕታዕ ገጹ ቀምሲሉ ነበረ። ኣቃውሙኡን ኩሉ ኩነታቱን ግና ከምቲ ናይ ቀደም ጽንዓቱን ዘይተጸዓድነቱን ይገልጹ ነበሩ።

ዝረኣዮ ዘበለ ኩሉ ሰብ፡ በሊሕን መስተውዓልን ምኽኑ ብቐሊሉ ክርዳእ ይኽእል።

ናይ ንእስነት ዕድሚኡ ኣብ ዘይእዋኑ ዝቕጸ ፍርዲ ተዳልይሉ ከምዘሎ እንተተረድኦ፡ ፍርሃት ይኹን ራዕራዕ ናይ ምባል ምልክት ፈጺሙ ኣይተረኣዮን። ናይ ክብርቲ ወላዲቱ ካብዛ ዓለም ምፍላይ'ውን ብንግሁኡ ሰሚዑ ስለዝነበረ፡ ምስዛ ዓለም ኣተኣሳሲርዎ ዝነበረ ጽኑዕ ዝኾነ ናይ ወላዲቱ ናይ ፍቕሪ ሰንሰለት ከምዝተበትከ ተረዲእዎ ነበረ። ብዛዕባ ሞት ናይ ኣዲኡ ዝነገሮ ማርሴሉስ ኮይኑ፡ ከምዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ድማ ፖሊዮ ስለ ኣዲኡ ክብል ጽንዓቱ ከይልሕልሕ ብምባል ነበረ። ማርሴሉስን ፖሊዮን ብምስጢር ተራኺቦም ንኽዘራረቡ ዘኽኣሎም ከኣ ሉኩሉስ እዩ ነይሩ።

ፖሊዮ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ብዛዕባ ኣዲኡ ብጣዕሚ ይሓስብ ነይሩ። ከም ዝሞተት ምስ ሰመዐ ግና ካብዛ ዓለም ንኽፍለ ዝነበሮ ድልየት ብጣዕሚ እናሓየለ ከደ።

ሞት ማለት ካልእ ዘይኮነስ ካብዛ ዓለም ናብታ ኣዲኡ ዘላቶ ዓለም ዘሳጋግሮ ድንድል መሲሉ ተራኣዮ። ብኽምዚ ዓይነት ተስፋን ምጽንናዕን ተመሊኡ ከኣ ነቲ ዝቐርበሉ ሕቶ ንኽምልስን ዝወሃቦ ፍርዲ ንኽቕበልን ተዳልዩ ክጸባበ ጀመረ።

"ምሉእ ስምካ?"

"ማርቆስ ሰርቪሉስ ፖሊዮ።"

"ዕድሜኻ ክንደይ እዩ?"

"ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት።"

ናይቲ ቆልዓ ስም ኣብቲ ኣዳራሽ ምስ ተሰምዐ፡ ኣብ ማእከል እቶም ሰባት ናይ ድንጋጸ ስምዒት ፈጠረ። ምኽንያቱ፡ ዓሌት ናይ ፖልዮ ኣብ ከተማ ሮማ ኣዝዮም ፍሉጣትን ክቡራትን እዮም ነይሮም።

“ክርስትያን ብምኻንካ፡ በዚ ገበን ተኸሲስካ ኣለኻ። እንታይ መከላኸሊ ኣለካ?።”

ፖሊዮ ከኣ “ኣነ ዋላ ሓንቲ ዝገበርክዎ ገበን የለን። ክርስትያን ብዛዕባ ምኻነይ ግና ሓቂ እዩ። ክርስትያን ምኻነይ ኣብ ቅድሚ ሰባት ንኽእውድ ዕድል ብምርካበይ ከኣ ብጣዕሚ ሕጉስ እየ።”

ካብቶም ደያኑ ሓደ “ክርስትያን ዘበሉ ኩሎም ከምዚ እዮም። ኩሉ ዝዛረብዎ ቃል ልክዕ ከምዛ ኣብ ኣፎም ተነቢሩ ዝጸንሑም እዮም ዝመስሉ” በለ።

“ገበንካ እንታይ ከም ዘስዕብ ትፈልጥዶ?”

“ኣነ ዋላ ሓንቲ ገበን ኣይገበርኩን። እምነተይ ንእግዚኣብሄር ምፍራህን፡ ንንጉስ ከኣ ምኽባርን ይምህረኒ። ቅኑዕ ዝኾነ ሕጊ ኩሉ የኽብር እየ። ስለዚ ከዳዕ ወይ ገበነኛ ኣይኮንኩን።”

“ክርስትያን ምኻን ሃገርካ ከም ምኽዳዕ ዘቐጸር ገበን እዩ።”

“ክርስትያን ምኻነይ ሓቂ እዩ። ከዳዕ ግና ኣይኮንኩን።”

“ናይ መንግስቲ ሕጊ፡ ክርስትያን ዝኾኑ ኩሎም ብሞት ክቕጸዑ ከምዘለዎም ይእዝዝ። ስለዚ፡ ክርስትያን እየ ኢልካ ትእመን እንተሊኻ ክትመውት ኣለካ።”

ፖሊዮ ከኣ ከይተወላወለ “እወ ክርስትያን እየ” በለ።

“እሞ ክትመውት ኢኻ።”

“ሕራይ ከም ዝበልኩሞ ይኹን።”

“ኣታ ቆልዓ፡ እምበርዶ ሞት እንታይ ምኻኑ ትፈልጥ ኢኻ?”

“እወ፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ብዙሓት ናይ እምነት ኣሕዋተይ ክቕተሉ ከለው ናይ ዓይኒ ምስክር ክኸውን በቒዐ ነይረ እየ። ኣነ ከኣ ተራይ ምስ በጸሐ ህይወተይ ስለ ጎይታይ መስዋእቲ ክገብር ከም ዘለኒ ተረዲኡኒ እዩ።”

“ንስኻ ገና ቆልዓ ኢኻ፡ ዘእትወካን ዘውጽኣካን ንኽተመዛዝን’ውን ዕድሜኻ ኣይፈቕደልካን እዩ። ናብዚ ስሕተት ድማ ብገዛእ ፍቓድካ ከምዘይኣተኻ ኣስተውዒልና ኣለና። ስለዚ ነዚ ኩሉ ሸለል ኢልና ንኽንሓልፎ ድልዋት ኢና።

ከምዚ ገይሩ ዘናቕጸካ ዘሎ እዚ ከንቱ ዝኾነ ሃይማኖትካ እዩ። ቅድሚ ክልተ ሚእቲ ዓመታት ተሰቒሉ ዝሞተ ሓደ ኣይሁዳዊ ከም ኣምላኽ ተቕቢልካ ብእኡ ምእማንካ ብጣዕሚ ዝገርም እዩ። ካብዚ ዝገደደ እንታይ ዕሸነት ኣሎ? ናትና ሃይማኖት ግና ናይ መንግስቲ ሃይማኖት እዩ። እዚ ሃይማኖት’ዚ ከኣ ንህጻናት ይኹን ንኣረገውቲ፡ ንምሁራት ይኹን ንመሃይማን ከዕግብ ዝኽእል ሃይማኖት እዩ። እዚ ናይ ኣኽራርነትን ናይ ዕሸነትን ሃይማኖት ገዲፍካ ናብቲ ናይ ቀደም እምነትካ ተመለስ።”

“ክምለስ ኣይክእልን እየ።”

“ካብቶም ዓሌት መኳንንቲ ዝኾኑ ዘርእኻ ተሪፍካ ዘለኻ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። መንግስቲ’ውን ናይ ዓሌትካ ናይ ሰርቪል ዕብየት ኣይረሰያን። ቀዳሞት ኣቦሓጎታትካ ብሓጎስን ተድላን ብምንባር ዕድሚኣም ዘሕለፉ እዮም። ንስኻ ግና ድኻን እሱርን ኮይንካ ትርከብ ኣለኻ። ኣስተውዕል ፖሊዮ፡ ነዚ ካብ ናይ ኣባሓጎታትካ ዝናን ክብርን ኣተራሪፉ ካብቲ ደረጃኣም’ውን ኣውሪዱ ኣብ ሓደጋ ከውድቕካ ተዳልዩ ዘሎ መሰናክል ቀልጢፍካ እለዮ።”

“ኣይክእልን እየ።”

“ካብ ሕጊ ወጻኢ ኮብላሊ ኮይንካ ክሳዕ ሕጂ ዘሕለፍካዮ ዘሕፍር ህይወት ኣይትረስዓዮ። ካባኻ ሓደ ኣብ ሮማ ዝርከብ ለማኒ ይሓይሽ። ብዘይ ገለ ድኻምን ውርደትን ናይ ዕለት እንጌርኡ ክረክብ ይኽእል። ብተወሳኺ’ውን ብሓርነት ጸሓይ ክመውቕ፡ ብሰላምን ብዘይስግኣትን ንኽነብር ከኣ መሰል ኣለዎ። ናይ ሮማ ሕግን ፍርድን ፈሪሑ ቀባሕባሕ እናበለ ኣይሳቐይን እዩ። ናትካ ናብራ ግና ኣብ ጸልማት ኮይኑ ብሸግርን ስእነትን ዝተኸበ እዩ። እዚ ክሳዕ ክንድዚ ኣጽኒዕካ ሒዝካዮ ዘለኻ ሃይማኖትካ እንታይ ፋይዳ ገይሩልካ? ወይ ከኣ እዚ ኣምላኽ ጌርኩሞ ዘለኹም ኣይሁዳዊ እንታይ ገይሩልካ? ስለዚ ካብዚ

ናይ ስሕተት መንገድኻ ተመለስ። ከምዚ እንተጌርካ ከኣ ሃብቲ፣ ተድላ፣ ክብሪ ከምኡ'ውን ናይ ቁሳር መጎስ ናትካ ክኸውን ይኽእል እዩ።"

"ኣይገብሮን እየ።"

"ኣቦኻ ጅግናን ምእዙዝን ወተሃደር እዩ ነይሩ። ህይወቱ'ውን ስለ ሃገሩ ክብል ኣብ ዓውዲ ኩናት እዩ ሰዊእዋ። ንዓኻ ድማ ስሙ ከተጸውዓሉ ምእንቲ ናይ ሃብቱን ክብሩን ወራሲ ገይሩካ። እዚ ሕጂ ሒዙካ ዘሎ ኣጉል መንፈስ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ስሕተተ ጎደና ከውድቐካ እዩ ኢሉ'ውን ኣይሓሰበን። እቲ ብሓዘን ዝተጎደአ ናይ ኣዴኻ ኣእምሮ ነዚ ናይ ጥፍኣት ትምህርቲ ክሳዕ ምቕባል ኣብጺሕዋ። ንስኻ ድማ ናታ ኣብነት ተኸቲልካ። መቸም ኣቦኻ ብህይወት እንተዝህሉ ነይሩ እዚ ኩሉ ኣይመጋጠመን ነይሩ። ንስኻን ኣዴኻን ድማ ናይቲ ውሩይ ዝኾነ ዘርእኹም ስም ካብ ምጽዋዕ ዝዓግተኩም ኣይምተረኽበን ነይሩ። ናይ ኣቦኻ ዝክር ተብዕልዶ? ናይ ውሉድነት ጉቡእካ ንኽትፍጽም እቲ ኣብ ማእከልና ዘሎ መንፈሱ ዘይደልየካዶ ይመስለካ? እዚ ተሰኪምካዮ ዘለኻ ክቡር ስም ክተርክስን ክተነውርን ዝግባእዶ ይመስለካ? ስለዚ ካብዚ ንኣዒንትኻ ኣዕዊሩወን ዘሎ ስሕተተ ተመልስ። ንዝኽሪ ኣቦኻን ንኽብሪ ዓሌትካን ክትብል ካብዚ ከንቱ መንገድኻ ተመለስ።"

"ንዓሌተይ ዘዋርድ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይገበርኩን። ብዘይካ'ዚውን፡ እምነተይ ቅዱስን ንጹህን እዩ። እመውት ድኣ እምበር ንመድሓኒየይሲ ክኽሕዶ ኣይክእልን እየ።"

"እዚ ነርእየካ ዘለና ምሕረትን ርሕራሔን ኣይትንዓቕ። ከምዚ ክንገብር ዝገበረና ከኣ ዕድሜኻን ስምካን እዩ። ከም ካልኦት ተራ እሱር እንተትኸውን ነይርካ ካብ መንጎ ሞትን እምነትካ ምግዳፍን ሓዲኡ ክትመርጽ ሓንቲ ዕድል ጥራይ ምሃብናካ ኔርና። ምሳኻ ኣብ ከምዚ ዝበለ ክርክር ዘኣተናሉ ምኽንያት ከኣ ከማኻ ዝኣመሰለ ጭዋ ቆልዓ ብጌጋ ኣብ ሓደጋ ከይትወድቕ ኢልና ኢና።"

"ስለ ርህራሄኹም ካብ ልቢ እየ ዘመስግን። እንተኾነ ግና ክርክርኩም ዋላ ሓንቲ ከዕግበኒ ኣይከኣለን። እቲ ጎይታይ ክፍጽሞ ዝደልየኒ ግቡእ ካብቲ ናትኩም ክርክር ንላዕሊ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ።"

"ከመይ ዝኣመሰልካ ህውከተኛ ቆልዓ ኢኻ! እዚ ንሕና ንዓኻ ንምድሓን ንገብሮ ዘለና ጻዕሪ ከንቱ ኮይኑ እንተተራእዩካ፡ እቲ መሪር ዝኾነ ናይ ቁሳር ቐጠዐ ክትጥዕም ኢኻ።"

"ናይቲ ገንሸል ቁጠዐ ካብ ናይ ቁሳር ቁጠዐ ይብርትዕ እዩ።"

"መብዛሕትኡ ግዜ ዘረባኻ ኩሉ መትሓዚ የብሉን። ናይቲ ገንሸል ቐጠዐ እትብሎ ዘለኻኽ እንታይ እዩ? እቲ ኣብ ቅድሜኻ ዝጽበየካ ዘሎዶ ኣይትፈልጠን ኢኻ?"

"እቶም ቅድመይ ዝሓለፉ ኣሕዋተይ፡ ብዘሰቅቅ ኣገባብ ሞት ተቐቢሎም እዮም። ኣነ'ውን ከም ናቶም ሓይሊ ከም ዝረክብ እኣምን እየ።"

"ኣብ ቅድሚ ብዙሕ ህዝቢ ንዝበጽሓካ ስቓይ ክትዕገስ ትኽእልዶ?"

"ካብ ክእለት ሰባት ንላዕሊ ዝኾነ ሓይሊ ከምዝወሃበኒ ኣይጠራጠርን እየ።"

"ምስ ኣናብስን ነብርታትን ክትገጥም ትኽእልዶ?"

"እቲ ዝኣምኖ መድሓኒየይ፡ ኣብ ግዜ መከራይ ከምዘይሓድገኒ እኣምን እየ።"

"እሞ ርግጸኛ ኢኻ ማለት'ዩ?"

"ርግጸኛ ክገብረኒ ዝኽእለ ኣብቲ ዘፍቀረንን ህይወቱ'ውን በጃይ ዘሕለፈን ምውካለይ እዩ"

"ብሓዊ ከምእትነድድ እንተተገብረኽ? ናይቲ ሓዊ ሃልሃልታ ትጻወሮዶ? ብዛዕብኡኽ ሓሲብካዶ ኣለኻ?"

"ዝበጸሐ እንተበጸሓኒ ንድሕሪት ገጸይ ኣይምለስን እየ። እቲ ስቓይ ቀልጢፉ ክሓልፍ እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ምስ ጎይታ ንዘለኣለም ብሓጎስ ክነብር እየ።"

"ከምዚ ገይሩ ኣዒንትኻ ኣዕዊሩካ ዘሎ እዚ ኣጉል እምነትካ እዩ። እቲ ተዳልዩልካ ዘሎ መከራ ዝተረዳኣካ ኣይትመስልን ኢኻ። ብኣፍካ ጅግና ኮይንካ ምቕራብ ቀሊል እዩ። ምስ መከራ ገጽ ንገጽ ምስ ገጠምካ ግና ኣበይ ክትኣቱ ኢኻ?"

“ናብቲ ነቶም ናቱ ዘበሉ ኣብ ግዜ መከራኦም ከምዝረድኦም ተሰፋ ዝሃበ ክጥምት እየ።”

“ክሳዕ ሕጂ ግና ዋላ ሓንቲ ኣይገበረልካን።”

“ንሱ ዘይገበረለይ ዋላ ሓንቲ ነገር የለን። ኣነ ንዘለኣለም ምእንቲ ክነብር ህይወቱ በጃይ ሰዊኡለይ እየ። ካብዚ ሕጂ ክትወስዱለይ ተዳሊኹም ዘለኹም ስጋዊ ህይወት ንላዕሊ ህይወት ሂቡኒ እዩ።”

“እዚ ኩሉ ሕልሚ እዩ። እዚ ኩሉ ትብሎ ዘለኻ፡ ሓደ ኣይሁዳዊ ከመይ ገይሩ ክገብረልካ ይኽእል?”

“ንሱ ናይ መለኮት ምልኣት እዩ። ንሱ ብስጋ ዝተገልጸ ኣምላኽ እዩ። ንሱ፡ ንሕና ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክንረክብ ብስጋኡ መከራ ተቐቢሉ።”

“በጃኻ ኣታ ቆልዓ፡ ኣሚንትኻ ካንዶ ዓዊረን እየን? እዚ ከንቱ እምነትካ ክሳዕ ሕጂ ኣምጺኡልካ ዘሎ መከራ ኣይርድኣካንዶ እዩ ዘሎ? ንዘይረብሕ እምነት ክትብል ካብ ሙማት ምቕናይ እንተመረጽካ ይሓይሽ!”

“ንሞት ዝስዕረሉ ሓይሊ ስለዝወሃበኒ ዋላ ሓንቲ ኣይፈርህን እየ። ሞት ካብዛ መከራን ስቓይን ዝመለኣ ዓለም ናብቲ ዘለኣለማዊ ሓጎስ ዘለዎ ዘሰጋግር ድንድል እዩ። ኣማውታይ ከኣ ብኣራዊት ተበሊዐ ይኹን ብሓዊ ተቓጢለ ንዓይ ዋላ ሓንቲ ፍልልይ ኣየምጽኣለይን እዩ። እቲ ዝኣመንክዎ መድሓኒየይ፡ ኣብ እምነተይ ጸኒዐ ከምዝርከብ ክገብረኒ እዩ። ምስ ሞትኩ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክህበኒ እዩ። እዚ ንስኻትኩም ከም መፈራርሂ ትጥቀሙሉ ዘለኹም ሞት ከም ዋላ ሓንቲ ኣይቆጽሮን እየ። እዚ ንስኻትኩም ክትህቡኒ ኣዳሊኹምለይ ዘለኹም ህይወት ግና ንዓይ ናይ ሞት ሞት መሲሉ ይረኣየኒ ኣሎ።”

“ፈቲኻ ጸሊእካ ሓንቲ ናይ መወዳእታ ዕድል ክንህበካ ኢና፡ ንቐሩብ ግዜ ህድእ በሎ እሞ እዚ ናይ ጽላለ ኣካይዳኻ ከስዕበልካ ዝኽእል ሓደጋ ኣስተውዕል። እቶም ናይ ስሕተት መምሃሩንካ ዝመሃሩኻ ንቐሩብ ግዜ ረስዓዮ። ህይወት ምስ ሃብትን ክብረትን ኣብ ደገ ኮይና ተቐበለኒ ትብለካ ኣላ። ናይ ወለድኻ ናይ ጭዋነት ማዕርግ ይጽበየካ ኣሎ። እዚ ኩሉ ናትካ ክኸውን እንተደሊኻ ኣብዛ ጽዋእ ዘሎ መስዋእቲ ወሲድካ ኣብቲ መሰውኢ ካብ ምፍሳስ ንላዕሊ ኣይትሕተትን ኢኻ። ዝኣዘዝናካ ቀልጢፍካ ብምፍጻም ንህይወትካ ካብ ሞት ኣድሕን።”

ሽዑ ኣሚንቲ ናይቶም ኣብቲ ኣዳራሽ ቤት ፍርዲ ተኣኪቦም ዝነበሩ ህዝቢ ኩለን ናብ ፖሊዮ ክጥምታ ጀመራ። እቲ ቆልዓ ፖሊዮ እዚ ኩሉ እንዳሰመዐ ከሎ ዋላ ሓንቲ ድምብርጽ ስለዘይበሎ ኸኣቶም ተደነቐ። ከምዚ ዓይነት ትብዓት ክህቦ ዝኽኣለ ከኣ ሓደ ካብ ናይ ሰባት ክእለት ንላዕሊ ዝኾነ ሓይሊ ከምዝኾነ ኣስተውዓሉ።

ፖሊዮ ከኣ ጽኑዕ ብዝኾነ መንፈስ “ዝኾነ እንተኾነ ንመድሓኒየይ ኣይክሕድን እየ!” ክብል ናይ መወዳእታ ቃሉ ኣስመዐ።

ንቐሩብ ግዜ ኣብቲ ኣዳራሽ ጸጥታ ሰፈነ። እቲ ማእከላይ ዳኛ ድማ “ባዕልኻ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ፈሪድካ ኣለኻ፡ ውሰድዎ!” ክብል ነቶም ወተሃደራት ኣዘዞም።

ናይ ፖሊዮ ሞት

ክሳዕ ሞት እሙን ኩን፡ ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ።

ኣብ ፖሊዮ ዝተበየነ ፍርዲ ጽኑዕ ነበረ።

እቲ ፍርዲ ምስ ተወሃበ ንጽብሒቱ ሓደ ዓቢ ምርኢት ኣብ ኮሎሲዩም ክዳሎ ጀመረ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ደም ዝጸምኡ ሮማውያን ከም ኣመሉም ነቲ ስታድዩም ኣጻቢቦሞ ይረኣዩ ነበሩ።

ብዙሓት ተቓለስቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ንሓድሕዶም እናተጨፋጨፉ ሃለቑ። ኣብቲ ሜዳ ዝረኣዩ ምርኢታት ኩሎም ተረኣዩ። እቲ ብኣስካሕካሕነቱ ዝኽፈአ ምርኢት ድማ ካብቲ ህዝቢ ዝበዘሐ ጣቕዒትን ጭድርታን ይውሕዘሉ ነበረ።

እቲ ቦታ ብተደጋጋሚ ብደም ጨቀወ፡ እቲ ዕውት’ውን ቀጻልነት ዘይብሉ ናይ ዮሃና ቃላት ካብቶም ተዓዘብቲ ተቐበለ። ሰባት ምስ ሰባት ወይ ከኣ ምስ ዝጠመዩ ኣናብር እናተቓለሱ ብዙሓት ሃለቑ። እቲ ዝቑሰለ ተቓላሲ ምሕረት ንኽግበረሉ ኣሚንቱ ነቶም ተዓዘብቲ ክምሕጸና ከለዋ፡ ብዘይካ እቲ ናይ ሞት ምልክት ዝኾነ ንቁልቁል ዝተደፈአ ኣጻብዕቲ ዓባይ ዓባይቶኦም ካልእ ዝርእዮ ኣይነበረን።

እቶም ሮማውያን ናይ ደም ጽምኣቶም ቅሩብ ዝሕልሕል ስለዝበለ፡ ናይ ብዙሓት ሰባት ምጭፍጫፍ ንምርኣይ ዘለዎም ባህጊ ክገልጹ ጀመሩ። ንኽምዚ ዓይነት ናይ መወዳእታ ምርኢት ዝቐርቡ ድማ ክርስትያናት ምኳኖም እቶም ህዝቢ ስለዝፈልጡ ነዚ ምርኢት ብዓቢ ተርባጽ ክጸባበዩ ጀመሩ።

ኣብ ጥቓ መንበር ቄሳር፡ ሉኩሉስ ምስ ካልኦት መኳንንቲ ቆይሙ ይረአ። ኣብ ገጹ'ውን ሓዘን ይንበብ ነበረ።

ኣብቲ ብድሕሪ ሉኩሉስ ዝርከብ ብርኽ ዝበለ ኮፍ መበሊ ሓደ ገጹ እስር ኣቢሉ ኮፍ ዝበለ ሰብ ነበረ። ንሱ ቀው ኢሉ ናብቲ ምርኢት ዝካየደሉ ሜዳ ይጥምት ነበረ። ኣብ ገጹ ዝንበብ ዝነበረ ናይ ስግኣት ስምዒት ካብቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ ሰባት ዝተፈለየ ገይርዎ ነበረ። ሓንቲ ካብ መዓጹ ናይተን በዓትታት ተኸፈተት እሞ ሓደ ነብሪ ሸናዕ እናበለ ናብቲ ሜዳ ኣተወ። ጭራኡ ናብዝን ናብትን እንዳወናጨፈ፡ በተን ደም ዝሰረባ ኣዒንቱ ነቲ ኣብ ዙርያኡ ከቢብዎ ዝነበረ ህዝቢ ክዕዘብ ጀመረ።

ብኡብኡ ድማ እቲ ህዝቢ ክጭርሕ ጀመረ። ሓደ ዕብይ ዝበለ ቆልዓ ከኣ ናብቲ ሜዳ ተደፊኡ ክኣቱ ከሎ ተረኣየ። እቲ ቆልዓ ኣካላቱ ቀጢን፡ ገጹ ድማ ዕባራን ዝቀምሰለን ነበረ። ወግዒ ከይተርፍ ተባሂሉ ናይ ተቓላሳይ ክዳን እንተኸደንዎ'ኳ ኣብ ቅድሚ እቲ ደም ዝለበሰ ኣራዊት ቆይሙ ክረአ ከሎ ግና ምስ ዋላ ሓንቲ ዝቐጸር ኣይነበረን።

ዋላ'ኳ እቲ ቆልዓ ዕድሚኡ ንእሽቶይ፡ ኣካላቱ ድማ ዕባራ እንተነበረ ናይ ፍርሃት ምልክት ዝበሃል ግና ኣይረኣዮን ነበረ። ኩሉ ኣጠማምትኡ ከኣ ብቐራጽነትን ብህድኣትን ዝተመልአ ነበረ። ብህድኣት ድማ ጉዕዞኡ ናብ ማእከል እቲ ሜዳ ገጹ ቀጸለ። ኣብቲ ማእከል ምስ በጽሐ ድማ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ኣቕኒዑ ክጽሊ ጀመረ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ነብሪ ኣብቲ ሜዳ ናብዝን ናብትን ይብል ነበረ። ናይቲ ቆልዓ ናብቲ ሜዳ ምእታው ዋላ ሓንቲ ስምዒት ኣይፈጠረሉን። ኣዒንቱ ፈጠጥ እናበለ ነቶም ኣብ ዙርያኡ ዝነበሩ ተዓዘብቲ ጥራይ ይጥምት ነበረ። ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ዘስምየ ዝነበረ ናይ ቐጠዐ ድምጺ ከኣ ንልቢ ዘሸብር ነበረ።

እቲ ገጹ እስር ኣቢሉ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ሰብ፡ ነቲ ኣብ ማእከል እቲ ሜዳ ደው ኢሉ ዝጽሊ ዝነበረ ቆልዓ ቀው ኢሉ ይጥምቶ ነበረ።

እቲ ነብሪ ነቲ ዝጽሊ ዝነበረ ቆልዓ ንኽጥቅዕ ዋላ ሓንቲ ድሌት ከም ዘይብሉ ንኹላቶም ተዓዘብቲ ግልጺ ኮነ።

እቶም ተዓዘብቲ ከዕለብጡ ጀመሩ። ብኣውያትን ፋጻን ከኣ ነቲ ነብሪ ከለዓዕልዎ ፈተኑ። ኣብ ማእከል እዚ ኩሉ ወኻዕታ ከኣ ሓደ ዘፍርህ ድምጺ ከምዚ ክብል ከሎ ተሰምዐ፡

"ም ቅዱስን ሓቀኛን ጎይታ፡
ክሳዕ መዓስ ኢኻ ዘይትፈርድ፡
ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለውኽ
ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ሕነ ደምና ዘይትፈድዮም።"

ኣብቲ ቦታ ዓቢ ጸጥታ ኮነ። ሓደ ናብቲ ሓደ ግልጽ ግልጽ እናበሉ ብምግራም ክጠማመቱ ጀመሩ። እቲ ጸጥታ ሕጂ'ውን ቡቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝተሰመዐ ድምጺ ተዘረገ፡

"እንሆ ብደበና ይመጽእ ኣሎ፡
ኩሉን ኣዒንትን እቶም ዝወግእዎን ከኣ
ክረእይዎ እዮም፡
ብዘለው ዓሌታት ምድሪውን ክዝኽይሉ እዮም።
እወ፡ ኣሜን።
ኣታ ቅዱስ፡ ዘሎኻን ዝነበርካን፡
እዚ ብምፍራድካ ዳድቕ ኢኻ።
ደም ቅዱሳትን ደም ነብያትን ኣፍሲሶም እዮም እሞ፡
ንሰኻ ድማ ክሰትዩ ደም ሃብክዮም።
ዝግብኦም'ውን እዩ።
ኣታ ኹሉ እትኽል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡
እቲ ፍርድታትካስ ሓቅን ቅንዕናን እዩ።"

ናይቲ ህዝቢ ኣውያትን ወኻዕታን እናሓየለ ከደ። ብኡብኡ ድማ ጠንቂ ናይቲ ናዕቢ ስለዝተፈልጠ ገለ ውሑዳት ተዓዘብቲ ከምዚ እንዳበሉ ክጭርሑ ጀመሩ፡

"እዚ ድምጺ ናይ ሓደ ርኹስ ክርስትያን ድምጺ እዩ! ከምዚ ኢሉ ክረግመና ዝደፈረ ሲና እቲ ክርስትያን እዩ። ኣውጺእኩም ነቲ ነብሪ ሃብዎ፡ ይሙት!"

ናይቶም ሰባት ጭረሐ ኣእዛንካ ዘጽምም ኮነ። እቲ ነብሪ'ውን ካብቲ ጭረሐ ዝተለዓለ ቀባሕባሕ ክብል

ጀመረ። እቶም ሓለውቲ ደገ ድማ ዝተኣዘዝዎ ንምፍጻም ናብተን በዓትታት ገጸም ብቕልጡፍ ከዱ።

እቲ ማዕጸ ክኽፈት ከሎ ተሰምዐ። ሓደ ብጣዕሚ ዝዓበረን ዝፋሕሸወን ኣረጊት ሽማግለ ሰብኣይ ናብዝን ናብትን ሰንከልከል እናበለ ናብቲ ሜዳ ኣተወ። ኣዒንቱ ብፍሉይ ዝኾነ ብርሃን ዘንጸባርቓ፡ ምዕጉርቱ ድማ ጓህሪ ዝመስል ነበረ። እቲ ክንክን ዘይረኸበ ጸጉሩ'ውን ተወናጪሩ ነበረ።

እቲ ነብሪ ስለ ዝረኣዮ እንዳ ዘለለ ተጸገየ። ቅሩብ ስጉምትታት ዝኸውን ርሕቀት ምስ ተረፎ ከኣ ኣድብዩ ኣብቲ መሬት በጥ በለ። እቲ ዝጽሊ ዝነበረ ቀልዓ ኣዒንቱ ከፊቱ ነቲ ኣብ ከባቢኡ ዝፍጸም ዝነበረ ነገር ተዓዘበ። ሲና ግና ናይቲ ነብሪ ምቕራብ ኣይፈለጠን። ኣዒንቱ ናብቶም ተዓዘብቲ ተኺሉ ብዘፍርህ ድምጺ ከምዚ በለ፡

"ወይልኽም! ወይልኽም! ኣቱም ኣብ ምድሪ እትነብሩ ወይልኽም!"

በዚ ግዜ እቲ ነብሪ ዘሊሉ ጎበጠ፡ ሲና'ውን ወደቐ። ድምጹ ከኣ ተዋሒጡ ተረፈ።

እቲ ነብሪ ናይ ደም ጽምኣቱ ኣዝዩ ስለዝተለዓዓለ፡ ጸጉሩ ገቲሩ እተን ደም ዝሰረባ ኣዒንቱ ፈጠጥ እናበለ፡ ጭራኡ'ውን የማነ ጸጋም እንዳወናጨፈ ገጹ ናብቲ ቀልዓ ኣዞረ።

እቲ ቀልዓ'ውን ናይ መወዳእታ ግዜኡ ከምዝኣኸለት ብምርዳእ እንደገና ተንበርኪኹ ጸሎቱ ቀጸለ። እቶም ተዓዘብቲ ድማ ነቲ ዝስዕብ ንምርኣይ ልቦም ጠልጠል በለት። ኣብ መንጎ'ዚ፡ እቲ ናይቲ ቀልዓ ኩነታት ቀው ኢሉ ክዕዘብ ዝወዓለ ሰብ ከይሓሰቦ ካብ መቕመጢኡ ተንሲኡ ደው በለ። እቶም ብድሕሪኡ ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ሰባት ድማ ብቕጠዐ፡ "ኮፍ በል! ኮፍ በል! ከልኪልካና" እንዳበሉ ጨደሩ።

እቲ ሰብ ግና ጭድርታኡም ዕሽሽ ብምባል ደው ኢሉ ናብቲ ሜዳ ምዕዛቡ ቀጸለ። ናይቶም ሰባት ታዕታዕ እንዳበርተዐ ስለዝኸደ ከኣ እቶም ትሕት ኢሎም ደው ኢሎም ዝነበሩ ናይ ቁሳር መኳንንቲ እቲ ጉዳይ ንምፍላጥ ግልጽ ኢሎም ጠመቱ። ካብኣቶም ሓደ ድማ ሉኩሉስ ነበረ። ንድሕሪት ገጹ ቁሊሕ ኢሉ ዝረኣዮ ነገር ድማ ኣብ ዓቢ ስንባደ ሸመሞ።

"ማርሴሉስ!" ኢሉ ድሕሪ ምጭራሕ፡ ሰንከልከል እናበለ ናብቲ ረብሻ ዝተለዓለሉ ቦታ ከደ። ካብቲ ህዝቢ ከኣ ናይ ምጉርምራም ድምጺ ተሰምዐ። እቲ ቁጠዐኡ ክሳዕ ዝግንፍል ነቲ ቆልዓ ትም ኢሉ ዝዞሮ ዝነበረ ነብሪ ድማ ንኽዘልል ክዳሎ ከሎ ተረኣየ። እቲ ቆልዓ'ውን ካብቲ ተንበርኪኹዎ ዝነበረ ተንሰአ። ገጹ ከም ገጽ መልኣኽ ከብርህ ጀመረ። ኩሉ ሓሳቡ ካብቲ ዓቢ ህንጻ፣ ካብቶም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተዓዘብትን ካብቲ ጨካን ዝኾነ ኣራዊትን ኣዝዩ ርሑቕ ከም ዝነበረ ብግልጺ ይረአ ነበረ። ንእኡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይታ ሓዳስ የሩሳሌም ደገ ክኽፈት ከሎን ናይ ክብራ ተኻፋሊ ክኸውን ከሎን እዩ ዝረኣዮ ነይሩ።

"ኣደየ ናባኺ እመጽእ ኣለኹ! ጎይታ የሱስ ንነፍሰይ ተቀበል።"

እዘን ካብ ልሳን እቲ ቆልዓ ዝወጻ ቃላት ኣብቶም ተዓዘብቲ ብግልጺ ተሰመዓ። እቲ ነብሪ ከኣ ዘሊሉ ኣብ ልዕሊ ፖሊዮ ዓረፈ። እቲ ቅልስ ንቑሩብ ግዜ ቀጸለ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይቲ ቆልዓ ኣካላት ብደምን ሓመድን ተለዊሱ ተረፈ።

እቲ ህዝቢ ንቑሩብ ግዜ ጸጥ ምስ በለ፡ ሓደ ግልጺ ዝኾነ ድምጺ ከምዚ ኽብል ነቶም ተዓዘብቲ ኣሰንበደ፡

"ሞ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ፡
ኣታ ሲኦልከ ኣበይ ኣሎ ዓወትካ። ግናኸ ነቲ
ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ
ስብሓት ይኹኖ።"

ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ብቑጠዐ ካብ መቕመጢኡም ብምትንሳእ ኣእዳዎም ናብቲ ሰብ እንዳወጣወጡ ከምዚ በሉ፡

"ክርስትያን! ክርስትያን! ብሓዊ ይቃጸል! ንነብሪ ይወሃብ! ናብቲ ሜዳ ደርብይዎ።"

እው፡ ነቲ ድምጺ ዝተወሃበ ግብረ መልሲ ከምዚ ዝኣመሰለ ነበረ። ሉኩሉስ ከኣ ኣብ እዋኑ መጺኡ ንማርሴሉስ ካብ ኢድ እቶም ክመናጭትዎ ተዳልዮም ዝነበሩ ሮማውያን ከድሕኖ ከኣለ።

ኩሉ ኩነታቶም ክረአ ከሎ፡ እቲ ኣብቲ ሜዳ ናብዝን ናብትን ዘዕለብጥ ዝነበረ ነብሪ እኳ ክንድኡም ደም ኣይጸምኣን ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ሉኩሉስ ንማርሴሉስ ምስ ኣድሓኖ ነቶም ዝሰዓብዎ ወተሃደራት ሒዞም ናብ ደገ ከውጽእዎ ኣዘዞም። ደገ ምስ ወጹ ከኣ እቶም ክልተ የዕሩኽ ክዘራረቡ ጀመሩ። እቶም ወተሃደራት'ውን ይስዕብዎም ነበሩ።

"ማርሴሉስ፡ ኢልካ ኢልካ ድማ ህይወትካ ናብ ሓደጋ ክተቃልዕ ትፍትን?"

"እንታይ እሞ ክገብር፡ እቲ ዝፈትዎ ቆልዓ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክመውት ከሎ ምኽኣል ስኢነ። ርእሰይ ምግታእ ብፍጹም ስኢነ። እንተኾነ ግና ቡቲ ዝተዛረብክዎ ቃል ዋላ ሓንቲ ኣይጠዓስን እየ። ኣነውን ንኣምላኽይን ንጉሰይን ክስዋእ ተዳልየ ኣለኹ።"

"ሕጂ ምሳኻ ንኽካታዕ ግዜ የብለይን። ብዘይክኡ'ውን ብኽትዕ ዘይትምለስ ምኳንካ ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ እየ።"

"ርእሰይ ኣሕሊፉ ንኽህብ ዋላ ሓንቲ ሓሳብ ኣይነበረንን። ካብ ኮነ ግና ንድሕሪት ናይ ምምላስ ድልየት የብለይን። ስለ ስም መድሓኒየይ ናይ ሙማት ክብሪ ብምርካበይ ብጣዕሚ ደስ ይብለኒ።"

"ክቡር ዓርከይ፡ ንህይወትካ ዋላ ሓንቲ ዋጋዶ ኣይትህባን ኢኻ?"

"ካብ ህይወተይ ንላዕሊ ንመድሓኒየይ ኣፍቅሮ።"

"ረኣ ማርሴሉስ፡ እቲ መንገዲ ክፉት እዩ ዘሎ። እነሆልካ ሃዲምካ ህይወትካ ክተድሕን ትኽእል ኢኻ እሞ ኣይትዓሹ።"

እቶም ወተሃደራት ቅሩብ ፍንትት ኢሎም ደው ኢሎም ነበሩ። ሉኩሉስ'ውን እዘን ቃላት ዝተዛረቦ ብሕሹኽሹኽታ ነበረ። ዝኾነ ኮይኑ ማርሴሉስ ሃዲሙ ከምልጥ ይኽእል ነይሩ። እንተኾና ግና ኢድ ናይ ዓርኩ ብምሓዝ ከምዚ በሎ፡

"ዝኸበርካ ሉኩሉስ፡ ናትካ ስም ብምብልሻው ህይወተይ ከድሕን ኣይደልን እየ። ኩሉ ግዜ ስለ ድሕነትይ ስለ እትሓስበለይ ካብ ልቢ እየ ዘመስግነካ። ብሰንከይ ክትሸገር ግን ኣይደልን እየ።"

ሉኩሉስ ከኣ ናይ ዓርኩ ዘረባ ምስ ሰመዐ ርእሱ ብሓዘን ደፊኡ ናብቲ ዝመጻሉ ተመለሰ።

ምፍታን

ፍግም ኢልካ እንተሰገድካለይ እዚ ኩሉ ክህበካ እየ።

በታ መዓልቲ ምሸት፡ ሉኩሉስ ኣብታ ዓርኩ ዝተኣሰረላ ክፍሊ ኣምሰየ። ብዝተኽኣሎ መጠን ውሳኔኡ ንኽቕይሮ ፈተነ። እንተኾነ ግና ኩሉ ምቕብጣሩን ክትዑን ንብጻዩ ሓንቲ ስድሪ ምንቕ ከብሎ ኣይከኣለን። ናይ ማርሴሉስ እምነት ኣብ ጽኑዕ መሰረት ዝተሰረተ ስለ ዝነበረ ብናይ ጸላእቱ ምፍርራሕ ይኹን ብናይ ብጻዩ ልመና ክጸዓድ ኣይከኣለን። ማርሴሉስ ከኣ በዘን ዝስዕባ ቃላት ገይሩ ሓሳቡ ንብጻዩ ገለጸ፡

"ዝበጸሐ እንተበጸሓኒ ሓደ ግዜ ውዱእ ውሳኔ ወሲነ ኣለኹ። እዚ ዝወሰንኩ'ውን ነቲ ክበጽሓኒ ዝኽእል ነገር ዘንጊዐ ኣይኮንኩን። ዝኾነ ኮይኑ ግና ነዛ መሪጸያ ዘለኹ መንገዲ ገዲፈ ናብ ድሕሪት ዝምለሰሉ ዋላ ሓንቲ ምኽንያት የብለይን።"

ሉኩሉስ ከኣ ከምዚ ክብል መለሰ "ኣነ ንግዚኡ ሓንቲ ነገር ጥራይ እየ ዝልምነካ። ሃይማኖትካ ፈጺምካ ግደፎ ኣይብለካን እየ። እንተኾነ ግና እዚ ናይ ሕጂ ስደት ንዋላ ሓደ ዘይምሕር ብምኳኑ ነፍስኻ ክተድሕን ክትብል ጥራይ "እምነተይ ገዲፈ ኣለኹ" እንተበልካ ጽቡቕ ኮይኑ ይረኣየኒ። ግዝያቱ ክፉእ ከም ዝኾነ ባዕልኻ ትርእዮ ኣለኻ። እንተዝከኣል ነይሩስ ፖሊዮ ክመውት ኣይነበሮን። ብምኽንያት ቁልዕነቱ ብዙሓት ከም ዝደንገጹሉ ዘየጠራጥር እዩ። እንተኾነ ግና ናይ ዕድሜኡ ምንኣስ ይኹን ናይ ዓሌቱ ካብ ዘርኢ መኳንንቲ ምኳን ከድሕኖ ኣይከኣለን። ትሪ ናይቲ ሕጊ ካብዚ ክትርድኦ ትኽእል ኢኻ። ከም ሲና ዝኣመሰለ ኣረጊት ሽማግለ ምቕታል ግቡእ ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚውን ኩሉ ኩነታቱ ካብ ዝተጸለለ ሰብ ዋላ ሓንቲ ኣይሓይሽን እዩ ነይሩ። እዚ ኩሉ ዝገልጸልና እንተልዩ ከኣ እቲ ኣብ ልቢ ሰባት ተፈጢሩ ዘሎ ጽልኢ ክርስትያናት ክንዲ ምንታይ ሱር ዝሰደደ ምኳኑ እዩ።"

"እዚ ኩሉ ጽቡቕ ጌረ እፈልጦ እየ ሉኩሉስ። እቲ ናይ ጸልማት ገዛኢ ነቶም ናይ ኣምላኽ ዘበሉ ንኽጥፋእ ጻዕሩ ሕጂ ኣይኮነን ጀሚርዎ። እንተኾነ ግና እቶም ናይ ኣምላኽ ዘበሉ ኩሎም ኣብቲ ጽኑዕ ዘኾነ ከውሒ ዝተሰረቱ ስለዝኾኑ ደጌታት ሲኦል'ኳ ክሕይልዎም ኣይክእሉን እዮም። እቶም ቅኑዓት፣ ንጹሃት፣ ቅዱሳትን ገለ ገበን ዘይገበሩን፡ ክሳቐዩን ክሞቱንዶ ኣይረኣኻን ኢኻ? ንክርስትያናት ዋላ

ሓንቲ ምሕረት ከምዘይግበር'ውን ኣዳዕዲዐ እፈልጥ እየ። እዚ ኹሉ ካብ መጀመርያ ጀሚረ ጽቡቕ ገይረ ዝተረዳእክዎ ጉዳይ እዩ። ንክርስቶስ ከም ጎይታይን ናይ ግሊ መድሓኒየይን ክቕበሎ ከለኹ ብዙሕ ሽግርን መከራን ከምዝበጽሓኒ ተረዲኦዮ ነይረ እየ። ፈሊጠ ዝኣተኽዎ ጉዳይ ስለዝኾነ ከኣ ዋላ ሓንቲ ኣየስግኣንን እዩ።"

"ማርሴሉስ ስምዓኒ፡ ኣነ ዝሓተካ ዘለኹ ንእሽተይ ነገር እዩ። እዚ ክሳዕ ክንድዚ ትጭነቕሉ ዘለኻ ሃይማኖትካ ግደፍ ኣይብለካን እየ። እንተኾነ ግና ናይዚ ግዜ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ዘዋጽኣካ መንገዲ ክትሕዝ ኣለካ። ኣቕዲመ ከምዝገለጽኩልካ እቲ ስደትን መከራን እናተጓሃረ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዓይነት ግዜ ጥበብ እምበር ከም ዓሻ ነቃጽ ምኳን ኣየዋጽእን እዩ።"

"እሞ እንታይ ግበር ኢኻ ትብለኒ ዘለኻ?"

"ክትገብሮ ደልየካ ዘለኹ ነገር እዚ ዝስዕብ እዩ፡ ኣብ ውሽጢ ቅሩብ ዓመታት ሓደ ለውጢ ከይመጸ ኣይተርፍን እዩ። ወይ እቲ ስደትን መከራን የቋርጽ ይኸውን ወይ ከኣ ናይቲ ህዝቢ ኣረኣእያ እንዳተለወጠ ይኸይድ ይኸውን። ብዘይካ'ዚውን እዚ ናይ ሕጂ ቁሳር ሞይቱ ካልእ ደሓን ኣረኣእያ ዘለዎ ቁሳር ይለዓል ይኸውን። ሽዑ ክርስትያን ንምኳን ከምዚ ናይ ሕጂ ኣየጸግምን ይኸውን። ምናልባት እዞም ሕጂ ነፍሶም ከድሕኑ ኣብ ካታኮምብ ተሓቢኦም ዘለው ክርስትያናት ኩሎም ብሓርነት ናብ ናይ ቀደም ቦታኦም ይምለሱ ይኾኑ። ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነዛ ንመንግስትኻን ንብጾትካን ዓቢ ኣገልግሎት ክትከውን እትኽእል ነፍስኻ ብገዛእ ኣእዳውካ ኣብ ሓደጋ ኣይተውድቃ። ስለዚ ናይዚ ግዜ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ሓድሽ ሃይማኖትካ ገዲፍካ ናብቲ ናይ መንግስቲ ሃይማኖት ክትምለስ እልምነካ ኣለኹ። ከምዚ ምግባርካ ድማ ንግዚኡ ጥራይ ምኳኑ ክትዝንግፅ የብልካን። ዝሓሸ እዋን ምስ መጸ ከኣ እንደገና ክርስትያን ክትከውን ትኽእል ኢኻ።"

"ዝኽበርካ ሉኩሉስ፡ እዚ እትብለኒ ዘለኻ ነገር ፈጺመ ክገብሮ ኣይክእልን እየ። እዚ ንስኻ እትብለኒ ዘለኻ ነገር ምግባር ናይ ግብዝ ግብዝ እዩ ዝገብረኒ። እቲ ኣብ ህይወተይ ዝተፈጸመ ነገር እንተትርዳእ ነይርካ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ህያው ዝኾነ ኣምላኽይ ሓሶት ብምዝራብ ንነፍሰይ ንኽብድላ ኣይምሓተትካንን ነይርካ። ከምዚ ካብ ምግባር ድማ ዓቢ ስቓይ ተቐቢለ ሙማት እመርጽ።"

"ጽንዓትካን ትርኻን ክርእዮ ከለኹ ተስፋ የቑርጸኒ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ብኣእምሮኻ እንተኣመዛዘንካዮ ጽቡቕ እዩ። ኣነ ዝሓተካ ዘለኹ ጥበበኛ ንኽትከውን እምበር ሓሳዊ ንኽትከውን ኣይኮነን። ብጥበብ ካብ ሓደጋ ምምላጥ ግብዝና ኣይኮነን።"

"እዚ ካብ ምግባርሲ እግዚኣብሄር ይሰውረኒ።"

"እስከ እቲ ጉዳይ ኣስፈሕካ ጠምቶ። ኣነ ዝልምነካ ዘለኹ እንተጌርካ ንነፍስኻ ተጠቒምካ ንኻልኦት'ውን ክትጠቅም ኢኻ። ናትካ ብህይወት ምጽናሕ፡ ነቶም እተፍቅሮም ክርስትያናት ብብዙሕ መንገዲ ክጠቕሞም ይኽእል እዩ። ክሳዕ ሕጂ'ውን ክርስትያናት ክንቀሳቐሱ ዝኽኣሉ ብሓገዝ ናይቶም ብግልጺ ናይ መንግስቲ ሃይማኖት ዝድግፉ ሰባት እዩ። እሞ ንኽምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባትከ ግብዛትን ሓሰውትን ክትብሎም ትኽእልዶ? ፈተውትኹምን ሓገዝትኹምንዶ ኣይኮኑን?"

"እዞም እትብሎም ዘለኻ ሰባት ብዛዕባ እምነት ክርስትናን ብዛዕባ እዚ እምነት ኣብ ልቢ ሰባት ዝፈጥሮ ተስፋን ክንድ'ቲ ናተይ ኣይተረድኡን። ብዛዕባ ዳግም ምውላድ፣ ሓድሽ ፍጥረት፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቢ ሰባት ምሕዳርን ምስጢር ናይቲ ምስ ወዲ ኣምላኽ ዘለና ሕብረትን ክንድቲ ናተይ ኣይተረድኡን። ምንጪ ናይቲ ሓድሽ ተስፋን ሓድሽ ጽምኣትን ኣብ ውሽጢ ልቦም ኣይተፈጥረን። ንሳቶም ንክርስትያናት ምርሕራሕን ምሕጋዝን ጽቡቕ ነገር ከም ምግባር እዮም ዝቕጽርዎ። እቲ እምነቱ ንክኽሕድ መድሓኒኡ'ውን ንኽዋርድ ዝደፍር ክርስትያን ግና ነቶም ኣብ ሽግር ዝወደቑ ኣሕዋቱ ናይ ምሕጋዝ ድልየት ክህልዎ ከቶ ኣይክእልን እዩ።"

"ዝኽበርካ ማርሴሉስ፡ ሕጂ ሓንቲ ናይ መወዳእታ ፈተነ ጥራይ እያ ተሪፋትኒ ዘላ። ብድሕሪኡ መንገደይ ክቕጽል እየ። ከም ዝቕንዓንን ዘይቕንዓንን ኣይፈልጥን እየ። እቲ ዘቕርበልካ ሓሳብ ግና እዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሃይማኖትካ ክተራኽስ ኣይትሕተትን ኢኻ፡ ንጣኣታት መስዋእቲ ክተቕርብ'ውን ኣይትሕተትን ኢኻ። ዘይትቕበሎ ዝኾነ ይኹን ነገር ንኽትገብር ዘገድደካ ኣይክህሉን እዩ። እቲ ዝሓለፈ ከም ዝሓለፈ ይቐጸር፡ እንተኾነ ግና ናብቲ ናይ ቀደም ዝነበርካዮ ዋላ'ኳ ካብ ልቢ እንተዘይኮነ ካብ

ክሳድ ንላዕሊ ተመለስ። ሽዑ ድማ ግቡእካ ንኽትፍጽም እትተግህ ወተሃደር ምኳንካ ዘይዝክር ሰብ ኣይክህሉን እዩ። ቀደምኦውን ብዛዕባ ሃይማኖት ዝነበረካ ዝንባሌ ክሳዕ ክንድዚ ኣይነበረን። ኣብተን ኣብያተ መቕደስኦውን ሓልፍ ሕልፍ ኢልካ ኢኻ ትረእ ነይርካ። መብዛሕትኡ ካብ ግዜኻ ኣብዚ ሰፈርና ኢኻ ተሕልፎ ነይርካ። ዝኾነ ይኹን ናይ ሃይማኖት መጽናዕቲ ብምስጢር ኢኻ ተካይዶ ነይርካ። ዝኾነ ይኹን ፍልጠትኦውን ካብተን ፍላስፋታት ዝደረስወን መጻሕፍቲ እምበር ካብቶም ኣቕሽሽቲ ኣይኮንካን ትቕስም ነይርካ። ዝኾነ ኮይኑ እዩ፡ ሕጂ ግና ትም ኢልካ ናብቲ ናይ ቀደም ዕዮኻ ተመለስ። ምሳይ ብጋህዲ እናተረኣኻ፡ ናይ ወትሩ ዕዮኻ እናሰራሕካን ምስቶም ዝተሓጎሱ እናተሓጎስካን ቅኑዕ ኣገልጋሊ ምኳንካ ኣርኢ። እዚ ከኣ ዘዋርድ ወይ ዘሕፍር ኣይኮነን። እቶም ሰበስልጣናት'ውን ጠፊእካ ምቕናይካ ሸለል ከምዝብልዎን ነዚ ሓድሽ ጠባይካ ድማ ብምሕረት ከምዝሓልፍዎን እምነት ኣለኒ። እቲ ናይ ቀደም ማዕርግካ እንተዘይመለሱልካ እኳ ካብ ናይ ኣዛዚ ጽፍሒ ከምዘየውርዱኻ ግና ርግጸኛ እየ። ብድሕር'ዚ ድማ ኩሉ ነገር ዝተቓነዐ ክኸውን እዩ። ብስቕታን ብጥበብን፡ ከምኡ'ውን ግቡእካ ብዝግባእ ብምፍጻም ነቲ ዝሓለፈ ኩሉ ነገር ከምዘይነበረ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሮማ እንተጸኒሕካ ናብ ሃይማኖት ክርስትና ናይ ምቕያርካ ወረ ሓሶት እዩ ክበሃል እዩ። ካብ ሮማ እንተወጺእካ ድማ ነቲ ዝሓለፈ ዘልዕሎ ኣይክህሉን እዩ።"

"ኣይከውንን እዩ ሉኩሉስ። ናትካ ሓሳብ ንኽይቅበል ዝገብሩኒ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለውኒ። ብዛዕባይ ኣዋጅ ከምዝተኣወጀን ነቲ ንዓይ ዝሓዘ ድማ ሽልማት ከምዝወሃብን ተሰፋ ተዋሂቡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚውን ኣብቲ ቄሳር ዝነበረሉ ኣብ ኮሎሲዩም ብግልጺ ስለዝተረኣኹ እዚ ኩሉ ካብ ምሕረት ወጻኢ ገይሩኒ ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ናትካ ምኽሪ ብምቕባል ስም መድሓኒየይ ከዋርድ ኣይፍትንን እየ። ናይ ክርስቶስ ሰዓብቲ ዘበሉ እምነቶም ብግልጺ ከፍልጡ ኣለዎም። ጎይታይ ባዕሉ ኣብዚ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ከምዚ ኢሉ ነይሩ፡ "ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝተኣመነኒ ኩሉ፡ ኣነ ኽኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ።" ንመድሓኒየይ ብሕቡእ ምኽሓድ ብግህዶ ካብ ምኽሓድ ዋላ ሓንቲ ኣይሰንፍን እዩ። ነቲ ኣቕዲሙ ዘፍቀረንን፡ ህይወቱ'ውን ስለ ድሕነተይ በጃ ዘሕለፈን መድሓኒየይ ኣዝየ እየ ዘፍቅሮ። ኣብ ቅድሚ ሰባት ብዛዕባኡ ምምስካር ከኣ ከም ዓቢ ክብሪ እየ ዝቕጽሮ። ስሌኡ ካብ ሙማት ዝበለጸ ነገር ዘሎ ኣይመስለንን እዩ። ኣኽሊል ህይወት ድማ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ናይ ክብሪ ዋጋ እዩ።"

ሉኩሉስ ከኣ ጻዕሩ ኩሉ ፍረ ዘይብሉ ምኳኑ ብምግንዛብ ልመናኡ ኣቋረጸ። ዝተረፈ ግዚኡም ድማ ብዛዕባ ካልእ ጉዳያት ክዘራረቡ ኣሕለፍዎ። ማርሴሉስ'ውን ብወገኑ ነታ ምስ ሉኩሉስ ንኽሕልፋ ዝተወሃበቶ ግዜ ብኽንቱ ክትሓልፍ ኣይደለየን። ሉኩሉስ ንእኡ ንምድሓን ዘገብሮ ካብ ልቢ ዝነቐለ ጻዕሪ ብምግንዛብ ንሱ'ውን ብወገኑ ብዛዕባ እምነት ክርስቶስ እናተንተነ ብምምሳካር ብኽምዚ መልክዕ ውዕለት ናይ ብጻዩ ክኽሕስ ጸዓረ።

ሉኩሉስ ከኣ እቲ ዓርኩ ዝዛረቦ ዝነበረ ኩሉ ብዛዕባ ሃይማኖት ካብ ዝነበሮ ተገዳስነት ዘተለዓለ ዘይኮነስ ስለ ዕርክነቶም ክብል ጽን ኢሉ ይሰምየ ነበረ። ካብተን ዝሰምዐን ቃላት ግና ገሊኡን ኣብ ኣእምሮኡ ከይተቐረጸ ኣይተረፋን።

ንጽባሒቱ ንግሆ ማርሴሉስ ናብ ፍርዲ ቀሪቡ ኣብ ሓጺር እዋን ፍርዱ ተቐበለ። ማርሴሉስ ከኣ ከይተወላወለ እቲ ዝተወሃቦ ፍርዲ ብጅግንነት ተቐበለ። ክመውት ዝተወሰነሉ ከኣ ኣብታ መዓልቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኮይኑ፡ ኩነታት ኣማውትኡ ድማ ብኣራዊት ተመናጪቱ ወይ ከኣ ምስ ተቓለስቲ ተቓሊሱ ዘይኮነስ ብሓዊ ተቓጺሉ ንኽመውት እዩ ተፈሪድዎ።

ማርሴሉስ ህይወቱ ስለ እምነቱ መስዋእቲ ንኽቕርብ ዝተወሰነሉ ከኣ ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ክርስትያናት ናይ ሰማእትነት ክብሪ ዝረኸቡሉ ስፍራ ነበረ።

ኣብ ማእከል ሜዳ ኮሎሲዩም ናይ ዕንጸይቲ ኩምራ ተኾሚሩ ይረአ ነበረ። ማርሴሉስ ከኣ በቶም ጨካናት ዝኾኑ ዋርድያታት ተመሪሑ ኣተወ። ንሳቶም ብዘይ ምሕረት ይደፋፍእዎን ይጉንጽዎን ነበሩ። ግልጽ ግልጽ ብምባል ድማ ነቲ ጨካንን ርሕራሔ ዝነደሎን ኣጠማምታ ናይቶም ነቲ ምርኢት ንምርኣይ ኣብ ዙርያኡ ተኣኪቦም ዝነበሩ ሰባት ረኣየ። እቶም ኣብ እምነቶም ብምጽናዕ ኣብዛ ንሱ ደው ኢሉላ ዝነበረ ቦታ ኮይኖም ብዙሕ መከራን ስቓይን ተቐቢሎም ምስ ናይ ሰማእታት ሰራዊት ዝተጸንበሩ ኣመንቲ ትዝ በልዎ። እቶም ብስቓይ ክሞቱ ከለው ዝረኣዮም ህጻናት ኣብ ኣእምሮኡ ተቐሪጾም ብግልጺ ክረኣይዎ ጀመሩ። ዜማ ናይ መዝሙሮም'ውን ናብ ኣእዛኑ መጸ፡

ንእኡ ነቲ ዘፍቀረና፡
ካብ ሓጢኣትና'ውን ብደሙ ዝሓጸበና

እቶም ወተሃደራት እንዳጋፍዑ ናብቲ ዕንጸይቲ ተኾሚሩሉ ዝነበረ ቦታ ወሰድዎ። ከይሃድም ብምባል ድማ ምስ ሓደ ጉንዲ ብሰንሰለት ኣሰርዎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ማርሴሉስ ከምዚ ክብል ከሎ ተሰምዐ
"ኣነስ እሰዋእ ኣለኹ። እታ መዓልቲ ምሰንባተይ'ውን በጺሓ እየ። ደጊምሲ ጎይታይ፣ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ ቤታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተኣኪሩለይ ኣሎ።"

እቲ ዕንጸይቲ ተቓጸለ። ንቑሩብ ግዜ'ውን እቲ ጅግና ሰማእት ኣብ ውሽጢ'ቲ ትኪ ተሰወረ። እቲ ትኪ ምስ ተኣለየ ድማ ርእሱ ናብ ሰማይ ኣቕኒዑ ኣእዳው ጭብጥ ኣቢሉ ደው ኢሉ ከሎ ተረኣየ።

ሃልሃልታ ናይቲ ሓዊ እናቐረቦ ከደ። ሃልሃልታ ናይቲ ሓዊ ከበቦ። እቲ ትኪ ጸለመ። ሃፊጽታ ናይቲ ሓዊ ድማ ክወቅየ ጀመረ።

እዚ ኩሉ ኽኽውን ከሎ ማርሴሉስ፡ እቲ ሰማእት፡ ብጽንዓት ደው ኢሉ ይረእ ነበረ። ጸበባኡን መከራኡን ኣጸቢቑ ናብ መድሓኒኡ ከምዝጽጋዕ ገበሮ። ዋላኳ እቶም ሰባት ብግህዶ ክርእይዎ እንተዘይከኣሉ እቲ እሙን ዝኾነ መድሓኒኡ ግና ምስ መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ ነቲ እሙን ምስክሩ የጸናንየ ነበረ።

ሃልሃልታ ናይቲ ሓዊ ንምሉእ ኣካላቱ ከደኖ። ህይወቱ'ውን እንዳደኽመት መጸት። መንፈሱ ከኣ ናብ ናይ ዘለኣለም ዕረፍታ ንኽትኣቱ ክትዳሎ ጀመረት።

ኣብ መወዳእታ እቲ ስቓይ ሓይሉ ከድክሞ ጀመረ። ስኡ ነኺሱ ግና ነቲ ናይ መወዳእታ ስቓዩ ክቕበል ቆረጸ። ኣእዳው ናብ ሰማይ ሓፍ ኣቢሉ ብመጠኑ ኣወናጨፈን። ተበራቲዑ ድማ ሓንቲ ቃል ከውጽእ ከኣለ፡

"ዓወት!"

ምስዚኣ ቃል ድማ ነፍሱ ካብ ስጋኡ ተፈለየት። ኣብቲ ሃልሃልታ ሓዊ ከኣ ብግምባሩ ተደፍኣ። ናይ ማርሴሉስ ነፍሲ ድማ ምስቲ ካብ ኩሉ ዝበልጽ ክርስቶስ ንኽትነብር ናብ ሰማይ ዓረገት።

ሉኩሉስ

መዘኸርታ ጻድቕ ንበረኽት እዩ።

በቲ ኣብቲ ምርኢት ዝረኣዮ ስቓይን ሞትን ዝጓሃየ፣ ኣዒንቱ ካብ ማርሴሉስ ንሓንቲ ካልኢት'ኳ ዘይነቀለ፣ ኩሉ ዝርዝር ናይቲ ፍጻመ ኣብ ኣእምሮኡ ዘስፈረ፣ ኣብቲ ሜዳ ዝተዘርባ ቃላት ድማ ሓንቲ ከየትረፈ ዝሰመዐ ሓደ ተዓዛቢ ነበረ። ኩሎም እቶም ተዓዘብቲ ካብቲ ዓቢ ህንጻ ሓደ ድሕሪ ሓደ ክወጹ ከለው ንሱ ጥራይ ንበይኑ ካብ መቕመጢኡ ከይተንሰአ ኣብቲ ዝነበሮ ጸነሐ። ነዊሕ ጸኒሑ ከኣ ተንሲኡ መንገዱ ቀጸለ።

ኣካይዳኡ ከም ናይ ኩሉ መዓልቲ ቅልጥፍ ቅልጥፍ ዝበለ ኣይነበረን። ብሓሳቡ ኣርሒቁ ተወንጪፉ ነበረ። ኣጠማምትኡ ድማ ሓሚሙ ቀንዩ ዝተንሰአ ይመስል ነበረ። ነቶም ጥቓኡ ዝነበሩ ሓለውቲ-ደገ ምልክት ምስ ገበረሎም ከኣ ናብቲ ሜዳ ዘእቱ ማዕጾ ከፈትሉ።

ንሓደ ካብቶም ዋርድያታት፡ ናይ ምውታት ሓምዅስቲ መትሓዚ ዝኽውን ኣቕሓ ንኽምጽኣሉ ድሕሪ ምእዛዝ ድማ ናብቲ ኣብ ምጥፋእ ገጹ ዝነበረ ሓዊ ተጸገዐ። ኣብኡ ብዘይካ ቕሩብ ካብ ሓዊ ዝተረፋ ኣዕጽምቲ ካልእ ዋላ ሓንቲ ኣይረኽበን። እቲ ዝተረፈ ናይ ማርሴሉስ ዓስከሬን ናብ ሓሙዅስቲ ተቐይሩ ነበረ።

ሉኩሉስ ከኣ ናይ ማርሴሉስ ተረፍ ዓጽምን ሓምዅስትን ወሲዱ ኣብቲ እቲ ዋርድያ ዘምጽኣሉ ኣቕሓ ብጥንቃቐ ኣቐመጦ።

ካብቲ ሜዳ ወጺኡ ክኸይድ ከሎ ከኣ ምስ ሓደ ብዕድመ ዝደፍአ ሰብኣይ ተራኸበ። ሉኩሉስ ከኣ ትሕትና ብዝመልኦ ኣገባብ "እንታይ ክገብረልካ ትደሊ?" በሎ።

እቲ ሰብኣይ ከኣ "ኣነ ናይ ማሕበር ክርስትያናት ሽማግለ እየ። ስመይ ድማ ሆኖሪዮስ ይበሃል። ኣብዚ ቦታ ሓደ ናይ ቀረባ ፈታዊየይ ተቐቲሉ ኣሎ። ናብዚ መምጽእየይ ከኣ ናይቲ ዝሞተ ሓውና ተረፍ ሬሳ ንምውሳድ እዩ።"

ሉኩሉስ ከኣ "ምሳይ ብምርኻብካ ብጣዕሚ ዕድለኛ ኢኻ። ስምካ ንኻልኦት ሰባት ነጊርካ እንተትኽውን ነይርካ ብኡብኡ ምተተሓዝካ ነይርካ። ንዓኻ ሒዙ

ዘቕረበ ሽልማት ከምዝወሃቦ ተኣዊጁ ኣሎ። ዝኾነ ኮይኑ፡ እቲ ዝለመንካዮ ክገብረልካ ዝኽእል ኣይመስለንን እዩ። ርግጽ'ዩ፡ ማርሴሉስ ሎሚ መዓልቲ ብሞት ሓሊፉ እዩ። ሓምሹስቱን ተረፍ ዓጽሙን'ውን ኣብ ኢደይ ኣሎ። እንተኾነ ግና ዓጽሙ ኣብ ማእከል ናይ ኣዝማዱ መቓብር ብኽብሪ ክዓርፍ ወሲነ ኣለኹ። ማርሴሉስ ናይ ልቢ ዓርከይ እዩ ነይሩ። ሞቱ ንምድሪ ባዶ፡ ንህይወተይ ድማ ከንቱ ገይርዋ ኣሎ" በሎ።

ሆኖሪዮስ ከኣ መሊሱ ከምዚ በሎ "ንስኻ ሉኩሉስ ክትከውን ኣለካ። ማርሴሉስ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ካብ ኣፉ ፈልዩካ ኣይፈልጥን ነይሩ። ናባኻ ዝነበሮ ፍቕሪ ኣዝዩ ልዑል እዩ ነይሩ።"

"ብርግጽ ኣነ ሉኩሉስ እየ። ከምዚ ናይ ክልቴና ዝኣመሰለ ዕርክነት ቅድሚ ሕጂ ኣይነበረን። ብድሕሪ ሕጂ'ውን ክህሉ እዩ ኢለ ኣይኣምንን እየ። እንተዝከኣል ነይሩስ ንነፍሱ ካብ ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ንኽድሕና ድሉው ነይረ። ገዛእ ርእሱ ንሕጊ ኣሕሊፉ እንተዘይህብ ነይሩ ኣይምተኣሰረን ነይሩ። ዘሕዝን ዕድል ኣጋጢምዎ። ንኽይተሓዝን ከይእሰርን ፍሉይ ጻዕሪ ኣብ ዝገብረሉ ዝነበርኩ እዋን ክሳዕ ኣብቲ ቁሳር ዝነበሮ ቦታ ብድፍረት መጺኡ። ኣነ ድማ ነቲ ዘፍቅሮ ዓርከይ ሒዘ ኣእሲረዮ። መወዳእትኡ ድማ ከምዚ ዘሕዝን ኮይኑ ተሪፉ።"

"እዚ ንዓኻ ዘሕዝን መሲሉ ዝረኣየካ ዘሎ ኣማውትኡ ንእኡ ግና ፍጹም ሓጎሱ እዩ ነይሩ። ንሱ ናይ ዘለኣለም ሓጎስ ወራሲ ኮይኑ እዩ።"

ሉኩሉስ'ውን "ሞቱ ናይ ዓወት ሞት ነይሩ" ክብል መስከረ። "ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ክርስትያናት ክሞቱ ከለው ናይ ዓይኒ ምስክር ነይረ እየ። እንተኾነ ግና ተስፋኦምን ትብዓቶምን ከም ናይ ሎሚ ገይሩ ንልበይ ኣይተንከፎን። ማርሴሉስ ንሞት ከም ሓደ ዓቢ በረኸት እዩ ቆጺርዎ ነይሩ።"

"ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብተን እንነብረለን ዘሰቅቕ በዓትታት ተቐቢሮም ዘለው ኩሎም ሰማእታት፡ ንሩባ ሩባ ድነ ሞት ብሓጎስን ምስጋናን እዮም ተሳጊሮሞ። ናይ ማርሴሉስ ተረፍ ሬሳ ከኣ ምስኦም ኣብ ናይ ክብሪ ቦትኡ ክዓርፍ ደልየ ኣለኹ እሞ ክትህበኒ ትፈቅድዶ ኢኻ?"

"ዝኽበርካ ሆኖሪዮስ፡ ዋላኳ እቲ ብጣዕሚ ዘፍቅሮ ዓርከይ ብሞት እንተተፈለየኒ፡ ዓስከሬኑ ግና እቲ ዝግባእ ስርዓት ብምፍጻም ኣብ መቓብሩ ንኽልቅስ ወሲነ ኣለኹ።"

"ዝኽበርካ ሉኩሉስ፡ ዓርክኻ ማርሴሉስ ስነስርዓት ቀብሩ ብመሰረት ሓድሽ እምነቱ እንተዝፍጸመሉን ስሙ ድማ ኣብ ጎኒ እቶም ዝሓለፉ ሰማእታት ተቐሪጹ እንተዝዓርፍን ዝመርጽዶ ኣይመስለካን?"

ሉኩሉስ ከኣ ዋላ ሓንቲ ከይተዛረበ ንቐሩብ ግዜ ጸነሐ። ኣብ መወዳእታ ድማ ከምዚ በለ። "እወ ነዚ ንስኻ ትብሎ ዘለኻ ከምዝመርጽ ኣይጠራጠርን እየ። ኣነ'ውን ንትምኒቱ ከሰናኽል ኣይደልን እየ። ስለዚ እቲ ሓሲበዮ ዝነበርኩ ናይ ቀብሪ ስነስርዓት ይትረፍ። ኦ ሆኖሪዮስ፡ እነሆልካ ውሰዶ። እንተኾነ ግና ሓንቲ ዝልምነካ ነገር ኣላትኒ። ንሓደ ከም ጸላኢኹም እትርእይዎ ወተሃደር ነቲ ስነስርዓትኩም ክዕዘብ ተፍቅድሉዶ?"

"እወ ሉኩሉስ፡ ከምቲ ንማርሴሉስ ዝተቐበልናዮ ንዓኻ'ውን ብሰላም ክንቅበለካ ድልዋት ኢና። መን ይፈልጥ እቲ ማርሴሉስ ዝተቐበሎ በረኸት ንዓኻ'ውን ይበጽሓካ ይኸውን።"

ሉኩሉስ ድማ "ከምኡስ ከቶ ኣይምሰልካ። ኣነን ማርሴሉስን ሓደ ኣይኮንናን። ኣነ ካብኡ ብብዙሕ መንገዲ ዝተፈለኹ እየ። ምሳኻትኩም ብምርኻበይ ብዛዕባ ኩነታትኩም ብዝበለጸ ንኽርዳእን ንኽድንግጸልኩምን ይገብረኒ ይኸውን። ከም ሓደ ካባኻትኩም ንምኳን ግና ፈጺመ ኣይውዕሎን እየ" በሎ።

"ዝኾንካ ዓይነት ሰብ እንተኾንካ ኣየገድሰናን እዩ። ኣብቲ ንዓርክኻ እንገብረሉ ስነስርዓት ክትርከብ እንተኽኢልካ ግን ብጣዕሚ ደስ ይብለና። ጽባሕ ናብቲ ዘለናዮ ቦታ ዘምጽኣካ ሓደ ልኡኽ ክንሰደልካ ኢና።"

ሉኩሉስ ከኣ ናብቲ ክርስትያናት ዝነብሩሉ ቦታ ንምኻድ ፍቓደኛ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ዓጽሚ ማርሴሉስ ንሆኖሪዮስ ኣረኪቡ ናብ ሰፈሩ ተመልሰ።

ንጽባሒቱ ከኣ ሉኩሉስ ምስቲ ዝተለኣኸሉ ልኡኽ ኮይኑ ናብ ካታኮምብ ብምኻድ ናይ ክርስትያናት ህይወትን ኩነታት ናይቲ ዝነብርሉ ቦታን ብቐረባ ክዕዘብ ከኣለ። ናይቲ ቦታ ኩነታት፡ ናይቶም ክርስትያናት ሽግርን ስቓይን ከኣ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ማርሴሉስ ኣረዲእዎ ዝነበረ ኮይኑ ረኸቦ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ በዓቲ ድማ ሓደ ኣማኒ ካብዛ ዓለም ብሞት ምሕላፉ ዝሕብር ናይ ብኽያትን ሓዘንን ድምጺ ተሰምዐ። ብተወሳኺ'ውን ብዛዕባቲ ንነፍሲ ኣማኒ ኣብ ዘለኣለማዊ ህይወት ዝጽበያ ዘሎ ናይ ሓጎስን ክብርን ብስራት ብግልጺ ተኣወጀ። ሆኖሪዮስ ከኣ ነቲ ክቡር ዝኾነ ናይ ብራና ጥቕላል ኣልዒሉ ነታ ኣብ ግዜ ጸበባን መከራን ምንጪ ዓቢ ምጽንናዕ ዝኾነት ፍቕዲ ካብ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆረንቶስ ኣንበበ።

እዚኣ ፍቕዲ'ዚኣ፡ ወለዶ ሓሊፉ ወለዶ ክትካእ ከሎ፡ ብስራት ትንሳኤ ብምብሳር ንኣመንቲ ናይ ተስፋ መልህኾ ኮይናቶም እያ።

ሆኖሪዮስ ከኣ ኣእዳው ናብ ሰማይ ኣልዒሉ፡ ናብቲ በቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ኮይኑ ዘማልድ ክርስቶስ ገይሩ ንሞትን ሲኦልን ዝሰዓረ ህያውን ቅዱስን ኣምላኽ፡ ልባዊ ጸሎቱ ኣዕረገ።

ሉኩሉስ ብዛዕባ ዓርኩ ካብ ልቢ ከም ዝጓሃየ ይረአ ነበረ። ዋላ'ኳ ከም ሓደ ካብቶም ክርስትያናት እንተዘይኮነ፡ ነቲ ሰናይ ዝኾነ ትምህርቶምን ነቲ ዓቢ ተስፋኦምን ግና ከየድነቐ ኣይተረፈን። ናይ ማርሴሉስ ተረፍ ሬሳ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዕረፊ ቦትኡ ዘንበረን ነቲ ስሙን መዘከርታ ጽሑፍን ዝሓዘ ሰሌዳ ከኣ ኣብ ጥቓ እቲ መቓብር ዝሰቐለ'ውን ሉኩሉስ እዩ ነይሩ።

ሉኩሉስ ድማ ኩሉ ኩነታቱ ተለዊጡ ካብ ካታኮምብ ናብ ሰፈሩ ተመልሰ። ብሰንኪ ሞት ዓርኩ ዝተሰመየ ሓዘን ከኣ ነቲ ብሩህ ገጹ ደዊንዎ ነበረ።

ሉኩሉስ ንሆኖሪዮስ "ክርስትያን ብፍጹም ኣይከውንን እየ" ክብል ዝተዛረቦ ዘረባ ካብ ልቡ እዩ ዝነበረ። ናይ ብጻዮ ሞት ንልቡ ብጓሂ እንተሰበሮ'ኳ፡ ብሓጥያቱ ናይ ምጥዓስ፣ ንስሓ ናይ ምእታው ይኹን ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ናይ ምፍላጥ ዝኾነ ይኹን ድልየት ኣየሕደረሉን። ከምቲ ናይ ቀደሙ ብዓለማዊ ነገራት ምሕንስ እንተገደፎ'ኳ፡ ሓጎስ ክህቦ ዝኽእል ናቱ መተካእታ ግና ኣይረኸበን ነበረ።

ዝኾነ ኮይኑ ግና ናይ ብጻዩ መዘከርታ ሓደ ስምዒት ከይፈጠረሉ ኣይተረፈን። ስለዚ ከኣ ነቶም ማርሴሉስ ዝተጸንበሮም፡ ኣብ መከራ ዝነበሩ ክርስትያናት ዝነበሮ ርህራሄ እንዳወሰኸ ከደ። ንጽንዓቶም ዝነበሮ ኣድናቕትን፡ ስለቲ ብዘይ ኣገባብ ዝወርዶም ዝነበረ ጭቆናን ዝስምዖ ዝነበረ ጓሂን ሱር እንዳሰደደ ከደ። ኣብ ሮማ፡ ሓቂ፣ ሕያውነትን ጭዋነትን ምስዚኦም መሳኪን ጥራይ ከምዝተረፋ ኣስተውዓለ።

እዞም ስምዒታት ከኣ ቀንዲ ናይ ክርስትያን ደጋፊ ገበርዎ። ቅድሚ ሕጂ ንማርሴሉስ ሂብዎ ዝነበረ ተስፋ ብምዝካር ድማ ብዝተኻእሎ መጠን ክርስትያናት ንምሕጋዝ ቆሪጹ ተላዕለ ። ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ወተሃደራቱ ክርስትያናት ንኽይኣስሩ ኣዘዞም። ነቶም ዝተኣስሩ'ውን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከምዘምልጡ ገበሮም። ክብሩ፣ ስልጣኑን ሃብቱን ናይቶም ክርስትያናት ሽግር ንምቅላል ተጠቀመሉ። እቶም ክርስትያናት'ውን ፈታዊኦም ምኻኑ ብምስትውዓል ንመንበሪ ገዝኡ ከዘውትርዎ ንስሙ'ውን ከኽብርዎ ጀመሩ።

መቸሰ ኩሉ ነገር መወዳእታ ከም ዘለዎ ፍሉጥ እዩ።

ማርሴሉስ ምስ ሞተ ኣብ ዓመቱ ቄሳር ዴኪዩስ ካብ ንግስነቱ ወሪዱ ብኻልእ ቄሳር ተተክኡ። ናይ ክርስትያናት መከራን ስደትን ድማ መዕለቢ ረኸበ። ካብ በዓትታት ካታኮምብ ወጺኦም ከኣ ብሰላምን ህድኣትን፡ ንጹህ ኣየርን ናይ ጸሓይ ብርሃንን ኣብ ዘለዎ ቦታ ክነብሩ ጀመሩ። ንመድሓኒኦምን ነቲ ሓላዊኦምን ዘዕርግዎ ምስጋና ድማ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ክስማዕ ጀመረ። ምስቶም መናፍስቲ እከይ ዘካይድዎ ውግእ ከኣ ብጋህዲ ቀጸልዎ።

ሓያለይ ዓመታት ሐለፋ። እንተኾነ ግና ኣብ ህይወት ሉኩሉስ ዋላ ሓንቲ ለውጢ ከይተረኣየ ተረፈ። ሆኖሪዮስ ካብ ካታኮምብ ምስ ወጸ ሉኩሉስ ተቐቢሉ ምስኡ ኣብ ገዝኡ እንዳኣለየ ኣቕመጠ። ሆኖሪዮስ'ውን ብወገኑ ብትግሃት ብዛዕባ እምነት ክርስቶስ የረድኦ ነበረ። እንተኾነ ግና ንሱ'ውን ንሉኩሉስ ናብ እምነት ክርስትና ከምጽኦ ከይከኣለ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈለየ።

እንተኾነ ግና ናይ ማርሴሉስን ሆኖሪዮስን ድኻም ንኽንቱ ኣይተረፈን። ሉኩሉስ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ኩነታት ናይ ዓለም እናተረደኦ ከደ። ክብረት፣ ስልጣንን ሃብትን፡ ምሉእ ዝኾነ ሓጎስ ክህብዎ ከምዘይክእሉ ድማ ተረደኦ። ኣብ ዘመን እርጋኑ ከኣ ህይወቱ ንክርስቶስ ኣሕሊፉ ሃበ። እቲ ቅዱስ ዝኾነ መንፈስ ኣምላኽ'ውን ንልቡ ብድሕነት ክርስቶስ ከም ዝዓግብ ገበሮ። እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝረኣዮ ኩሉ ነገር ከኣ ንልቡ ጽንዓት ሃቦ።

እቶም ቁሳራት ንክርስትያናት ኣብቲ ዘሰቅቐ በዓትታት ካታኮምብ ንኽነብሩ ካብ ዘገድድዎም ነዊሕ ዘመናት ሓሊፉ እዩ። ሎሚ ኣብቲ ታሪኻዊ ዝኾነ ጎደና ኣፒያ ኣንቲካ ኮይንካ ክትዕዘብ ከለኻ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ መቓብራት ክሳዕ ጫፍ ናይታ ከተማ በጺሑ ይረአ። እዚ ኣብ ሓደ እዋን ናይ ሮማ ሓያላን መዕረፊ ስፍራ እዩ ነይሩ። ብህይወቶም ከለው ዝነበሮም ክብረትን ሃብትን ከኣ ብጽባቐ ናይ መቓብራቶምን በቲ ኣብ መቓብሮም ተጻሒፉ ዝነበረ ጽሑፋትን ክትርዳእ ይከኣል ነይሩ። ኣብ ትሕት'ዚ ቦታ ድማ ናይቶም ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ንጹህ ኣየር ከየስተማቕሩ ዝተኸልከሉ ክርስትያናት መቓብር ይርከብ።

ሕጂ ግና ኩሉ ከም ዘይነበረ ኮይኑ እዩ። እቶም ቀደም ብግርማኦም ዝድነቑ ዝነበሩ መቓብራት ሕጂ ክብሮም ተዋሪዱ፣ ህንጻኦም ፈራሪሱን ምስ ሓመድ ተሓዋዊሱን እዩ። ደሮናኦም ብኣርባዕተ ማእዝናት በኺኑ ጠፊኡ እዩ። ናይ ብዙሓት ስም'ውን ተረሲዑ እዩ።

እቲ መስራቶሞ ዝነበሩ ዓቢ መንግስቲ ወዲቑ፡ እቲ ዝእዝዝዎ ዝነበሩ ሰራዊት'ውን ኣብ ፈቐዶኡ ተበታቲኑ ተራፉ እዩ።

መዘኻርታ ናይቶም ካብ ገጽ ምድሪ ተሰጉጎም ኣብ ከርሲ ምድሪ ከምዝዓርፉ ዝተገብሩ ክርስትያናት ግና ክሳዕ እዚ ዘለናዮ ዘመን ብዓቢ ኣኽብሮት ተዓቂቡ ይርከብ። ብዙሓት ምእመናን ካብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዓለም እናመጹ ይበጽሑዎ። የድንቕዎ ከኣ። እወ፡ እዚ ናይቶም ቀዳሞት ሰማእታት መዕረፊ ዝኾነ ስፍራ'ዚ ክሳዕ ካልኣይ ምጽኣት ጎይታ ተኸቢሩ፡ ወለዶታት ከኣ እናድነቕዎ ክነብር እዩ።

እቶም ዝተናዕቁ፣ ዝተጸልኡን ዝተሰደዱን ኣመንቲ፡ ስሞም ኣብ መዝገብ ታሪኽ ዘስፍር ዋላ ሓንቲ ዝና ኣይነበሮምን። እንተኾነ ግና እቲ ክቡር ስሞም ኣብ መጽሓፍ ህይወት ከም ዝሰፈረ ፍሉጥ እዩ። ግዲኦም'ውን ምስቶም እዘን ዝስዕባ ቃላት ዝተባህለሎም ቅዱሳት ከምዝኾኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይምስክረልና።

"እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም፡
ንክዳውንቶም ከኣ
ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ኣጻዕደው።
ስለዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋን ኣምላኽ እዮም፡
ኣብታ መቕደሱ'ውን
ለይትን መዓልትን የገልግልዎ ኣለው።
እቲ ኣብቲ ዙፋን ተቐሚጡ ዘሎ ከኣ፡
ንድንኳኑ ኣብ ልዕሊኦም ክተኽሎ እዩ።
እቲ ኣብ ማእከል ዙፋን ዘሎ ገንሸል
ዝለዝንሰዮም፡
ናብ ዒላታት ማይ ህይወት ከኣ ስለዝመርሖም፡
ኣምላኽውን ካብ ኣዒንቶም
ንብዓት ዘበለ ክደርዘሎም እዩ እሞ፡
ደረምሲ ኣይክጠምዩን፡ ኣይክጸምኡን እዮም።
ጸሓይን ሃሩርን ድማ ኩዶ ኣይኪረኽበምን እዩ።

